
መንፈሳዊ መንገዴ

ብብፁዕ ወቅዱስ ፫ኛ ሺኖዳ 3ኛ



መንፈሳዊ መንገዱ

ደራሲ

ብጹዕ ወቅዱስ ፖፕ ሸኖዳ 3ይ
መበክ 117 ፖፕ መንበረ ቅ.ማርቆስ ወንጌላዊ
ፓትርያረክ እስክንድርያ

ትርጉም

ቤት ትምህርቲ ሰንበት ደብረ ገነት ኪዳነ ምሕረት ሰምበክ



ጎይታናን አምላኽናን መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ንጉሰ ነገሥት ጎይታ ጎይቶት



ብፁዕ ወቅዱስ ፖፕ ሸኖዳ 3ይ
መበቁ 117 ፖፕ መንበረ ቅ.ማርቆስ ወንጌላዊ፡ ፓትርያረክ እስክንድርያ

ትሕዝቶ

ኣርእስቲ ገጽ

መእተዊ 7
ምዕራፍ 1
ጸሎት 9
ምዕራፍ 2
መጽሓፍ ቅዱስ 18
ምዕራፍ 3
ምንባብ ህይወት ቅዱሳን 34
ምዕራፍ 4
ኣስተንትኖ 40
ምዕራፍ 5
መንፈሳዊ ሕምምድ 51
ምዕራፍ 6
ጸብጻብ ገዛእ ነብስኻ ምሃብ 58
ምዕራፍ 7
ንስሓ 63
ምዕራፍ 8
ቅዱስ ቁርባን 69
ምዕራፍ 9
ጸምኦ 76
ምዕራፍ 10
ምጽዋት 82
ምዕራፍ 11
ኣገልግሎት 92

መ እ ተ ዊ

“እቶም ብመንፈሰ ኣምላኽ ዝምርሑ ዘበኩ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ እዮም። “(ሮሜ 8፣14)

ንሱ በቲ ክኸዕ መንገዲ ክመርሐም እዩ። እንተስዒቦም ድማ ኣብ ግብሪን ሕብረትን መንፈስ ቅዱስ ተኻፈልቲ ክኾኑ እዩም። (2 ቆሮ13,14)

ነዚ ድማ “መንፈሳዊ መንገዲ” ወይ መንገዲ ጸጋ ኢልና ንጽውዖ። እዚ ድማ እቲ ጸጋ ኣምላኽ ዝሰርሐሉ ወይ ንምስራሕ ዝጥቀመሉ መንገዲ እዩ።

ኣብ’ዚ መጽሐፍ እዚ ብዛዕባ ዓሰርተ ሓደ ኣገባብ ወይ መንገዲ መንፈስ ቅዱስ ክጠቅሰ እዩ። ንሳቶም ከኣ፡

ጸሎት፡ መጽሐፍ ቅዱስ ፡ ምንባብ ህይወት ቅዱሳን፡ ኣስተንትኖ፡ መንፈሳዊ ልምምድ፡ ጸብጻብ ገዛእ ርእስኻ ምቅራብ፡ ንስሓ፡ ቅዱስ ቁርባን፡ ጾም፡ ምጽዋትን ኣገልግሎትን እዮም።

እዞም መንገዲታት እዚኣቶም ንኹሉ ሰብ ኣድሒቲ እዮም።

ደረጃ መንፈሳዊ ንቅሓት ወይ ዕቤት ዝኾነ ሰብ ብዘየገድስ ብዘይ’ዞም መንገድታት እዚኦም ክነብር ፈጺሙ ኣይክእልን። ቀጺሉ መንፈሳዊ መግቡ እዮም። ካብዚኣቶም እንተሪሒቑ ወይ ካብ ምትግባሮም እንተኣቋሪጹ መንፈሳዊ ሂወቱ ኣይምውቅ ኣይዝሑል ክቡጥ ይኸውንሞ ሂወቱ ንሓደገኛ ሙግእት ዝተቃልዐ ይኸውን ።

ትሕዝቶ ናይ’ዚ መጽሐፍ እዚ ፍርያት ናይ’ቲ ኣብ ስሳታት ኣብ ካይሮ፡ እስክንድርያ ወይ ዳሚንሑር ዝተዋህቡ ኣስተምህሮታት እዮም። ገለ ክፋል ናይ’ዚ ኣስተምህሮ’ውን ኣብ መጽሔት “ኤል ከራዛ”ን ጋዜጣ “ዋጣኒ”ን ተሓቲሙ እዩ። ኩሎም እቶም ዝተዋህቡ ኣስተምህሮታት ብምእካብ እዚ መጽሐፍ’ዚ ተሓቲሙ።

ብዘይ ጥርጥር ንነፍስ ወከፍ ኣርእስቲ ነናቶም መጽሐፍ ክዳለወሎም ምተኽእኽ ግን ኩሉም እዞም ኣርእስታት ብሓንሳብ ኽነቅርበሉኩም ደኪና።

እዞም ዝተገልጹ ኣርእስታት ኣብ ህይወትኩም ክተኪማምድምን ክተተግብርምን ፈትኑ።

መንገድኹም ናብኡ ንምምራሕ ኣምላኽ ምሳኹም ይኹን።

ሕዳር 1992 **ፖፕ ሸኖዳ** 3ይ

መንፈሳዊ መንገዱ	



ምዕራፍ 1



ጸሎት

አንታይ እዩ፡
ከመይ ክኸውን አሐም፡

ምዕራፍ 1፡ ጸሎት

ጸሎት እንታይ እያ ፧ ከመይ'ኸ ክትከውን ኣለዋ ፧ ከመይ ጌራ'ኸ ናብ ኣምላኽ ትመርሓካ ፧

ነፍስ ወከፍ ጸሎት ናብ ኣምላኽ ዝመርሓካ መንፈሳዊ መንገዲ እዩ፡ ተባሂሉ ክሙሰድ የብሉን። ኣብ'ዚ ዝዝክሮ ብዛዕባ ነብዩ ኤሕያስ ዝተባህሀ'ዩ "ንሱ ብትሕትና ጸሕዩ" (ያዕ፡ 5፡ 17) ናቱ ጸሎት ንሰማያት ክዓጹን ክኸፍትን ዝኽእለ ሓቀኛ ጸሎት እዩ ነይሩ። ንጹህን ዓሚቕን ጸሎት ናይ ቅኑዕ ሰብ ብዙሕ የስሕጥ (ያዕ 5፡ 16)

እሞ ጸሎት ድኣ እንታይ እዩ ፧ ብኽመይ ክግለጽ ይክኣል ፧

ጸሎት ንሰብ ምስ ኣምላኽ ተራኽብ ድንድክ እያ። ከም'ቲ ናይ ያዕቆብ መሳሕል ካብ መሬት ተተኺሉ ንገነት ዝበጽሐያ ትምሰል (ዘፍ 28:12) ጸሎት ቃላት ጥራሕ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ዝምድና ምስ ኣምላኽ ብሕብኽን ብሓሳብካን እዩ።

ጸሎት ክክዕ ምስ መንፈሳዊ ሓይሊ ከምዘለኽ ዝስመዓካ ስምዒት እዩ።

ብዘይ'ዚ ስምዒት እዚ ጸሎት ምኩእ ኣይከውንን'ዩ። ክባዊ ስምዒት ናብ ኣምላኽ ዝጠመተ እዩ። ኣምላኽ ምሳኽ ከምዘሎን ወይ ኣብ ቅድሜኽ ደሙ ኢሉ ከምዘሎን ዝስመዓካ ስምዒት እዩ ። ብነብዩ ኤሕያስ ከምዝተባህሀ "ኣነ ኩሚ ኽም ዝርእዮ፡ እቲ ኣነ ኣብ ቅድሜኡ ደሙ ኢለ ዘሎኹ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ሀያው እዩ።" (1 ነገ 18፡15) ... ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኩሉ ነገር ኣይዝከርን ብዘይካ ኣምላኽ በይኑ ጥራሕ ኩሉ ነገር ይጠፍእ ኣምላኽ ግን ኩሉ ይኸውን። ብዘይካ ኣምላኽ ካልእ ኣየገድስካን።

ጸሎት ብቃላት ይግለጽ ኣይግለጽ ብዘየገድስ ናይ ልቢ ስራሕ እዩ።

ልብኽ ናብ ኣምላኽ ይከፍል እዩ። ምኽንያቱ ምስ ኣምላኽ ብስምዒት እትገብሮ ክባዊ ዝርርብ ካብ ብኣፍካን ብቃላትካን ትዛረቦ ይሕይል። ልቢ ብዘይ ቃላት ናብ ኣምላኽ ክቕርብ ይኽእል እዩ።

ስለዝኾነ እቲ ክባዊ ባህጊ ኣምላኽ ዝቕበሎ ጸሎት እዩ። ጽምኣት ልቢ ንኣምላኽ ጸሎት እዩ። ስለ'ዚ ጸሎት ዝምድና ኣብ መንጎ ኣምላኽን ሰብን እዩ። እዚ ክባዊ ዝምድና እዚ እንተዘይሃልዩ ቃላት ጥቕሚ ኣይህልዎን።

ንኣምላኽ ተፍቕሮ እንተኽንካ ክትጽሊ ኢኻ። እንተጸሊኽ ድማ ኣብ ኣምላኽ ዘለካ ፍቕሪ ክሙሰኽ እዩ። ስለ'ዚ ጸሎት ብቃላት እንገልጾ ሓሳባት ፍቕሪ እዩ።

እዚ ፍቕርን ስምዒትን እዚ ኣብ መዝሙር ዳዊት ብንጹር ተባሂሉ ንረኽቦ። "ኦ ኣምላኽ ንስኻ ኣምላኽይ ኢኻ ኣንጊሄ እደልየካ ኣለኹ። ነፍሰይ ንዓኻ ትጸምእ ኣላ።" (መዝ 63፡1)" ኢራብ ናብ ዓይኒ ማያት ከም እትናፍቕ ከምኡ ኽኣ ናባኻ ኦ ኣምላኽ ትናፍቕ ኣላ። ነፍሰይ ንኣምላኽ ነቲ ሀያው ኣምላኽ ትጸምእ ኣላ ኣነ መጺኤለ መኣስ ኮን እየ ገጽ ኣምላኽይ ዝርኢ "(መዝ 42፡ 1-2)። እዚ ከም'ቲ ደረቕ መሬት ንማይ ዝጸምኦ ንእግዚኣብሄር ሃረር ምባል እዩ።

ብዙሓት ይጽልዩ ግን ኣይዓግቡን ምኽንያቱ ጽሎቶም ፍቕሪ የብሉን። ቃላት ጥራሕ እዩ።

ኣምላኽ ጸሎት ናይ'ዚኣቶም ኣይቕበሎንን። ከም'ዚ ድማ ይብሎም። "እዚ ህዝቢ እዚ ብኣፍ የምልኽኒ ብኽናፍሩ ይረኽበኒ ልቡ ግና ርሑቕ እዩ።" (ኢሳ 29፡13) ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ'ውን ኣብ መንገል (ማቴ 15፡8) ከምኡ'ውን (ማር 7፡6)ንኣይሁድ ብዝምልከት ተመሳሳሊ መግናሕቲ ኢልዎ ኣሎ።

ስለ'ዚ ጸሎትኩም ምስ ፍቕሪ ግበርዎ። ኣብ ጸሎትኩም ብምኩእ ስምዒት ምስ ኣምላኽ ተዘራረቡ። ጸሎት መንፈሳዊ ናፍቖት ንኣምላኽ ኮይኑ ምስ ኣምላኽ ዘሎካ ህልውና እዩ።
ጸሎት ናፍቖት ናይ'ቲ ድሩት ነቲ ደረት ዘይብሉ፡ ናፍቖት ፍጡር ንፈጣሪኡ፡ ናፍቖት መንፈስ ነቲ ምንጫን ሓጎሳን እዩ።

እቲ ቅቡል ጸሎት እቲ ካብ ጽሩይ ልቢ ዝመጽእ እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ "እግዚኣብሄር ንመስዋእቲ ሓጥኣን ይፍንፍኖ ጸሎት ቅኑዓት ግና ባህ ይብሎ" ይብል (ምሳሌ 15፡8,21፡27)። እግዚኣብሄር ንጸሎት ሓጥኣን ይነጽነ ከምዚ ድማ ይብሎም። "ክትጽልዩ ኢልኩም ኣእዳውኩም ምስ ዘርጋሕኩም ቑኪሕ ኣይብለኩምን'የ። ኣንዊሕኩም እኳ እንተጸለኻኹም ኣይሰምዓኩምን'የ። ከመይ ኣእዳውኩም ደም ብምፍሳስ ረኺሰን እየን። (ኢሳ 1፡15) ብኽልኣ መገን ድማ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል። "ጸሎት ጻድቅ ብግብራ ብዙሕ ተስልጥ እያ" (ያዕ 5፡16)።

ስለ'ዚ እቲ ሓጢኣቱ ዝኸበዶ ሓጢኣተኛ እንታይ ክገብር ኣለዎ ፧

ይጸሊ ከምዚ ድማ ይበል "ምኻሰኒ ኣነ ድማ ናባኻ ክምለስ እየ "(ኤር 31፡18)። ስለ'ዚ ጸሎት ሓጢኣተኛ ናብ ንስሓ ዝኣትወኩ ናይ ደገፍ ልዳት እዩ። ማር ይስሓቅ ከምዚ ይብል "እቲ ብዘይ ጸሎት ናብ ንስሓ ዝመለድ ካልኣ መንገዲ ኣሎ ዝብል ብሰይጣን ዝተታለለ እዩ።" ስለ'ዚ ክሳብ ትንሳኤ ክይተጸበኻ ጸሊ። ከም'ቲ ጐይታ "ብዘይ ብኣይ ዋካ ሓንቲ ክትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም" ዝበሎ ኣብ ጸሎትካ ስለ ንስሓካ ጸሊ ። (ዮሃ.15፡5)

ጸሎት ኣምላኽ ኣትዩ ንከንጽሃካ ልብኻ ንኣምላኽ ምርሓዉ እዩ።

ጸሎት ናይ'ቲ ብዝተጣዕሰ ልቢ ኣብ ቅድሚ ጐይታ ኢዱ ዘልዓለን ምሕረት ጐይታ ዝለመነን ተዓሪቑ ንገዝኡ ዝኸደን ተቐበል ቀረጽ የዘኻኽረና (ኩቃ 18፡13) ። ስለዚ ጽሬት ልቢ ንኽህልወኩም ክትጽልዩ ይግባእ። ንኣምላኽ ድማ ከምዚ በልዎ። "ምእንቲ ክጸርስ ብስምዕላ ኣጽርየኒ። ካብ በረድ ክጽዕዱ ሕጸበኒ።" (መዝ 51) …. ንሱ ደይኮነን ከም'ዚ ዝበለ "ሓድሽ ልቢ ድማ ክህበኩም፡ ሓዲሽ መንፈስ ክኣ ክሕድረልኩም ናይ እምኒ ልቢ ካብ ስጋኹም ክውጽእ ዝእዘዝ ናይ ስጋ ልቢ'ውን ክህበኩም እየ። ንመንፈሰይ ኣብ ውሽጥኹም ክሕድሮ ብትእዛዘይ ክመላልሰኩም፡ ክሕልወኩምን ክኽብረኩምን እየ። (ሀዝ 36፡26-27) ኣብ ጸሎትኩም እዚ ቃል እዚ ክፍጽመልኩም ሕተትዎ።

ጸሎት ብልሳንካን ብሓሳብካን ንኣምላኽ ምውዳስን ብመንፈስ ምሕዳስን (ምቅዳስን) እዩ። ምስ ኣምላኽ ምትዕራቅ'ውን እዩ።

ሓደ ምስ ኣምላኽ ኣብ ጽቡቕ ሃዋህው ዘየለ ሰብ፡ ምስ ኣምላኽ ዘይምዝርራቡ ባህርያዊ እዩ። ኣይጽልይን እዩ። ምስ ኣምላኽ ንምዝርራብ ጥቡቕ ምቅርራብ የብሉን። ክጽኪ እንተጀሚሩ ምስ ኣምላኽ ክተዓረቕ ይድኪ ኣሎ ሚለት እዩ። እንተጸልዩ ድማ ብዘረባኡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ትሑት ክኸውን፡ ነቲ ምስ እግዚኣብሄር ዘሎ ሓሳባቱ ውን ንምምርሳሕ ኣይክደፍርን እዩ። ብድሕሪ ናብቲ ምልክት መንፈሳዊ ጥዕና ዝኾነ ምቅኩል ሓሳባት ክምርሕ እዩ።
ብምጽላይ ሕማቕ ሓሳባት ይጠፍኡ። ሓደ ሰብ ቐጻሊ ብምጽላይን ንጸሎት'ውን ናብ መንፈሳዊ ሃዋህው ምስ ዝጥቀመሉ ካብ ሓይልታት ጽልመት ኣዝዩ ይርሕቕ።

ጸሎት ራዕዲ ንሰይጣውንቲ እዩ። እቲ ዝሓየለ ኣንጸርም ዝኾነ መሳርያ እዩ።

ሰይጣን ንዝጽኪ ሰብ ካብ ኢዱ የምልጥ ስለዘሎ ኣዝዩ የፍርሓ። ፍርሑ ድማ ሰብ ብሓይሊ ጸሎት ኣንጸር ሰይጣን ንምሙጋእን ንምስዓሩን መንፈሳዊ ሓይሊ (መሳርያ) ስለዝዓጥቐ እዩ። ሰይጣን ንጸላዩ ምስ ኣምላኽ ዝገብሮ ርክብ ካብኡ የርሕቐ ብምህላው ኣዝዩ ይጸልኦ።ስለዚ ንጸላዩ ብኹሉ ኣገባብ ቃልሲ ክዋግኦ ይጽዕር።ሰይጣን ንሰብ ካብ ጸሎት ደሙ ብዝከኣሎ መጠን ረቂቐ ብምስላኽኡ በበይኖም ምኽኒያታት ክም ዋሕዲ ጊዜ መይ ድኽምን ትህኪትን ክምዝስምዖ ነፍሱ ክምዝኽብዶ ብምግባር ከሰናክሎ ይፍትን።እንተደኣ እቲ ሰብ ክጽኪ ጀሚሩ ሙን ሕሳባቱ ብምብታን ኣእምሮኡ ናብ ካልኣ ክም ዘብል ይገብር።

ክም ወዲ ኣምላኽ መጠን ዝኾነ ሙግእ የጋጥመካ ብዘየገድስ ኣብ ጸሎትካ ጽናዕ። ብምኩእ ሓሳባትካን ስምዒትካን ኣብ ጸሎትካ ኣትኩር።

ክምቲ ሓዋርያ ዝበሎ "ንዲያብሎስ ግና ተጻረርዎ ንሱ ክኣ ካባኻትኩም ክሃድም እዩ። (ያዕ 4፡7) ንሓሳባቱ መንገዲ ኣይትሃብዎ። ሰይጣን ንጸሎት ክቑርጽ ዝጽዕር ነቲ ካብ መርበቡ ንምውጻእ ዝግበር ንስሓ ኣንጻሩ ዝቕንዓ ሓይሊ ጸሎት ዝኾነ መሳርያ ብምኻኑ እዩ። ስለ'ዚ መንፈሳዊ ኣጽዋርኩም ኣይትድርብዩ ተዋግኡኩ ድኣ።

ሓሳባትኩም ምክፍፋኩ ብዘየገድስ ጸሎትኩም ቀጽኩ። ጸላኢ መንፈሳዊ ቃልሲኹም ምስ ረኣዩ ተስፋ ክቑርጽን ክገድፈኩም ክግደድ እዩ። ጸጋ ኣምላኽ'ውን ፈጺሙ ኣይክገድፈኩምን'ዩ። ኩሉ ጊዜ ምሳኹም እዩ።

ኣብ ጸሎትካ ልብኺን ሙሽጣዊ መንፈስካን ብኣምላኽኺ ክምላእ ክፈቶ።

ንኣምላኽኺ ባዕኩ ሕተቶ ንባርኹቱ ጥራይ ዘይኮነስ ክም'ቲ ዘማራይ ዳዊት ዝበሎ "ኦ ጐይታ ንገጽካ እደልዮ ገጽካ ኣይትሕባኣኪይ" (መዝ 27፡8-9) በሎ ።" እቲ ነፍስኹም ዝሰኣነቶ ኮይኑ ዝስመዓ ክሳብ ጐይታ ባዕኩ ዝመልኦ ባዶ ኮይኑ ክምዝቅጽል ርግኚታት ኩኑ። ካብ'ቲ ዓለም እትደልዮ ኩኹ ዝያዳ ፍቅሪ ትደሊ። ንሳ ጸሚኣ ኣካ ሚይ ናይዛ ዓለም ክኣ ንጽምኣ ክጥልል ኣይክእልን እዩ። (ዮሃ4፡13)

"ኦ ጐይታ፡ ብዘይካኺ ዋካ ሓደ ዝርደኣኒ ክረክብ ኣይክእልኩን።" በሎ ።

ኣብ'ቲ ዝጽግዓኩን ውሕስነት ዝረኽበኩን ልበይ እኽፍተኩ። ኩኹ ምስጢራተይ እነግሮ። ድኽመታተይ እገልጸኩ ንሱ ድማ ይሰምዓኒ ኣይንዕቀንን ድማ ። ኣብ ቅድሚኡ ንብዓተይ ኣፍስሰን ናፍቕተይ እገልጽን። ምሳኡ ኣይጽምወንን እኳ ድኣ ምስ ዝጸረኒ ልብን ዝረድኣኒ ሓይልን እኽሙን። ኦ ጐይታ ብዘይብኣኺ ባዶነት ይስመዓኒ ካብ ኩኹ ምንባር ዝተሓረምኩን ኮይኑ ይሰምዓኒ።ንስኺ ኣማኑኤል ኢኺ፡ "ኣምላኽኺ ምሳና"። መንፈሰይ ነቲ ኩኹ ዝኽእል ፍጹም መንፈስካ ትናፍቕ። ከምኡ ነቲ ልዕኪ ንዋይ፡ ዓለም ኩኹ ኣብኣ ዘሎን . . ትናፍቕ። እመ ኣብ ሙሽጠይ ደረት ዘይብኩ ንፍቕት ኣሎ። ነዚ ድማ ብዘይካኺ ዋካ ሓደ ዘዕግቦ የለን።

እዚ ልዕኪ እቲ ዝሓተትካዮ ደረጃኡ ዝዓዘዘ ጸሎት ናይ ፍቅሪ እዩ። ኣብ ናይ ፍቅሪ ጸሎት ብዘይካ ምጽላይ ዋካ ሓንቲ ዘይክትሓትት ትኽእል ኢኺ።

ጸሎትካ ኣምላኽኺ ንዝገበረልካን ዝሃበካን ምምስጋን ክኽሙን ይኽእል እዩ። ስለ ዝሓልየልካ ፡ ስለዝኣልየካ ፡ ስለ ዝከላኽለልካ ዝደገፈን ከምኡ'ሙን ስለቲ ንዓኺ፡ ንኣዕሩኽትኺ፡ ንኹሎም ትግደሱምን ዘለዎ ከሙሃት ተመስግኖ። ጸሎትካ ንኣምላኽኺ ምሙዳስ ክኽሙን ይኽእል ከም'ቲ ጸሎት ሱራፌል "እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እዩ። ኩላ ምድሪ ክኣ ብኽብሩ መሊኣ ኣላ " (ኢሳ6፡3)

ጸሎትኩም ከም'ቲ ኣብ ቅዳሴ ቅ.ጎርጎርዮስ፡ መዝሙር ዳዊት፡ ጸሎት 7 ሰዓታትን ዘሎ ኣብ ድንቂ ባህርያት እግዚኣብሄር ዘኹላ ኣስተንትኖ ክኽሙን ይኽእል እዩ። ከም'ቲ ቅዱስ ባሲልዮስ ዓቢ ዝበሎ "ጸሎትኩም ብከመና ኣይትጀምርኩ፡ እቲ ምንታይሲ ዝከመን ነገር ምስዘይሀልመኩም ኣይምጸለኽኩን ሚለት እዩ።"

ጸሎት ከም ሓጎስ ምስ ሕብረትኣምላኽኺ መይ ድማ ከም'ቲ ኣቦታት ዝበልዎ "ምስትምቓር መንግስቲ ኣምላኽኺ" ይኹን ።

ኣብ ኣምላኽኺ ምህላውካ ጥራይ ዓቢ ሓጎስ እዩ። ዋላ'ሙን ኣፍላ ክፈትላ ሓንቲ ቃል ኣይትዛረብ፡ ዋላ'ሙን ሓንጎልካ ዝኾነ ሓሳብ ኣይሓዝ ፡ ልክዕ ከም'ቲ ሓደ ህጻን ኣብ ሕቑፊ ኣቦኡ ዋካ ሓንቲ ዘይሓትት እንታይ ድኣ ከምታ ዘለዋ ክነብር ዝፈቱ።

ኣብ መንግስተሰማያት እንታይ ኮን ክንሓትት ምደልና፡ ዋካ ሓንቲ ምኽንያቱ ኣብኡ ዋካ ሓንቲ ኣይነበእንን ኢና። ንሕጎስ ጥራሕ ከም'ቲ ዘማራይ ዝበሎ "እግዚኣብሄር ሰናይ ምኽኑ ጥዓመን ረኣዩን" ጸሎት ድማ ምጥዓም ነዚ መንግስቲ እዚ ኢዩ። ነቲ መንግስተሰማያት እንሕጎሶ ኣብ'ዚ መሬት ከለና ኢና ንጥዕሞ ።

ጸሎት መግቢ መካእኽቲ ተባሂኩ እዩ ።

ጸሎት ንመንፈሶምን ንዕግበቶምን መግቢ ኢዩ። ንነፍሲ ቅዱሳን ሙን ከምኡ እዩ። ኣብ መሬት ድማ መግቢ ፈለስቲ ኣቦታትናን ባሕታውያን እዩ። ምስ ፍቕርን ሕብረትን ኣምላኽኺ ንሱ ይቕከቡ ሓጎስ ነፍሳቶም ሙን ብእኡ እዩ። እዚ ከም'ቲ ነብዩ ዳዊት ንኣምላኽኺ "ንኣይ ግና ናባኺ፡ ናብ ኣምላኽኺይ ምቕራብ ይሕሸኒ። "(መዝ 73፡28) ዝበሎ እዩ።

እቲ ንኽንጽኪ ዝዓደከና ኣምላኽኺናን ጐይታናን ዝተባረኽን ዝተቐደሰን እዩ። እቲ ካብኡ እንረክቦ ትሕትና እዩ ምስኡ ንክንዘራረብ ዝፈቕደልና።

እቲ ካብኡ ንረኽቦ ትሕትና'ዩ ንዓና ከም ንስማዕ ዝገብረና። ንሕና መን ኢና፡ ንሕና ዶሮናን ሓመኹሽትን ክንስናስ ናብ ኣምላኽኺ ክንቀርብን ኣብ ቅድሚኡ ቀሪብና ክንዛራረብን፡ ንነፍስና ምስ መካእኽቲ ንቐጽራ ኣብ ቅድሚ መንበሩ ንቐሙም ንስመሙ ንሙድሰን ነመስግንን ምስኡ ብምሕባርን ድማ ንባረኽ። ብርግጽ ትሕትና ኣምላኽኺ እዩ ንፍጡራቱ ምስ ኩኹ ፍቕሩ ምስኡ ክንዛረብን ንሱ ድማ ክስምዓናን ዝገበረ። ስለዝኾነ "ንኽጸኪ ጊዜ የብኪን" ምባል ዓቢ ሕፍረትን ፍጹም ሓጢኣትን እዩ!!!

ከመይ ኢኩ እዩ ሐደ ባርያ ንጎይትኡ ጊዜ የብሕይን ምሳኽ ንኽዛረብ ክብሎ፤ ሐደ ፍጡር ምስ ፈጣሪኡ ንኽዘራረብ ጊዜ የብሕይን ክብል መስደመም እዩ ። ንብዙሓት ናእሽቱ ነገራት ጊዜ ትረኽቡ ንኽብሪ ዘይብኩ ዝርርብ ድማ ጊዜ ትረኽቡ። ስለምንታይ ድኣ እሞ ንሕጽረት ጊዜ ከም መመኽነይታ ምስ ኣምላኽ ንዘይምዝርራብ ትጥቀመሉ፤!

ዳዊት እቲ ነብዩ ንጉስ፡ መራሒ፡ ከም ዳኛ ናይ'ቲ ህዝብን መራሒ ዓቢ ስድራ እዩ ነይሩ። ምስ እዚ ኩሉ ግን ንኣምላኽ ከም'ዚ ይብል "ፍርድኻ ቅኑዕ ስለዝኾነ ኣብ መዓልቲ ሸውዓተ ሳዕ ኣመስግነካ ኣለኹ። (መዝ 59፡62) "ምሸት ብጊሓት ቀትርን" (መዝ 55፡17)ከምኡ`ውን " . . ከመስግነካ ፍርቂ ለይቲ ኽትንስእ እየ።" (መዝ 119፡62)

ስለ'ዚ እቲ ጸገም ኣብ ጊዜ ዘይኮነ ኣብ ድሌት እዩ። ድሌት ንጸሎት እንተሃልዩካ ብዘይጥርጥር ንጸሎት ጊዜ ኣሎካ። ክትፈልጦ ዘለካ ጸሎት ንዓኻ በረኽት እዩ። ኣብ ጸሎት ትመስዶ'ምበር ትህቦ የብልካን።

ክትጽኪ ከኻ ንኣምላኽ ጊዜ ትህቦ ዘለኻ'ዶ ይመስለካ፤ ኣምላኽ ንዓኻ ድዩ ዝደኪ ዋላስ ንጸሎትካ፤ ግን ብምጽላይ ሓይኪ ደገፍን በረኽትን ትረክብ። መንፈሳዊ ፍስሓ ሓጎስ ኣብ ሕብረትካ ምስ ኣምላኽን መፍትሒ ጸገምን ትረክብ።

ኣብ ጸሎት ኣተሓሳስባኻ ክቅየር ኣለዎ። ብዘይ ጸሎት ክትነብር ኣይትኽእልን ኢኻ። ምኽንያቱ ኩሉ ኣብ ሓይኪ ጸሎት ኢዩ ዝምርኾስ። እዚ እንድሕር ኣስተዉዒልካ ኩሉ መንፈሳዊ መንገድኻ ኣብ ጸሎት እዩ ክምርኮስ።

ስለዝኾነ ኣብ'ዚ ጽሑፍ እዚ ብዛዕባ ኩሉ ምስ ጸሎት ዝተተሓሓዘ ክዘራርበካ እኽእልዶ፤ ኣይፋልን። ግን ድሕሪ`ዚ ኩሉ ንኽትጽኪ እገድፈካ ኣለኹሞ ኣብ ጸሎትካ ዘኽረኒ።

ባህርያት ቅቡል ጸሎትን ልምምዳት ኣብ ጸሎትን

ነፍስ ወከፍ ጸሎት ቅቡል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ነፍስ ወከፍ ጸሎት "ጸሎት" ስለዘይኮነ።

ጸሎት ናይቲ ዕቡይ ፈሪሳዊ ዘይከም'ቲ ተቀባኺ ቀረጽ ሓጢኣቱ ተሓዲጉሉ ንገዝኡ ዝተመልሰ ቅቡል ኣይነበረን። (ሉቃ18፡14)። ጸሎት ናይቶም ኣእዳምም ብደም ዝመልኣ'ጢን ከምኡ እዩ። ጐይታ ብዛዕባኡም ከም'ዚ ይብል "ኢድኩም ከትዝርግሑ እንከለኹም ዓይነይ ካባኹም ክሓብእ እዩ። ዋላ ብዙሕ ጸሎት እንተጸለኹም ኣይክሰምዓኩምን'ዮ። (ኢሳ 1፡15)። ጸሎት እቶም ግቡኣት (ማቴ 6) ከምኡ'ውን እቶም ምእንቲ ከምስኩ ነዊሕ ጸሎት ዝጽልዩ (ማቴ 23፡14)።

ጸሎት ክትጽኪ ትኽእል። ሐደ ካብቶም 24 ኣሕዉቕ'ሙን ክቕበሎን በቲ ዕጣን ዝመልኡ ጽንሃህ መርቂ ይመስዶን ምስ ምቁር መኣላ ዕጣን ንኣምላኽ የረክቦን። (ራእ፡5፡8)። ካልእ ሰብ ድማ ምኩእ መዓልቲ ይጽኪ ዋላ ሐደ ካብ ጸሎቱ ስለ ዘይዓርግ እቶም መላእኽቲ ብእኡ ይግረሙ።

እቶም ተቐባልነት ዘለም ጸሎት እንታይ ዘማልኡ ደኣ እዮም ፧

ብዙሓት ባህርያት ኣለዉ። ኣብ'ዚ እንጠቕሶ እቲ ጸሎት ብመንፈስ ክኽሙን ኣለም። እንተደኣ መንፈስ ናይ ሐደ ምስ ናይ ኣምላኽ መንፈስ ይዛረብ ኣሎ፡ ልቡ ሙን ምስ ልቢ ኣምላኽ ይራኽብ። እዚ እቲ ካብ መንፈስን ካብ ልቡን ዝኾነ ጸሎት እዩ። እዚ'ዩ ማዕዶ ገነት ከፊቱ ናብ ህልውና ጐይታ ብምእታው ብቕርበት ምስ ጐይታ ይዘራረብ፡ ምስኡ ይሕጎስ ካብኡ ድማ እቲ መንፈስ ዝደሐዮ ይመስድ። እዚ ጸሎት እዚ እዩ ንመንፈስ ዘሕጎስ ከም'ቲ ዘማራይ " . .ኣእዳወይ ናባኻ ኣልዒሐ ክጽኪ እየ። ነፍሰይ ከም ብሳብሕን ኣንጥዕን ትጸግብ። ኣነ ከኣ ብመዝሙር እልልታ ከመስግነካ እየ። "(መዝ 63፡4,5) ዝበሎ እዩ።

እዚ ጸሎት'ዚ እቲ ናይ ልቢ ሐደ ሰብ ድማ ምስ ኣምላኽ ከም ዝተራኽበ ዝስምዖ እዩ። በዚ ጸሎት ንሕና ናብኡ ንድይብ ወይ ንሱ ናባና ይመርድ። ግን እቲ ቀንዲ ነገር ምርኻብና እዩ። ወይ እቲ ቅዱስ መንፈስ'ዩ ንልብናን ሓሳብናን ናብ ኣምላኽ ዘደይቡ። እቶም ቅዱሳን ከም ዝብልዎ እዚ ዓይነት ጸሎት ገነት ናብ ነፍሲ ዝመጸኩ ወይ እታ ነፍሲ ገነት ትኾነኩ እዩ። ኣብ'ዚ እቲ ጸካዪ ብመንፈሳዊ ሙቐቱ'ዩ ዝልኪ።

እቲ ብፍቕርን ስምዒትን ዝጽኪ ጸሎት ሙዑይ ጸሎት እዩ።

ብመንፈስ ዝጽኪ ጸሎት ብተፈጥሩኡ ሙዑይ ኢዩ። ብርሱን መንፈስ እዩ ዝቃጸል። ስለ ዝኾነ'ዩ ድማ ጸሎት ቅዱሳን ማለኪሞስን ዲማድዮስን ካብ ኣፎም ከም ዝባሓዕ ሓዊ ዝመጽእ ዝነበረ። ከምኡ'ውን ቅዱስ ሸኖዳ ኣቦ - ገዳም ኢዱ ንጸሎት ኣብ ዘልዕለኩ ካብ ኣጸብዕቱ ዝባሓዕ ሓዊ ይመጽእ ነበረ።

መንፈሳዊ ጸሎት ሐደ ካብቶም ብርድኢትንን ምኩእ ኣድህቦን ዝጽከ ጸሎት እዩ።

ኣድህቦ ንሓሳባትና ከይበታተኑ ይሕዞም። ርድኢት እውን ካልእ ረቓሒ ንኣእምሮናን ስምዒትናን ኣብ ጸሎት ክድህብ ዝገብር እዩ። እቲ ዝጽኪ ካብ መዓመቕ ልቢ ተዘይኮይኑ፡ ርድኢትን ስምዒትን ውን ምስ ዘይህልም ሓሳባቱ ብርግጽ ናብ በበይኖም ጉዳያት ከዝር እዩ። ምኽንያቱ ልቡ ካብ ናይ ዓለማዊ ነገራት ነጻ ኣይኮነን። ዋላ ኣብ ጊዜ ጸሎት ገና ምስኣም እዩ ተታሒዙ ዘሎ።ጸሎቱ ገና ምስ ዓለማዊ ነገራት ጥቡቕ ዝምድና ስለዘለዎ ጸሎቱ ጽሩይ ኣይኮውንን።

ሰለዚ ቅ.ዮሓንስ ኣስዩጥ " ንጹሕ ጸሎት ከመይ እዩ፧" ኢሉ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ ከምዚ ክብል መለሰ "ንጹሕ ጸሎት ንዓኸም ምሙት ምኾን እዩ።" ምኽንያቱ ልብ ካብ ዓለማዊ ጉዳያት እንተደኣሞይታ ኣብ ጊዜ ኣብ ከምዚኦም ጉዳያት ኣይተንሸራትትን እያ። ስለዚ እቲ ጸሎት ብዘይ ምሙጻእ ንጹሕ ይኸውን።

መንፈሳዊ ጸሎት ክብሪ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እውን እዩ።

ቅድም ኢልና ብዛዕባ ጸሎት ብፍቅሪ ተዛሪብና። ምኽንያቱ ፍቅሪ ንኽብሪ ፈጺሙ ስለ ዘይዕንቕፍ። ፍቕርና ኣብ ኣምላኽ ንእንኮነቱ (ሓደነቱ) ንኽብሩን ንቅዱስንኡን ከምእንርስዕ ኣይገብረናን'ዩ። ስለ'ዚ ዘረባና ምስኡ ምስ ኣኽብሮትን ቅድስናን ዝተሓዋመሰ ስለዝኾነ ምስ ኣምላኽ ንኽንዘራረብ የኽእለና። ኣኽብሮትና ፍርሒ ከም ናይ ባርያ ኣይኮነን እንታይ ደኣ ኣኽብሮት ናይ ውሳድ ንኣቦ እንታይ እዩ። ኣየናይ ኣቦኽ!! ንሱ ናይ መሬት ኣቦና ኣይኮነን፡ እንታይ ድኣ ኣብ ሰማያት ዝነብር ኣቦና "እቲ መሓእኽቲ ኣብ ቅድሚኡ ብኣኽብሮት ዝቖመ።" ነፍሰ ወከፍም ሽድሽተ ክንፊ ኣለዎም። ነፍሰ ወከፍ ክላ ብክልተ ክንፊ ገጹ ይኽድን። ብኽልተ ክንፊ ድማ ኣእጋሩ ይኽድን። "(ኢሳ 6፡2)

ማር ይስሓቅ ከም ዝብሎ" ጸሎት ክትቅመም ከለኻ ልክዕ ኣብ ቅድሚ ሃልሃልታ ሓዊ ከምዝቖምካ ኩን።"

ኣብርሃም ርእሲ ኣቦታትናን ነብያትን ከም ዝበሎ "እነሆ ኣነ መሬትን ሓመኹሽትን ከኸኹ ምስ ጐይታይ ብምዝራበይ ደኣ ደፊረ'ምበር "(ዘፍ 18፡27)። ስለዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እንተደኣቖይምካ ከምዚ በል መን'የ ኣነ ጐይታ ኣብ ቅድሜኻ ዝቖሙም ንስኻ እቲ መሓእኽቲ ኪቃነመሓእኽቲ ኪሩቤልን ሱራፌልን ከም'ኡውን ቑጽሪ ዘይብሎም እኩባት ሰማያዊ ሓይልታትን ኣብ ቅድሜኻ ዝቖሙ። ከመይ ጌሪ እዩ ኣነ ንነብሰይ ምስ እዞም ኣዝዮም ዘንጸባርቕ ኣእካፍ ክሰርዓ፧! በል፡

ኣኽብሮትካ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣኽብሮትካ ብመንፈስን ብኣካልን እዩ።

"ኣኽብሮት ናይ ኣካል" ጠጠው ብምባል፡ ምምብርካኽ ከምኡ'ውን ብገጽካ ምድፋእ፡ ንዝተሰካቐወ ጠጠው ኣበሃህንን ነቲ ኣብ ጊዜ ጸሎትካ ንሰውነትካ ብምድኻም ሕማም ምስልቓውን ድኼት ድቃስን ብምምጻእ ከማርኽካ ዝፍትን ሰይጣን ኢድካ ክትህብ የብልካን።

ገለ ሰባት ንጸሎት ጠጠው እንተኢሎም ይደኽሙ ምስ ዓርከ-መሐላኦም ግን ከይደኽሙ ንሰዓታት ጠጠው ይብሉ። ስለ'ዚ እዚ ሓሳባዊ ድኻም ናይ ሰይጣን ውግእ ስለዝኾነ ተጠንቀቖኩን ንቕሓኩን። ቅዱስ ባሲልዮስ ዓቢ ከም'ዚ ኢሉ "ንሕማም ከም መመኽነይታ ንዘይምጽካይ ኣይትጠቖሙኩ ምኽንያቱ ጸሎት ካብ ሕማምካ ዘሕዊ ብምኾኑ።"

ከምኡ'ውን ከም'ቲ ብማር ይስሓቕ ዝተባህለ "ንጹህ ጸሎት እንተጀሚርካ ነቲ ናባኻ ንዝመጽእ ተቖረበኩ።" እዚ ማለት ንሙግእ ዲያብሎስ ተዳኩ። ካብ ጸሎትካ ክዕንቀፈካ ስለዝፍትን።

ብኣካልካ ኣኽብሮት ምሃብ ኣገዳሲ'ዩ ምኽንያቱ ኣካልና ኣብ'ቲ መንፈሳዊ ስምዒት ስለዝካፈልን ስምዒታቱ ስለዝገልጽን። በዚ'ኸኣ ኣኽብሮት ናይ መንፈስ ብኣኽብሮት ናይ ኣካል'ዩ ስለዝግለጽ። ዘይዕቡብነትን ሽለልትነን ናይ መንፈስ ኣብ ምንቅስቓስ ኣካላትና ይርኢ። ንኣብነት እናጸለና እንኸለና ሕዋሳትና ኣብ ካልእ ነገር ምርኣይን ምስማዕን መዘተ ይጽመዱ።

ንመንፈስ ብምእዛዝ ሓደ ሰብ ብዝተጣዕሰ ልቢ ክጽኪ ይግባእ።

ኣምላኽ ነቶም ዝተጣዕሰ ልቢ ዘለዎም ቀረባኡም ምኾኑ ዘክር። ንስኻ ሓመድን ዶሮናን ክነስኻ ምስ'ቲ ናይ ነገስታት ንጉስ ናይ ጎይቶት ጐይታ ዝኾነ ፈጣሪኽ ትዛረብ ምህላውካ ኣይትረስዕ (ራእ.ዮሃ.19፡16)። ሐጢኣትካ ንናይ ኣምላኽ ቅዱስ መንፈስ ከምዘሕዘንን ንፍቅሩ ከምዝከሓደን ንፈቃር ሕያውነቱ'ውን ውሬታ ከምዘይሃበን ኣይትረስዕ። ከም'ቲ ነብዩ ዳንኤል "ጐይታዩ ንስኻ ተግባራትካ ኩሉ ቅኑዕ እዩ። ንሕና ግና እዚ

መሪዱና ዘኰ ሕፍረት ባዕካትና ዘምጸእናዮ እዩ።... እመ ጐይታይ ንሕናን ነገስታትናን መሳፍንትናን ኣቦታትናን በደልና። ዘሕፍር'ሙን ገበርና።... (ዳን 9፡7-9) እናበለ ዝጸለዮ ኣብ ቅድሚኡ ብዝተሳዕሰ ልቢ ደሙ በለ።

ከም'ዚ ድማ በኰ ኣነ ዋላ ሓንቲ ኣይግባኣንን'ዩ። እንተኾነ ዋላኳ ብዙሕ ሓጢኣትን ዕልወትን እንተገበርኩ ብዙሕ ስቓይካ የተባብዓኒ ከምኡ'ሙን ሰፊሕ ልቦናኻ የዕግበኒ። ንስኻ ሞት ሓጥእ ዘይትደልን ሓጥእ ካብ ሓጢኣቱ ተመሊሱ ካብ ሞት ክድሕንን ብህይወት ክነብርን እትደሊ ኣምላኽ ኢኻ (ሂዝ 18፡23,32)። ዕቤት ምሕረትካ ኣቦይ ብሓጢኣት ኣብ ዝመደቕኩሉ ተገሊጹ እዩ።

ጸሎትኩም ብእምነትን ይኹን

ኣምላኽ ከም ዝሰምዓካን ከምዘፍቅረኽን ንጽቡቕካ ከምዝምኽሰልካን እመን። "ኣሚንኩም ብጸሎት ዝኸመንኩም ዝበለ ኩሉ ነገር'ሙን ክትቅበሉ ኢኹም።" (ማቴ21፡22)። እዚ እምነት እዚ እንተዘይብልካ እምነት ከሙሰኽካ ኣብ ጸሎትካ ሕተት ከም'ቲ ኣቦ ኣቲ ጋኔን ዝሐዞ ዓባስ ቀልዓ ንጐይታ ዝበሎ " ጐይታ ኣእምን እየ ግና ጉድኪት እምነተይ ክርሕቀኪ ደግፈኒ" (ማር 9፡24) ወይ'ሙን ከም'ቲ ሐዋርያ ንጐይታ ዝበሎ "እምነት መልኽልና" (ሉቃ 17፡5)። ነዛ ጽብቕቲ መብጽዓ እዚኣ ዘክር "ንዝኣምን ኩሉ ይከኣል እዩ" (ማር 9፡23)።

እምነት ንጸሎት ሓይሊ ከምዝህቦ ተኣማመን። ጸሎት'ሙን ንእምነት የሐይሎ እዩ።... ግን ንሓደ ነገር እንተሓቲትካ ንክትረኽቦ ኣይትተሃወኽ። ንጐይታ ተጸበዮ። ዋላ ንሕቶኽ መልሲ እንተደንዮ ንጠለብካ ከምልሰልካ ከምዝኾነ እመን ። ንዳዊት ነብዩ ስምዓዮ "ብእግዚኣብሄር ተስፋ በርትዕ ልብኽ ቀጥ ይበል ኣጀካ እመ ብእግዚኣብሄር ተስፋ ግበር (መዝ 27፡14)

ጸሎትካ ብዕምቆትን ርድኢትን ይኹን።

እቲ ዝያዳ ብርድኢትማለት ነፍሲ ወከፍ እትላረቦ ቃላት እናተረዳእካ ዝጽለ ጸሎት ዝያዳ ዝዓሞቐ ጸሎት እዩ። እቲ ዘማራይ ኣብ መዝሙሩ እናበኸየ "ኦ እግዚኣብሄር ኣብ መዓሙቕ ሐዘን ኮይነ ናባኽ ኣእዊ ኣለኹ። "(መዝ 130፡1)" ብምኩእ ልበይ ከገሓግሕካ እዩ ንትእዛዛትካ ኣይጥሕስ ሐልወኒ። (መዝ፡119፡10) ይብል ። ስለ'ዚ ካብ መዓሙቕ ልብኽ ጸሊ። ካብ መዓሙቕ እምነትካ ካብ መዓሙቕ ድሌትካ እቲ ዕምቕት ጸሎትካ መሙቕት ይህቦ እዩ።

ልምምድ ኣብ ጸሎት

1. ምስ ኣምላኽ እተሕልፎ ጊዜ ንምንዋሕ ተኸሚመድ

ዘማራይ ዳዊት ኣብ (መዝመዙር 119፡97) ዝበሎ ክንደይ ይጽብቕ "ንሕግኽ ኣዝየ'የ ዘፍቅሮ ምኩእ መዓልቲ ከኣ ብዛዕባኡ ኣለተንትን ኣለኹ።" ሽው ክንደይ ጊዜ ምስ ኣምላኽ ከምትሕልፍ ንነብስኽ ሕተታ። ብዙሕ ንዘይጠቕመካ ዘረባታትን ምዝንጋዓትን ብዙሕ ጊዜ ከምእተሕልፍ ኣየጠራጥርን።እዚ ዝጠፍኣ ጊዜ እዩ። ነዚ ጊዜ'ዚ ምስ ኣምላኽ እንተተሕልፎ ከመይ ምበለጸ። ምስ ኣምላኽ እተሕለፎ ጊዜኽ ተረፍ ናይ መመዳእታ ጊዜኽን ዘይኮነስ እቲ ካህመትን ዝበለጸን ጊዜ ይኹን።

2. ኣንጊህካ ምትንሳእ ተኸሚመድ ነታ መዓልቲ ድማ ብጸሎት ጀምራ።

እዚ እቲ ልቢ ጽሩይ ከኮን ብሓሳባት ሰራሕን ካልእ ሓሳፍነትን ከይተመልአ እንከሎ እዩ። እቲ ገዛ ገና ጸጥ ዝበለ እዩ ምኽንያቱ እቲ ካልእ ኣባል ስድራ ቤት ግና ኣብ ድቃሱ ስለዘሎን ዝኾነ ድምጺ ኣይስማዕን። ንበይንኽ ምስ ኣምላኽ ብዘይ ዕንቅፋት ትህሉ ። ኣብ'ታ መዓልቲ'ቲኣ ንመጀመርያ እትላረቦ ኣምላኽ ይኸውን። ናይ ምኩእ መዓልቲ በረኽት ከኣ ትቕበል።

3. ዝያዳ ኣብ መጽሓፍ ጸሎት 7 ሰዓታት ዘኰ "ናይ ሰዓታት ጸሎት" ምኩእ ተገዳስነት ሃብ።

ንናይ ነፍስ ወከፍ ሰዓት ጸሎት ክትጽልዮ እንተዘይኪኢልካ እንተወሓደ ክፋኡን ነተን ናይ ነፍስ ወከፍ ናይ ንስሓ ጸሎት ጸልየን። ርግጸኛ ክትከውን ኣብ'ቲ ናይታ መዓልቲ ቃልስን ጭንቀትን ልብኽ ንኣምላኽ እተልዕለሉ ዝያዳ ቁሩብ ደቓይቕ ኣይመስደልካን'ዩ።

አብ'ዚ ዝሕግዘካ ምሽምዳድ እዩ። ብዙሕ ካብ ገለ ክፋል መዝሙርን ናይ ሰዓታት ጸሎትን ብምጽናዕካ ዝያድ ብዘይ መጽሐፍን ማንም ከየቕለበልካን ክትጽሊ ትኽእል።

4. አብ ኩሉ ቦታታት ንምጽላይ ክትለማመመድ ፈትን።

መጽሓፍ ቅዱስ ዝበሎ ተኽተል፡ "ሰባት ኩሉ ጊዜ ክጽልዩ ኣለምም" (ኩቃ 18፡1)። "ከየቋረጽካ ጸሊ" (1 ተሰ.5፡17) ። አብ መንገዲ ጸሎት ተለማመድ ስለ'ዚ በቲ እትርእዮ ኣይትተሓዝን ኢኻ። ምስ ካልኦት ሰባት ከለኻ'ሙን ጸሊ፡ ብፍላይ እቲ ዘረባኦም ዘየገድሰካን ዓንቃፍን ምስ ዝኾሙን። ገዛኻ ክትኣቱ ከለኻን ክትወጽእ ከለኻን ጸሊ። አብ ነፍሲ ወከፍ ኣኼባ'ሙን ጸሊ። ኣምላኽ ድማ ጸጋን ዓወትን ከህበካ እዩ።

5. ሓጸርትን ተደጋገምትን ጸሎት ንምጽላይ ተለማመድ።

ንኣብነት ከም ጸሎት "ኦ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ምሕረትካ ሃበኒ" ወይ "ኦ ኣምላኽ ቀልጢፍካ ርድኣኒ !ንክትሕግዘኒ ቀልጢፍካ ምጻእ" ወይ "ንጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣፍቅሮ ንሱ ድማ እባርኽ" ወይ "ጐይታኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት አመስግነካ" ወይ ዝኾነ ምስ ኩነታትካን ስምዒትካ ዝገልጽን ንገዛእ ርእስኽ እትጽልዮም ሓጸርቲ ጥቅስታት ። ነዚ ጸሎት እዚ እናደጋገምካ ምስ እትጽልዮ ኣብ'ቲ ዋካ ከፊል-ውነኽ ይምዝገቡ'ሞ ብቑጥታ ኣብ ሓሳብካ ይህልው ሽዑ ዋካ ከሳብ ትድቅስ'ሙን ምሳኽ ክጸንሕ ይኽእል። ዘማራይ "ኣብ መደቀስየይ እዝክረካ" (መዝ 63፡6) ዝበሎ ነዚ'ዩ ዝገልጽ።

6. ንካልኦት ክትጽልየሎም'ሙን ነፍስኽ ኣለማምጽ።

ንኹሎም ጸሎት ዘድልዮም ምጽላይ ተለማመድ። ኣዝማድካ፡ ኣዕሩኽትካ፡ ብጾትካ፡ ቤተክርስትያን ብሓፈሻ ነታ ናይ ከባቢኽ ሰበኽ ድማ ብፍላይ ከኣ ነቲ ዝግበር ኣገልግሎት፡ ካልኦ ጸሎት'ሙን ንሕሙማትን፡ ንገየሽቲን፡ ንስሓ ንዘድልዮም፡ ጸሎት ንዓኸምን ሃገራት መዘተ... በዚ መንገዲ'ዚ ቀስ በቐስ ንካልኦት ንምጽላይ ሰጊርካ ከሳብ ዋካ ንጸላእትኽን ንዝቃመሙኽን ክትጽሊ ኢኻ።

7. ንነፍሲ መከፍ ኣርእስቲን ነፍስ መከፍ ጸገምን ናብ ኣምላኽ ንምቕራብ ነፍስኽ ኣለማምጽ።

ንዝኾነ ጸገም ባዕልኽ ንክትፈትሕ ኣይትግጠሞ ወይ ኣብ ብልሕኽ ኣይትመርኮስ ወይ ጸገማት ክፈትሑልካ ኣብ ኣዕሩኽትኽ ኣይትደገፍ። እንታይ ድኣ ብዘይ ኣምላኽ ዋካ ሓንቲ ክትገብር ከምዘይትኽእል ስምዒት ክተሕድር ኣለካ። ጸሎት ውሽጣዊ ሓጎስን ሰላምን ስምዒት ውሕስነትን ከምዝህበካ ርግጸኛ ኩን። ጸገምካ ኣብ ኢድ እቲ ቅኑዕ ሓያል ኢድ ንኹሉ ጉዳይካ ከመርሕ ዝኽእል ምህላዉ ተኣማመን።

ንሓደ ጸገም (ሽግር) ምስ ጸለኽ ኣምላኽ ፈቲሕም መደምደምታ ክረክብዩ ወይ እንተጸንሐ'ሙን ኣምላኽ ንዕኡ ብዝምልከት ናይ ሰላም ልቢ ክህበካ እዩ። እዚ'ሙን ካልኦ መንገዲ መፍትሒ እቲ ሽግር እዩ።

ዋካ እቲ ሽግር'ሙን ኣብ ቦትኡ እንተሃለወ ብዛዕብኡ ኣይትረበሽን ልክዕ ዳርጋ ከምዘየለ እዩ። ከም ሽግር ኣይትሓስቦን ኢኻ። እዚ'ዩ ናይ ጸሎት ኣድማዕነት።

8. ኣብ ርእሲ እቲ ሚሕበራዊ ጸሎት ናይ ውልቀኽ ጸሎት'ሙን ተለማመድ።

እዚ ጸሎት'ዚ ንኣምላኽኽ ብግልጺ ትዘራረበሉን ኩሉ ኣብ ልብኽ ዘሎ ትገልጸሉን እዩ። ንኣምላኽኽ "ጐይታ ኣፍቅረካ እየ ግን ካልኦት ነገራት ኣብ'ዚ ዓለም ካባኽ ንዝዕንቅፍኒ ዘፍቅር ኮይኑ ይስመዓኒ ኣሎ። ካብ ልበይ ከውጽኦም ኣብ ዝፍትነኩ ጊዜ ኣብ ቅድሜኽ ድኹም ኮይነ እርከብ። "ንዓኸም ከፍቅራ ዝደኪ ንኣምላኽኽ ጸላኢኡ ይገብሮ" (ያዕ 4፡4) ከምዝኽነ እፈልጥ። ስለዝኽነ ኦ ጐይታ ፍጹም ፍቅሪ ከፍቅረካ ጸጋ ሃበኒ። ብሓይልኽ ድማ ካብ ኣንጻር ፍቕርኽ ዝኽነ ፍቅሪ ኣድሕንኒ።" ብምባልካ ጌጋ ኣይኮንኑ።

ጸሎትካ ብዝተመርጹን ዝተወቃቐቡን ሓረጋት ክኽሙን ኣይትፍቀድ። ብቑጥታ ካብ ልብኽ ብዝፍልፍኩ ቃላት ይኹኑ። ብዘይ ኣምስኩነት። ጸሎትካ ስምዒትካን ኩነታትካን ብግልጺ ዝገልጹ ክኾኑ ኣለምም። ጸሎትካ ውሱናትን ሸንኮለል ዝበዝሑን ክኽሙን የብኩን።

9. ብርድኢት ጸኪ። ኣብ መዝሙር፡ ጸሎት 7 ሰዓታት ከምኡ'ሙን ኩሎም ዝተጸንው ጸሎታት ንከተስተንትን ነብስኺ ኣከመሚምዳ።

ዝዓመቐ ናብ ትርጉም ጸሎት እናኣተኻ ምስ እትኽይድ፡ ዝበዝሐ ዕምቐት ኣብ ጊዜ ጸሎትካ ክህልወካ'ዩ ኣገባብ ኣዘራርባ ምስ ኣምላኽ'ሙን ክትመሃር ኢኻ። ከም'ቲ ሓዋርያ ንጐይታ "ጸሎት መሃረና" (ኩቃ 11፡2) ዝበሎ።

10. ኣብ'ቲ ንጹሕ ጸሎት እንተዘይበጸሕኩም በዚ ምኽንያት'ዚ ምጽኣይ ኣይተቋርጹ።

ጸሎት ከም ኩሉ ብቅዓት ኣብ'ቲ ዝደኪ ብቅዓት ክትበጽሕ ቀስ ብቐስ እዩ። ከም'ቲ ብማር ይስሓቅ ዝተባህለ "ምጽኣይ ከይጀመርካ ናብቲ ብቁዕ ደረጃ ጸሎት ክትበጽሕ ትጽበ እንተደኣ ሃኪኻ ፡ ንመጻኢ ክትጽኪ ኣይኮንካን። ምኽንያቱ ናብ ብቁዕን ንጹሕን ጸሎት ብዘየቋርጽ ጸሎት ኣቢሕና ኢና ንበጽሕ።"

11. ጸሎት ክትሙድኣ ኣብ ዝደለኻኩ ጊዜ ንነፍብኽ ኽትቅጽል ኣከሚምዳ።

ብዘይ ጸሎት ክትነብር ከምዘይትኽእልን ወይ ክትሓድጎ ከምዘይትኽእልን ክስሚዓካ እንከሎ ዓቢ ምልክት ዓወት እዩ። ልክዕ ምስ ኣምላኽ ብቑጥታ ትራኽብ ከምዘለኻ "ምሳይ ድናሕ ጐይታ" ትብሎ ከምዘለኻን እዩ። "ሓዝክዎ ክኽይድ'ሙን ኣይሐደግክዎን (መሃ 3፡4) ናይ ነፍስ መኽፍ ቃል ወይ ጸሎት መቐረት ስለዝስመዓካ ኣይትሓድጎን ኢኻ ። ወይ ከም'ቲ ሐደ ካብ ኣቦታት ብዛዕባ ጸሎት ቅዱሳን ከምዝበሎ "ብምኽንያት እቲ ኣብ ኣፎም ዘሎ መቐረት ናይ ቃካት ናብ ካልእ ቃል ክሓልፉ ኣይክእሉን።"...





መጽሐፍ ቅዱስ

ምዕራፍ 2፡ መጽሓፍ ቅዱስ

ኣገዳስነት መጽሓፍ ቅዱስ

ነቶም ሓመድን ሓሙኽሽትን ዝኾንና ፍጡራት ነብሱ ብምትሓት ክሳረብ ዝፈቐደ ልዑል እግዚኣብሔር ኣምላኽ ዝተባረኸ ይኹን። ዘኪ ዘበለ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንዓና መታን ክዕቅብን ንነፍስና ጥቅሚ ንመገድና ከኣ ብርሃን ምእንቲ ክኸውን ንቅዱሳት ነብያቱ ቓኩ ክምዝግቡ ስለ ዝኣዘዘ ዝተባረኸ ይኹን።

መጽሓፍ ቅዱስ ናይ መጻሕፍቲ መጽሓፍ ወይ "እቲ መጽሓፍ" እዩ።

"እቲ መጽሓፍ" ጥራይ ብምባል ክንጠቅስ ከሎና፡ መጽሓፍ እግዚኣብሔር፡ እቲ ብእኡ ኣቢሉ ዝሳረበና ቓኩ ሚዛት እዩ። ክምቲ ጽሑፍ "ትንቢትሲ ቅዱሳን ሰባት እዮም ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሐም ካብ ኣምላኽ እተሳረብዎ እምበር ክቶ ብፍቓድ ሰብ ኣይመጸን" (ጴጥ 1፡21) ዝብሎ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ሙን ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ ብቓላት እቶም ቅዱሳት ነብያት ዝተነግረ እዩ። በዚ ድማ ኢና፡ ኣብ ናይ ሓዋርያት ጽኩተ-ሃይማኖት፡ ብዛዕባ እቲ መንፈስ ቅዱስ "ብኣፍ ነብያት ክም ዝተዛረቦ" ብምባል ንጠቅስ። ክምኡ'ሙን ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ክምዚ ይብል፡ "እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ፈጺሙ ተዳልዩ፡ ፍጹም ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ መንፈስ ኣምላኽ ዝነፈሶ ዘበለ ጽሑፍ፡ ንትምህርቲ፡ ንተግሳጽ፡ ንምቕናዕ፡ ንጽድቂ ዚኸውን ምእዳብ ይጠቅም እዩ" (2ጢሞ 3፡16)።

መጽሓፍ ቅዱስ ናባኻ ዝቐረበ መልእኽቲ እዩ። መን'ኸ እዩ ብናይ ኣምላኽ መልእኽቲ ዘይሕጎስ!!

ቅዱስ ኣንጦንዮስ ኣብ ሓደ እዋን ካብ ንጉስ ቆስጠንጢኖስ መልእኽቲ ተቐቢሎም ነይሩ። እቶም ተማሃሮኡም በዚ ኣዝዮም እኳ እንተተሓጎሱ እቶም ቅዱስ ግና ነቲ መልእኽቲ ኣብ ጎኖም ኣንበርዎ። ተመሃርኡም ግና በዚ ብምድናቕ ነቲ መልእኽቲ ንኽንብቡ ኣዝዮም ተሃንጠዩ። ነዚ ዝተዓዘቡ ቅዱስ ኣንጦንዮስ ንተመሃርኡም "ደቀየ ንምንታይ ግን ካብ ሰብ ብዝተካእከ መልእኽቲ ክንድዚ ተደሲትኩም፡ ኣብዚ መጽሓፍ ቅዱስ እግዚኣብሔር ሓያኽ መልእኽትታት ሰዲድክና ኣሎ፡ ንምንታይ ንዕኡምኳ ብክምዚ ሓጎስን ሀንጥዩነትን ዘይንቕበሎም፧!" ብምባል ተዛረብዎም። እዚ ድሕሪ ምባሎም፡ ንናይቲ ንጉስ ደብዳቤ ኣንበቡ'ሞ ንዕኡ ንምብራኽ ድማ መልሱ ጸሓፉ።

ንስኻ ሙን ካብ ሓደ እተኽብሮ ሰብ ደብዳቤ ምስ እትቕበል፡ ኣይትሕጎስን፧ ደጋጊምካ'ሙን ኣይተንብቦን ዲኻ...፧ ካብ ኣምላኽ ንዝተካእከ መልእኽቲ ክምዚ ምግባርካ'ኽ ኣባኻ ኣይቅኑዕን ድዩ...፧
እቲ ብመንፈስ ዘድሂ ብኣፍ እቶም በቲ መንፈስ ዝምርሑ ነብያት ዝተዘርበ ናብኻ ዝተካእከ መልእኽቲ እግዚኣብሔር ብመንፈስ ዝተመልአ ቃል እዩ። ንሕና ብመንፈስ ኣቢልና ንርድኦ እሞ ንነብሮ ከኣ። ክምቲ ጐይታ ዝበሎ እዩ፡ "እዘን ኣነ ዝነገርኩኹም ቃላት፡ መንፈስ እየን ህይወት ሙን እየን" (ዮሓ 6፡63)

እዚ ንመንፈስና መግቢ እዩ። ንሕና ድማ ብእኡ ንዕንገል እሞ ህይወት ንረክብ....

ክምቲ እግዚኣብሔር ኣብ (ኦሪት ዘዳግም 8፡3) ዝተዛረቦ፡ ብጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ድማ ዝተደግመ፡ "ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዝመጽእ ኩሉ ቃል እምበር ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን እዩ" (ማቴ 4፡4)። እንጌራ ንስሙነት መግቢ እዩ፡ ወዲ ሰብ ግና ብስጋ ጥራይ ዘይኮነ ብመንፈስ ሙን ዝቕመ እዩ፡ እቲ መንፈስ ከኣ በቲ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝርከብ ቃል እግዚኣብሔር እዩ ዝዕንገል።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ዕከት እንጌራና ንረክብ ምኽንያቱ ንሕና ".... ካብ ኣብ እግዚኣሔር ብዝመጽእ ቃል" ኢና እንነብር፡ እዚ እንጌራ ህይወት ናይ መንፈስ መግቢ እዩ። ኣብ ጸሎትና፡ "ናይ ዕከት እንጌራና ኰሚ ሃበና" እንብለሉ ምኽንያት ገለ ክፋል ናይ ትርጉም ንዕኡ ዘመልክት ክኸውን ይኽእል።

እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ብመጽሓፍ ቅዱስ ይሕጎስ፡ "... ብሕጊ እግዚኣብሔር ዝፍሳህ" (መዝ 1፡2) ነቲ ሕጉ ከኣ ኪይትን መዓልትን ዝመራምሮ እዩ። "ፍስሃ" እትብል ቃል ትእዛዛት እግዚኣብሔር ንሓደ ሰኽም ወይ ግደታ ዘይኮኑ ምንጪ ሓጎስ/ፍስሃ ነቲ ሰብ ምኳኖም እያ እተመልክት....

ዝምድንኡ ምስ መጽሐፍ ቅዱስ ቀዋምን ብቐጻልን እዩ። ኣብኡ ኸኣ ኪይትን መዓልትን ይመራመር።

እቲ ቃል ንመነኮሳት ጥራይ ዘይኮነ ንኹሉ ክምኖ ዝተባህለ ተገንዚብ። እግዚኣብሔር ነቲ ብብዙሕ ሓካፍነት ዝተጸዕነ ኣማኢት ኣሸሓት ሀገብ ዝመርሕ ዝነበረ መስፍን ዝተነግረ እዩ...እቲ ንመሱ ዝተከለ ኣገሓጊ፡ እያሱ ወዲ ነዌ እግዚኣብሄር ብትእዛዛቱ ክምዚ ይብሎ፡**"ነቲ ኣብኡ ዝተጻሕፈ ምእንቲ ተጠንቂቕካ ክትገብሮስ፡ መዓልትን ኪይትን ኣስተንትኖ እምበር እዚ መጽሓፍ ሕጊ ካብ ኣፍካ ኣይትፍከ፡ ሽው መገድኻ ትቕንዕ እሞ፡ ሽው ድማ ኪሰልጠካ እዩ"** (እያ 1፡8)። ሕሰብ እሞ ኣብሎ፡ ነቲ ኣዝዩ ዝተጸምደ መራሒ እያሱ ምስ ኩሉ ዓቢ ሓካፍነቱ እግዚኣብሔር፡ "እዚ መጽሓፍ ሕጊ ኸብ ኣፍካ ኣይትፍከ"! እዩ ዝበሎ...

እዞም ቃላት እዚኣቶም ንእያሱ ንበይኑ ዝተባህሉ ጥራይ ዘይኮኑ ንነፍሲ መከፍና ዝምልከቱ እዮም። ምእንቲ'ዚ ድማ እያ ቀዳመይቲ መዝሙር ብዛዕባ'ቲ ቅኑዕ ሰብ ክምዚ ትብል፡ " ብሕጊ እግዚኣብሔር ደኣ ዚፍሳህ ነቲ ሕጉ'ሙን ኪይትን መዓልትን ዚመራመሮ ሰብሲ ብጹእ እዩ" (መዝ 1፡2)

ነብዪ ዳዊት ንጉስ፡ መራሒን ኣቦ ናይ ሓደ ዓቢ ስድራቤትን ምስ ዓቢ ሓካፍነት እዩ ዝነበረ። ምስ ኩሉ እዚ ግና "ምስክርካስ ምስትንታነይ እዩ" "ሕግኻ ክኣ ምስትንታነይ እዩ" ብምባል እዩ ዝተዛረበ። ብዛዕባ ዝምድንኡ ምስቶም ትእዛዛት ናይ እግዚኣብሔርን ሕግታትን ድማ ክምዚ ይብል፡ "ቃልካስ ንኣእጋረይ መብራህቲ ንመገድይ ክኣ ብርሃን እዩ"፡ "ክምቲ ዓቢ ሃብቲ ዝረክብ ሰብሲ ብቃልካ ይሕጎስ"፡ "ቃልካስ ካብ ጣዕሚ እቲ ኣብ ኣፈይ ዘሎ መዓር ይምቅር"።

ዳዊት ከመይ ኣቢሉ ንቃል ኣምላኽ ኪይትን መዓልትን ክምርምሮ ጊዜ ረኺቡ። እዞም ቃላቱ እግዚኣብሔር ድማ ንትምህርቱን ኣስተንትኡን ኮይኖም፧!!

እቶም ቅዱሳን ኣቦታትና ብልቦም ብዙሓት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ይመሃሩ እሞ በዚ ክኣ እቲ ጽሑፍ ኣብ ህይወቶም ብጋህዲ ይግለጸሎም ነበረ። ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቕስታት ንምምሃር ንቀዳደም። ሓደ እዋን ንህዝቢ ክምዚ ብምባል ዝተዛረብክም ይዝክር፡
"መንገል ተመሃሩ፡ እቲ መንገል ክኣ ክሕልወኩም እዩ፡ መዝሙር ዳዊት'ሙን ተመሃሩ እቲ መዝሙር ሙን ክሕልወኩም እዩ"

ጥቕስታት ብምምጽናዕ ኣብ ዝኾነ ቦታ፡ ኣብ ገዛ፡ ኣብ ስራሕ ወይ ሙን ኣብ መንገዲ ይኹን ኣብ ሚእኪል ሰባት ንዕኦም ብሙሽጥኽ ክትደጋግሞ፡ ንትርጉሞም ክተስተንትን ብዕምቆቶም ክትመራመርን የኽእኩኽ... ስለዚ ምስ መጽሓፍ ቅዱስን ቃላቱን ንተዓራረኽ፡ ንሱ ክኣ ቀንዲ ብጻይና ክኸውን እዩ....

ጥቕስታት ብምምሃር ንዕኦም ምድግጋምን ኣብኦም ምምርማርን ብልሂ እዩ፡ ንግብርታትካ ኣብኦም ምምርኳስ ክኣ ዝዓበየ ልቦና እዩ።

ምእንትዚ ክኣ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይብል፡ "... እዚ ቃልይ ሰሚዑ ዚገብሮ ኩሉ ቤቱ ኣብ ከውሒ ዝሰርሔ ብልሂ ሰብኣይ ይመስል" (ማቴ 7፡24) እቲ ኣብ ጸኵተ መንገል ዝመርሕ ካህን'ሙን ክምዚ ብምባል ይጽኪ፡ "ብመንገዲ እቲ ቅዱስ መንገልካ ዝብሎ ክንመላለስ ሰማዕቱን ፈጸምቱን ክንከውን ኣብቅዓና"..

"ኣብቅዓና" እትብል ቃል ዓሚቕ ትርጓሜ እዩ ዘለዋ፡ ምኽንያቱ መን ኢና'ሞ ንሕና ንቃል ኣምላኽ ንምስማዕ በቂዕና ኣብቶም ናቱ ትእዛዛት እንእመን፧!!

ኣነሲ ኣብ ጥቕሚ ክምኦ እትውዕል ዘርኢ ምልክታት ዝተነብራ ናይ ሙልቕኹም መጽሓፍ ቅዱስ ክርኢ ምደለኹ።

ንንባባትኩምን ተጠቃምነትኩምን ዝሕብሩ ዝተጻሕፉ ጥቕስታት ክርኢ ይደሉ.... ኩሎም እዚኣቶም ናብ ልብን ኣእምሮን ብምእታው ኣካል ናይ ህይወት ዝኾኑ ዝኽርታትን ኣስተንትኖታትን እዮም።

ኣንብብን ኣስተንትንን። ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ንዘንበብካዮ ምስ ነፍስኽ ብምድብላቕ ኣብ ጥልቀት እቶ።

ብናይ ቃል ንቃል ትርጓሜኡ ጥራይ ኣይትዕገብ... ኣብኡ ብምስትንታን ሓንቲ ጥቕሲ ንባዕካ ሓጹር ክም ዘይብኩ ባሕሪ ምኽኒና ክትግንዘብ ኢኽ። ክምቲ ንጉስ ዳዊት ዝበሎ፡

"ኩሉ ፍጹምነት መመዳእትኡ ርኢኹ፡ ትእዛዝካ ግን ኣዝዩ ርሒብ እዩ" (መዝ 119፡96)።

ንጉስ ዳዊት ነዚ ዝበለ ከባቢ ትሸዓተ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ጥራይ ምስሉ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ እዩ፡ ንዓና እንተኾነ ሓድሽ ኪዳንን ኩሎም መጻሕፍቲ ነብያት ዝሓቖፈ ምኩእ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ኢድና ኣሎ። ነፍሲ ወከፍ ቃል ብዕምቆት ዝተመልኣት ሚዕዝን ኣስተንትኖ እያ።

መጽሓፍ ቅዱስ ምንጪ ኣስተንትኖ ጥራይ ዘይኮነ እንኮኣይ ምንጪ ምጽንናዕ እዩ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ሓደ ሰብ ስነ-ኣእምራዊ ኩነት ንልቢ ናይቲ ሰብ እተደንዕስን እትዕንግልን ጥቕሲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተንብዩራ ኣላ።

ኣብ ጊዜ ሓዘኑ ዘደንዕስ፡ ኣብ ጊዜ ሓጎሱ ዘደስት ቃል ኣብኡ ይረክብ። ኣብ እዋን ጸበብኡ መፍትሕ ኣብ ጊዜ መከርኡ ከኣ ሰላም ይረክብ፡ ተስፋ ኣብ ዝቖርጸሉ ከኣ ዘተስፋ ጥቕስታት ይረክብ….
ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ ውድኣታውያን እዮም። ገለ ካብኣቶም ከተንብብ ኣብ ዝኾኣልካሉ ንኣምላኽ ፡ "ጐይታ እዞም ቃላት እዚኦም ምእንታይ ከም ዝበልካዮምሲ ዘጠራጥር የለን" ክትብል ትኽእል።

እምበኣርከስ ንቃል ኣምላኽ ብሙልቂ ናባኻ ከም ዝዓለመ ሙልቃዊ መልእኽቲ ጌርካ ተቖበሎ።

ብፍላይ ንዓኻ ከምኡ'ውን "እቲ እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ነተን ኣብያተ ክርስትያናት ዝብለን ይስማዕ"። እቲ መንፈስ ብፍሉይ ብኣፍ ነብያት ኣቢሉ ምእንታኽ እዩ ዝተዛረበ።

እቲ ካብኡ ዝተሰደ መልእኽቲ ናባኻ ደኣ እምበር ናብ ሮማውያን ወይ ቆረንጦሳውያን ኣይኮነን። ንጉስ ቆንስጠንጢኖስ ናብ ቅዱስ ኣንጦንዮስ መልእኽቲ ምስ ሰደደ እቶም ደቂ ተሓጉ። ቅዱስ ኣንጦንዮስ ግና "እግዚኣብሔር ንጉስ ነገስታት ሓያለይ መልእኽቲ ናባና ሰዲዱ ኣሎ፡ ንምንታይ ብእኡ'ኽ ብኽምኡ መንገዲ ዘይትድሰቱ፡" ብምባል ኢዩ ዝመለሰሎም።

መጽሓፍ ቅዱስ መልእኽቲ ናይ ምጽንናዕ ጥራይ ዘይኮነ እንኮኣይ ኣጽዋር ኢዩ።

ንነፍሲ ወከፍ ሓጢኣት ኣብ ቅድሚኣ ከተንብራ እትኽእል ናታ ትእዛዝ ኣለዋ። ካብታ ትእዛዝ ሓይሊ እናደለብካ ብዝኽድካ እታ ሓጢኣት እናደኽመት ክትከይድ ክትዕዘብ ኢኻ፡… ቃል ኣምላኽ መላ ሓጺር ኣብ ዝኾነሉ ክንደይ ሓያል ኢዩ።
"ቃል ኣምላኽ ሕያውን መስለጥን እዩ እሞ፡ ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዚበልጽ እዩ" (ዕብ 4፡12)።

ሰይጣን ንጐይታ ኣብታ ከረን ኣብ ዝፈተነሉ እዋን ንቃል ኣምላኽ ክጸመሮን ንሓዲኡ'ውን ክምክሰን ኣይከኣለን….

ንቃል ኣምላኽ ምስ ዘይንፍጽሞም ኣብታ ናይ ፍርዲ መዓልቲ ኣንጸርና ክምስክሩ ኢዮም።

ብዘይፍላጥ ምስ ዝኾሙን ምኽኒት ይህልወና። ቃል ኣምላኽ ኩሉ ተገሊጹልና ክነሱ ግን እንታይ ምኽኒት ይህልወና፧ ቃላት እግዚኣብሔር ንሕይወት እምበር ፍጹሞም ንፍልጠት ጥራይ ኣይኮኑን… እምበኣርከስ ክም ቃሉ ዝብሎ ክምኡ ንግበር…. .
ቃል ኣምላኽ ኣብ ዝኾድናዮ ክስዕበና እዩ። ብእኡ እንተዘይኬድና ድማ ኣብ ኣእላናን እናቃልሐ ንሕልናና ይሓቲ። ኩሉ እቲ ብባህግታት ናይ ነፍሲ ዝግዛእ ኣእምሮ ዜቕርቦ ምኽኒት ንዓና ጥቕሚ የብሉን።

ኣብ ሓደ እዋን ሙን፡ ኣብ ኣፍና ዝተነብረ ቃል እግዚኣብሔር ምስክር መንፈሳውነትናን ሃይማኖታዊ እምነትናን እዩ።

ክሳረቡ እንከለው ቃላቶም ብናይ ዓለም ቃላት ዝተጐብኣ ሰባት ኣለው። ካልእ'ውን ኣሎ ኣብ ዝሳረበሉ እዋን ቋንቋ መጽሓፍ ቅዱስ ዝግለጽ። ሓረጋት መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ምድግጋም ዝተላዕለ መግለጺኡ ብእኡ ይልምድ እሞ ብቅዱስ ኣዘራርብኡ ይጸኩ በዚ ከኣ "እቲ ሕጊ መጽሓፍ ካብ ኣፉ ኣይርሕቕን"። ዝሰምዖ ዘበለ ከኣ "ብዘረባኻ ትፍለጥ ኣሎኻ" (ማቴ 26፡73) ይብሉ።

ንሙሉድና እስኪ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ጥቕስታት ጠቂስካ ምዝራብ ክለምዱ፡ ንዝረኣይዎ ዘበለ መጽሓፍ ይኹን ገረብ፡ ብርዒ፡ ምድሪ፡ ሚዕጹ፡ ጣሙላ… ወይ ዝኾነ ካልኣ… ብጥቕሲ ክምስሉ ነተባብዓዮም። ነዚ ዝገብር ሙሉድ ኣብ ዝገብሮ ዝርርብ ኮነ ኣብ ህይወቱ ቋንቋ መጽሓፍ ቅዱስ ይለምድ። ስለዚ ቋንቋ ናይቶም ሓጥኣን ኮነ ቋንቋ ናይዛ ዓለም ኣይፈልጥን በዚ ከኣ ኣይሓጥኣን…።

ዳዊት ከኣ ይብል ፡ "ንዓኺ ምእንቲ ከይብድልሲ፡ ንቃልካ ኣብ ልበይ ዓቒርኩም" (መዝ 119፡11)።

እቶም ቃላት ኣብቲ ማእከል ስምዒታት፡ ፍቕርን ድህሰሳን ዝኾነ ልቢ ደኣ እምበር ኣብቲ ማዕከን ፍልጠት ዝኾነ ኣእምሮ ወይ ልሳን ጥራይ ከንበሩ የብሎምን። ቃል እግዚኣብሔር ኣብ ልቢ እንተኾ፡ እቲ ሰብ ክሓጥእ ኣይክእልን። ምኽንያቱ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ምስ ስምዒታቱ ተሓናፊጹ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ድንግል ማርያም "ማርያም ግና ነዚ ነገር'ዚ ኩሉ ኣብ ልባ ተዋህልን ትሓስቦን ነበረት" (ኩቃ 2፡19) ዝብሎ ከንደይ ግሩም ቃል ኮን እዩ።

ኣደና ሄዋን ሓንቲ ካብቶም ንቃል እግዚኣብሔር ኣብ ኣእምሮኣ እምበር ኣብ ልባ ብዘይ ምሕብኣ ዝሓጥኣት እያ። ኣደና ሄዋን ብዛዕባ ትእዛዝ እግዚኣብሔር በቲ ተመን ተሓቲታ እያ። መልሳ ድማ ትኽክልን ንጹርን እኳ እንተነበረ ኣብታ ጊዜ'ሙን ንትእዛዝ እግዚኣብሔር ብምስባር ሓጢኣት ፈጺማ እያ።

መጽሓፍ ቅዱስ ኣንብብ፡ ኣብ እተንብበሉ ዝኾነ እዋን ከኣ ገለ ሓዲሽ ነገር ከም እትረክብ ርጉጽ ኩን። ምኽንያቱ ቃላት እግዚኣብሔር ሃብታማትን ብጽባቐ ዝተመልኡን እዮም። ዘልኣለማውያን ምንጪ ኣለተንትኖ እዮም። በዚ ድማ'ዩ እቲ ዝተሞከረ ዳዊት ከምዚ ዝብል

"ኩሉ ፍጹምነት መመዳእትኡ ሪኡኹ፡ ትእዛዝካ ግና ኣዝዩ ርሒብ እዩ" (መዝ 119፡96)።

እዚ ማለት ከኣ ንኹሉ ፍጹምነት መመዳእታ እኳ እንተሃለዎ፡ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ግና ካብ ዕምቆቶም ዝተካዕከ ገደብ ከም ዘይብሎም እዩ ዚነግር። ከምቲ እግዚኣብሔር መመዳእታ ዘይብኡ ዕምቆት ቃኩ እውን ገደብ የብሉን። ከንደይ ዚኣክል ኣብኡ ኣስተንቲንካ ብዘየገድስ እዞም ኣስተንትኖታት ኣብ ቅድሚኻ ገደብ ዘይብሎም ዓንኪላት ከቕልዑልካ ክትዕዘብ ኢኻ... **እዚ ብቑጹ ሓድሽ እዩ። ኣብ ኣእምሮኻ ኮነ ግንዛበኻ ሓድሽ እዩ፡** በዚ ኾኣ ነብዩ ኤርምያስ ከምዚ ይብል፡ "ቃላትካ ምስ ረኸብኩ በላዕኸም" (ኤር 15፡16)። ነብዩ ዳዊት ውን ከምዚ ይብል "ሕጊ እግዚኣብሔር ፍጹም እዩ፡ ንነፍሲ ይመልሳ፡ ምስክር እግዚኣብሔር እሙን እዩ፡ ንገርሂ የጥብብ፡ ስርዓት እግዚኣብሔር ቅኑዕ እዩ ንልቢ የሐጉሶ፡ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ንጹህ እዩ ንኣዕይንቲ የብርሀኑ፡... ፍርድታት እግዚኣብሔር ሓቂ እዩ፡ ብዘሎ'ሙን ጻድቕ እዩ፡ ካብ መርቂ፡ ኤረ ካብ ብዙሕ ጽሩይ መርቂ እኳ ዝሕረ እዩ፡ ካብ መዓር ኤረ ካብ መዓር መከካ ዝጥዕም እዩ" (መዝ 19፡7,8,10)።

ነፍሲ መከፍ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ እተንብባ ቃል መካ'ሙን ብዘይ መግለጺ መይ ስብከት ይኹን ኣባኻ ብዘለዎ ሓይልን ጽልዋን ኣባኻ ውጺኢቱ ከም ዘሕድር ርጉጽ ኩን።

ንማንም ሰብ ንምእማን ንቃል እግዚኣብሔር ብዘይ ብዙሕ ሃልክን ክርክርን ምጥቃሶም እኹል እዩ። ንሐደ ሰብ እግዚኣብሔር ኣብ ማእከል ምህላውን ፍኩይ በረኸት ከም ዝስምዖ ንምግባር ቃል እግዚኣብሔር ምጥቃስ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ቃል ድማ ንመገዱ ብርሃን ይህብ።

እዚ ቃል ንክፍጽም ድማ እቲ ነዚ ዘነቓቕሕ መንፈስ ቅዱስ ሓይኩ ይህብ። ኣብዚ ነቶም ኣብ በዓል ጰንጠ ቀስጠ ነዚ ቃል ምስ ሰምዑ ብዛዕብኡም... "እዚ ምስ ሰምዑ ልቦም ተወጊኤ" (ግብ 2፡37) ዝተባህለ ህዝቢ ንዝክር።

ቅዱስ ጳውሎስ'ውን ነቲ ሰዓቢኡ ዝኾነ ጢሞቴዎስ ከምዚ እዩ ዝብሎ፡ "... ንስኺ ግን ነቲን ካብ ቁልዕነትካ ጀሚርካ ብእምነት ክርስቶስ ኢየሱስ ንምድሓን ኪሕብሚኽስ ዝኽእላ ቅዱሳት ጽሑፋት ፈሊጥካ.." (2ይጢሞ3፡15)። ከምቲ ነብዩ ዳዊት'ውን "ቃልካስ ንእካረይ መብራህቲ፡ ንመገደይ ከኣ ብርሃን እዩ" (መዝ 119፡105) ዝብሎ፡ እቲ ሰብ ውን ካብኡ መከኮታዊ ዝኾነ መምርሒ ይቕበል። ኣብዚ ነብዩ ዳዊት መሲኹ ከምዚ ይብል፡

"ሕግኺ ደስታይ እንተዘይነብርሲ፡ ዛጊት ብመከራይ ምጠፋእኩ ነይረ" (መዝ 119፡92)።

እምበኣርከስ በዚ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያንና ንመጽሓፍ ቅዱስ ዓቢ ኣቃልቦ ከም እትህብ ንግንዘብ።

ኣገዳስነት መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ቤተ-ክርስትያን

ቅድስቲ ቤተ ክርስትያን ንመጽሓፍ ቅዱስ ዓቢ ኣቃልዖ ትህብ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጸሎት ሚከት ዕጣን ኣብ ዝዕጠነሉ ናይ ሠርክ (ኣጋ ምሸት) ጸሎት ገለ ምዕራብ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ነንብብ። ካልኣ ምዕራፍ ሙን ብጊዜ ኣብ ናይ ነግህ (ንግሆ) ጸሎት ነንብብ፡ ቀንዲ ከኣ ኣብ ጊዜ ቅዳሴ ወንጌል ነንብብ።

ካብ ወንጌል ብተወሳኺ ካብ መልእኽታት ቅዱስ ጳውሎስ፡ መልእኽታት ሓዋርያት፡ ግብሪ ሓዋሪያትን ምስ ገለ ክፋል ካብ መዝሙር ዳዊት ቅድሚ ንባበ ወንጌል ይንበቡልና እዮም።

ወንጌል ኣብ ቤተ ክርስትያን ኣብ ቅዳሴ ክንበብ እንከሎ ክልተ ድያቆናት ሽምዓ ብምብራህ ይቕመሙ፡ እዚ ከኣ ወንጌል፡ ነኣእጋርና መብራህቲ፡ ንመገድና ብርሃን ምኻኑን ቃል ኣምላኽ ብነጸብራቕ ንኣዕይንትና ከም ዘብርህን ዘመልክት እዩ።

ወንጌል ቅድሚ ምንባቡ፡ ቤተ ክርስትያን ኣብ ናይ ሐባር ጸሎታ በቲ ካህን ናብ እግዚኣብሔር ከምዚ ብምባል ትጽኪ፡ "ንዝተቐደሰ ወንጌልካ ንምስምዑን ምፍጻሙን ክንበቅዕሲ ብመንገዲ ጸሎት ቅዱሳንካ ብቑዓት ግበረና"። እዚ ሚከት ከኣ ወንጌል ንምስማዕ ብቑዓት ክንከውንን ጸሎት ናይ ቅዱሳን' ሙን ዘድልየና የርኢ። እቲ ድያቆን፡ "ቅዱስ ወንጌሉ ንምስማዕ ብፍርሓት እግዚኣብሔር ንተንስእ . ." ብምባል ምስ ኣዜመ ድማ ብዘሎ ምእመናን ብድድ ይብል።

ብዘሎ ምእመናን ንኽብሪ ወንጌል ሓፍ ይብል፡ ኣብ ሚእከሎም ጳጳስ ወይ ፓትርያሪክ ምስ ዝሀልው ድማ ከም ምልክት ክብሪ ንቃል እግዚኣብሔር ኣኽኪሉ ብምሙጻእ ይቕሙም።
እቲ ካህን ድማ ንመጽሓፍ ቅዱስ ልዕኪ ቑመት ርእሱ ሓፍ ብምባል ናብቲ ታቦት ገጹ ይቕርብ፡ እዚ ድማ ምልክት ዝርጋሔ ዜና ብስራት ናብ መካእ ዓለም እዩ....

ብምኩኣም ናይ ቤተክርስትያን ስብከታት ኮነ መደባት መንፈሳም ትምህርቲ ኣብ ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ ዝተመርኮሱ እዮም።

ንኣገዳስነት ቤተ ክርስትያን ኣብ ትውፊታዊ ስርዓት ኣመልኪትና፡ ሓደ እኳ ንመጽሓፍ ቅዱስ ዝጸረር ኣይንረክብን፡ እኳ ድኣ ኩሉ ነገር ብጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ ዝድገፍ እዩ። መካ' ሙን እታ ንእሽቶ ትውፊታዊት ርድኢት ኣብ ትምህርቲ ሓዋርያትን ብመጽሓፍ ቅዱስ ዝተጨበጠ ነገር እዩ።

ንመንገል ኣብ ናይ ወትሩ ጸሎትና ብቕጻኒ ንዕዘቦ።

እቲ ሓደ ምእመን መዓልታዊ ዝጽልዮም ናይ ሸሙዓተ ሰዓታት ጸሎታት ብቤተ ክርስትያን' ሙን ኣብ ጊዜ ቅዳሴን ጉባኤታትን ይጽለዩ እዮም። እዞም ጸሎታት እዚኦም ብዙሓት መዛሙርን፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰዓትን ጸሎት ሓደ መንገልን ዝሓቑፉ ኮይኖም ኣብቲ ብንግሆ ዝግበር ጸሎት' ሙን ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ኤፌሶን ዝጸሓፎ መልእኽቲ ከም መእተዊ ተገሩ ኣሎ። በዚ ድማ ነዚ ናይ ወትሩ ጸሎት ብዘይምብታኽ ዝጽኪ ዘበለ ብርግጽ ብልቡ ብዙሓት ምዕራፋት ካብ ቅዱስ መንገልን ሓያሎ ካብ መዛሙርን ከመሃር እዩ።

እቶም ሸሙዓተ ምስጢራት ቤተ ክርስትያን ኣብ ዝፍጸምኡም እዋናት' ሙን ንባባት መጽሓፍ ቅዱስ ይግበር እዩ።

ንኣብነት ንዝሓመመ ኣብ ዝግበር ቅብኣት ኣብቶም ዝግበሩ ሸሙዓተ ጸሎታት ሸሙዓተ ምዕራፋት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ይንበቡ። ኣብቲ ንመጠመቒ ዝኾነሙን ሚይ ንምቕዳስ "ምብራኽ ሚይ" ዝግበር ስርዓት ሙን ብዙሓት ምዕራፋት ካብ መንገል ይንበቡ። መካ ሙን እቶም ኣብ ቅዳሴ ዝካይዱ ጸሎታት ዝበዝሑ ካብ መንገል ዮሃንስ (20፡22,23) ዝተመስዱ እዮም።

እዚ ነገር' ዚ ኣብ ፍኩያት በዓላትን ምስጢራት ኣብ ዝግበር ጸሎት' ሙን ይስርሕ።

ኣብ እዋን ምንጻግ (ምሕጻብ) ዝተቀደሰ ሚይ (ኣብ ጊዜ ጥምቀት ፡ ኣብ ሐሙስ ጽግቦን ዝግበር ምሕጻብ እግሪ፡ በዓለ ጴንጠቆስጠን) ሓያለ ምዕራፋት ካብ ብሉይ ኮነ ሓዲሽ ኪዳን ይንበቡ እዮም። ቤተ ክርስትያን ኣብ ምብራኽን፡ ሓድሽ ቤት ኣብ ምቕዳስን ኮነ መነኮሳትን ባሕተውትን ኣብ ምቕባእን' ሙን ይንበብ።

ኣብ ዋዜማ ናይ "ቀዳመ ብርሃን" ብኽልኢ ኣጸውዓ "ኣቡቐኪምሲስ" መጽሐፍ ራእይ ዮሐንስ ብምክእታ ምስ ብዜማን ብፍካይ ከኣ ካብ መጻሕፍቲ ብኩይ ኪዳን እናተሰነየ ይንበብ። ኣብ እዋን ሰሙነ-ሕማማት ብዙሓት ምዕራፋት ካብ ብኩይ ኪዳን ኮነ ሐዲሽ ኪዳን ይንበቡ። ኣብ ጊዜ ዓብይ-ጾም፡ ጾመ ነነዌ ኮነ ጸሎተ ፋሲካ ሐያክ ምዕራፋት ካብ ብኩይ ኪዳን ይንበቡ። መጽሐፍ ቅዱስ ብመሰረቱ ኣሰራርዕኡ ናይ መዝሙር እዩ።

ካብዚ ንካዕኪ'ኸ ንመጽሐፍ ቅዱስ ክብሪ ክመሃብ ምቲኸእኪ'ኮ፧!

ፓትርያሪክ ኮነ ጳጳስ ኣብ ዝቕብኡኩ ጊዜ መጽሐፍ ቅዱስ ኣብ ኣራእሶም ይንበር እሞ በዚ ኸኣ ንምህርኡ ምእዙዛት ይኸኑ።

ቀጺሕ ምሳኽትኩም ብዛዕባ ምንባብ መጽሐፍ ቅዱስ ኣብ ህይወትኩም ዝህልም ጥቕምታት፡ ብኸመይ ከም እተንብብዎን ምስኡ ዝህልወኩም ዝምድናን ክዛረብ ምደሊኹ።

ምስ መጽሐፍ ቅዱስ ዝህልወኩም ዝምድና ንምዕሚቕ ውን ገለ ልምምዳት ክህበኩም ምፈተኹ።

ዝምድናኸ ምስ መጽሐፍ ቅዱስ

ምስ መጽሐፍ ቅዱስ ዝህልወካ ዝምድና ኣብ ገለ ገለ ወይ ውሱናት ነጥብታት የተኩር። እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ዝኾነ ነጥቢ ከኣ፡ ምሙናን መጽሐፍ ቅዱስ፡ ኣብ ሚሕበርካ ምዕቃቡ፡ ምንባቡ፡ ምርድኡ፡ ኣብኡ ምስትንታን፡ ምጽንዑን ምምሃሩን እዩ። እቲ ቀዕኪ ኩኩ ዝኾነ ከኣ ብመገዱ ምጉዓዝን ንትእዛዛቱ ከኣ ናብ ህይወት ምቕያሩ እዩ።

1. ምሙናን መጽሐፍ ቅዱስ

ሚንም ሰብ ኣብ ጣውላኡ ዘንብቦን ዘጽንዖን ዓቢ ሕታም ወይ ውን ኣብ ሚሕፉዱኡ ወይ ኣብ ናይ ኢድ ቦርሳ እትቕመጥ ካብኡ ዘይትፍከ ንእሽቶ ሕታም መጽሐፍ ቅዱስ ክውንን ግድነት ኣኪሙ። ኣብ ኩኩ ጉዕዞኡ ኮነ ናይ ስራሕ ሰዓታቱ፡ ናይ ዕረፍቲ ጊዚኡ ኮነ ምስ ሰባት ኣብ ዝቕመጠኩ እዋን ከኣ የስንዮ።

ኣብ ዝመጸኩ ኮነ ዝወጽኣኩ፡ ኣብ ዝኸደኩ ኮነ ዝጓዓዘኩ ከኣ ብጸዩ ይኸውን። ብዘይ ብእኡ ፍጹም ወካ ሓንቲ ክገብር ከም ዘይክእል ይኸውን። ንምምልኡ እንተደኣ ረሲዑ ውን ሓደ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር ከም ዝረስዕ ይፍለጦ።

ኣነስ መጽሐፍ ቅዱስ ኣብ ቤትና ኮነ ኣብ ህይወትና ጋሻ ከይከውን ይፈርሕ፡ "..ርእሱ ዘጸግዓኩ ሰፍራ የብሉን" (ኩቃ 9፡58), ወይ ውን ንሱ ርእሱ ኣብ ቤተ መጻሕፍትኻ ወይ ኣብ ጣውላኻ የንብር ይኸውን ኣብ ኣእምሮኻ ወይ ልብኻ ግና ኣይኮነን! እወ፡ መጽሐፍ ቅዱስ ብምሙናን ኣብ ቤትካ ብርቂ ነገር ንምኻን ወይ ኣብ ሚሕፉዳኻ ከም ሰራይ ሚከይ ኣይኮነን፡ ግድን ንናይ ቀጻሒ ተጠቃምነትካ ክኸውን ይግባእ። ኣብኡ ፍቅሪ እንተ ዘየሕዲርካ ኸኣ እዚ ዓይነት ምሕዝነት ምስ መጽሐፍ ቅዱስ ከተጥርዮ ኣይትኽእልን ኢኻ...

2. ፍቅሪ መጽሐፍ ቅዱስ

ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ፍቅሪ ይሃልወካ ምኽንያቱ መጽሐፍ ቅዱስ መልእኽቲ እግዚኣብሔር ናባኻ እዩ። ምስ ፍቅሪ ከኣ ትቕበሎ።

እዚ ልክዕ ከም ሓደ ሰብ ካብ ዘፍቅሮ ሰብ ደብዳቤ ዝቕበል እዩ። መመሀሩ የንብባ እዚ ድማ ንዕኡ ፍቱው ዝኾነ ቃላት ስለ ዝሓቑፍ እዩ... ከምቲ ነብዩ ዳዊት ንቃላት እግዚኣብሔር ኣመልኪቱ ዝበሎ፡ "ካብ መርቂ፡ ኤረ ካብ ብዙሕ ጽሩይ መርቂ እኳ ዚሕረ እዩ... ካብ መዓር፡ ኤረ ካብ መዓር መልካ ዝጥዕም እዩ" (መዝ 19፡10)፡ ኣብታ ነዋሕ መዝሙር ከኣ፡

"ቃላትካ ንትንሒገይ እምብላ ጥዑም እዩ፡ ንኣፈይ ካብ መዓር ዝበለጸ ይምቅራ!" (መዝ 119፡103)።
ቀጺሉ ውን ይብል፡ "... ስለዚ ንትእዛዝካ ካብ መርቂ፡ ካብ ጽሩይ መርቂ ኣብሊጸ እፈትዎ ኣለኹ!" (መዝ119፡127)፡ "ቃልካ ኣዝዩ ጽሩይ እዩ፡ ባርያኻ ውን የፍቅሮ ኣሎኹ" (መዝ119፡140)፡ "ከምቲ ብዙሕ ምርኮ ዝሚረኽ፡ ብቃልካ ባህ ይብለኒ ኣሎ" (መዝ 119፡162)፡ "እንሆ ትእዛዛትካ እናፍቕ ኣለኹ" (መዝ 119፡40)፡ "በቲ ዘፍቅሮ ትእዛዛትካ'ውን ባህ ክብል እየ" (መዝ 119፡47)፡

“ንምስክራትካ አፍቀርኩ” (መዝ 119፡119)፡ “ኩሉ ፍጹምነት መመዳእትኡ ርኢኹ፡ ትእዛዛትካ ግና ኣዝዩ ርሒብ እዩ” (መዝ119፡96)። መሲኹ ውን ይብሉ፡

“ሕግኻ ደስታይ እንተዘይነብርሲ፡ ዛጊት ብመከራይ ምጠፋእኩ ነይረ” (መዝ119፡92)።

ስለዚ ከኣ መጽሓፍ ቅዱስ ተፍቅር እንተድኣ ኮይንካ፡ ካብ ምንባቡ ሓጐስን ፍስሃን ክትረክብ ኢኻ። እዚ ደስታ እዚ ኸኣ ብቐጻሊ ጽንዓት ከም እተንብቦን ኣብኡ ከም እተስተንትንን ይገብረካ።

3. ትግሃት (ጽንዓት) ኣብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ

ቀዳማይ መዝሙር ብዛዕባ እቲ ዝተቐደሰ ብጹዕ ሰብ ከምዚ ይብል፡

“... ብሕጊ እግዚኣብሔር ደኣ ዚፍሳህ፡ ነቲ ሕጉ ውን ከይትን መዓልትን ዝምርምሮ’ (መዝ 1፡2)።

እዚ’ዩ ድማ እቲ እግዚኣብሔር ንኢያሱ ወዲ ነዌ ዝሃቦ ትእዛዝ፡ “ነቲ ኣብኡ እተጻሕፈ ምእንቲ ተጠንቂቕካ ክትገብሮስ፡ መዓልትን ከይትን ኣስተንትኖ እምበር፡ እዚ መጽሓፍ ሕጊ እዚ ካብ ኣፍካ ኣይትፍከ” (ኢያ 1፡8)

መዓልታዊ ብስሩዕን ብዘይምብታኽን እንተተግቢሩ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝያዳ ጥቕሚ ክህልዎ ኢዩ።

እዚ ድማ መንፈስ ናይቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣባኽ ብምስኪኽ እቲ ጽልዋኡ ኣባኽ ንኽጸንዕ እዩ። ብድሕርዲ ምንባብ ልመድ ተግባርካ ክኸውን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ዝተዋጽኡ ጥቕስታት ተንብብ እሞ ኣብ ጊዜ መዓልቲ ከኣ ምንጪ ኣስተንትኖኽ ኮይኖም ይሙዕኩ። ኣብ ስጉምትኽን፡ ትኣትወኩን ትወጸኩን እዋናት ንኣእምሮኽ ይመክእ። ካልእ ምዕራፍ ውን ቅድሚ ምድቃስካ ተንብብ እሞ፡ ብዛዕብኡ ቅድሚ ንድቃስ ምኽንያካ ትሓስብ፡ ኣብ ሕልምታትካ ከይተረፈ ውን ይዕጅቡኽ...

ትግሃት ኣብ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ንሓደ ሰብ ብእኡ ኽድሰትን ምስኡ ኽዛመድን ኣብ ሓሳባቱ’ውን ቀጻሊ ክኸውን ይሕግዝ....

በዚ ከኣ ንስኽ’ውን ብመሰረት ትእዛዛቱ “ኣብ ሕጉ ከይትን መዓልትን ክትመራመር” የኽእለካ። እዚ ምስትንታን’ዚ ነቲ ዓቢ ንጉስ ነብዩ ዳዊት ወይ ዓቢ መስፍን ኢያሱ ምስ ብዙሕ ተጽዕኖታቱም ዝከኣል ካብ ነበረስ፡ ነቶም ብዘይ ጥርጥር ካብ ናታቶም ዝፈኽሰ ሓካፍነት ዘለናስ ክንደይ ኮን ክንገብሮ ምተገብኣ....፧!

መጽሓፍ ቅዱስ ብምንባብካ ዝሕግዙኽ ንዓኽ ዝጠቕሙ ኣገደስቲ ረቓሒታት ኣለሙ። ሓደ ካብኣም ከኣ፡

4. ብኣክብሮት ምንባብ

መጽሓፍ ቅዱስ ከተንብብ ከለኽ፡ ነቲ ንዓኽ ዝዛረብ ዘሎ ኣምላኽኽ ኢኽ እትሰምዕ ዘለኽ፡ ስለዚ ብኣኽብሮት ክትሰምዖ ይግብኣካ...

ኣብ ንባብካ ኣኽብሮት ክሳብ ዝሃለወካ ኸኣ ቃላት እግዚኣብሔር ከኣ ብእኡ መጠን ኣባኽ ጽልዋ ይህልዎ።

ምኽንያቱ ኣብዚ ጊዜ እዚ ልብኽ ንህላዌ እግዚኣብሔር ብምግንዛብ ክዳለው እዩ.. .በዚ ከኣ ቤተ ክርስትያን ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ከተንብበሉና ከኣ፡ እቲ ድያቆን ከምዚ ብምባል ብዓሙታ ይጽሙዕ፡ “መንገል ንምስሚዕ ብፍርሓት እግዚኣብሔር ንተንስእ”... ቅድሚ መጽሓፍ ቅዱስ ምንባቡ ከኣ እቲ ካህን ዕጣን ብምልዓል ከምዚ ብምባል ናይ ሓባር ጸሎት (...) ይጽሊ፡

“መሰረት እቲ ቅዱስ መንገልካ ዝብሎ ሰማዕትን ተግበርትን ኽንከውን ብቑዓት ግበረና...”

መንገል ንምስሚዕ ጥራይ ሓደ ሰብ ብቑዕን ዝተዳለወን ክኸውን ይግባእ። ነብዩ ሙሴ ነቶም ህዝቢ ነተን ዓስርተ ትእዛዛት ቅድሚ ምስምዖም ሰብነቶም ክቕድሱን፡ ቃላት እግዚኣብሔር ንምስሚዕ መታን ክበቕዑ ከኣ ንላልስቲ ዝኣክል ክዳለው ከም ዝጸውዐ ንዝክር (ዘጸ 19፡10-15)።

እቲ ንቃል እግዚኣብሔር ብሸለልትነትን ብዘይምግዳስን ዘንብብ ሰብ ብእኡ ክጽሎን ካብኡ ክጥቀምን ኣይክእልን እዩ።

መጽሐፍ ቅዱስ ብኣኽብሮትን ምእዘዝን ምንባብ ክንመሃር ይግባእ.. ኣብ ቤት መቕደስ ወንጌል ኣብ ዝንበቡሉ እዋን፡ ሓፍ ብምባል ከም እትቕሙም፡ ጳጳስ ወይ ፓትሪያሪክ እንተከሙ ከኣ ዘሙዶም ብምሙጻእ ክብሮም ንቃል እግዚኣብሔር ከም ዝገልጹ ንዘክር። ስለዚ ኣብ ቤተ ክርስትያን ምስ ሓደ መንፈስ ኣብ ቤትካ መሂስካ ምስ ካልኣ መንፈስ ኣይትኹን... መጽሐፍ ቅዱስ ኣብ ምንባብ ኣገዳሲ ካልኣ'ከ እንታይ ኣሎ፧

5. ብርድኢት ምንባብ

ኣብ ዕምቆት መለኮታዊ ቃላት ብምእታው እንታይ ማለት ምኻኑ ተገንዚብ...

ብኣስተንትኖን ዕምቆትን ኣንብብ። **"እቶም ጠቢባን ከም ምንጽብራቕ ጠፈር ኪበርሁ እዮም"** (ዳን12፡3)

ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ካብ ኪቃውንቲ ኣይሁድ ነበሩ። ምስዚ ግና፡ ንቃል እግዚኣብሔር ክርድእም ወይ ንመደብ እግዚኣብሔር ክፈልጥም ኣይክኣኩን... ንኣብነት መዓልቲ ሰንበት ከም ቅድስቲ መዓልቲ ምዝካራ ንዝተኣዘዘ ትእዛዝ ፍጹም ኣይተረድእምን። ከኣብ ክርስቶስ ብምሳሌ እቲ ሕያዋይ ሳምራዊ ዝገለጸሎም ከኣ ንትርጉም "ብጻይ" ይርድእም ኣይነበሩን...

ርድኢት ከም ረቂሒ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር እዩ። በዚ ድማ እግዚኣብሔር ከምዚ ኢሉ፡

"ህዝበይ ሰኣን ፍልጠት ይጠፍእ ኣሎ" (ሆሴ 4፡6)።

ፍልጠት ካብ ዝጠልቦ ነገር ኣብ ሓደ ጥቕሲ ምምርኻስ ኣይኮነን። መጽሐፍ ቅዱስ ሓደ ሓረግ ወይ ጥቕሲ ዘይኮነ ምሉእ መጽሐፍ እዩ። ጥቕሲ ንበይና ከኣ ምሉእ ዝኾነ ትርጉም ናይ ዕላማን ትእዛዝን እግዚኣብሔር ኣይትህበናን እያ... ስለዚ፡

ንሓደ ዛዕባ ንዘመልክቱ ወይ ዝዛመዱ ጥቕስታት ብምእካብ ምሉእ ዝኾነ ትርጉም ተቐበሉ።

ገለ ካብቲ ንቃል እግዚኣብሔር ንኽትርድኡ ዝሕግዘካ ረቂሒ ድማ፡

ብመንፈስን ብዕምቆትን ምንባብ...

ብዘይ ርድኢትን ኣስተንትኖን ክንደይ ብዝሒ ዝኣክል ኣንቢብካ ዘገድስ ኣይኮነን!! ጥቕምኺ እንተኾነ ኣብ ዕምቆት ናይቲ ንሙሻጠ ልብኺን ሓሳብካን ብምእታው ንስምዒትካ ከም ዝትንክፍ ዝገብር እተንብቦ ነገር እዩ ዝምርኮስ።

ስለዚ ንቃላዊ ትርጉም ጥራይ ዘይኮነ ንመንፈስ ናይቲ ትእዛዝ ብዕቱብ ሓዙ።

ከምቲ ጐይታ ዝበሎ ቃል ኣምላኽኺ "መንፈስ እዩ ህይወት'ሙን እዩ" (ዮሓ 6፡63)

ከምቲ ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ቃል ብቓኩ ብክልስ ሓሳባዊ መልክዑ ምርድኡ እኹል ኣይኮነን። እቲ ኣገዳስነቱ ኣብቲ መንፈሳዊ ርድኢት ናይ ኣተራጉምኡ እዩ። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ'ዚ ከምዚ ኢሉ ኣሎ።

"... ፊደል ይቕትል፡ መንፈስ ግና ህያው ይገብር" (2ኛቆሮ 3፡6)

ንመንፈሳውነት ወይ ሠረተ-እምነት (ዶግማ)፡ እምነት ዝምልከት ሙን ርድኢት መጽሐፍ ቅዱስ እቲ ቀንዲ መሰረታዊ ነገር እዩ።

ብዙሓት ሰባት መጽሐፍ ቅዱስ እናንበቡ ክነሶም ንትርጉሙን ምትእስሳሩን ስለ ዘይግንዘብዎ ንብካሽ ይህሙትቱ ነበሩ። "እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዝብለን ዘሎ" (ራእ 3፡6) ኣይተረድእምን። ንዕኡ ክብሪ ይኹኖ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሙን ከምዚ ይብል "መጻሕፍቲ ወይሲ ሒይኪ ኣምላኽኺ ሰኣን ምፍላጥኩም ትጋገዩ ኣሎኹም" (ማቴ 22፡29)። ስለዚ ናይ እተንብብዎ ዘበለ እንታይነት ክትርድእም ፈትኑ። ምርድኡ ምስ ዘይትኽእል ድማ፡ ሕተትን ተመኽስን... .

ብዙሓት መናፍቓን መጽሐፍ ቅዱስ የንብቡ ነበሩ። ብብዙሓት ሙን ከም ኪቃሙንቲ ይቑጸሩ እኳ እንተነበሩ ሰእን ምርድኡም ግና ካብቲ ቅኑዕ መንገዲ ብምግላስ ይህሙትቱ ነበሩ።

ወይ'ሙን ምናልባት ሓደ ሓደ እዋን ንሓንቲ ጥቕሲ ካብ መጽሐፍ ቅዱስ ቁንጪኡም ብምሙጻእ ነቲ ካልእ ጥቕስታት ይጐስይዎ እሞ፡ በዚ ድማ ርድኢቶም ምኩእ ኣይከሙንን "ከም ኣብነት ጐይታ "...ኣቦይ ካባይ ይዓቢ እዩ" (ዮሓ 14፡28) ዝበሎ ቃል ንሙሰድ። ነዛ ጥቕሲ እዚኣ ቦጥቂኡም ብምሙጻእ ነታ "ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና" (ዮሓ 10፡30) እትብል ጥቕሲ ግና ይጐስይዋ።

ወይ ገለ ካብኣቶም ከኣ ከምዚ ይብሉ፡ እቲ ሓዋርያ "ብጐይታ ኢየሱስ እመን እሞ ንስኻን ቤትካን ክትድሕኑ ኢኹም" (ግብ16፡31) እዩ ዝበለ ይብሉ እሞ ነቲ ጐይታ "ዝኣመነን ዝተጠምቀን ኪድሕን እዩ" (ማር 16፡16) ንዝበሎ ቃል ግና ኣይጠቕስምን።

እምበኣርከስ ዝኹነ ይኹን ሰብ ከምዝን ከምትን ተጻሒፉ ኣሎ ምስ ዝብለኩም፡ ጐይታ ድማ "ጽሑፍ ድማ ይብል ..." (ማቴ 4፡7) እዩ ዝበለ ብምባል መለሱ።

ሓደ ዝቕሓረ ሰብ ከምዚ ብምባል ተጻሒፉ ኣሎ... "ገጽ እንተ ሓዘኑ፡ ልቢ ይበርሀ እዩ" (መክ7፡3) ምስ ዝብለካ፡ "ብጐይታ ኩሉ ሳዕ ተሓጎሱ፡ ደጊመ ተሓጎሱ እብል ኣለኹ" (ፊሊ 4፡4) ዝብል ጽሑፍ ሙን ኣሎ ብምባል መለሰ። "ንኹሉ ዘዘመኑ ኣለም.... ንብኽያት ጊዜ ኣለም ንሓዘን ጊዜ ኣለም" (መክ 3፡1-4) ዝብል ሙን ተጻሒፉ ኣሎ። በዚ መንገዲ'ዩ ንዘንበብካዮ ብምርዳእ ልቦና እተጥሪ...

ብዛዕባ ቅድስና ሰንበት ድማ ኣድሽንቲሳውያን "ንመዓልቲ ሰንበት ክትቅድሳ ዘኽር" (ዘጸ 20፡8) ዝብል ተጻሒፉ ኣሎ ብምባል ምስ ዝከራኽሩኽ፡ ከምዚ ዝብል ሙን ተጻሒፉ ከምዘሎ ሓብሮም፡ "ደጊም ብብልዕን መስተን ወይ ብምብዓል በዓላት ወይ ብሰርቂ መርሒ ወይ ብሰናብቲ ዝመጸ ሓደ እኳ ኣይፍረድኩም። እዚ ነቲ ዝመጽእ ጽላሎቱ እዩ" (ቆላ 2፡16-17)።

ጥቕስታት መጽሐፍ ቅዱስ ብሓደ ምስ ዝእክቡ ሕብረት ዘይምግጣሙን፡ ዕምቆት ርድኢትን ምፈጠሩ።

ካልእ ብዛዕባ ዝምድናኽ ምስ መጽሐፍ ቅዱስ ዘይተባህለ'ኽ፡ ካልእ ኣገዳሲ ነጥቢ'ሙን ኣሎ ንሱ ከኣ

6. ካብ መጽሐፍ ቅዱስ ጥቕስታት ምዝካር

ንገለ መንፈሳዊ መትከላት ወይ ሠረተ-እምነት ኮነ እምነት ዝሙክሑ ጥቕስታት ወይ ንዓኺ ዘትብዑን ዝምችኡን ካብ ኣምላኽኺ ዝተዋህቡ መብጽዓታት ወይ ሙን ንዓኺ ዘሳትፉ መልእኽታት ኣብ ዝሐቕፉ ነገራት ካብ መጽሐፍ ቅዱስ ክትዝክር ፈትን። ነዞም ጥቕስታት እዚኣቶም ብኣስተንትናዊ መንገዲ ደጋግሞም እሞ ናብ መንፈስካን ትሕተ ንቕሓታዊ ኣእምሮኽን ከሰልኩ እዮም። እዚኣም ኣብ ዝኽርኺ ብምሙቃር ድማ ኣብ ዚድከየኩ እዋን ምንጪ ቅሳነትን ደገፍን ይኹኑኺ።

ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ከተጽንዖም ዘኸኺ ጥቕስታት ብዙሕ ኣብነታት ኣለሙ።

ገለ ንጥቕስታት "ኣንቀጸ ብጹዓን" (ማቴ 5፡7) ወይ ባህርያት ፍቕሪ (1 ቆሮ 13) ወይ ኣብ መልእኽቲ ሮሜ 12, 1 ተሰሎንቄ 5, ገለ ክፋካት መጽሐፍ ምሳሌ፡ መጽሐፍ መክብብ ዘሎ መንፈሳዊ መዘክርታታት ፡ ኣብ ኦሪት ዘጸኣት 20, ኦሪት ዘዳግም 5, ዘከዋ ዓሰርተ ትእዛዛት፡ ብርክት ዝበለ ካብ መዛሙር ዳዊትን ጸሎት ነብያትን ወይ ዝተፈላለዩ ከተንብብ ከለኻ ንልብኻ ዝትንክፉ ጥቕስታት፡ ወይ ዝተፈላለዩ ንኽብታት ፡ ሠረተ-እምነት፡ እምነት ዝምልከቱ ጥቕስታት ወይ ንመንፈሳዊ ሜላታት ዝሕግዙ ጥቕስታት . . ካልእ ብዙሓት ኣብነታት ከተጽንዕ ትኽእል ኢኻ።

ሓደ መንፈሳዊ ሰብ ንመዓልቲ ሓንቲ ጥቕሲ ዝዝክር እንተድኣኮይኑ፡ ኣብ ዓመት ምኩእ'ኽ ክንደይ ዝኣክል ክዝክር እዩ፧.....

ኣብ ብዙሕ ዓመታት'ኽ ክንደይ ዝኣክል ይዝክር፧! መላ ሙን ንበል ሓንቲ ጥቕሲ ኣብ ሰሙን ይዘክር ንበል። ኣብ መመዳእታ እታ ዓመት 52 ጥቕስታት ብዘይጥርጥር ክዝክር እዩ ወይ 520 ጥቕስታት ኣብ ሙሽጠ 10 ዓመታት፡ ከምዚ ብምግባር ከም ቑራቦ እዩ ዝሙሰድ፡ ንሕልናኡ ከኣ ይቕስቅስ።

እቲ ሕጂ ዝተርፍ ነዞም ጥቅስታት እዚኣቶም ኣብ ግብሪ ምውዓል እዩ.. ንመንፈሳውያን ተመሃሮይ ኣነ ወትሩ በዚ ዛዕባ ደጋጊመ ዝብሎም ዝነበርኩ ኣሎ፡

መንገል ተመሃሩ እቲ መንገል ከኣ ክሕልወኩም እዩ...

መዝሙር ተመሃሩ እዞም መዛሙር ከኣ ክሕልውኹም እዮም...

እዚኦም ግና ብኽመይ እዮም ዝሕልውኽ፧ ኣብዚ ብዛዕባ ነብዪ ዳዊት ብዙሓት ኣስተንትኖታት ኣለዎ። ቀጺሉ ናብ ካልኣ ኣርእስቲ ክንኸይድ ንሱ ከኣ፡

7. ኣስተንትኖ ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ

ካብ መጽሐፍ ቅዱስ ዘንበብካዮ ዘበለ ኮነ ካብ ጥቅስታት እትዝክር ዘበለ ምንጪ ኣስተንትናኻ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምስ መንፈስካን ሓሳባትካን ብምትሕንፋጽ ንዓኻ ዘነቓቕሑ ውጽኢት ክትረክብ ኢኻ። ነፍሲ ወከፍ ቃል ኣብ ውሽጢ ልብኻ እናሻዕ ዝሕደስን ዝዓብን ናብ መንፈሳዊ ሃዋህው ዘምርሕ ትርጉም ኮነ ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ክትግንዘብ ኢኻ።
ስለዚ ምንባብ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ እተንብቦ ዘበለ ብዕምቆት ክተስተንትን እየ ዝምዕደካ፡ ኣብ ብኣስተንትኖ እትኽእል ነገራት ናተይ ዓንቀጽ ጽሑፈ ኣለኹ።

ካልኣ ንንባብ መጽሐፍ ቅዱስ ዝምልከት ምኽሪ ከኣ፡

8. ብናይ ጸሎት መንፈስ ኣንብብ

ንባብካ ንእግዚኣብሔር ርድኢቱን ፍቓዱ ክገልጸልካን ብምጽላይ ፈልም። ነብዪ ዳዊት ኣብታ ነዋሕ መዝሙሩ ብዝበሎ ጸልይ፡

“ኣብ ሕግኻ ተኣምራት ክርእስ ኣዒንተይ ክፈቱሉይ” (መዝ 119፡18)

ንዘንበብካዮ ንምትግባር ሓይሊ ክህበካ ከምቲ ርድኢት ዝሃበካ ከኣ ሃረርታን ድሌትን መታን ክህበካ ንጐይታ ብምሕታት ንባብካ ብምጽላይ ደምድም። ።

ከምቲ መጽሐፍ ቅዱስ “ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ” (ምሳ 3፡5) ዝብሎ ንንባብካ ብጸሎት ኣሰንዮ። ብመንገዲ ጸሎት መልእኽቲ ካብ ኣምላኽ ክትቅበል ፈትን።

ገለ ገለ ሰባት ሓደ ኣቐዲሞም ዝመጠንዎ ዝተመሰነ ሓሳብ ኣብ ኣእምሮኦም የእትው እሞ ነዚ ብእኡ ኣእምሮኦም ዝሰርዕኩ ሓሳብ ንምጭባጥ ጥቅስታት ንምንዳይ ኢሎም የንብቡ። ወይ ውን ነቲ ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ተጻሒፉ ዘሎ ናብ ናይ ገዛእ ርእሶም ኣተሓሳስባታት ንምጭፍካቕ ይፍትኑ” ንስኻ ግና ነዚኣቶም ኣይትምሰል፡ ንክትመሃርን ንክትፈልጥን ድኣ ኣንብብ።

ኣብዚ ከተተግብሮ ዝግበኣካ ኣብ ጸሎትካ ናይ ትሕትና መንፈስ ምህላው እዩ...

በቲ ብእኡ ኣቢልካ ንምህሮ ናይ መጽሐፍ ቅዱስ እትግዛእ/ እትንብርከኻ ትሕትና፡ ብእኡ ኣቢልካ'ውን ንኣተሓሳስባኻ እትቅይርን እትእርምን... እቲ ምስ ነብዪ ዳዊት እዚ ብምድጋም ፍልጠት ብእኡ ኣቢልካ እትሓትት ትሕትና “ም እግዚኣብሔር ጐደናታትካ ኣፍልጠኒ፡ መገድታትካ መሃረኒ” (መዝ 25፡4)። ኣብ እተንብበሉ ንዕኡ ከምዚ ብምባል ሕተቶ።..

“ጐይታይ፡ እንታይ ክገብር ትደሊ ኣሎኻ፡” (ግብ 9፡6)

ብዛዕባ ክትገብሮ ዘለካ እቲ ኣነ ድሒረ ክዛረበካ ደልየ ዘለኹ ዛዕባ እዩ።

ሙጽኢት ምንባብ መጽሐፍ ቅዱስ

ኣብ ቤትካ ዝህልም ቦታን ንዕኡ ዝምልከት ልምምድን

ብስሙ ዝተቐደስ ይኹን፡ ሐደ ካብቲ ንሙጽኢት ቃል ኣምላኽ ብኣዝዩ ንጹር መንገዲ ዝገልጽ ጥቕሲ ብእኡ ዝተነግረ እዩ "እቲ ኻብ ኣፈይ ዚወጽእ ቃለይ ከኣ ከምኡ ኪኸውን እዩ፡ ነቲ ኣነ ዚደልዮ ኬስልጥ፡ ኣብቲ ኣነ ዝሰኣኾ ኬቕንዕ እዩ። እምበር ብኽንቱ ናባይ ኣይክምለስን እዩ" (ኢሳ 55፡11)።

እው፡ ቃል ኣምላኽ ንኽንቱ ኣይምለስን እዩ"

ንሱ ሐይልን ሙጽኢትን ኣለዎ። እቶም ንሐይሊ እግዚኣብሔር ኣብ ሀይወቶም ዝተሞከሩሉ ሰባት ነዚ ሐይሊ ናብ ካልኦት ከሕልፍዎ ክኢሎም እዮም። .... ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ንሐይልን ሙጽኢትን ናይዚ ቃል ኪገልጽ ከሎ ከምዚ ይብል "ቃል ኣምላኽ ሀያሙን መስከጥን እዩ እሞ ካብ ክልተ ዝኣፋ ሰይፊ ዚበልሕ እዩ፡ ነፍስን መንፈስን መፈላለዩ ኣካላትን ኣንጉዕን ክሳዕ ዚፈላለ ዚሰጥም፡ ኣብ ምሕሳንን ሓሳብ ልብን ክኣ ዚፈርድ እዩ" (ዕብ4፡12)።

ምናልባት'ሙን ሐደ ሰብ ከምዚ ክብል ይኽእል ይኸሙን፡ ስለምታይ እየ'ሞ ኣነ ብዘይ ርድኢት ዘንብብ፡

ብርግጽ እቲ ጌጋ ካብቲ ቃል ዘይኮነ ካባኻ እዩ። ቃል እግዚኣብሔር ከም ክልተ ዝኣፋ ሰይፊ እዩ። ንሱ ንስጋ ይቐርጽ ንኣእማን ግና ኣይቐርጽን። ስለዚ እግዚኣብሔር ኣብ መጽሐፍ ነብዩይ ሕዝቅኤል ከምዚ ይብል "ናይ እምኒ ልቢ ካብ ስጋኹም ከውጽእ ናይ ስጋ ልቢ ሙን ክህበኩም እየ" (ሕዝ 36፡26)። ስለዚ እቲ ንቃል ኣምላኽ ዝቕበል ልብኽ እንታይ ዓይነት ኢዩ፧ ናይ እምኒ ልቢ ድዩ ወይስ ናይ ከውሒ ልቢ፧ እታ ኣብ መኃልየ መኃልይ ብዛዕብኣ ተጻሒፉ ዘሎ ሹላማይት (ፍትሙተይ) ከምዚ ዝብል ድምጺ እግዚኣብሔር ናብኣ ክድህ እያ ዝሰምዐት "እቲ ኃብተይ፡ ፍትሙተይ፡ ርእሰይ ህቡ፡ ጕተናይ ክኣ ኣሙኪ ክይቲ መኪኡ እዩ እሞ፡ እቲ ርግበይ፡ ፍጽምተይ ክፈትኪይ" (መኃ 5፡2)። መካ እኳ ከምዚ እንተነበረ ግና ከተርሕመኩ ኣይክኣለትን፡ ምኽኒት ደኣ ደርደረት.... !

ቃል እግዚኣብሔር ሀያሙን ሙጹኢታሙን እዩ። ኣብቶም ንዕኡ ልቦም ብምኽፋት ኣብቶም ክዓይ ዝደልይዎ ክኣ ኣዕዚዙ ይዓይ።

ቃል እግዚኣብሔር ኵሚ ኣባኻ እንተዘይዓየየ ድሕሪ ዝተመሰነ እዋን ይዓቁ ይኽሙን... ንኽንቱ ግና ኣይምለስን እዩ።

ኣብ ትሕተ ንቕሓታዊ ኣእምሮኹም ጸኒዑ ክጸንሕ እዩ፡ ልብኹም ንዕኡ ምስ ተዳለመ፡ ኩነታት ኣብ ዝመጸሉኩ ቃል ኣምላኽ ናብ ዝኽርኻን ልብኻን ሰኪኹ ብምእታው ኣብ ሀይወትካ ሙጽኢት ክህልዎ እዩ።

እዚ ድማ ልክዕ ከምዚ ኣብ መጀመርያ ግብረ-መልሲ ኣብ ምሃብ ዘሎካ ልኡምነት ቅጽበታዊ ዝኽሙኑ፡ ሐጺር ግዚያዊ ልቡጥነት ቅድሚ ምብርባርካ ዘሎ እዩ። እዚ ድማ ልክዕ ከም እታ ኣብ መጽሐፍ መኃልየ መኃልይ ተጻሒፋ ዘላ ሹላማይት እዩ። መካ'ኳ ኣብ ፈለማ ማዕጸ ልባ ንምኽፋት ዕሽሽ እንተበለት፡ ድሒራ ግና ከምዚ ናብ ምባል ኣተወት "ፍትመይ ኢዱ ብነኺል ሰደደ፡ ሙሸጠይ ብእኡ ተደፋነቐ። ንፍትመይ ከፈትኩኩ፡ ፍትመይ ግና ድሮ ከይዱ ነበረ" (መኃ 5፡4-6)።

ኩኩ ኣብ ምድሪ ዝተዘርኣ ዘርኢ ብቕጽበት ፍሬኡ ይህብ ሚኸት ኣይኮነን። መዓልታት ወይ ኣዋርሕ ክመልድ ይኽእል....

እምበኣርከስ ንቃል ኣምላኽ ኣብ ልብኽን ሓሳባትካን ዕቐሮ። ብፍላይ ክኣ እቲ ዝግባእ ክንክን ብትግሃት ከይትን መዓልትን ስለ ዝልገስሎም፡ ካብቲ ንዕዮኡም ዘሰናኽል ሙሸጣዊ ይኹን ግዳማዊ ዕንቅፋት ምስ እትሕልዎም ኣብ ጊዜኡም ፍሬኡም ክህቡኽ እዮም....። ንሱ ማይ ከም ዘይሰተየ ዘርኢ ምድሪ እዩ። ስለዚ ኣብ ሙሸጡ ሀይወት ዝሓብእ ኮይኑ ይጸንሕ። ድሕሪ ዝተመሰኑ መዓልታት እቲ ማይ ናብኡ ምስ በጽሐ ግና ሀይወቱ ብምንጣፍ ይቕላዕ። እቲ ከምዚ ዝብል ቃል መጽሐፍ ቅዱስ ከመይ ግሩም እዩ፡ " ንእንጌራኻ ናብ ልዕኪ ማይ ስደዶ፡ ከመይሲ ድሕሪ ብዙሕ መዓልታት ክትረኽቦ ኢኻ" (መክ 11፡1)።

እምበኣርከስ ሀጹጽ ፍሬ እንተዘይረኽብካስ ብኣገሓሹትካ ተስፋ ኣይትቁረጽ....

ዓቃቕ ኩን ንእግዚኣብሔር ከኣ ተጸበዮ ኣይትሰላኽ። ኩሉ ነፍሲ ሐደ ዓይነት ኣይኮነን። ኩሳቶም ከኣ ንመቕሲ ፍጡናት ኣይኮኑን። ኩሎም ናይ ግዳም ኩነታት ሙን ምቑኣት ኣይኮኑን...።ገለ ነቲ ቃል ብምስማዕ ብቕልጡፍ ይልሙጥ፡ ካልኣ ሙን ነታ ቃል ኣብ ምፍጻም ንዝገጥሞዎ ግድካት ንምስዓብን ንምፍታሕን ትንታነን ምርዳእን ይደሊ።..

ገለ'ሙን ነቲ ቃል ንፍልጠት እምበር ንህይወት ዘይመስዶ ኣሎ።

ንሱ ነቲ ቃል በኣእምሮኡ ርድኢቱ ከስፍሕ እምበር ንልቡ ኬንጽህ መታን ብነፍሱ ኣይቅበሎን.. እዚ እዩ ድማ ኣብ ሞንጐ ሐደ ሰነ-ፍልጠታሙን መነኮስን (ባሕታሙን) ዘሎ ፍልልይ። እቲ ሰነ-ፍልጠታዊ ንመጽሐፍ ብምንባብ የጽንዕ፡ ይትንትንን ይትርጉምን ከምቲ ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ዝገብርዎ ዝነበሩ ሚኸት እዩ (ሚቱ 23፡2 ተመልከት)፡ ይመሃርዎ ግናኸ ኣየተግብርዎንኸ። ነቲ መነኮስ እንተተመልከትና ግና ልክዕ ከምቲ ነብዩ ዳዊት እዩ። ከምዚ ይብል "ንዓኸ ምእንቲ ከይብድልሰ፡ ንቃልካ ኣብ ልበይ ዓቐርክዎ" (መዝ 119፡11)። እዚ እዩ ድማ ካብ ቃል እግዚኣብሔር ዝሕልፍ።

ዕዩኡ ኣባኽ

ንቃል እግዚኣብሔር ግብረ መልሲ ብምሃብ ኣባኽ ክዓዩ እንተሓዲግካዮ፡ እቲ መሰከታዊ ቃል ኣባኽ እንታይ ዝዓዩ ይመስለካ፧ ብዙሕ ሙጽኢት ከም ዝህልዎ ዘጠራጥር የለን። እስኪ ንመልከቶም

1. ንዝተበታተነ ኣእምሮ ብምጥርናፍ ብመከከት ይመልኡ።

ሓሳባትካ ዝተበታተኑ ምስ ዝኾኑ ኣበየናይ ዛዕባ ይህሙትቱ ሙን ኣይትፈልጦምን ኢኺ "ምንባብ እንተኾነ ብሓፈሻ ንኣእምሮ ካብ ህሙተታ ብምእካብ ኣብቲ ተንብቦ ዘለኺ ዛዕባ ከም እተተኩር ይገብር። ንምንባብ መጽሐፍ ቅዱስ ፈኪና ምስ እንርኢ ከኣ ንሓሳባት ናብ ሙሉስ ዝኾነ ሚርሳ ይመርሕ። ኣብ ንባብካ እትህቦ ክብሪ ከኣ በቲ ንቃል እግዚኣብሔር እተርእዮ ኣኽብሮትዝያዳ ከም ተተኩር ይገብረካ። እዚ ኣተኩሮ እዚ ከኣ ናቱ መንፈሳዊ ሙጽኢት ክህልዎ እዩ።

2. ምንባብ መጽሐፍ ቅዱስ ርድኢት ምንቅቓሕን ፍልጠትን ይልግስልካ..

ስለዚ ኣብ መዝሙር ይብል "ቃልካስ ንእግረይ መብራህቲ፡ ንመገደይ ብርሃን እዩ" (መዝ 119፡105)፡ ወሲኹ'ሙን ይብል "ትእዛዛት እግዚኣብሔር ንጹህ እዩ፡ ንኣዕይንቲ የብርህ" (መዝ 19፡8)። በዚ ኢና ድማ ወንጌል እናተነበ ነዚ ምንቅቓሕ ንምዝካር ጥዋፍ እነብርህ። ንርድኢት ኣመልኪቱ ድማ መዝሙር ይብል "ምስክር እግዚኣብሔር እሙን እዩ፡ ንገርሂ የጥብቦ" (መዝ 19፡7)።

ብምሙሳኽ'ሙን ይብል "ምስክራትካ ምስትንታነይ እዩ እሞ ሓከፋ ኩሎም መምህራነይ ኪባም ኮንኩ" (መዝ 119፡99)፡ ምስዚ ርድኢት እዚ ድማ ሐደ ሰብ ንመገድታት እግዚኣብሔር ብምምሃር ብኽመይ ከም ዝትግብርን ናይ ምምህሚይን ሙህበትን ጥበብን ብኽመይ ይረክብን ከኣ ይፈልጥ። ብፍላይ ከኣ እቶም ብጹኣን ናይ መጽሐፍ ቅዱስ ሰባት ይዋስኡ ምስ እግዚኣብሔርን እቲ ህዝብን ብኽመይ ይራኽቡ ኔሮም ብግዳሴ ይምልከቶ። "ነቶም ቃል ኣምላኽኽ ዝነገሩኹም መራሕትኹም ዘክርዎም መመዳእታ ንብረቶም እናተቓመትኩም" (ዕብ 13፡7)።

3. ምንባብ መጽሐፍ ቅዱስ ናብቲ ትኽክለኛ እምነት ከይተረፈ እዩ ዝመርሓካ።

እዚ ግን ንባብካ ብርድኢት ብምምህሚይን ብምምራሕን ምስ ዝትግበር እዩ። ንነፍሲ ወከፍ ዛዕባ እምነት ከኣ ካብ ሐደ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ጥቕሲ ዘክር። እዚ እቶም ዓበይቲ ኣቦታት ቤተ-ክርስትያን፡ እቶም ጀጋኡ ናይ እምነት ዝገበርዎ እዩ። ንመጽሐፍ ቅዱስ ብምግንዛብ ኣብ ኣእምሮኦም ብዝነበረ ኣደናቒ ብዝሒ ጥቕስታትን እዮም ነቶም መናፍቓን ዝረትዑ።

4. መጽሐፍ ቅዱስ ነቲ ዘንብቦ ናብ ናይ ንስሓ ህይወትን መንፈሳዊ ዕቤትን ሙን ይመርሕ እዩ።

ኣብ ትሕቲ ብርሃን ትእዛዛቱ፡ ሓደ ሰብ ናይ ነብሱ ጸብጻብ በቲ ቅኑዕ መሕከሙ ከህብ ንሓጢኣቱን ድኽሚቱን ውን ክቕበሰ ኣብ ዝኽእከኩ ደረጃ ይበጽሕ እዩ። እቲ ካብኡ ዝድከ ካብ ሓጢኣቱ ምንሳሕ ጥራይ ዘይኮነ ብዓቢኡ ከምቲ ሓዋርያ ዝበሎ ናይ ቅድስና ህይወቱን ፍጹምነቱን ምብጻሕ እዩ፡ “ኣነ ቅዱስ እየ እሞ፡ ቅዱሳት ኩኑ። ዚብል ጽሑፍ ስለ ዘሎ፡ ከምቲ እቲ ዝጸውዓኩም ቅዱስ ዝኾነ፡ ንስኻትኩም ውን ብኹሉ ንብረትኩም ቅዱሳት ኩኑ” (1ጴጥ 15-16), ካልኣ ውን (ዘሌ 11፡44 ተመልከት) ። ጐይታ ውን ይብል “ እምበኣርከስ ከምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ፍጹም ዝኾነ፡ ንስኻትኩም ውን ፍጹማት ኩኑ” (ማቴ 5፡48)።

መጽሐፍ ቅዱስ ኣብነታት ብምቕራብ ብዛዕባ ናይ ጣዕሳ ህይወት፡ ቅድስናን ፍጹምነትን ዝምልከት ብደቂቕ ተዓቲቱ ኣሎ። ብምንጽጻር ከኣ ንሱ ይብል **“መጽሐፍቲ ብዘይ ምፍላጥኩም ትጋገዩ ኣሎኹም”** (ማቴ 22፡29)።

5. **ምንባብ መጽሐፍ ቅዱስ ነቶም ብሓጢኣት ዝፍተኑ ንኣእምሮን ንድኴትን ምቕኩልነት ይህብ።**

ምኽንያቱ እቲ ብቃል ኣምላኽን መንፈሳዊ ሃዋህው ናይ ንባቡን ዝተቐደሰ ሓሳባት ከመይ ኣቢሉ ብዘሕጥእ ሓሳባት ይራኸስ።

6. ኣብ ሰይጣናዊ ዘበለ ውግእ፡ ሓደ ሰብ ንሓጢኣት ብትእዛዝ ኣቢሉ ክምልስ ይኽእል።

እዚ መሰረት እቲ ማር ኦግሪስ ንናይ ሓሳባት ውግእ ኣመልኪቱ ኣብ መጽሐፉ ዝተንተኖ እዩ “ጊዜኻ ብዕላልን ከንቱ ዘረባን ተጥፍኦ እንተድኣ ኻይንካ፡ መጽሐፍ ቅዱስ ከምዚ ዝብሎ ቃል ዘኸር “ብዙሕ ዘረባ ኣብ ዘለም ኣብኡ ኣበሳ ኣይሰኣኖን” (ምሳ 10፡19)፡ ኣብ መዝሙር ውን ይብል “ጐይታየ ንኣፈይ ቀፈር ሸበረሉ፡ ደገ ከናፍረይ ከኣ ሓሉ” (መዝ 141፡3)።

ሰይጣን ብሓርቕት ምስ ዝዋግኣካ ከኣ፡ ሓዋርያ ያዕቆብ ዝበሎ ዘኸር “ኩራ ሰብኣይሲ ጽድቂ ኣምላኽ ኣይገብርን እዩ፡ ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ንምስማዕ ቅልጡፍ፡ ንምዝራብ ደንጓዩ፡ ንኹራ ደንጓዩ ይኹን” (ያዕ 1፡19-20)። ካልኣ ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ዝተጽሓፈ ውን ይብል “ ምስ ኮራዪ ሰብ ኣይትመሓዞ፡ ምስ ተቐጣዒ ከኣ ኣይትኺድ” (ምሳ 22፡24)።

ሰይጣን ብዘሀርፍ ሓሳባት ምስ ዝዋግኣካ ከኣ ከምዚ ዝብል ቃል ጐይታ ዘኸር “... ንሰበይቲ ዚጥምታ ኩሉ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመመ እብለኩም ኣለኹ” (ማቴ 5፡28)። እቲ ቅኑዕ እዮብ ዝበሎ ቃል ውን ዘኸር “ምስ ኣዒንተይ ኪዳን ተኣታተኹ፡ ከመይ ኢለ ደኣ ናብ ጎርዞ ግልጽ ክብል፡” (እዮ 31፡1)።

ስለዚ ከኣ ነዞም ጥቕስታት መጽሐፍ ቅዱስ ኣብ ኣእምሮኻን ልብኻን ኣጽኒዕካ ብምሓዝ ክትዝክሮም ብምኽኣል ጸላኢ ኣባኻ ንዝኣወጀም መንፈሳዊ ውግኣት ንምዃኻስ ተጠቀመሎም... ንትእዛዝ ምዝካር ጥራይ የሕንኽካን ሓጢኣት ካብ ምፍጻም ውን ይዕቅበካን እዩ። እቲ ዝሓጥእ ሰብ ምናልባት ትእዛዛት እግዚኣብሔር ኣብ ዝረስዓኩ ኩነታት እዩ ዝሓጥእ። ፍቅሪ ሓጢኣት ኣዕንዚዝም ኣሎ....

7. ቃላት መጽሐፍ ቅዱስ ኣብ እዋን ጭንቂ የደዓዕዱኽ ኣብ እትደኽመሉ ከኣ የጸናንዑኽ

ብዙሕ እዋን ብነብዩ ዳዊት ንእግዚኣብሔር ኣብ ዝዘመሮ መዝሙር ከምዚ ተባሂኩ ኣሎ “... ንቃልካ እጽበዮ ኣሎኹ” (መዝ 119፡81)። መሲኹ ከኣ ይብል “ ነቲ ንባርያኽ ዘተስፈኸዮ ቃል ዘኸር። ቃልካ ህያው ገይሩኒ እዩ እሞ እዚ ኣብ መከራይ መጸናንዕየይ እዩ” (መዝ 119፡49-50)። ... ብሰይጣናዊ ውግኣት ኣብ ዝገጠመኩ ከኣ ከምዚ ይብል “እግዚኣብሔር ምሳና እንተዘይነብርሲ፡ ሰብ ኪትንስኡና ከለው፡ ሸው ብህይወት ከሎና ምመሓጡና... ነፍስና ከም ዑፍ ካብ መፈንጥራ ሃዳናይ ኣምለጠት፡ መፈንጠራ ተበትከ ንሕና’ሙን ኣምለጥና። ረድኤትና ብስም እቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚኣብሔር እዩ” (መዝ 124፡2-3,7,8)።

ብዛዕባ ተስፋ ዝዛረቡ ቃላት መጽሐፍ ቅዱስ ብዝሑም ክንደይ እዮም....!

እቲ ንዐኣም ዘንብብን ዝዝክሮምን፡ ልቡ ክጸናናዕ ሰላም ከኣ ኪረክብ እዩ፡ ከምቲ ሓዋርያ ዝበሎ ውን “ብተስፋ ተሓጐሱ” (ሮሜ 12፡12).... ተስፋ እግዚኣብሔር ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ንነፍሲ ዜገርም ህድኣት ይህባ፡ ከምቲ ኣብ ጽሑፉ ዝብሎ “ኣነ ክሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ መዓልቲ ምሳኽኹም እየ” (ማቴ 28፡20)፡ “ጸጉሪ ርእስኹም ኩሉን’ኳ ቑጹራት እየን። እምበኣር ኣይትፍርሁ..” (ማቴ 10፡30-31)፡ “ኣነ ምሳኽ እየ እሞ፡ ክፉእ ኪገብረካ ዚቕርበካ የልቦን” (ግብ18፡10)... ብዙሓት ጥቕስታት ንዕኣም ይመስሉ... ነዚኣም ብምእካብ ዘኸርዮም...

ብዛዕባ እዚ ኩሉ ክላረብ ጊዜን ቦታን ክሓጽረኒ እዩ።

8. መጽሐፍ ቅዱስ ኩሉ ኣከም፡ ንነፍሲ ወከፍ ሰብን ነፍሲ ወከፍ ኩነታትን።

ኣብ ከመይ ኩነታት፡ ኣብ ከመይ ሰን ኣካላዊ ኩነታት ኣትኻ ብዘየገድስ ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ዘደንዕስ መክእኽቲ ክትረክብ ኢኻ። ኣብኡ ኩሉ ዘድልየካ ዘበለን ዝምችኣካ ነገርን ክትረክብ ኢኻ። ነቲ ኩሉ ስምዒታትን ጸለኾትን ዝሓቖፈ መዝሙር ዳዊት ከም ኣብነት ምውሳድ እኹል እዩ። መጽሐፍ ምሳሌ ውን ኩሉ ዓይነት ምዕዶ ኣከም። ነፍሲ ወከፍ መጽሐፍ ብጽቡቕ ኣንተመሪጽካዮን ተረዲእካዮን ናባኻ ዝተመሰነ መክእኽቲ እዩ ዝሓቑፍ . .

ኣጠቓቕማኻ ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ

1. ቅድሚ ኩሉ ከም ንዊት ጸለኾትካ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።

ከም ተመሳኻኢ ናይቲ ቅድምን ድሕርን ንባብካ እትገብሮ ጸለኾት፡ ምንባብ መጽሐፍ ቅዱስ ኣብ ሙሽጥኻ ንገለ ዝተመሰኑ ስምዒታት ይሙልዕ እሞ፡ ነዚኣም ናብ መልክዕ ጸለኾት እትቕይረሉ መንገዲ ክተናዲ ኢኻ። ስለዚ መጽሐፍ መዝሙር ምንባብ፡ብኽመይ ጸለኾትካ ከም እተቕርብን ምስ እግዚኣብሔር ብኽመይ ኣገባብ ከም እትዛረብን ይምህሩኻ። ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ዝጥቀሱ ናይ ኣምላኻኽ ሰባት እንከም ጸለኾት ናይ ነብዩ ዳኒኤል (ዳን 9)ን ጸለኾት እዝራን (እዝ 9) ጸለኾት ናሆም (ናሆ 1)ጸለኾት ንጉስ ሰለሞን (1 ነገ 8) ካልኦ ውን ጸለኾት ዮናስ ኣብ ከብዲ ዓሳ ኣብ ዝነበረሉ (ዮና 2)ን መዝሙር ናይ ሚርያምን (ኩቃ 1) ካልኦ ኩሉ ዝተረፈ ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ተጻሒፉ ዘሎ መዛመሩርን ጸለኾትን ኩሉ ውን ከምኡ እዩ።

2. መጽሐፍ ቅዱስ ንዊት ናይ ኣስተንትኖ ክኽሙን ይኽእል እዩ፡

ሓደ ዝተመሰነ ፍጻሜ ካብ ታሪኻዊ ክፋላት መጽሐፍቲ ብምምራጽ ወይ ኣብ ሓደ ካብዞም ትእምርትታት ወይ ጥቕስታት፡ ብልብኽን ብሓሳብካን ተስተንትን።

3. ንትእዛዛት መጽሐፍ ቅዱስ ከም ዓሙዲ መንፈሳዊ ልምምድካ ግበሮ።

ብናይ ክብሪ ህይወት ምእታቲ ክትዓቢ ንመንፈሳዊ ደረጃኽን ድኼትካን ብዝሰማማዕ ምረጸ። ብዛዕባ እዚ ኣድቂቕ ዝትንትን ኣብ ናይ መንፈሳዊ ልምምድ ዓንቀጽና ክትረክብ ኢኻ።

4. ምንባብ መጽሐፍ ቅዱስ ከም ዕድል ንንስሓ ተጠቐመሉ።

ንኣብነት ከምዚ ዝብል ቃል ጐይታ ምስ እተንብብ "እምበኣርከ መባእካ ናብ መሰውኢ እንተ ኣምጻእካ፡ ሓውኻ ሓዚኑልካ ምህላው ከኣ ኣብኡ እንተ ሓሰብካ፡ ነቲ መባእካ ኣባኡ ኣብ መሰውኢ ሕደጎ፡ ኪድ ቅድም ምስቲ ሓውኻ ተዓረቕ፡ ደሓር ድማ ተመኪስካ መባእካ ኣቕርብ" (ማቴ 5፡23-24)፡ ኣብ ሙሽጥኻ ምስ ዝበደልካዩ ዘበለ ኬድካ ንኽትዕረቕ ብርቱዕ ድርኺት ይስመዓካ። ብዛዕባ መብጽዓታት ዝምልከት ጥቕስታት ምስ እተንብብ ድማ (መክ 5፡4-5)፡ ንነብስኻ ብእግዚኣብሔር እትሕተቶ ዘይትኽፍል መብጽዓ ምስ ዝሀልዋ ንምኽፋሉ ግዴታ ከስመዓ ክትዕዘብ ኢኻ።

5. ሓያል ጥቕስታት ምዝካር።

መጽሐፍ ቅዱስ ንምዝካር ዝግበር ልምምድ

ሀ. ንገለ ቀንዲ ኣገደስቲ ምዕራፋት ካብ መጽሐፍ ቅዱስ ሽምድይም፡

ንምሳሌ ኣብ ከረን ብምድያብ ዝሃቦ ናይ ክርስትና መምርሒ ዝኾኑ ትምህርቲ ኣንቀጸ ብጹዓን፡ (ማቴ 5፡3-10)፡ ንፍቅሪ ዝገልጽ ምዕራፍ (1ይቆሮ 13)፡ እቲ ግሩም ትእዛዝ (ሮሜ 12)፡ ቅድሚ ናብ ጌቱስሚኒ ምኻዱ ብክርስቶስ ዝተጸለየ ነዊሕ ጸለኾት (ዮሓ 17) ከምኡ'ውን ንገለ ካብቲ ጐይታ ንሓዋርያት ዝተዛረቦ ቃላትን (ዮሓ 14-17)።

ከ. ንገዛእ ነብስኻን ንሙሉድካን ብፊደልካዊ ተርታ ጥቅስታት ምዝካር ኣከማምድ።

ብፊደልካት ናይ ስምካ ኣስማት ቅዱሳን ዝጅምሩ ጥቅስታት፡ ናይ ክብሪ ጠባያት ወይ ጥቅስታት ናይ ዝመቻችኡ ቃል ከም ቤተ ክርስትያን፡ ትምህርቲ፡ ካህናት...

ሐ. ንዝተመሰኑ ቃላት ዝሓቑፉ ጥቅስታት ምዝካር፡

ንቑልዓ ከምዚ ክትብሎ ትኽእል፡ ምስ ክፍልኻ ዝተኣሳሰሩ ጥቅስታት መጽሓፍ ቅዱስ ጥቂስ (መንበር፡ ዓራት፡ ባይታ፡ መብራህቲ፡ ማዕጸ፡ ብርሃን) ወይ ጥቅስታት ብዛዕባ ናሙቲ ኣካላት (ገጽ፡ ዓይኒ፡ ከናፍር፡ እግሪ፡ ኢድ..)

መ. ወድዓሙያን ዝኾኑ ጥቅስታት ሙን ትዝክር ትኽሙን፡

ጥቅስታት ብዛዕባ ሓጎስ፡ ምቹእነት፡ ሙርዝይና... ንገለ ገለ ሓሳባት እትዋግኣኩ ጥቅስታት። ንተስፋ ዝቐረጸ እተጸናንዓኩ ጥቅስታት፡ ንዝሓጥአ እትምዕደኩ ወይ ምስጋናኻ እተቕርበኩ ጥቅስታት...

ሠ. ምስ ሰባት ኣብ እትዘራረበኩ እዋን ንጥቅሚ ዝዘከርካዮም ጥቅስታት ክትከማመዶም ትኽእል።

ቋንቋ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ መደረኽ፡ ኣብ ዘረባኻን ሳንታኻን መታን ክጠቕሙኻ ኣብ ኣፍካ ክዳከሙ ሕደጎም። እዚ ሓጢኣት ናይ ምግባር ዕድልካ ከተጉድል፡ ስለዚ ኣርኣያ ናይ ሓቀኛ ክርስትያን ክትከውን ኢኻ። ኣብ ኩሉ ኩነት፡ ጥቅሲ ክትዝክር ፈትን..

ረ. ንዓኻ ምሩጻት እትብሎም ጥቅስታት ኣብ መዘኻኸሪ መጽሓፍ ከተስፍር ትኽእል- ነቶም ንሙሽጥኻ ዝትንክፉ ኣገደስቲ ጥቅስታት ብምጽሓፍ ዘክሮም።

ኣብ ምጽናዕ ጥቅስታት ዘተኮረ ሙድድር ኣብ ምስራዕ ክዓዩ ወይ ኣብ ሓያኽ ዛዕባታት ንዝኽሪ ዝሕግዝ ንእሽቶ መጽሓፍ ክሓትም ምደልኹ።

መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ቤትኩም

ኣብዚ እግዚኣብሔር ኣብ ኦሪት ዘዳግም ዝተዛረቦ ቃል ኣንቢረልኩም ኣለኹ፡

"..... እዚ ኣነ ኩማ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ቃላት ኣብ ልብኻ ይኹን። ንደቅኻ ምሃሮም፡ ኣብ ቤትካ ኮፍ ምስ በልካን ኣብ መንገዲ ክትከይድ ከሎኻን፡ ኣብ በጥ ምባልካን ኣብ ምትንሳእካን ብእኡ ተዛረብ። ኣብ ልዳት ቤትካን ኣብ ማዕጸኻን ድማ ጽሓፎ (ዘዳ 6፡6 - 9)።

ነዞም ትእዛዛት እዚኦም ክሳብ ክንደይ ብዕምቆት ትፍጽሞም፡

ሀ. ንስኻ፡ በዓልቲ ቤትካን ደቅኻን ምጽንዖም መታን ክትክእኩ ኣብ መናድቕ ቤትካ ዝተንጠልጠሉ ጥቅስታት ኣለሙ'ዶ ፧

ከ. ከምቲ ኣብ ጽሑፍ "ንደቅኻ ምሃሮም" ዝብሎ ንደቅኻ ትምህሮም'ዶ ወይ ኣብ ትምህርቲ ሰንበት ብምምስዳድ ጥራይ ሓላፍነትካ ተሙርድ፧ እዞም ቀልዑ እዚኦም ስድርኦም ብዛዕባ ቃል እግዚኣብሔር ገለ ብፍጹም ከም ዘይተዛረብዎም ክግንዘቡ እዮም!!

ሐ. ብመሰረት "ኣብ ቤትካ ኮፍ ምስ በልካ ብእኡ ተዛረብ።" ዝብል ትእዛዙ ኣብ ቤትኩም ቋንቋ መጽሓፍ ቅዱስ ትጥቀሙ'ዶ፧

መ. ምስ ኣባላት ስድራ-ቤትካ ብምኻን መጽሓፍ ቅዱስ መዓልታዊ ተንብብ'ዶ፧ ኣብ ዙርያ መጽሓፍ ቅዱስ ስድራ-ቤታዊ ምትእኽኻብ ትገብር'ዶ፧

ረ. ኣብ መንጎ ሙሉድካ ጥቅስታት ኣብ ምጽንዖምን ብእኡ ኣብ ምልማዶምን ሙድድር ትሰርዕ'ዶ፧.. ቅድሚ እግዚኣብሔር ብዛዕባ'ዚ ንዓኻ ምሕታቱ ኣነ ይሓተካ ኣለኹ።





ምንባብ ሀይወት ቅዱሳን

ምዕራፍ 3፡ ምንባብ ህይወት ቅዱሳን

ምንባብ ህይወት ቅዱሳን ኣገዳሲ ነጥበ መቀይሮ ኣብ መንፈሳዊ መንገዲ እዩ። ብጸጋ እግዚኣብሄር ምስ ጎይታ ጥቡቕ ዝምድና ክህልወና ይገብር። ብፍቅሩን ፍቅሪ መንግስቱ ሰሚያትን ከኣ ንቃጸል።

ንመንፈሳዊ ኪደትና ግብራዊ መንገድታት ከም ንኽተል ይገብረና።

መብላሕትኡ እዋን ትእዛዛትን መንፈሳዊ ትምህርትን ከም ተራ ነገር ወይ ክልሰ ሓሳብ ኮይኑ ይስመዓና። ኣብ ህይወት ቅዱሳን ግን ናይ መዓልታዊ ህይወቶም ትእዛዛት ጎይታ ጸይሮም ንዕዘብ።

ህይወት ቅዱሳን ትእዛዛት እግዚኣብሄር ክልሰ ሓሳብ ዘይምኽኑን ደስዘብልን ክፍጸም ዝከኣልን ምኽኑ የረድኡና።

ገለ እዋናት ክንድነቕ ንርእ ኢና፡ መን'ዩ ነዞም ሓሳባት ክጸርም ዝኽእል፡ ሓደ ሰብ ምዕጉርቱ ንዝጸፍየ ነታ ካል ኣይቲ ምዕጉርቱ ክህቦ ናይብ ሓቂ ይከኣል'ዶ፡(ማቴ5፡39) ሓደ ሰብ ከየቋረጸ ልቡ ከየጥፈኣ ክጽኪ ይከኣል'ዶ፡(ኩቃ 18፡1)"ከየባተኽኩም ጸልዩ"(1 ተሰ 5፡17)ሓደ ሰብ ዘለም ኩሉ ሸይጡ ንድኽታት ክህብ ይከኣል'ዶ፡(ማቴ 19፡21) ሽሕ'ኳ ንዓና ከቢድ ኮይኑ ይሰማዕና፡ ቅዱሳና ኣበው ግን ነዞም ሕቶታት ካልኣ ተመሳሰልትን መልሲ ሂቦምና ኣለዉ።

ጎይታ ቅዱሳን ኣበው ብኩሉ ክብርታት ብዘይ ዝኾነ ተረፍ ከም ዓበይቲ ኣርኣያ (ኣብነት) ክኾኑ ፈቂዱ እዩ።

እቲ ዓቢ ዘደንቕ መንፈሳውነት ናይዞም ጻድቃን ዝግለጸሉ ሓቀኛ ግሩም መንገዲ፡ ከም ምድራውያን መካእኽቲ ኮይኖም ኣብ ልዕሊ ንዋይ ዓለም ክብ ኢሎም። ብመንፈስ ምስ እግዚኣብሄር ይነብሩ ብምኩእ ናይ ዓወት ህይወት ንሙግእት ሰይጣን ይስዕሩ። ናብቲ እግዚኣብሄር ኣብ መጀመርያ ንወዲ-ሰብ ዝፈጠረሉ ቅዱስ ምስሊ ተመሊሶም ኢልና ክንዛረበሎም ንኽእል። ህይወት'ዞም ቅዱሳን ንዝኾነ ሰብ መንፈሳዊ ኪደቱ ብዘይ ፍርሒን ሰጋእመጋእን ክሐይል የተባብዕ።

ስለዚ ብዛዕባኦም ክነንብብ ክለና ብተኣማንነት ንብሎ ።

እግዚኣብሄር ከምቲ ዝደገፎም ሓጋዚናን ደጋፊናን ምኽኑ እዩ።

ህይወት ናይ ቅንዕናን ነቲ ንደልዮ ሰብ ቀኪሕን ድኩሙን እዩ። ጸጋ እግዚኣብሄር ክኣ ኣብ ኩሉ ልቢ ክሰርሕን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ኩነት ብዘየገድስ ክደይብን ድኩሙ እዩ። መንፈስ እግዚኣብሄር ንነፍሳት ኩሉ ዓይነት ተስፋታትን ህያባትን እናሃበ ናብኡ የጸግወን።

ኩሎም ቅዱሳን ዝገበርዎ መንፈስ እግዚኣብሄር ዘበገሶ እዩ። እቲ ዘገርም ታሪኽ ቅዱሳን ኣበው ከነንብብ ክለና መንፈስ እግዚኣብሄር ኣብኡም ከመይ ገይሩ ይሰርሕ ወይ ብህይወቶም ይምስገን ዲና ነንብብ ወይስ ጅግንነታዊ (ሰሚኣትነቶም) ስርሑም ጥራይ ኢና ንግደስ፧

ብዛዕባ ኣብ ህይወቶም ዘሎ ሕብረት መንፈስ ቅዱስ (2ቆሮ 13፡14) ነንብብ'ዶ፡ ታሪኽ ቅዱሳን ኣብ ነንብቡሉ እንታይ ኢልና ንሐስብ ፍቅሪ እግዚኣብሄር ድዩ ስሒብዎም ወይስ እግዚኣብሄር'ዩ ብሐይሊ ስሒብዎም፡ ወይ ከምቲ ሰሎሞናብ መሓልየ መሓልይ " ደድሕሬኻ ክንጎይስ ስሓበኒ"(መሃ 1፡4) ዝበሎ እዩ፡ !

ህይወት ቅዱሳን ብዕምቆት ንዘመናት ንመሐዶታት ዝጸለመ እዩ።

ታሪኽ ቅ. ኣባ እንጦንስ ብቅ.ኣትናቴዎስ ሓዋርያዊ ዝተጻሕፈ ነዚ ነግር`ዚ የረድኣና። እዚታሪኽ ውጽኢት ምስፍሕፋሕ ገድማት ኣብ ሰብ ሮማ ጽቡቕ ጽልዋ ዝነብሮ ኮይኑ ይርከብ። ቅ.ኣትሐናስዮስ ነዚ ኣብ ዘንበቡሉ ጊዜ ብዓቢ ተመስጦ ናብ ንስሓ ክምራሕ ክኢሉ እዩ። ተመሳሳኪ ሙን ህይወት መነኮሳት ናይ ሻሂት ምስንዕዘብ ብህይወት ናይቶም ባሕተሙቲ ኣቦታት ተመሲጦም ነቶም ምድራዊያን መካእከጢ ንምርኣይን ረብሓ ዘለዎ መንፈሳዊ ቃላት ንምሕታትን ርሑቅ ቦታታት ተጓዚዞም እዮም።

እዚ ክበሃል ከሎ፣ግን እዞም ቅዱሳን ኣበው ታሪኾም ባዕሎም ኣይጸሓፉን። ግን ካልኦት ዝጸሓፍም ታሪኽ ህይወቶም ግን ተደካዪ መጽሓፍ እዩ።

እዚ መጻሕፍቲ፣ዚ ህያው ምስክር ኮይኑ ካብ ብመከዶኦም ተነቢቡ ናብ መጻኢ መከዶታት ይመሓላለፍ ኣሎ።

ህይወት ኣቦታት ነብያት ሓዋርያትን ናባና ምሕላፉ መንፈሳዊ ጦብካሕታ ዝገድፍ እዩ።ገለ መጻሕፍቲ መጽሓፍ ቅዱስ፣ሙን ብስሞም ተሰይሞም እዮም።ኣብዞም መጻሕፍቲ ናይ እግዚኣብሄር ሰራሕ እግዚኣብሄር ዘሰከሞም መልእኽቲ ኣነባብሮኦም ትርኢ።

ቤተ-ክርስትያን ድማ ኣብ መዳይ ህይወት ቅዱሳን ዓቢ ርድኢት ኣለዋ።

ኣብ " መጽሓፈ ስንክሳር" ታሪኾም ተመዝጊቡ ይርከብ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቅዳሴ ድማ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕኪ በዓሎም ኣብቲ ቅዳሴ ዝፍጸመሉ ዘሎ ዕለት ዝኾነ ታሪኾም ይንበብ፣ ከም ሙጽኢቱ ከኣ ንኣመንቲ ብምንባብና ደስታን ምጽንናዕን ይስመዓና። ቤተ-ክርስትያን ብተመሳኺ ንምእመናን ካልኣ ክፋል ህይወት ንጹሃን ሓዋርያት ዝኾነ "ግብሪ ሓዋርያት" ተንብብ። ቤተ-ክርስትያን ንቅዱሳን ዝሓዝኣቶም በዓላት ብዙሓት እዮም። ክብረ በዓሎም ብምብዓል ነቲ ናይ ክብሪ ህይወቶም ትላበስ።

ኣብ ቤተ-ክርስትያን ዝርከብ ስእሊ ኣድሕኖ ቅዱሳን ኣብ ቅድሚኡ ሽምዓ ይግበረሉ። እዚ ከኣ ነቲ ንመንፈስና መግቢ ዝኾነ ህይወቶም ብምዝካር ኣብ ክብርታቶም ከምነስተንትን ይገብረና። ሚር ይስሓቅ ዝበሎ ከንደይ ደስ ዘብል፣ዩ፡

"ልክዕ ከምቲ ሚይ ንሓድሽ ተኽሊ ህይወት ቅዱሳን ከኣ ምቁር እዩ።"

መካሒደ ሰብ ብዘይ ብእኡ ክዓዩ ዘይክእል መንፈሳዊ መግቢ እዩ። ስምዒት ኣብ ፍቅሪ ኣምላኽን ናብቲ ንመንግስቱ ዝመርሓና መንገዱ ዝህልም ፍቅሪን የርእየና። ከምኡ፣ሙን ንክብርታት ከነፍቅር ንነቶም ቅኑዓት ቅዱሳን ካብ ምፍቃር ሒኪና ከም ኣቦታትና ኣተዓረቅትና ክንመስዶም ይገብረና። ምሳና ኣብ ምድሪ ከም ዘከዉ ቆጺርና ክንዛረቦም ክንጽውዖምን ምስኦም ዘሎና ዝምድና ከነዕመቑን ንምነ።

በቲ ኣብ ልዕኪኦምን ህይወቶምን ዘሎና ፍቅሪ ገለ ገለ እዋን ንገዛእ ነብስና ብስሞም ንጽውዕ።

ምስጋና ንእግዚኣብሄር ፡ ኮሚ. ግዝያት ዝበገሰ ሰብ ብስም ቅዱሳን ይስመ ኣሎ። ህጻናት ፍቅሪ ቅዱሳን ደሪኹኦም ክዓብዩ ምእንቲ፡ ብተመሳኺ፣ሙን ኣብኦም ዘሎና ፍቅሪ ክንዝክርን ንህይወቶም ከነድንቅን ብኣስሚት ቅዱሳን ንስምዮም። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ሓደ ሰብ መዕርግ ምንኩስና ወይ ክህነት ክቅባእ እንከሎ ነቲ ጽቡቅ ስም ዝሙክክ ህይወት ቅድስና ንምዝካር ስም ናይ ቅዱሳን ይመስድ።

መንፈሳዊ ጽልዋ፣ዞም ቅዱሳን

1. **ኣብነት ይኾኑ**

እዚ ክምቲ ሓዋርያ ቅ.ጳውሎስ ዝበሎ፣ዩ " ነቶም ቃል ዝነገርኹም መራሕትኹም ዘክርዎም፡ መወዳእታ ንብረቶም እናኣቋመትኩም ኣስር ኣስር እምነቶም ሰዓቡ።" (ዕብ 13፡7)

ኣብዚ ኣብ ቅድሜና ኣዝዩ ሰፊሕ መደብ ንረክብ። ንነፍሲ ወከፍ ሓደ ሰብ ክፍጽሞ ዘለዎ ክብሪ ነቲ መንገዲ ብኽመይ ክኸደ ክምሎ ዘለዎ ብህይወቶም ዝመርሕዎ፡ ግብራዊ ኣብነታት ዘርኢዎ፡ ንስሕቦ ምትብባዓት ዝገብርሉ ብዙሓት ቅዱሳን ክረክብ ይረክብ። ግን ኣብዚ ሓደ ኣገዳሲ መዘኻኸሪ ክቀምጥ ይደሊ፡ ንሱ ከኣ፡

ኣብቲ ንሕና ክንገብሮ ንኽእል ነገራት ንቅዱሳና ኣቦታት ኣብነት ክንገብሮም ኣሎና።

ንኣብነትህይወት ሰማዕትነት ዘይክህሉ ይክእል፡ ግን ናይ ሰማዕታት ሓይሊ እምነቶም፡ ትብዓቶም፡ ምእንቲ እምነት ዝነበሮም ተጸዋርነት፡ ንዘልኣለማዊ ህይወት ዝነበሮም ድልውነት፡ ኣብ ፍቅሪ ዓለም ዝነበሮም ባዶነት ምስኡ ዝተኣሳሰር ካልእን . .እዚ ኩሉ ብኣና ክግበር ዝከኣል እዩ።

ንሕና ከም ቅ. ኣርሳንዮስ ዓቢ ወይ ቅ.መቃርዮስ ኣስክንድርያዊ ከየባተኽና ክንጽሊ የጸግመና ይከውን። ግን ምስ ደረጃ ዕቤት መንፈሳውነትና ፍቅሪ ጸሎት ክህልወናን ናይ ምቅጻኡ ድኬት፣ሙን ክህልወና ከምዘለዎ ንርዳእ።

መንገዲ ህይወት ናይቶም ኣብ በረኻታት ዝነብሩ ቅዱሳን ምስ እንነብሮ ዘሎና ናብራ ዓለም ፍልልይ ከምዘለዎ ክንፈልጥ ይግባእ። ስለዚ ነቲ ንመዓልታት ዝጾምዎ ከም ዘለዎ ክንቀድሖ ኣይግበኣናን እዩ። ከመይ ነዚ ክእለት ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት መንፈሳዊ ገድኪ ዘጥረይዎ እዮም። ኣብዚ እቲ ናይ ህድኣት ህይወት'ሙን ደጊፍዎም እዩ።

እቲ ካብኣቶም ንቀድሖ ዓበይቲ ክብርታት ኣብ ትሕቲ መንፈሳዊ መምርሒታትን ክባቦም ዝኾነ ግለጋስን ይኹን።

ንኡኹ ሰብ ዝኾኑ ካልኦት ክብርታት ኣለዉ። ከም ትሕትና፡ ሕያውነት፡ ንካልኦት ምግልጋልን ምጽዋርን፡ ካብ ሕርቃን ምቁጣብን ከምኡ ዝኣመሰለ ካልኦን።

ፍጹም ዝኾነ ስቅታ ብምኩእ ኣይከኣልን እዩ። ግን ካብኦም ንመሃሮ ኣብቲ ምዝራብ ዘድልየኩ ጊዜ ክንዛረብ ሓንጽቲ ዝኾኑ ዘምሕሩ ረብሓ ዘለዎም ቃላትን ክንመርጽ ከምዘለና እዩ።

ነቶም ክትገብሮም ዘይትኽእል ክብርታት ከምዘለውዎ ኣይትቅድሖዮም። ብፍጹም ከኣ ተስፋ ቆሪጽካ ኣይትንጸጎም። ካብኦም እቲ ክትገብሮ ትኽልኦ ብለባም ግለጋለ ኣብ ትሕቲ መምርሒታት ዉሰድ።

ካብ ቅዱሳን ትመሃሮም ክብርታት ነቲ መንፈሶም ደኣ'ምበር ነቲ ቅርጸም ኣይትውሰድ።

ኣብ ተነብበኩ ጊዜ ንኣብነት ብዛዕባ ንስሓ ቅዱሳን ነቲ ሓቀኛ ናይ ንስሓ ስምዒቶም፡ ነቲ ደጊም ናብ ሓጢኣት ዘይመልስኩ መንፈሶምን ክትህልመካ ፈትን። ነቲ ጣዕሳ ልቦምን ንብዓቶምን ከም ኣብነት ውሰዶ። ግን ንከም በኻጊያ፡ ማርያም ግብጻዊት፡ ሙሴ ጸኪም፡ ኣጋስጢኖስን ብምርኣይ ነቲ ቅርጺ ሚከት ኩኡ ዝተናስሐ ብቀጥታ ናብ ምንኩስና'ዩ ዝኾይድ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣይትቅደሖዮ።

ነቲ ፍቅሪ ተነሳሒን ናብ እግዚኣብሄር ምምካሱን ፡ ዕምቆት ጣዕሳኡን፡ ንሓጢኣት ምጽልኡን ከም ኣብነት ውሰዶ። ግን እዚ ኣብ ውልቃዊ ጠባይካን ክትገብሮ ትኽእልን ዝተዋህበካ ጸጋን ዝተደረተ ክኾሙን ኣለዎ።

2. እምነት የጽንዑ

እዚ ካብ ህይወት ቅዱሳን ንመሃሮ ብቅልጡፍ ንእምነት ብምሓዝ ስለኡ ምሚትን ወይ ዝተፈላለዩ ዓይነት ስቃያት ብዕግበት ደስታ ተጻዋርነትን ምቅባልን እዩ።

ወይ በቶም ጀጋኡ ናይ እምነት ዝኾኑ ቅዱሳን እቶም ንእምነት ብኩሉ ሓይሎምን ርድኢቶምን ዝተኸላኸሉ፡ ምእንትኡ ማእሰርቲ፡ ስደት፡ ኩሉ ዓይነት መከራን ዝረኸቡ መዕቆቢ ኣልቦ ዝኾኑ ዝተራእየ እዩ። ከም ኣብነት ቅ.ኣትናቴዎስ ሓዋርያዊ ንሙሰድ። ንሱ ኣርባዕተ ጊዜ ካብ መንበሩ ተሰዲዱ'ዩ፡ ዘሰንብዱ ክስታት ተኸሲሱ'ዩ፡ ኣብ ክዕኪኡ ሙሳንታት ተዋህቡ'ዩ ። " ዓለም ብምልኣ ኣንጻርካ እያ። ኣትናቴዎስ ! ! ! " ሙን ተባሂኩ።

ብዛዕባ'ዚ ነንብብ፡ እዚ ብዛዕባ ኣብ እምነት ዘሎ ፍልልያት ዘይግደስ ናይ ኩሚ መክዶ ቅዱሳን ነዚ እምነት ንምክልኻል ምዕቃብን ዝተጸመርዎ ቃንዛ ብምርሳዑ ክግናሕ ይግበኣ።

ንሓደ ነጥቢ ፍልልይ ክልካዊያንን ኣድሚሳዊያንን ጉባኤታት ይካየዱ ነብሩ። ቅዱሳን ንእምነት ንምክልኻል ኩሉ ዝከኣኹም ይገብሩን ነቲ ሓቀና እምነት'ሙን የረድኡ ነበሩ። ኩሚ ግን መርዓ ንምፍጻም ወይ ፍትሕ ንምፍጻም ሓደ ሰብ ብቀኪኡ ብዘይምግዳስ ብምዝንጋዕ ሃይሚኖቱ ይቅይር። ወይ ምስ ቤተ-ክህነት ብዘይምስምማው ንምኩእ ቤተ-ክርስትያን ምስ እምነታ ክሓድግ ይረኣ። እቲ ቅዱሳን ንለከ እምነት ዝገበርዎ ቃልሲ ኣይተገደሱኹን።

ስለዚ ኣብ መንፈስ ኣገዳስነት እምነት ክንስረትን ክንጸንዕን ንዝግበር ውልቃዊ ኣካይዳን ክንነጽግን ህይወት ቅዱሳኑ ጀጋኡ ናይ እምነትን ከንነብብ የድኪ።! ! !

ቤተ-ክርስትያን ሓንቲ ጉጅለ ኣይኮነትን ወይ እኩብ ናይ ጉጅለታት እምነት ኣይኮነትን። ግን ሕብረት ናይ ሓቀኛ እምነት ምስ ኩሉ ዕምቆታቱ ዝእምኑ ምእመናን እያ።

እዚ ኩሎም ቅዱሳን ኣብ ኩሉ መዘዶታት ሰማዕትነትን ስቅያትን ዝረኸብኩን እምነት እዩ። ገለ ካብዚኦም መነኮሳት ኮይኖም ኣብ በረኻታት ብእምነት ዝነብሩ ዝነበሩ እዮም። ቅ. ኣባ ጳውሊ ባሕታዊ ብልቢ እቲ ጠበቃ ናይ እምነት ዝኾነ ቅ.ኣትናቴዎስ ሓዋርያዊ ከግንዝ ምድካዩ ከንደይ ደስ ዘብል እዩ።

3. መንገዲ ትሕትናን ጣዕሳን ከንኽተል ይምህሩ

ቅዱሳን ዝመነንም ደረጃ መንፈሳውነት ኣብ እነንብበሉ ጊዜ መንፈስና ይትሕት ከምኡ'ሙን ንሕና ምስ ምስንመዛዘን ሓንቲ'ኳ ዘይብልካን ኮይኑ ይስመዓና።

ብዛዕባ ቅ.ኣባ ኣብርሃምን ዝነበሮ ናይ ምሃብ (ምምጽዋት) ጸጋን ምስ እነንብብ መንፈስና ኣይጠዓስን'ዶ፧ ንሱ ኩሉ ዘለዎ ዝሀብ ነነብሱ ዋካሓንቲ ኣይገድፍን እዩ። ሓደ ጊዜ ዝለበሶ ክዳን ተቀዳዲዱ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ ክዳን ንኽሰፊ ገለ ሰብ ጸሊም ጨርቂ ሃብዎ። ንሱ ግና ነታ ክትበጽሕዕ ዝመጸት መበለት ከም ዝሃባ ንርኢ። ወይ ብዛዕባ ኣባ ዮሓንስ እቲ ርሀሩህ ንንኩሉ ዘለዎ ሃብቲ ሸይጡ ንድኻታት ብምሃቡ እንታይ ክንብል ንኽእል። ንሸየጥ ዋካሓንቲ ኣብ ዝሰኣነ ጊዜ ንነብሱ ጊካ ንኽትከውን ብምሻጥ ዋጋ መሸጣኡ ንድኻታት ሃበ!!! እስኪ ነብስና ነቲ ንሕና ንህቦ ምስቲ ቅዱሳን ንሃብዎ ብምንጽጻር ንእሽተይ ኮይና ኣይስመዓን'ዶ፧!

ብሓቂ ህይወት ቅዱሳን ብጸካኢ ሰናያት ዝመጸና ናይ ትዕቢትን ሙዳሴ ከንቱን ፈተናታት ካብ ነብስና ከም ዝርሕቅ ይገብር።

ሓሳብትና ብዛዕባ'ቲ ንፍጽሞ ኣገሓግሎት ነብስና ምስ ህይወት ብዙሕ ዝደኽመ ሓዋርያ ቅ.ጳውሎስ ብምንጽጻር የጥቅዓና እንተደሃልዩ (1 ቆሮ 15፡10) ንሱ ኣብ ኢየሩሳሌም፡ ኣንጾኪያ(ሶርያ)፡ ንእሽተይ ኤስያ፡ ግሪኽ፡ ሮማ፡ ከምኡ'ሙን ስጻኖ ሰቢኹ እዩ። ንሱ ዘይቁጸራ ኣብያተ ክርስትያናት ዝመስረተ ብዙሕ ሓሳረ መከራ ተቀቢሉ እዩ።(2 ቆሮ 11) ዋካ ሙን ኣብ ቤት ማእሰርቲ እንከሎ መልእኽታት ይጽሕፍ ነይሩ።(ኤፌ 4፡1) . .ነዚን ተመሳሳኪ ዛንታን ብምንጽጻር ነብሳትና ትሕትና ኣይገብራን'ዶ፧!

ክሳብ ክንደይ ንትሕት ብዘየገድስ ኣብቲ ቅዱሳን ዝበጽሕም ደረጃ ትሕትን ክንበጽህ ኣይንኽእልን ኢና።

ቅዱሳን ሸሕ'ኳ እዚ ክብርታት እናሃለዎም ስክ ሓጢኣቶም ይነብው ነይሮም'ዶ፧

ቅ. ኣባ መቃርዮስ ዓቢ ነቢዮ ንኩሎም'ቶም ምስኡ ዝነበሩ ከም ዝነብዎ ገበረ። ቅ. ኣባ ሙሴ ጸሊም ፡ ቅ.ኣባ ሺሸሙይ፡ ቅ.ኣባ ጳቁሚስ ዓቢ ነዞም ዓበይቲ ኣቦታትዘንብያም ዝነበረ እንታይ እዩ፧

ቅ. ኣባ ኣርሳንዮስ ንጸሓይ ሕቁኡ ሂቡ ኣብ ኣጋ ምሸት ንጸኴት ይትንስእ ነበረ ክሳብ መጋሕታ ጸሓይ ወጊሓ ብገጹ ትመጽእ ይጽኪ ነበረ። ብንብዓት ቅርኒብ ኣዕይንቱ ይመድቅ ከም ዝነበረ ንብዓቱ ኣቁጽልቲ ስየ የጠልቂ ከም ዝነብረ ተጊሩሉ እዩ። ነብስና ክሳብ ዘትሓትና ኣትሒትና ኣበይ ኣኴ እቲ ትሕትናና፧!!

ቅ. ኣባ መቃርዮስ ዓቢ መስራቲ ገዳማት ክልተ ባሕተውቲ ኣቦታት ኣብ በረኻታት ኣብ ዝረኣየሉ ጊዜ ፡ " ኣነ መነኮስ ኣይኮንኩን። ብልክዕ መነኮሳት ዝኾኑ ግን ርእየ እዩ።" በለ።

ኣብ ቅድሚና ዘለው ታሪኻት ብዙሓት እዮም። ንዓና ክኣ እኹላት እዮም።

ምናልባት ምስ ካልኦት ምሳና ዘለዉ ነብስና ብምንጽጻር ብትዕቢት ንዋጋእ ንሕሉ ኢና። ነብስና ካብ ካልኦት ዝበለጸት ክንሓስባ ንኽእል ኢና። ህይወት ቅዱሳን ኣብ ነንብበሉ ጊዜ ግን ኩሉ ኣፍ ስቅ ክብል እዩ። ዋካሓንቲ ከም ዘይብልካን'ሙን ክንርዳእ ኢና።

4. መንፈስ ጥበብን ምስትውዓልን ክህልወና ይምህሩ

እቲ ክንስዕቦ ዘሎና ቅኑዕ መንገዲ ንዕዘብ።

ብዛዕባ ንጉስ ዳዊት ቤት መቅደስ ንምስራሕ መሬት ክገዝእ ከም ዝደለየ ኣብ ነንብበሉ ጊዜ ክንደይ ደስዘብል እዩ። ኣራውና እቲ ይቡሳዊ ዘድለዮ ነገር ብናጻ ክህቦ ምኽኑ ነገሮ፡ " ንጉስ ግና ንኣራውና ኣይፋል ዋጋ ዘይብሉስ እግዚኣብሄር ኣምላኽይ ዘሐርር መስዋእቲ ኣየዕርገሉን እየ'ሞ ብዋጋኡ ደኣ ካባኻ ክሻየጥ እደሊ ኣለኹ በሎ።" (2 ሳሙ 24፡24)

ብተወሳኺ'ሙን ካብ ጥበብ ኣቢጋይል ክንመሃር ንኽእል። ንዳዊት ብምግላጽ ንኽመይ መገን ናታ ክሕዝ ከምዝተዓወተትኩ ንርኣይ። (2 ሳሙ 25፡23-35)

ብትወሳኺ ካብቶም ናይ በረኻ ኣቦታት ዋካ'ሙን ህይወት ንኣስነቶም ብምርኣይ ጥበብ ንመሃር። ቅ.ኣባ ዮሐንስ ሓጺር ከምኡ'ሙን ወዲመዝሙር ናይ ቅ.ኣባ ጳውሎስ ዝነበረ ቅ. ኣባ ቴድሮስ ኣብነት ንሙሰድ። ብተወሳኺ'ሙን ጥበብ ካብቶም ብዕድመ ዝደፍኡ ከም ቅ. ኣባ ኣጋቶን፡ ቅ.ኣባ ኤሲዶር ካሕኣትን ክንመሃር ንኽእል። ጥበብ ኣቦታት እቲ ዝደከዮ ዝመሃረሉ ክብር ግምጃ እዩ።

5. ቀጻልነት መንፈሳዊ ዕብየት ንመሃር

ብዘይ ደረት ንካዕኪ ዝቅጽል ህይወት እዩ። ከም ኣብነት ኩሉ ሙህበትን ኣገሓግሎትን ዝንበሮ ሓዋርያ ቅ.ጳውሎስ ንሙሰዶ ብኽመይ ናብ ሳልሳይ ሰማይ ደይቡ። "ኣነ ነቲ ንዕኡ ክኽሙን ብክርስቶስ ኢየሱስ እተረኽብኩ ምእንቲ ኽረኽቦ ንቅድሚት እደፍእ ኣሎኹ እምበር፡ ቅድሚ ሕጂ ከም ዝረኽብክዎ ወይስ ቅድሚ ሕጂ ፍጹም ከምዝኾንኩ ኣይኮነን። ኣሕዋተይ ኣነ ብርእሰይ ከም ዝረኽብክዎ ኣይመስለንን ኣሎ። ሓደ ነገር ደኣ ኣሎኒ፡ ኣብ ድሕረይ ዘሎ እናረሳዕኩ ነቲ ኣብ ቅድመይ ዘሎ እናተመጣጠርኩ፡ ናብቲ ሕንጹጽ ዕላማ ኣቢሐ ናብቲ ዓስቢ ዓመት ናይ ካዕኪ ጽውዓ ኣምላኽ ብክርስቶስ ኢየሱስ እጎዱ ኣሎኹ።" (ፊሊጵ 3፡12-14)

እቲ ዝኸዓኸ መንፈሳዊ ደረጃ ቅዱሳን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክብሪ ዘጥረይዎ በቲ ዘጥረንዮ ደረጃ እናዕገብና ብስሩዕ ናብ ዝኸዓኸ ደረጃ ከም ንግስግስ ይገብረና። እቲ ኣብ ቅድሜና ዘሎ መንገዲ ነዊሕ እዩ፡ ግን ጸጋ እግዚኣብሄር ኣእዳውና ብምሓዝ ብመንገዲ ቅዱሳን ብምምራሕ ኣብ ጊዜ ፈተናታት ክመርሐና ድኩው እዩ። ህይወቶም ዘይጽቀጥ ወይ ዘይእከ ምሙቅ ድኬት ይህበና።

ህይወት ቅዱሳን ብዝተፈላለየ መንገዲ ይጸልመና።

ነብስና ኣብ ንፍትሸኩ ጊዜ ብዙሓት ኣብ ህይወትና ዘልሙ ሕጽረታት ንዕዘብ። ምስ ህይወቶም ብምንጽጻር ጣዕሳና ብኽመይ ልክዕ ይኽሙን ንመሃር።

ሕብረት፡ ትሕትና፡ ፍቅሪ ዘሎዎ ምሙቅ ጸሎታቶም ኣብ ነንብበሉ ግዜ ብኽመይ መንገዲ ምስ እግዚኣብሄር ብጸሎት ንራኽብ ንመሃር።

ብተወሳኺ ምስ ሰባት ብኽመይ ንረዳዳእ፡ ፈተናታት ሰይጣን ብኽመይ ንስዕርን ንዕወትን ንመሃር።

እቲ ንህይወት ቅዱሳን ዘንብብ ሰብ ብቀጻሊ ጽቡቕ ዝኾነ ከሙጥታት የርኢ። ኣብ ጠባይቱ ከሙጢ፡ ኣብ ኣዘራርባኡ ከሙጢ፡ ምስ ሰባት ዘለዎ ምርድዳእ'ሙን ከሙጢ የርኢ። ነዚ ነገራት ንምሙናን ፈትን።

ሕጂ ,ኣብዚ ዛዕባ'ዚ ምኩእ ዝኾነ ትምህርቲ ከምዘቕረብኩ ኣይቆጽሮን። ነዚ መጽሐፍ ምኩእ ወይ መጻሕፍቲ ምጽሐፍ የድልየኒ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ ኣብነታት ጥራይ እዮም።

ዝኾበርካ ኣንባቢ ዝተረፈ ምስ ዝቅጽል ሰፊሕ ሙቅያኖስ ኣስተንትኖ ኣብ ህይወት ቅዱሳን ይገድፈካ።

እዚ ዛዕባ ንምኩእ መንፈሳዊ ህይወት ከም ዝሸፍን ጥርጥር የብሉን።





አስተንትኖ

ምዕራፍ 4 ፡ ኣስተንትኖ

መእተዊ

ትርጉም ናይ ኣስተንቲኖ እንታይ እዩ፧ ሓደ ሰብ ብዛዕባ ሓደ ነገር ከስተንትን እንከሎ ዕምቆት ናይቲ ዘስተንትኖ ዘሎ ነገር ንምርኣይ ብቑረባ ወይ ብደቂቅ ይምርምር፡ ይፍትሽ ይከታተሎን የሰካስሎን ኣሎ ማለት እዩ።

ስለዚ ኣስተንትኖ ክበሃል ከሎ ኣብ ናይ ሓሳብ ስራሕ ወይ ውን ኣብ ናይ መንፈስ ዕዮ ብዕምቆት ምእታው ማለት እዩ።

ኣስተንትኖ ካብቲ ተራ ወይ ውን ልመድ ዝኾነ ናይ ፍልጠት ደረጃ ብዝዓሞቕን ኪንዮ ዳህሳስ ሀዋሳትናን ዝኾነን ፍልጠት ዝርከቦ ሓድሽ ንመንፈስና ዘዐንግልን ተድላ እንምጥመኩ ምስልሳል እዩ።

ወይ ውን ኣስተንትኖ ንኣእምሮና፡ ልቦናና ኮነ ንመንፍስና መሰኮታዊ ዝኾነ ፍልጠት ካብ ሰማይ ኮነ ካብቲ መንፈስ እግዚኣብሄር ዝሓደሮ ሰብ ንምርካብ ርሑው ምግባር ማለት እዩ።

ግቡእ ኣስተንትኖ ንኽነካይድ ሀዋሳትና ኣብ ዘይሀመከኩ ሰላምን ጸጥታን ዝሰፈኖ ከባቢ ንኣእምሮና ካብ ዝጸምድ ደወሻን ነቲ ኣብኡ ዝሓደረ መንፈስ ካብ ዝኾልፍን ቦታ ብምርሓቕ ከነሳላስል ተመራጺ ይኾሙን ። ኣስተንትኖና ዝያዳ ዝዓሙቕ ከኣ ሓደ ሰብ ካብ ናይ ውልቀ- ዝጸምድም ሓሳባት ምስ ዝከቅቕን፡ ሀዋሳቱ ድማ ካብ ዝኾነ ግዳማዊ ረብሻታት ነጻ ምስ ዝኾኑን እቲ ቅዱስ መንፈስ ዝልግሰኩ ዘበለ ክረክብ ይኽእል ። እዚ ንኣስተንትኖና ብዝያዳ ዝሕግዝ ከኣ ምሕር ጽምኢ ናይ ምግንዛብ ምህላውን ኣድህቦና ናብ መሰኮት ምግባርን እዩ።

ኣድቂቕና ክንዛተየሎም ዘሎና ብዙሓት ዓንኬላት ኣስተንትኖ ክግለጹ ይኽእሉ.....

ኣስተንትኖ ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ፡ኣብ ማህሌታትን ወይ ውን ቅኔታትን ክንረኽቦ ንኽእል ወይ ውን ኣስተንትኖ ኣብ ብዙሕ ከም ንፍጥረትን ተፈጥሮን መንግስቲ ሰማይ መሳእክትን ወይ ሞትን ፍርድን ካብኡ ዝሰዕብን ዝገልጽ ጽሑፍ ክርከብ ይከኣል ። ከምኡ ውን ኣስተንትኖ ኣብ ታሪኻዊ ፍጻሜታትን ህይወት ቅዱሳንን፡ ኣብ ሰናይ ግብርታትን ብሓፈሻን ብንጽልን ወይ ውን ኣብ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ይግልጽ ። ካልእ ብዓይነቱ ዝተፈልየን ኣዝዩ ዝማዕረገን ኣስተንትኖ ድማ ኣብ ግሩም ባህርይ እግዚኣብሔር እንከም ኣብቲ ደረት ኣልቦ ነገራትን ሓቅን ጸጋን እግዚኣብሄር ዝግበር እዩ። እንተኾነ ዓውድታት ኣስተንትኖ እዝን እትን ኢልካ ዘይግደጽ ኣዝዩ ብዙሕ ብምኾኑ፡ እቲ መንፍሳዊ ሰብ ኣብ ዝመሰሎን ዝኾነ ነገር መካ ውን ኣብ ስጋሙያንን ነገራሙያን ክንሶም ግን ንነፍሱ ከዐንግል ዝኽእል መንፈሳውነት ክረኽበሎም ኣብ ዝኽእል ነገራት ክስተንትን ይከእል።

ዓውድታት ኣስተንቲኖ

ኣብ ቅዱስ መጽሐፍ ዝግበር ኣስተንትኖ

መሰኮታዊ ክስተት ዝሓዘ ቃል ብምግላጽ ዝሙነኑ ሀያው መንፈስ እዮም። እቲ ንነብሲ ዝጠቅምን ህይወት ዝህብን ከኣ እቲ ኣብኡ ዘሎ መንፈስ ድኣ እምበር ስጋስ ኣይኮነን (2ይ ቆረ 3፡6 ንመልከት) ነዚ እዩ ድማ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ "ሕያው ዚገብር መንፈስ እዩ፡ ስጋ ገለ እኳ ኣይጠቅምን እዩ። እዘን ኣነ ዝነገርክኹም ቃላት ከኣ መንፈስ እየን ፡ ሕይወት ውን እየን።" (ዮሓ6፡63) ብምባል ዝገለጸ።

ቃል ከምቲ ኣብ ውሽጡ ክቡር ዕንቁ ዝሓቖፈ ድርዒ ከውሰድ ይከኣል። እቲ ቃል ከም ትርጉም ዝሓዘለ ድርዒ ኮይኑ እቲ ክቡር ዕንቁ ከኣ መንፈስ ናቱ እዩ ። ክሳብ ድርዑ ቃሕኪሕና ነቲ ኣብ ውሽጡ ተሓዚኡ ዘሎ ክቡር ዕንቁ ንረክብ ድማ በቲ ሽፋን ክንዓግብ የብሉናን ። እዚ ንክኽሙን ግና ከምቲ ንጉስ ዳዊት ኣብ መዝሙር 119፡18 "ኣብ ሕግኻ ትኣምራት ክርእስ ኣዒንተይ ክፈተሉይ" ዝበሎ ወይ ድማ ከምቲ ኤልሳእ ንስለ ጊልያኡ ገሃዚ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ቐይሙ ኣዒይንቲ ጊልያኡ ክኸፍት ዝጸለዮ (1ይ ነገ6፡17 ንመልከት) ብጸሎትን ብመንገዲንዓና ዝድግፍ ቅዱስ መንፈስን ኢና ክንርኽቦ ንኽእል።

ስለዚ ኣስተንትኖ ክንብል ከለና፡ ምንቃሕ ናይ ኣእምሮ ብዝተቐደሰ መንፈስ' ሙን እዩ።

በዚ ከኣ ነቲ መጽሐፍ ቅዱስ ዝብሎ ቃል ክንርዳእ ንክእል፡ ናብኡ ጠኪቕና ብምእታው ድርዑ ድሕሪ ምእካይ ድማ ፍሪኡ ወይ ውን ኣንጉዑ ንረክብ። እዚ እዩ ከኣ እቲ ኣስተንትኖ ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ እንብሎ ፡ኣብ መሰኮታዊ ክስተት ዝርከብ መሰኮታዊ ምስጢር ክትቀልዕ ምፍታን፡ ወይ ውን ድሕሪ ትንሳኤ ጐይታና ኢየሱስ

ክርስቶስ ንዕዮ ጐይታናን ሐዋርያቱን ኣብ ዝገለጸ መንገል ከም እንረኽቦን ንኣብነት መንገል ሉቃስ 24፡45 "ሽዑ ነተን ጽሑፋት ከስትውዕልዎን ኣእምሮኦም ከፈተሉዎም" ይብል።

"ብሓቂ, ኦ ጐይታ ብብርሃንካ ብርሃን ንርእይ"

እቲ መንፍስ ነተን ኣብያተ ክርስትያናት ዝበሎ መታን ክንርድኦስ ንኣእምሮና ፡ንልብናን ሓሳባትናን ዘንቅሕ ብርሃን መንፈስ ቅዱስካ ንደኪ ኣለና (ራእ ምዕራፍ 2 ንመልክት)።

ነቲ እቲ መንፈስ ዝልግሶ ጸጋ ንኽንረክብ ብሓሳብና፡ ብነፍስናን ኣእምሮና ክኸፍተልና ብልጣኖ ክንጽዕት ይግባእ። ዕዮና ንእግዚኣብሔር ብኽፉት ልቢ ምሙፋይን ኣእምሮና ካብ ካዕኪ ብእንረኽቦ ዕምቆትን ርድኢት ምምላእ እዩ። ንጐይታ ኣብ መኣድና ኣትዩ ምሳና ክቕመጥን ክድረርን መዓጸ ንኽፈተሉ ።(ራእ3፡20 ንመልክት) ብርግጽ ከምቲ ኣብ መንገል ዮሓንስ 6፡33 ተጻሒፉ ዘሎ እቲ ካብ ሰማይ ዝወረድ ንዓለም'ውን ሕይወት ዝህብ ናይ ኣምላኽ እንጌራ እዩ። (ዮሓ 6፡33-35 ንመልክት) ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዝመጽእ ኩሉ ቃል እዩ ዝነብር (ማቴ 4፡4ንመልክት)።

ስለዚ ኣብ ኣስተንትኖ በኣእምሮ ዝሙሰድ ስጉሚ ሜዕጸ ነቲ ቅዱስ መንፈስ ምርሓው እዩ።

በዚ ድማ እዮም ብዙሓት ካብ ኣቦታት ንኣስተንትኖ ብዕምቆት ክርእይዎ ከለዉ ከምቲ ኣብ መዝሙር "ባህጊ ቃልካ ስለ ዘለኒ ፡ ኣፈይ ሃህ ኣቢለ ሃንቀው እብል ኣለኹ" ብምባል ዝተጻሕፈ (መዝ 119፡131) ክንዮ ጸዕሪ ሰብ ዝኽይድ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝርከብ ጸጋ ገይሮም ዝመሰድዎ።

ብኽልኣ'ውን ኣስተንትኖ ብመንፈስ ቅዱስ ዝግበር ናይ መጽናዕቲ እዋን እዩ።ነቲ እቲ መንፈስ ዝልግሶ ዘበለ ኣብ ምርካብ ዝግበር ልምምድ እዩ።

ከምቲ መጽሐፍ ምሳሌ "ኣብ ልቦናካ ኣይትጸጋዕ" (ምሳ 3፡5 ንመልክት) ዝብሎ ብኣእምሮና ንኽንግዘብ ናይ ዝተጋደልና ኣብ ብልሓትናን ኽእለትናን ናይ ዝተምርኮስና ኣይኮንን።

በረኽት ናይዚ መንፈስ'ዚ ዘይተሓመሶ መካ ውን እቲ ብፍጹም ብኩጽ ዝተባህለ ኣተሓሳሰባ ወይ ምርኡይ ስራሕ ፍልጠት ወይ ፍልስፍና ድኣ'ምበር ኣስተንትኖ ይፈጥር ከበሃል ኣይክኣልን እዩ።

ብልክዕ ከኣ ኣብ ሞንጎ ኪቓሙንትን ኣመንትን ፡ኣብ መንጎ ዝመሃርን ዘስተንትንን ኣብ መንጎ ሓደ መጽሐፍቲ ዝድህሰስን ካብ መንፈስ ዝቕበልን ፍልልይ ኣሎ።

ኣስተንትኖ ሓሳባት ጥራይ ኣይኮነን ።ምስትንታን ሓሳባት ምስ ልቢ ምትሕንፋጽ ኮይኑ ። ድሕሪ'ዚ ንልቢ ከም መሳርሒ ኣብ ኣእዳው እቲ መንፈስ ምግዳፍ ሜለት እዩ። እቲ መንፈስ ካብ መንፈስ እግዚኣብሔር ዝለመኖ ዘበለ ምስ ረኽበ ከኣ ብመንገዲ ልቢ ኣቢሉ እቲ ዝለመኖ ንኣእምሮ ይመሃብ።

ኣብዚ ጊዜ'ዚ ከኣ ኢና ሓይሊ ናይቲ ቃል እነስተብህል ምኽንያቱ እቲ ቃል ሓይሉ ካብ መንፍስ ሰለ ዝኾነ። ሰለዚ ኣሕዋት ንኣእምሮኹም ከም መፈተሺ እቲ መንፈስ ድኣ ተጠቀምኩ እምበር ብኣእምሮኹም ተደሪትኩም ደሙ ኣይትበሉ። እቲ መንፍስ ከኣ ናብቲ ኩሉ ዝከኣሎ ፡ኩሉ ሜዕሰን ፍልጠት ዘለዎ ኣምላኽ ከመርሓኩም እዩ። ካብኡ ከኣ ክትቕበሉ ኢኹም።

እቲ ካዕኪ ካዕኪ ጥራይ ዘንብብ፡ብዙሕ ግን ከኣ ብዘይ ኣስተንትኖ ከንብብ ይኽእል እዩ።

ነቲ ብመንፈስ ዘንብብ እንተሪኢና ግና እንተ ሙሑዳት ዜንበበን ከይተረፋ ዘይነጽፋ ዓይኒ ሚይ ኣስተንትንኡ ይኾና።

ኣተኩርኡ ብልክዕ ክንደይ ዝኣክል ብዝሒ ኣንቢቡ ዘይኮነስ ኣብቲ ዘንበቦ ምስትንታን እዩ። ብሓደ ቃል ወይ መግለጺ ምስ ዝስሓብ ድማ ኣብ ዕምቆቱ ብምስጣም የሰላስል። ብመንገዲ መዝሙር ከም እተገልጸ፡ "ኩሉ ነገር መወዳእታ ከም ዘለዎ ርኢኩ፡ትእዛዛትካ ግና ፍጹም እዩ" (መዝ 119-96) ይብል። እግዚኣብሔር ልቦኡ ይኽፍተሉ ፡ ካብኡ ክንደይ ዘኣክል ይጠቀም ብዘየገድስ ድማ ኣብ ሓንቲ ቃል ንበይና ፍጹም ዘይነጽፍ ዓቢ ሜዕስን ይርእዮ። ከምቲ ንጉስ ዳዊት ኣብ መዝሙሩ፡ "ከምቲ ብዙሕ ምርኮ ዝማርኽ ዘሕጎሰ፡ ብቃልካ እሕጎስ ኣለኹ" (መዝ 119፡162) ብምባል ዝገለጸ እዩ።

ሓንቲ ፍቕዲ ንመዓልቲ ብምሙላድ ብኣስተንትኖ መንፈሳዊ ልምምድ እንተገበርና ፡ኽ

እስከ ኣብ ንባብካ ጽልዋ ካብ ዝገደፈ ገለ ጥቅስታት መጽሓፍ ቅዱስ ተመልከት። ግን ከኣ በዚ ኣይትተሓጸር። ነዛ ጥቕሲ እዚኣ ብምሽምዳድ ከም ዓውዲ ሓሳባትካን ኣስተንትኖኻን ብምሙሳድ ንመንፈስ እግዚኣብሔር ብእኡ ኣቢኑ ጸጋኡ ከልግስልካ ዕድል ከፊተኩ ።ወይ ሙን ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተመስደ ዛንታ ብምሙሳድ ከም ዓውዲ ኣስተንትኖኻ ሙሰዶ።

ርክብ እግዚኣብሄር ምስ ህዝቡ ሙን ሰፊሕ ዓውዲ ናይ ኣስተንትኖ እዩ።

ርክብ እግዚኣብሄር ምስ ቅዱሳኑ፡ ምስቶም ዘፍቅሮምን ንሶም፣ሙን ኣዕዚዞም ዘፍቅርዎን ምስኡ ጥቡቕ ርክብ ዘለዎምን ጥራይ ዘይኮነ ርክብ እግዚኣብሄር ምስቶም ካብ ስቅያቱን ብዝሒ ሕያውነቱን ዝተጠቕሙን ዝተናስሑን ሓጥኣንን ወይ ሙን ምስቶም ክቦም ዝደረቐ እስከ ንመልከት ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝርከቡ ሙልቀ ሰባት ዓውዲ ኣስተንትኖና ክኾኑ ይኽእኩ፡ ኣብዚ ዝተጻሕፉ ብዙሓት መጽሓፍቲ፣ሙን ኣለሙ።

ኣስተንትኖና ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ብርክት ዝበሉ ጥቅስታት ብምድጋም ሙን ክሕገዝ ይከኣል እዩ።

ኣስተንትኖ ኣብ እትጅምረሉ ዝኾነ ይኹን እዋን፡ እዞም ጥቅስታት እዚኣቶም ኣብ ንሓድሕዶም እንዳተፈጻጸሙን እንዳተመሳሰሉን ክምለሱኻ ክትዕዘብ ኢኻ። ነፍሲ ወከፍ ጥቕሲ ድማ በብናቱ ትርጉም ኪግለጸልካ እዩ። ኩሎም በብናቶም ከኣ ግሩም ዝኾነ ቀረብ ናይ ኣስተንትኖ ክቕርቡልካ እዮም። ኣብ ምሙሃሮም ከኣ ከምቲ ሓዋርያ ጳውሎስ፡ "ንሕና ከኣ መንፈሳውያን ነገር ምስ መንፈሳውያን ሰባት እንዳሰማማዕና....." ንዝበሎ (1ይ ቆረ 2፡13) ክንምልከት ንኽእል።

ስለዚ ከኣ ብጊዜ መዓልቲ ንነብሰና ብመንፈሰዊ ሓሳብ ንጽመዶ።

እዞም ሓሳባት እዚኣቶም ናባካ ኣዕሚቖም ክልሕኩ እዮም።ንጽህና ናይዞም ሓሳባት ድማ ንካልእንጹህ ሓሳባት ቦታ ይከፍት። ካልእ ብዙሓት ስምዒታትን ኣስተንትኖን ሙን ይዕድሙ ። ልብካ ይነጽህ ቃል ኣምላኽ ከኣ ኣብኡ ይሰርሕ፣ሞ መንፈሳዊ ኣስተንትንኡ ኣብኡ ይዝርግሕ ።እዞም ኣስተንትኖታት እዚኣቶም ከኣ ኣብ እትገብሮ ጸሎት ከሰንዩካን ዝርርብ ሙን ከይተረፈ ኣብ ኣእምሮካ ይከስቱ።ሰሚዒኡ ሙን ደጋሙነት ዘይኮነ ነቲ ዕምቆቱ ይግንዘቦ።

ስለዚ ከኣ መንፈሳዊ ህይወትካ ብምዕማቕ ካብ ኣስተንትኖ ክንጥቀም ንኽእል።

ኣስተንትኖ ኣብ ንእሽቶ ሓሳባትና፡ ሙሽጣዊ ዕግበትና፡ ካብ ፍልጠት እንረኽቦ ደስታን ክድረት የብሉን። ክሳብ ኣብ ተግባራዊ ህይወትና ከይተረፈ ክምዕብል ኣለዎ።

ስለዚ መጽሓፍ ቅዱስ ወይ ህይወት ኣቦታት ቤተ-ክርስትያን ኣብ እተንብበሉ እዋን ኣብ ንባብን ኣስተንትኖን ከይተሓጸርካ ፡ ኣብኡ ንዝረከካዮ ምእንቲ ኣብ ልብካ ዘኹ ሓሳባት ብምድብላቕ ኣስተንትኖካ ኣብ ንጥፈታት ህይወትካ ኣተግብሮ ፡ ብእኡ ተመርኪስካ ከኣ ምስ እግዚኣብሄር ኮነ ምስ ሰብ እትገብሮ ፡ ብእኡ ተመርኪስካ ከኣ ምስ እግዚኣብሀኮነ ምስ ሰብ እትገብሮ ርክብ ዝመርሓካ መደብ ኣሚዕበል።

እስኪ ንንባባትና ብጽኩት ነሰንዮም።

ከምቲ ነብዩይ ዳዊት ኣብ መዝሙሩ ፡"ነቲ ኣብ ሕግካ ዘኹ ተኣምራት ክርኢስ፡ኣዒንተይ ክፈተኪይ" (መዝ 119፡18) ዝበሎ፡ኣስተንትኖ መኪኮታዊ መግለጺ ከም ዝሓትት ኣብዚ ንግንዘብ ። ብዙሕ ሳዕ ሓደ ሰብ በቲ እግዚኣብሄር ንዕኡ ሚጽ ዝገበሮ ነገራት ብምስትንታን ከድንቕ ይከእል እዩ ።ቅድሚ ሽዕኡ ሓኪፍምም ኣብ ዝፈልጥ ምዕራፋት ከይተረፈ ደጊሙ ኬንብብ ምስ ጀመረ ተገኪጹኩ ዘይፈልጥ ሓድሽ ትርጉም ክረኣዮ ንዑር እዩ።

መዝሙር ዳዊት እናደገምና ኮነ ብእኡ እናጸለና ፣ሙን እዞም ክስተታት የጋጡሙና እዮም ምናልባት ሙን እቲ ዝጽኪ ዘኹ ሰብ ቅድሚ ሓደት መዓልታት ዝደገሞ ምዕራፍ ደጊሙ ብምንባብ እንተጸለየ ቅድሚኡ ዳሀሲስዎ ዘይፈልጥ ትርጉም ክግለጽኩ ይርእ።

ብእኡ ከኣ እግዚኣብሔር ናብ ኣእምርኡ ዘንጽባርቐ መሳኹቲ ብርሃን ይከፍትኩ።

እዚ ንቕሓት እዚ ግን ሰብ ብብልሑ ወይ ሙን ፍልጠቱ ዘምጽኦ ዘይኮነስ እግዚኣብሔር ነቲ ሰብ እቲ ኣብ ጸሎቱን ንባቡን ወይ ሙን ኣስተንትኡ ንፍጡሩ ዝልግሶ ሀያብ እዩ።ጸሎት መንፈ. ናይ ኣስተንትኖ ከም ምኻኑ መጠን ከኣ ብኣስተንትኖ ይሰን። ከምኡ ኸኣ ኣስተንትኖ ብጸሎት ይሰን እቲ ሰብ ድማ ዕምቆቱ ንኩሉ ጊዜ የስተማቕር።
ናይ ምስትንታን ተውህቦ ምስ ዘይህልወካ ናይ ቅዱሳት ኣቦታት ኣስተንትኖታት ብምንባብ ተመሃር።

ከም በዓል ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ቅዱሳን ንከም ወንጌል ሚቴምስ ፡ ወንጌል ዮሓንስ ፡ግብሪ ሐዋርያት፡ ዓሰርተው ኣርባዕተ መልእኽታት ቅዱስ ጳውሎስ ኣመልኪቶም ዘስፈርዎ ሪእይቶታት ወይ ሐሳባት ኣስተንትኖታት ክንምልከት ንክእል። እዞም ጽሑፋት እዚኣቶም ብሰፊሕ ዝተገልጹ ኣብ ርእሲ ምኽኖም ኣስተንትኖ ዝመልኦም፣ውን እዮም።ነቲ ዝከተልዎ ኣገባብ ኣገላልጽኦምን ኣስተንትንኦምን ብምስዓብ ከኣ ብዙሕ ክትምሃር ትክእል።

ካልኣ ሐደ ካብ ዓበይቲ ቅዱሳን ከኣ ቅዱስ ኣጎስቲኖስ ኮይኑ ኣብ ኣስተንትንኡ ብዓሚቑን ረቂቕን ሜካ ዝጠለቐ እዩ። ብዛዕባ ቀዳማይ መልእክቲ ዮሓንስ፡ ኣስተንትኖ ኣብ መዝሙር ዳዊትን ዓበይቲ ኣስተንትኖታት ጽሒፉ። ኣብ ብዙሓት ምዕራፋት ወንጌል ዘተኮረ ስብከታት፣ውን ዝጸሓፈ ቅዱስ እዩ ።ንጹሑፋቱ ብምንባብ ከኣ ተመሃር።

ከምኡ፣ውን ካልኦት ከምኦም ዝኣመሰሉ ቅዱሳን ፡ብፍላይ ካብ ዕዮ ናይቶም ብዕምቆት ኣመሃህርኦም ጥራይ ዘይኮነስ ብኣስተንትኖም ዝፍለጡ ቅዱሳን ከም በዓል ቅዱስ ሚር ኤፍሬም ሶርያዊ ፡ቅዱስ ያዕቆብ ዘስሩግ ፡ቅዱስ ዲድይሞስ እቲ ዓይነ-ስሙርን ካልኦትን ክንመሃር ንክእል ዕዮኦም ብምንባብ ተጠቒመሉም እም ከም መምህራን ኣስተንትኖካ ፣ውን ሙሰዶም።

ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ካብ ዝጥቀሱ ብኣስትንትኖኦም ኣርኣያ ብምኺን ህቡብት ካብ ዝኮኑ ኣቦታት ጹሑፋቶም ብምንባብ ንነብስኻ ኣከማምድ።

ኣብ ጽሑፋት እዞም ቅዱሳን እዚኣቶም ዓቢ ዕምቆት ክትረክብ ኢኻ፡ ምኽንያቱ ንስም ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ናይ ዝተቀመጠ ጥቅስታት ፡ቃል ብቓሉም ዝተመልከቱ ወይ ሙን ንነብሶም ኣብኡ ዝሓደሩ ዘይኮኑስ ናብ ትርጉምን ዕምቆትን ናይዞም ጥቕስታት ዝጠለቐ ብምንባሮም።

ንምሳሌታት ምድናቅ ንመጻሕፍትን ትንቢታትን ከም ምሳሌታት ሰለሞን ብዛዕባ መስዋእቲ ፡ምጽዋታን በዓላትን ኮነ ንሕግታት ምንጻሕን ዝምልከት ካልኦት ሕግታት ከም ሐዋርያ ጳውሎስ፡"እዚ ኩሉ ናይ ኪመጽእ ዘሎም ጽላሎት እዩ። እቲ ናይ ብሓቂ ህላዌ ዘለም ግና ክርስቶስ እዩ" (ቀላስ 2፡17) ብምባል ዝገልጽ ቃል ንኽንርዳእ ይሕግዘና እዩ።

ሐሳባትካ ጥቅሚ ኣብ ዘይብሉ ግጉይን ዘይረብሕን ነገራት ካብ ምሙዓል ኣስትንትኖ ተላማመድ ፡ ንኣእምሮካ ከኣ ብጽቡቅን ነገር ክእምዶ እዩ።

ኣእምሮካ ኣብ እተስተንትነሉ እዋን ብንጥፈት ከም ዝዓዩ ርጉጽ ሙሰዶ ፡ እዚ ኮይኑ እቲ ግና ጽቡቅ ይኹን ሕማቕ ፡ካብ ልቢ ይቅረብ ካብ ሐሳባትካ ወይ ሙን ገለ ናይ ዓለም ነገር ሙን ክኸውን ይክእል ንኣስትንትኖ ኣብ እትመርጸ ኣርእስቲ ይምርኮስ።
ሰለዚ ንዓና ኣብ ዝጠቅሙና ነገር እንተ ኣስትንተንና ጽቡቅ ይኸውን።

ናይ ኣስተንትኖ ሙህበት ንኹሉ ንሓጣኣን ሙን ከይተረፈ ዝተሙሃበ ሀያብ እምበር ንቅዱሳን ጥራይ ዝተሓገስ ከም ዘይኮነ ክትፈልጥ ይግባእ።

ብዙሓት ዜደንቕ ክእለት ኣስተንትኖ ዘለምም ክንሶም፡ ኣብቲ ዘሕጥእ ነገራት ኣዕሚቕም ከስተንትኑ ኣዝዩ ዝቀልዎም ሙን ኣለሙ። ንሓሳባቶም ብምዕብላል፡ ንልቦም ኮነ ንስሚዒቶም ከኣ ክሳብ ንሓሳባቶም ብዝጸኩ መንገዲ ክዕብልሎም ይርእዩ ። እዚ ገለ ጸሓፍትን ገጠምትን ኮኑ ደረስቲ ዝጥቀምሉ ዓይነት ኣስተንትኖ ኮይኑ፡ ብዘሕጥእ ኣገባብ ዝጥቀምሉ እዩ።

ነቶም ቅዱሳን ምስ እንምልከት ግና ተውህቦ ኣስተንትኖኦም ኣብ መንፈሳዊ ነገራት የውዕልም። እምብኣርከስ እዮም ኣብ ዘሕጥእ ነገራት ዘስተንትኑ፡ ካብ ሐጢኣቶም ተናሲሐም ነዚ ናይ ኣስተንትኖ ሙህቦቶም ናብ መንፈሳዊ መንገዲ ምስ ዘምርሕዎ ፡እቲ ጽቡቅ ጽልሙኡ ክገልጽሎም እዩ ።ኣብዚ ክም ኣብነት ቅዱስ ኣጎስቲኖስ ካብ ሐጢኣቱ ድሕሪ ምምላሱ ዘሕለፎ ናይ ንሰሓ መንፈሳዊ ብሰከትን ህይወትን ነቲ "ቃል-

ተአምኖ" ዝስመያ ኑላዜኡ እትገልጸ ብመንገዲ ሐጥኣን ናይ ዝተመላለሶ ህይወት ዝሰነደት መጽሓፍ ብምጥቃስ ክንግንዘብ ንክእል።

ምንባብ ሐደ ካብቶም ኣስተንትኖ ዝዕድም መንገዲ እዩ።

ብዛዕባ ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ገለ ኢልና ኣለና ከም መመልኽታ ከኣ መንፈሳዊ ኮነ ገድኪ ብዙሓት ቅዱሳን ዝገልጹ ብምንባብ ተመሳኺ ናትና መግለጺ ክንህበሎም የድልየና።

ኩሉ ሳዕ ክንዝክሮ ዘለና ግና ኣስተንትኖ ዕምቆት ናይ ሐደ ዛዕባ ብምግንዛብ ብጹእ ክንድሰት ይኽእለና።

ኣስተንትኖ ዕምቆት ካብ ዘይብሉ ነገራት ይዕቅበካ ንሙሽጣዊ ክስትትካ ዝጠቀም መንፈሳዊ ዕንጋኪ የቕርብልካ ፡ ጥበብ ይህበካ ፡ኢድ እግዚኣብሔር ኣባኻ ብኽመይ ከም እትሰርሕ ከኣ የርእየካ።

ኣብ ፍጥረት ዝግበር ኣስትንትኖ

እታ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኣስተንትኖ እተመልክት ናይ ፈኪማ ጥቅሲ ብዛዕባ ኣቦና ይስሓቅ ወዲ ኣብርሃም ዝተባህት'ያ "ይስሓቅ ድማ ኣጋ ምሸት ምስ ኮነ ኼስተንትን ንመሮር ወጺኡ ነበረ" (ዘፍ 24፡63) ብምባል እትጠቅሰ ጥቅሲ እያ። ምናልባት እዛ ጥቅሲ እዚኣ ዓይነት ምስ ዝተፈልየ ካልእ ኣስተንትኖ ፡ማለት ምስ ኣስተንትኖ ኣብ ፍጥረት እተካኪ ጥቅሲ ክትከውን ትኽእል እያ።

ኣብ ጽባቐን ግርማን ተፈጥሮ ምስትንታን ጥራይ ዘይኮነስ ከምቲ ኣብ መዝሙር ዳዊት ፡"ሰማያት ክብሪ ኣምላኽ የዘንትው ፡ጠፈር ከኣ ግብሪ ኣእዳው ይነግር "(መዝ 19፡1) ዝተባህለ ዝያዳ ኣብቲ መንፈሳውነት ዝጠልቦ ክኸውን ኣለዎ። ኣብዚ ከኣ ካብ ተፈጥሮ ናብ ዕቤት ኣምላኽ ናብቲ ዝፈጠረ ወይ ናብቲ ብፍቅሪ ዝሕብሕቦም ኣምላኽ ንግስግስ። እዛ ግጥሚ ብኽምዚ ክትዝየም እስከ ሰማዕ።

ኦ ገያሻይ! ባህሪ ኣብዚ እንሆ እሞ ሓንሳብ ድው ንበል
ስለዚ ትእምርቲ ናይቲ ዝፈጠረካ ከርእየካ እየ።

ቀደም ዘበን ዓሙዲ ኣስትሮኖጂ (ማለት ስነ ኽዋኽብቲ) ኣብተን ስነ-ሃይማኖት ዘድንዓ ኮኸጅት ይመሃብ ምንባሩ ይግለጽ ።እዚ ዝኮነ ምኽንያት ድማ እዚ ዓሙዲ ብዘለዎ ኣድናቖት፡ሀላመ ናይቲ ኩሉ ዝኽኣሎ ፈጣሪ ብልክዕ ዘረጋግጽ ኣገባብ ምኽኑ'ሙን ይንገር። በዚ ድማ'ዩ ሐደ ካብ ናይ ሸዑ ዓበይቲ ኪቃሙንቲ ከይተረፈ ንእግዚኣብሄር "እቲ ዝዓበየ ቀያሲ" ብምባል ዝሰመዮ።

እሞከ ደኣ እቲ ነገራዊ ሰማይ (ኣድማስ) እኳ ዓቢ ዓሙዲ ንኣስተንትኖ እንተደኣ ኮይኑስ እቲ ዝፋን እቲ ልዑል ኣምላኽ ዝኮነ ሰማያት ደኣ ካብኡ ክንደይ ክበልጽ እዩ። (ማቴ 5፡34ንመልከት)

ቅዱስ ዮሓንስ እቲ ብጐይታ ዝተፈቅረ ኣብ ራእዩ ዝረኣዮ ግሩም ትርኢት ፡ብሕልፊ ከምዚ ብምባል ዝገልጽ፡"ድሕሪ እዚ ፡እንሆ ኣብ ሰማይ ክፉት ኣፍደገ ረኣኹ" (ራእ 4፡1) መሲኹ ድማ ብዛዕባ እታ መሕደር ኣምላኽን ህዝቡን ዝኾነት ኣብ ሰማያት እትሃንጸት ኢዮሩሳሌም ዝገልጸ ቃል ክንደይ ጽቡቕ ኮነ እዩ። (ራእ 21ንመልከት)

ኣብ ናይ ሰማይ ኮነ ሰማያዊ ንገራት ዝግበር ኣስተንትኖ ብዘይ ጥርጥር ንደረጃ ኣእምሮና ኮነ ንልብና ካብቲ ናይ ጥሪትን ነገራውን ኣተሓሳስባን ክብ ከነብሎ የክእለና እዩ።

ኣብ ሰማያት ዝግበር ኣስተንትኖ እንተኣይ ኣስተንትኖና ኣብ መካእኽቲ ማለት እዩ።

እዚ ኣብ ኩሎም እቶም ኣብ ሰማያት ዝቕመጡ ኣእንገድቲ፡ ኣብ ኪሩቤል ኮነ ሱራፌል ኣጋእዝት ኮነ ስልጣናት ፡መካእኽቲ ይኹን ኪቃነ መካእኽቲን ካልኦት ኣእላፍ ኣሽሓት ኣብ ቅድሚ እቲ መለኮታዊ ዝፋን ዝቕመጡ ኩሉቶም ኣብቶም ጽሑፍ ፡" ኩሎም መካእኽቲ ነቶም ክድሕኑ ዘለዎምዎም ኪሕግዙን ዘለኣኩን ኣብ ኣገልግሎት እግዚኣብሄር ዘለሙ መናፍስቲ እዮም" (ዕብ 1፡14)ዝብሎም ዝግበር ኣስትንትኖ ማለት እዩ ። ባህሪ ናይዚም መካእኽቲ እንታይ ይመስል፡ቅድስናኡም ኮነ መንፈሳውነቶም ወይ ሙን ፍቅሮም ኮነ ምእዝዙነቶም 'ከ እንታይ እዩ። (መዝ 103.104ንመልከት) ኣገልግሎቶም ንኣምላኽ ኮነ ንሰብ 'ከ እንታይ እዩ፡ናይ ዘልኣለምዝምድና ምስኣኦም 'ከ እንታይ ክመስል እዩ፧ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕብኡም ዝተጻሕፈ ዛንታ

ኮነ ብቅዱሳን ብዛዕብኦም ዝተነብረን ‘ከ እንታይ እዩ፧ ኩሎም እዚኦም ኣብ ዓሙደ ሓሳባት ናይ ሐደ መንፈሳዊ ካብ ዘንሳፍፍ ሓሳባት እዮም።

እምበኣር እዚ ዓይነት ኣስተንትኖ ንዓና ዓሚቕ እንተ ደኣ ኮይኑ፧

እስከ ኣብ መንፈስ ናይቶም ዝሓለፉ ቅዱሳን ኣብቶም ከሳብ ጐይታ ብዛዕባኦም ዝተነግረሐና ኣቦና ኣብርሃምን ኣብ ሕቑፉ ዝተቐመጠ ኣልዓዛር ዝስመሙ ነዳይን ኣተኪርና ነስትነትን። ኣብዚ ኣብቶም ምስ ጐይታ ኣብ ገነት ተቀሚጦም ዘለሙ ጸድቃናት (ኩቃ23፡43ንመልከት) ኮነ ኣብዛ ምድሪ ኣገልግሎቶም ንምፍጻም ብእግዚኣብሔር ዝተካእኩ ጸድቃናት ንሰም ቅድስቲ ኣደና ደንግል ማርያም ፡ ቅዱስ ጌርጊስ ኮነ ኣብ ካልኦት ከንሰተንትን ይከኣል።ከምኡ ‘ሙን ኣብ ደረጃታት ናይዞም ቅዱሳን ፡ብከመይ ሐደ ኮኾብ ካብቲ ካልእ ኮኾብ ይበልጽ (1ይ ቆረ 15፡41ተመልከት) ብምባል ኣስተንትን።

ቀጺልና ትንሳኤ ምሙታን ከምኡ’ሙን መንፈሳዊ፡ ጠፈራዊ፡ ሰማያዊ ኣካል ክንብል ከለና እንታይ ማለት እዩ፧ (1ይ ቆረ 15፡42-50)ዘልኣለማዊ ክኣ እቲ ዝመጽእ መንግስትን ክብሩን ፡መዓረግ ቅዱሳን ዝምድንኡምን እቲ ንዓና ዝተዳለወ መንግስትን መመዳእታ ዘይብሉ ሓጎሱን’ከ እንታይ እዩ፧

እዚ ምግባር ተዘይክኢልና ከኣ ናብ ምድሪ ንመለስ እሞ ከምቲ ጐይታ ኣብ መንገል ማቴ፱ስ"ንዕንባባታት መሮር ተመልከቱ ኣይፈትኩ ኣይደክመሙ.....ንኣዕዋፍ ሰማይ ሙን ተዓዘብ ኣይዘርኡ ኣይዓጽዱ" ዝበሎ (ማቴ 6፡26,28)ኣብቲ ኣብ ዙርያና ዘሎ ዘደንቅ ፍጥረት ብምዕዛብ ነስተንትን። ጐይታ እዚ ማለቱ ንጽባቀኣም ኮነ ዘገርም ሕብሮም ወይ ሙን ደስ ዘብል ሽትኦምን ሙህደቶምን ተዓዚብና ብህዋሳትና ከነስተንትን ዘይኮነ፡ንጉስ ሰሎሙን እቲ ምስ ኩሉ ክብሩን ጥበቡን ከም ሐደ ካብኣቶም ከም ዘይተኸደነ ብምስትብሃል ከንዮ ህዋሳዊ ትዕዝትና ኣብ ዕብየት እግዚኣብሔር ንምስትንታን እዩ። እዚ ድማ ባብ መንገዲ እምነት ብምምሪሕ ብዘይ ጥንቲ ኣብ ጸግዒ እግዚኣብሔር ክንሓድር የኽእለና።

እስከ ነቶም ወዲ ሰብ ዚሰኣሎም ብምጥባብ ዝሰርሐም ዕንባባታት ምስቶም ተፈጥሮውያን ብምንጽጻር ዘልምም ሪሒብ ፍልልይ ንተዓዘብ። ሰብ ከሳብ ከንደይ ብምስኪ ይሰርሐዮም ብዘይገድስ ትንፋስ ኮነ ሽታ ወይ ሙን ዕብየት የብሎምን። ሕብሮም ሙን እንተኮነ ኣይራኸብን ። እዚ ከኣ ዘደንቅ ሓይልን ጥበብን እቲ ኩሉ ዝከኣሎ ፈጣሪ የርኢ። ነተን ብቑጽረንን ዓይነትንን ኣዝየን ብዙሓት የዕዋፍ ሰማይ እንተ ተመልከትና ሙን ካብእን ዝተፈላለያ ዓይነት ቅርጺ፡ ቅኒት፡ ባህርያት ፡ጉዕዞ ዕግበትን ነዚ ንምልከት። እዚ ምስቲ ኣብ መዝሙር ዳዊት ዝተጸሕፈ ፡"ከም ዑፍ ካብ መፍንጠራኣ ሃዳናይ መሎቅና፡መፈንጠራ ተበትኪ፡ንሕና ከኣ ድሕንና" (መዝ 124፡7)። ነነጻጽር።

ብሓቂ እግዚኣብሔር ግና ከመይ ከዋህ እዩ፡"ንሱ ንእንስሳ መግቢ ይህቦም ፡ነቶም ናብኡ ዝምህለኩ ጫቓዊት ፡ኳኾት ከኣ መግቢ ይህቦም" (መዝ 147፡9)።

ጐይታና ከይተረፈ፡"ናብ ኣዕዋፍ ሰማይ ኣስተብህኩ፡ኣይዘርኣ ኣይዓጽዱ ፡ማዕከን ወይ ቐፎ የብሎንን እግዚኣብሔር ዩ ዝቕልብን" (ኩቃ 12፡24)ብምባል ይቅጽል ። እወ ነቶም ብገኢኣቶም ሰም ናይ ሕማቅ ዕድል ኣብ ዝመሰዱ ኳኾት ከይተረፈ ንሱ ይቅልቦም። ዕሚሞም ከይትረፈ ንሱ እዩ ዝህቦም። ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ነገስታት ተጸሒፉ እንረክቦ ፡ነቶም ኣብ ጊዜ ድርቂ ንኤልያስ ብዙሓትን ብምሸትን መግቡ ከምጽእኩ ዝተካእኩ ኳኾት ነበሩ።(1ነገ 17፡6)ንኣባ ጳሙኪ እቲ ባሕታዊ ዝቕልቡ ዝነበሩ ካልኦት ኳኾት ሙን ንረክብ።ነዚኣቶም እግዚኣብሔር ናብ ቅዱሳን ይልእኮም እሞ ፍቃዱ ብከመይ ይመልኡ ከኣ ይፈልጡ። በዚ ከኣ ኪኖ እቲ ብሽፋኑ ዝግበር ተራ ንባብ ዝከይድ ዓሚቅ ኣታሓሳስባ ብምጥራይ ኣብ ኣተሓሳስባኩም ስጉምቲታት ትግስግሱ ።

ርክብ እግዚኣብሔር ምስ እንስሳታት ኮነ ኣዕዋፍ ሰማይ ኣዝዩ ነዊሕ ዛዕባ ብምኾነ፡ብዛዕብኡ ክንዛረብ ኣስተንትኑኡ ሙን ሰፋሕ ከም ምኾነ መጠን መጠን ጊዜ ሙን ኣይኣከለናን እዩ።

እግዚኣብሄር ግን ብዛዕባ እቶም ደቀቕቲ ሓሳኹ`ሙን ክይተረፈ ክነስተንትን ዕድል ሂቡና እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ " ኣታ ሃካይ ናብ ጻጸ ኂድ`ሞ ኂብኡ ተመሃር።" (ምሳኬ 6፡6)

ብሓቂ ይብለኩም ኣኸኹ ፡ ኣብ ምኩእ ህይወተይ ብዘይ ዝኮነ ዕዮ ዘዕረፈ ጸጸ ተዓዚበ ኣይፈልጥን፡ ብዘይምቁራጽ ይጎንዝ፡ ብዘይ ምቁራጽ ይዓዩ ብፍጹም ንዕረፍቲ ኣይፈጣን ።ንዝምልከቶም ዘበለ ፡ብጉጅለ ተጠርኒፎም ክስርሑ ፡ዓሰርተ ዕጽፊ ናይ ሰሙነቶም ሰኪም ከልዕሉን ንዝተዓዘበ ካብ ጸዕሮምን ስኒቶምን ኣደናቂ ኣስተምህሮ ዘይመሰድ የለን ። ናብ ሐደ ዝተመሰነ ዕላማ ብተራ ክጎዓዙ ከለሙ ዘለዎም ዘደንቕ ስርዓት ኮነ ምርድዳእ ኣብ ሞንጎኡም ንዘስተንትኖ ዓቢ ትምህርቲ እዩ።

ካብ ዕዮ ጸጸ ብዙሕ ኣስተምህሮ ከም እንመስድ ፡ ካብ ስራሕ ንህቢ ሙን ብኣስትንትኖ ብዙሕ ንመሃር፡

ኣሕመድ ሻሙቂ ብዛዕባ ዕዮ ኣናህብ ከምዚ ብምባል ይጥቀም
ብንግስቲ ዝእዘዝ - - - - - - - - - - - ሱሩዕ መንግስቲ
ኩሉ እትቖጻጸር - - - - - - - - - - - - ስራሕ እቶም ኪኢካታት ዓየይቲ
ኣነ ዝገርመኒ - - - - - - - - - - - - ካብ ናይ ንህቢ ስራሕ
ቁሳሩ ይመርጽ - - - - - - - - - - - - - ብኡኡ ክምራሕ

እዚ ዜደንቅ ኣገባብ ህይወት ንግስነት ኣናህብ ካልኣ ዓሚቑ ዓሙደ ኣስትትኖ እዩ። እግዚኣብሔር ብከመይ ንንህቢ ምስ ከምዚ ዓቅምን ክእለትን ከምዝፈጠሮ ፡ ምጸምጽ ብምእካብ'ከ ብከመይ መዓር ይሰርሕ፤ ንግስቲ ንህቢ ዝከውን መግቢ ብከመይ የዳኩ፤! በየናይ ክእለት'ከ መስተንክራዊ ድኮና ቖፎ ይሰርሕ ዕምባባታት ኮነ ምጸምጸ ንምምእራር'ከ ብከመይ ኣርሒቑ ይመፍር፤' ከመይ ዘድንቅ እዩ እዚ' ኣዝዩ መስተንክራዊ ዝኮነ ፈጣሪ!!

እቲ መንፈሳዊ ዝበሃል ሰብ ንዝኮነ ነገር ናብ ዓሙዲ ኣስተንትኖ ንምቅያር ዓቅሚ ኣለዎ። ካብ ነገራዊ መንፈሳዊ ኣስትምህሮ ናይ ምቕላም ዓቅሚ'ሙን . .

ኣብ ሓደ ኣዋን "መንፈሳዊ ረብሓ ዝህብ ቃል"(Words of Spritual Benefit)እትብል ዘሕተምኩዋ መጽሓፍ ካብ ፈለግ ኒል ክንረክቦ እንክእል መንፈሳዊ ጥቅሚ ብምግላጽ ኣስትንትኖይ ኣስፊረ ምንባረይ ይዝክር ። ኣብኡ ብዛዕባ እታ ጥብ እትብል ንእሽቶ ጥልሕቲ ሚይን ብዘይምቑራጽ እንተ ነጢባ ኣብቲ እምኒ እትመቅሮ ምልክት ኮነ፡ ብዛዕባ ገማግም ባሕሪ ኣመልኪቱ ብከመይ ነዚ ዝግብኡ ሚይ ናጽነት ከይደረተ ከም ዝዕቀብን ጹሑፍ ነይሩ። ትእዛዛት እግዚኣብሔርን መምርሒ ኣቦታትን'ሙን ከምኡ እዩ። ካብ ግደብ ንከይንመጽእን ንከይንሓጥእን ደኣ እምበር ሓርነትና ንምግፋፍሰ ኣይኮነን።

ብተመሳሳኪ ሰብነት ወዲ-ሰብ ንኣስተንትኖ ርሑብ ዓሙድን ዕቤት እግዚኣብሔር ዝምስክርን እዩ።

ኣብዚ ንዕዮ ወይ ክእለት ነፍሲ ወከፍ ክፋል ናይ ኣካልና ንስነ-ሰብነት ዘጽንዕ ክፍኪሰነ-ፍልጠት ሚከት ፊስዮሎጂ ምርኣይ ጥራይ ኣኻኪ እዩ። ንሓንጎል ምስ ኩሉ ዘገርም ናይ ምርኣይ፡ምስማዕ ፡ምንቅስቃስን ፡ ነቑጣታቱ ከም ኣብነት ንርኢ ደም ብዝግባእ ናብ ኩሎም እዞም ነቑጣታት እንተዘይ በጺሑ ፡ስርሑ የቃርጽ እቲ ሰብ ከኣ ይሰንክል።

ንልቢ እንተ መሲድና ሙን ግዝፉ ከንዲ ዑምኺ ኣጻብዕትና ከንሳ ፡ምኩእ ሰብነትና ከምቲ ንሳ ኣብ ሓንጎል እትምርኮስ ወዲ ሰብ ሙን ንምንባር ኣብኣ ኣብ ልክዕነት ስርሓ ይምርኮስ። ነፍሲ መከፍ ኣካል ወዲ-ሰብ እናኣልዓልና ብዛዕባ ንጥፈቶምን ዘገርም ምሙሀሃዶም ኣልዒልና ከንዛረብ እንተ ደኣ ኮይንና ጊዜ ሙን ዝኣክለና ኣይመስለንን።ገለ ካብዞም ኣካላት መጉዳእቲ ሙን ምስ ዝበጽሐም ከኣ እቲ ተበጺሑ ዝበሃል ሰነ-ፍልጠታዊ ፍወሳ ሙን እንተኮነ ናብ ናይ ፍጹም ተፈጥራዊ ስርሐም ንምምላስ ኣይክኣሎን እዩ።

ስለዚ እዮም ደማ ኣብተነ ሰነ-ሃይማኖት ሚከት ቲዮሎጂ ዝምህራ ኮሎጃት ኣብቲ ፈጣሪ ዝኾነ ኣምላኽ ዘልዎም እምነት ንምዕማቅ መታን ከክእሎም ዓሙድታት ኣስትርኖምን (ሰነ ከዋክብቲ) ሕክምናን ዘጽንዑ ።

ብመሰረት እቲ ኩሉ ዝክኣሎ ኣምላኽ ዓቅሚ ሰብነት እዚ እንተድኣ ኮይኑ ፡ ኣስተንትኖ ኣብ ዓቅሚ ናይ መንፈስ ደኣ ከመይ ክከውን፡ እዩ! ካልኣ ዛዕባ ኣልዒክ ክዛረብ ሰከ ዝደከኩ ግና ኣብዚ ደሙ ክብል..... ንሱ ድማ፡

ኣስተንትኖ ኣብ ፍጻሜታት

ኣብ ፍጻሜታት እንገብሮ ኣስተንትኖ ክብል እንከለኩ ፡ኣብቶም ንጥበብን መደብን፡ዳንነትን ሕብሓበን እግዚኣብሔር ዘመስክሩ ኣብ መዓልታዊ ዘጋጥሙና እንዕዞቦም ፍጻሜታትን ኣብ ዘበንና ኮነ ታሪክ ካብ ዘስፈርም ፍጻሜታት ኣተኩርና እነሰላስሎ ኣስተንትኖ ሚከተይ እዩ። ንዓሚቅ ኣስተንትኖ ዝጽሙዕ ነገር ድማ እዩ። ምስልሳል ንዘድልዮ ታሪካዊ ፍጻሜታት ንኣስተንትኖ ዕደል ክይሃብና ዕሽሽ ኢልካ ምሕላፍ ብዓይኒ መንፈስ ሙን ጠቃሚ ኣይኮነን።

እግዚኣብሔር ንኣርዮስ፡ ድዮቅልጥያኖስ፡ ንኔሮን ኣብ ዘጋጠመ ነገር ኢዱ ሰዲዱ እዩ። ዓኪም ብዓኪማ ኣንጸር ቅ.ኣትናቴዎስ ምስ ምስ ተካዕኪት ሙን ኢድ እግዚኣሔር ምስኡ ኔራ እያ። ኢድ እግዚኣብሔር ምስ ዮስጢናን ምስ ቀብርያኖስን (እቲ ሰራዪ ዝንበረ) ሙን ኔራ እያ ። ከምኡ'ሙን ኢድ እግዚኣብሔ ኣብ ብሕትውና እቶም

መነኮሳት ኣቦታት ብምንባራ ነቶም ቅዱሳን ገድሎም ንዓና ምእንቲ ክምዝግቡ ናብ ዝሰፍርኩ ቦታ መሪሐቶምን ምስኣቶም ሙን ኔራ እያ።

ኢድ እግዚኣብሔር ኣብ ታሪኽ ቤተ-ክርስትያን ኮነ ዓለማዊ ታሪኽ ክምዝነበረ፡ ብኽመይ ክምዝሰርሐ፡ ኩኩ ብኽመይ ንጽቡቅ ክም ዝተመደበን መይስ ታሪክ መዝገብ ፍልጠትን ፍጻሜታን ጥራይ ድዩ፧ መኣስ ኣስተምህሮን መኪኮታውነት ሙን የጠቃልል እዩ፧ እዚ ማለተይ መኪኮታዊ ስራሕ እግዚኣብሔር ማለተይ እዩ። እዚ ሙን ብዘይ ኣስተንትኖ ዝሕለፍ ኣይኮነን

ንንጉስ ቀስጠንጢኖስ ኣብ 313 ዓ.ም (ድ.ክ.ክ) ብ"ሙዕልል ምጽሙዋር" ዝፍለጥ ንሓርነት ሃይማኖት ክርስትና ዘሙሓሰ ናይ ማኪኖ ሙዕል መይ ኣዋጅ እግዚኣብሄር ኣእዳሙ እንተዘይሕሙስ ምተፈጸመ ነይሩ ድዩ፧ እዚ ፍጻመ ኣብ ታሪኽ ክርስትናን ሃይማኖታዊ ናይ ስቅያት ታሪኽን ዓቢ ነጥበ መቀይሮ እዩ።

ንመጻኢ ሃገረ ሩስያን ሕብረት ሶቬትን ኣብ ዝቀየረ ፍጻሜታት'ከ ኢድ እግዚኣብሔር ምንባራ ክኽሓድ ይከኣለና'ዶ፧ እቲ ንኣስታት ሰብዓ ዓመት ዝቐጸለ ኢዚሄርነት (Atheism፡ ኣምላኽ የለን ዝብል እምነት) ንኽጽረግ ቀንዲ ጽልዋ ነበሮ። ካብ ትጽቢት መጻኢ ብዘደንቅ ፍጥነት ምክታሙ ክኣ እግዚኣብሔር ኢድ ምዝርግሑ ዘመለክር እዩ! ንክምዚ እምነትና ኣብ ኣምላኽን መኪኮታዊ ዳንነቱን ዘደልድል ፍጻሜ ንኣስተንትኖ ዕድል ክይሃብና ብሻኻ ምሕላፍ'ከ ይከኣል'ዶ፧ እቲ እንኮ ትእምርቲ ክፍጽም ዝክእል ንሱ ጥራይ እዩ።

ንታሪኽ ካብ ኣምላኽ ፈኺኽ ምርኣይ መንፈሳዊ ግብሪ ኣይኮነን ። እቶም መንፈሳውያን ሰባት ግና ኢድ እግዚኣብሔር ኣብ ታሪክ ዝሰርሐቶ ፍጻሜታት የስተንትኑ።

ናብ ካልኣ ዛዕባ ኣስትንትኖ ምስ እንሰግር፡

ኣስተንትኖ ኣብ ጸሎት

ብሙልቅና ኮነ ብሕብረት እንገብሮ ጸሎት ፡ መዝሙር ዳዊት ኣብ እንደግመሉ ኮነ ኣብ ሚሀሌትን ሙዳሴን ፡ ሓደ ሰብ ዳዊት እናደገመ ወይ ሙን ገለ ክፋል ብምጽሓይ ምስ ዘስተንትን ጸሎቱ እናዓሞቐ ርድኢቱ ክኣ እናሰፍሐን ይከይድ።

ኣብ መዝሙር ዳዊት ምዕራፍ 3 ካብ ጸሎትን ንግሆ ተመርኪሰ ዘሕተምኩዎ " ጐይታ ብኽመይ፡ " እትብል መጽሓፈይ ይዝክር ። ካልኣ መጽሓፍ ሙን " ጐይታ ኣብ ጸሎትካ ይስማዕካ" ዝሰመኹዋ ካብ መዝሙር 20 ናይ ሳልሳይ ሰዓት ጸሎት ተበጊስ ዝጸሓፍኩዋን እንደገና ሙን ካብ ናይ ታሽዓይ ሰዓት ጸሎት ብምብጋስ " ኣስተንትኖ ኣብ ጸሎት ምስጋናን መዝሙር 51 " እትብል ኣስተንትናዊ መጽሓፍ ኣዳልየ ኔረ። ካልኦት ምዕራፋት ዳዊት ብምሙሳድ ክም ዓሙደ ኣስተንትኖ ብምምልካት ካልኣ ብዙሕ መጽሓፍቲ ምሕታም 'ከ ምካኣልና 'ዶ .....

ቅዱሳን ኣቦታት ኣብ ጸሎቶም ንቓላትም ፍጹም ሙን እንተኮነ ዕምቐት ብዘይብኩ ናህሪ ኣይሓልፍምን እዮም ። ግና ከምቲ ማር ይስሓቅ ብዛዕብኦም ዝበሎ;

" ካብ ጣዕሚ ናይቲ ኣብ ኣፎም ዘሎ ቃል ዝተካዕከስ ፡ ናብ ካልኣ ፍቕዲ ናይ ጸሎት ንክሰግሩ ገድኪ እዩ ነይሩ።"

ኣብ ዕምቐት ናይቲ ዝጸሐይዎ ጸሎት ብምስጣም ብርድኢት የስተንትኑ ንጸሎቶም ክኣ መንፈስ ምቐትን ፡ ዕምቐትን ይህብዎ ነበሩ። እዚ ክገብሩ ከለው ድማ ስምዒታቶም ምስቲ ዝጽልይዎ ጸሎትን ካብ ልቦም ዘውጽእዎ ቃላትን ይሓብር ነበረ። ብንሙሓት ወይ ብዝሒ ናይ ዝጸሐይዎ ጸሎት ዘይኮነስ ብኣስተንትኖን ዕምቐትን ትርጉሙ ኣዝዮም ይግደሱ ኔሮም ።ስለዚ ድማ እዩ ማር ይስሓቕ ነቶም ብታህዋኽ ብዙሕ ምዕራፍት እናደገሙ ክጽልዩ ዝፈትው ክምዚ ይብል፡

ክምዚ ምስ ዘጋጥመኩም ፡ "ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ቃላት ክቐጽር ኣይቐምኩን" ብምባል ሕሰቡ።

ኣብ ሚሀሌትን ኣብ ሙዳሴን ሙን ክምኡ ፡ ብሕልፊ ድማ ናይ ጸሎት መንፈስ ኣብ ዘለዎም ሚሀሌትን ንምሳሌ ክም " ኦ ጐይታ ምሕረትካስ ክንደይ ኮን ዓቢ እዩ" ወይ ሙን ኣብ ዜማታት ክም " ኦ ጐይታይ ኢየሱስ ናተይ ሕያዊይ መድሓኒ " ብታህዋኽን ክም ሻሙን ዝግበር ጸሎትን ኮነ ዜማ ንዕምቐቱን ኣስተንትንኡን የጥፍእ እዩ። ካብዚ ሓኺፉ ክኣ ናብ ተራ ሽምደዳ ይቅየር።

ኣብ ጸሎትካ ናይ ምስትንታን ተሙሀሮ ምስ ዘይህልመካ ከኣ ፡ ኣብ መዝሙር ዳዊት ኮነ ኣብ ካልኢ ካብ ዝተጻሕፈ ጸሎት ቅዱሳን ኣቦታት ብምሙካስ ከተጥርዮ በዚ እምዕደኩም ኣከኹ።ብርግጽ ከኣ ብዙሕ እዩ።

ናብ ካልኢ ዓሙዲ ኣስተንትኖ ምስ እንሰግር ሙን

ኣስትንትኖ ኣብ ሞትን ፍርድን

በቱ-ክርስትያን ኣብ "ናይ ቅድመ ድቃስ " (ሚከት ጸሎት መበል 12 ሰዓት) ብኽምዚ ክንጽልይ ትዕደመና ፡" እንሆ ኣብ ቅድሚ እቲ ቅኑዕ ፈራዲ ፡ ክቐውም ተዳልየ ኣከኹ ። እቲ ኣብ ምግጋይ ዝሓለፈ ዕደመይ ንኩነን ፍርድን ስኽዝተቃልዐ ፡ ብብዝሒ ሓጢኣተይ እርዕድን ኣንቀጥቅጥን ኣከኹ"። መዋእል ሰብ ዘይሙዳእ እዚ ዓለም እዚ ከኣ ንዘለኣለም ዝነብር እንተዝከሙንስ ነፍሰየ !ንጹር ዝኮነ ምክንያት ምሃለሙኪ ነይሩ ። ግናኽ ፡ እቲ ጹዩፍ ዝኾነ ተግባራትክን ፡እቲ ሕማቕ ዝኾነ እኪይክን ኣብ ቅድሚ እቲ ፈራዲ ዝቕላዕ ኣብ ዓራት ሓጢኣት ተሰጢሕኪ ኣብቲ ሸለልትኖን ከዳዕን ሰጋኽኪ ኣሎኽኪ ፡ እንታይ እዩ እትህብዮ መልሲ፡!"

በቱክርስትያን ኣብ ናይ ፍርቂ ኪይቲ ጸሎትና መመዳእታ ዓለምን ምጽኣትን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ፡ኣብ ፍርዲ ናይቱን ኪባሚትን ዓያሹን ደናግል ዝትርክ ዛንታ ከምኡ ሙን ኣድካይ መንፈሳዊ ሓሳዊን ኣተኩርና ከነስትንትን ትመርሓና ።

ኣስተንትኖ ኣብ ባህሪ እግዚኣብሔር

እቲ ብስመ እተቐደሰ እግዚኣብሔር ንኣስትንትኖና ዓሚቕ ዛዕባ ይኸፍት። ኣብ ቅዳሴ ናይ ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዝቐርብ ኣብ ነፍሲ መክፍ መዕጸዊ ሰዓት "ኦ ኣምላኻኽ ምሕረትካ ኣዝዘልና" ብምባል ኣብ እነቕርቦ ጸሎት ኣብ ነስተንትነኩ ጊዜ ፡ " ኦ ክርስቶስ ሕያዋይ ጐይታ ኣታ ንሓጥኣን እትምሕር ንቑንዓት ድማ እተፍቅር በዓል ዓቢ ዓቕልን ምሕረትን ርህራሄን ዝኾንካ ጐይታ" ብምባል ነስተንትን ። ኣብ ጸሎት ሥኩስ ቅዱስ ድማ ካብኡ ብዘይፈለ መንገዲ "ቅዱስ ፡ቅዱስ፡ ቅዱስ እግዚኣብሔር ጐይታ ሰራዊት እዩ። ሰማይን ምድርን ኩላ ክኣ ብክብሩ መሊኣ ኣላ " (ኢሰ 6፡3) ንዝብል ኣስተንትናዊ ምቅብባል ንዕዘብ ።

ንባህሪ እግዚኣብሔር ኣመልኪትና ኣብ እንግብር ኣስትንትኖ ብክልተ ክንከፍሎ ንክእል፡ እቲ ንሰብ ዝግለጽ መይ ምስ ፍጡራ ዘላምድ ባህርይኡ፡ እቲ ከም ኣምላኻኽ ብዘለኣለማዊ ደረት- ኣልቦ ፈላሪ ፡ ኩሉ ዝኽኣሎ ዘልኣለማዊ ኣምላኻኽን እናተባህለ ዝግለጽ ባህርይን ኩሎም ከኣ ዓሚቕ ዛዕባታት ኣስተንትኖ እዮም፡

ካልኢ ዛዕባታት ኣስተንትኖ

ካብዚም ዝሰዕቡ ክብርታት ኣብ ዝኾነ ኣተኩሮና ክነስተንትን ንኽእል።

ኣስትንትኖና ኣብ ጥበባትን ነጻነት- ፍርድን ፡ ኣብ ምሕረትን፡ ፍቅርን ወይ ነዊሕ ስቅያትን ዘለም ልቦናን ኣብ ጸሎትን ርክብና ምስ ኣምላኻኽን ክኸውን ይኽእል ። ኣብቲ)

ኣብኡ ዘሎ ዕምቐት ብምእታው ድማ ኣብ ነፍሲ ኣብ ዝፈጠሮ ነገርን መገድታትን ኣገላልጹኡን ካልኢ ምስኡ ዝዛምድ ዘበለ ካብ ጥቅስታትን ክሳብ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሰፊሩ ዛንታታት ኣርእስቲ ኣስተንትኖና ክኸውን ይኽእል ።

ምስጢራት በቱ-ክርስትያን ሙን ኣርእስቲ ኣስትንትኖና ክኸውን ይክእል።

ምስጢራት ክንበል ከለና ከም ጥምቀት ነቲ ዝተሓብአ ኣብ ውሽጡ ዝርከብ ጸጋን ኣብ ቅዱሳን መጻሕፍቲ ብዛዕብኡ ዝተባህለ፡ ወይ ቅዱስ ቅብኣት (ሜሮን) እቲ ኣብኡ ኮነ ኣብና እንረክቦ እተቀደሰ ሰራሕ መንፈስ ቅዱስን ካልኦት ብዙሓት ምስጢራትን ነቲ ብምንባር ኢድ ዝፍጸም መለኮታዊ ሰራሕን ክነስተንትኖም ይክኣል።

ኣብ ጽቡቅ ፍቃድን ሰናይ መደብን እግዚኣብሔር ሙን ክነስተንት ይክኣል እዩ።

ኣስተንትኖና ኣብ ዘደንቅ ዕዮ እግዚኣብሔር (ኢዮ34፡14) ኮነ ኣብ ሓይኪ ኣእዳዉን መንገዲ እግዚኣብሔርን ምስ ቅዱሳኑ ኮነ ምስ ሓጥኣን ኣብ ዝገበሮ ርክብ ክከሙን ይክእል። ከምቲ ነብዩ ዳዊት "ኩሉ ተግባራትካ የስተንትን ግብሪ ኣእዳውካ ይሓስብ ኣከኹ" (መዝ143፡4) ዝበሎ።

ኣስተንትኖ ኣብ ገድኪ ቅዱሳን (ህይወት ቅዱሳን)

እዚ ብኩጽን ጠቃምን ኣስእስቲ ኣስተንትኖ ኮይኑ ፡ ኣብዚ እንሰካስኩ ኣስተንትኖ ንነፍስና ተፈታዊ መግቢ ከም ምኻኑ መጠን ሕልፍ ሕልፍ ጥራይ ክንብኩ ኣይከኣልን እዩ።ነፍሱ ዝከኣከ ኣርእስቲ ብምግባር ከስፍሐ ከኣ ኣምላኽ ፍቃዱ ይኹን ።

ኽብሪ ንኣምላኽ ይኹን ኣሜን ።

መንፈሳዊ ልምምድ

ምዕራፍ 5፡ መንፈሳዊ ልምምድ

ጥቅምታት መንፈሳዊ ልምምድ

ሃይማኖት ብሓበሬታ ወይ ብሃይማኖታዊ ፍልጠት ዝሃጠረ ጥራይ ኣይኮነን ፍልጠት ጥራይ ንዘይኑ ኣኽኪ ኣይኮነን። ሓደ'ኸ ኣብኡ ንዘሎ ኩሉ ጽቡቅ ጥበባት ዝፈልጥ ክንሱ ኣብ ግብሪ ዘየውዕሎ እንተኮነ እንታይ ክጠቅም ይክእል።

ብዙሕ ክነንብብ ወይ ብዙሕ ክንሰምዕ ንኽእል ኢና እቲ ዘገድስ ግና እንታይ ንገብር እዩ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዝግበር ቅዳሴ ሓደ ምዕራፍ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ገለ ካብ መልእኽታት ቅዱስ ጳውሎስ ፡ሐፈሻዊ መልኽትታት ኮነ ፡ ገለ ካብ ግብሪ ሐዋርያት ንሰምዕ ኢና ። ኣብ ስንክሳር ብዛዕባ መነባብሮ ቅዱሳን ዝነግር ንባብ ምስ ተነበ ሰብከት ሙን ይካየድ ። ኣብቲ ናይ ድሕሪ ቀትርን ናይ ኣጋ ምሸት ዝግበር ቅዳሴ ተሳተፍቲ እንተድኣኳንና ድማ ነቲ ኣብ ገዛ ኮነ ኣብ ሃይማኖታዊ ጉባኤ እነንብቦ ዘራጉድ ተመሳኪ ምዕራፍት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ንሰምዕ ።እዚ ግና ኣብ ግብራዊ ህይወትና እንታይ ጽልዋ የሕድረልና እዩ እቲ ሕቶ ። ብፍልጠት ጥራይ ዲና እንዓግብ፡ወይ መሳስ ከምቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝበሎ ዕላማና ነዚ ፍልጠት እዚ ናብ ህይወት ምቅያር ክብሪ ንዑኡ ይኹኖ፡ "እዘን ኣነ ዝነገርክኹም ቃላት ክኣ መንፈስ ፡ ህይወት'ሙን እየን" (ዮሓ 6፡63) እዚ ከሙጢ ዚ'ከ ብከመይ ይመጽእ፡

ንመንገዲ መንፈሳዊ ልምምድ ፍልጠት ናብ ምድግጋም ፡ንሓበሬታ ክኣ ናብ ዕዮ ይቅየር።

ሰባት ካብ ሓጢኣቶም ንምንሳሕ ኣብ ቅዱስ ቁርባን ሱታፌ ንክካፈሉን ወይ ሙን ንኣገልግሎት ናብ ቤተክርስትያን ክመሳከሱን ንዕዘብ ኢና ። ምስ ኩሉ ምምልካሶም ግን ምስዞም ሰባት ንዓመታት ኣካል ናብ ናህሪኣም ኮይኑ ዝነብር ቀዋሚ ድካም ኣሎ፡ሰከምንታይ ፡ ምናልባት እዚ ዝኮነ ምኽንያት ነዞም ባህርያት ንምግዳፍ ንድኽማቶም ፍሉይ ቁሓሕታ ብምሃብ ኣልዮም ሰብነቶም ብምዕላም ውጺኢቱ ሰከ ዘይዕዘቡ እዩ።ንዝተመሰኑ ዘሕጡኡ ነገራት ብተደጋጋሚ ጊዜ ብምደግጋም እናሻዕ ብዛዕባ ዝናስሑ ሰባት ፡ሙን ክንዛረብ ንኽእል ። ንጌጋታቶም ኣጸቢቖም የክልዩ ይፈልጥምኖን ይናሱሑኡምን ። ምስ እዚ ኩሉ ግና ኣብ መንገዲ ሓጢኣቶም ይመሳከሱ ። ናይዚ ምኽንያት ድማ ብግብሪ ካብዞም ሓጢኣቱ ንምልቃቕ ነብሶም ሰከ ዘየከሚምዱ ዘይዕልመሙ እዩ።

ኣብዚ ክኣ እዩ ኣድኣይነት መንፈሳዊ ልምምድ ዝራኣየና ፡ ሓደ ሰብ ሓጣኣቱ ንድሕሪት ክገድፍ ፡ ወይ ልቦና ከጥርይ ወይ ብመንፈስ ከዓቢ . . ምስ ገዛእ ነብሱ ኣብ ግብራዊ ግጥም ክኣቱ ከኡ ሚከት እዩ።

ነቲ መንፈሳዊ ፍልጠቱ ናብ ህይወት ይቅይሮ ።ወካ ሙን ነቲ መንፈሳዊ ሃረርታ ናብ መንፈሳዊ ህይወት ክልሙጦ ይክእል . . .

ኣብ ዝገብሮ ዘበለ መንፈሳዊ ልምምድ ክኣ ክሙነንት ነብሱ ክፈልጥ ይጅምር እሞ ጠንቂ ወይ ምንጪ ኣብ ሓጢኣት መሙደቂኡ ብምልካይ ንዕኡ ንምቅዋም ብከመይ ኸም ዝቃለሶን ኸም ዝብድሆን መንገዲ ይፈጥር ። ኣብ ደረጃ ፍልጠቱ ወይ ሙን ኣብ ሙሽጣዊ ሃይማኖታዊ ሰምዒታት ተዓጊቱ ደሙ ኣይብልን እዩ።

መንፈሳዊ ልምምድ ኣብ ምኽያድ ሓደ ሰብ ምስ ገዛእ ነብሱን ምስ እግዚኣብሔርን እዩ ዝቃለስ . . .

ብዛዕባ እቲ ሐዋርያ ጳውሎስ ኣብ ተግሳጹ፡" ምስ ሓጢኣት ክትቃለሱ ከሎኹም ገና ደምኩምን ምፍሳስ ክሳዕ እትበጽሑ ኣይተቓመምኩምን"(እብ 12 ፡4) ዝበሎ ሰሚዕኩም ትኾኑ ። ሐዋርያ ጳውሎስ ንገዛእ ነብሱ ብምጽራር እዩ እተቃለሰ። ከምዚ ኣብ ምግባሩ ክኣ ኣብ ገዛ ልቦንኡ ወይ ተግባር ኣእዳዉ ብምጽጋዕ ዘይኮነስ ከምቲ ጐይታ ኣብ መንጌል ዮሓንስ "ብጀካይ ሓንቲ እካ ክትገብሩ ኣይተኽእሉን ኢኹም" (ዮሓ 15፡5) ዝብሎን ዝገብሮን ዘበለ ብጸሎትን ብምስጋናን ካብ ሰማይ ረዲኤት ብምሕታትን እዩ ዝፈጸም።ከምቲ መጽሕፍ ቅዱስ ፦ " ብምኩእ ልብኻ ብእግዚኣብሔር ተኣመን ፡ኣብ ልቦናካ ኣይትጸጋዕ "(ምሳ3፡5) ዝበሎ ኣብ ኩሉ ዝገበሮ ዘበለ ኣብ ትሕቲ ልቦናዊ መፍርሒ ምክትታል እናተማዕቀበ እዩ ዝገብሮ ዝነበረ።

መጽሐፍ ቅዱስ ውን ኣብነት መንፈሳዊ ልምምድ የቅርበልና እዩ፡

ሐዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ፊልጵስዩስ ኣብ ዝጻሐፎ መልእኽቲ እንተ ተመልከትና፡" ትሕት ምባል እፈልጥ ፡ ሕልፋን ትርፍን ዘሎካ ምኽንካ እፈልጥ ፡ኣብ ጽጋብ ኮነ ኣብ ጥማት ብሃብቲ ኮነ ብድኽነት ኣብ ኩሉን ብኩሉን ልሙድ ኩን" (ፊሊጵ4፡ 12) ይብል። ናብ ዕብራውያን ኣብ ዝተካእለ ውን ፡ ዕጹም ብልዒ ግና ነቶም ጽቡቕን ኩፉእን ንምፍላይ ብተሞክሮ ገዛእ ርእሶም ዘካምዱ ብጹሓት እዮም" (ዕብ 5፡14) ብምባል ይገልጽ።

እግዚኣብሔር ንቅዱሳኑ የከማምምድ እዩ።

መጽሐፍ ቅዱስ ብዛዕባ ነብዩ መሴ ፡" መሴ ኣብ ልዕሊ ገጽ ምድሪ ካብ ዘሎ ሰብ ትሕትና ዝመልኦ ሰብ ነበረ" (ዘፍ12፡3) ይብል ምስ ከምኡ ባህሪ ዝተመከድ ፡ዶ ይመስለኩም ፡! ኣይኮነ፡እካ ደኣ መሴ ህይወቱ ነቲ ግብጻዊ ቀቲሉ ኣብ ሑጻ ብምሕባእ ብጎንጹ እዩ ፈሊሙ።(ዘጽ 2 ፡12) ንመልከት እግዚኣብሔር ግና ካብ ጉስነቱ ናብ በረኻ ብምውጻእ ሕያውነት ፡ውርዝይናን ፡ርግኣትን ኣብዚ ደረጃ ክሳብ ዝበጽሕ ንኣስታት ኣርብዓ ዓመታት ኣከማመደ።

ፍቑረ እግዚእ ዮሃንስ ፡ከ ብከምዚ " ኣምላኽ ፍቅሪ እዩ ፡እቲ ኣብ ፍቅሪ ዝነብር ከኣ ኣብ ኣምላኽ ይነብር ኣምላኽ ውን ኣብኡ ይነብር ።"(1ይ ዮሐ 4 ፡16) ብምባል ክሳብ ዝገልጽ ህይወቱ ብከምኡ ዝፈለመ፡ዶ ይመስለኩም ፧ ኣይፋል! ከምኡ ኣይኮነን ናብቲ ንመንፈሳዊ ትምህርቲ ብጽኑዕን ብተሪር ተግሳጽን ዘስተምህር ዝነበረ ዮሐንስ መጥምቅ ተመሲዶም ይዓብይኩ ኣብ ዝነበርኩ እዋን ዮሐንስ ኮነ ሐው ያዕቆብ ብትሮም ዝተፈለጡ ነበሩ።(ማቲ 3 ፡7-11) ጐይታ ንክልቲኦም ደቂ ዘብደምስ "ቦኣነርገስ" ትርጉሙ " ደቂ ነጎዳ" ኢኩ ከም ዝሰመዮም ፡ውን ኣብ መንገል ተጻሒፉ ኣሎ።

ኣብታ ንመድሓኒና ክርስቶስ ምቅባል ብምእባያ ጐይታ መንገዱ ናብ ኢዮሩሳሌም ኣብ ዘቅነዓኩ ጊዜ እቶም ክልተ ሰባት ፡"ጐይታይ ! ከምቲ ኤልያስ ዝገብሮ ሓዊ ካብ ሰማይ መሪዱ ኬጥፍዖም ክንእዝዞ፡ ዶ ትፈቅደልና ኢኻ፡" ብምባል ዝሓተትዎ ውን ንሳቶም እዮም። ጐይታ ግን ናብኣቶም ምልስ ኢኩ ፡"ናይ መንፈስ ምኽንያትኩም ኣይትፈልጡን ኢኹም። ከመይ ወዲ ሰብ ሕይወት ከድሕን እምበር ከጥፍእ ኣይመጸን" (ሉቃ 9፡ 52-56) ብምባል ከም ዝገሰጾም መንገል ይነገር።

ብጐይታ ምስተከማመደ ምስ ኮነ ግና እቲ ብመዲ ነጎዳ ዝፍከጥ መዲ መዝመር ዘይከም መፈለምታኡ ባልባልታ ናይ ፍቅሪ ኮይኑ።

ንቅዱሳን እንተ ርኢና ውን ብልምምድ ድኣ ፡ምበር ብሓደ ጊዜ ጥራይ ኣብቲ ዝከዓከ ደረጃ መንፈሳውነት ኣይበጽሑን።

ንነዊሕ እዋን ብክንደይ ጸዕርን ዘይምሕላልን ነብሶም የከማምዱ። ስለዚ እዚ ብዛዕብኡምን ኮነ ብዛዕባ ዝከዓከ ደረጃ መንፈሳዊ ዕቤቶምን ዝተጻሕፈ ኩሉ ከም መጀመሪ ነጥቢ ፈጺምና ክንሙስዶ ኣይግባኣናን ! ! በቲ ኣብ መደምደምታ ገድኪዊ ህይወቶም ዝተጎናጸፍዎ ዝሰርሑዎ ዘበለ ውን ኣይንጅምርን ግና ንግስግስ። ንገድኪዊ ህይወት ቅዱስ ኣርሳንዮስ ዓቢ እንተተመልኪትና ገዳማዊ ህይወቱ ኣብ ዝፈለሙኩ እዋን እቲ ቅኑዕ መንገዲ ካብ ሐደ ትምህርቲ ዘይነበሮ ግብጻዊ ቅድሚ ምምሃሩ ዘርኢ ባልዶጋን ብከመይ ይፍከ ይፈልጥ ብዘይምንባሩ ብዙሕ ጊዜ ይጋገ ነበረ። ሐደ ከም ናቱ ጌጋ ዝፈጸመ ሰብ ክጽፉዕ ምስረኣየ ንነብሱ "ኣርሳንዮስ ፡እዚ ጽፍዒት ኣብ ገጽካ እዩ" ብምባል ከኣ ነዚ ከም ትምህርቲ መሰዶ ። ድሕሪ ልምምድ ከኣ ኣብ ደረጃ ብጽዕና ብጸሐ።

ሐደ ካብ ኣቦታት ንቅዱስ መሴ ጸኪም ካብ ኢድ መካእኽቲ መዓር ክምገብ ካብ ርሑቅ ረኣዮ ። እንተኮነ ንቅዱስ መሴ ኣብዚ ናይ ፍቅሪ፡ ኣገልግሎትን፡ ትሕትናን ህይወት ዝበጽሐ ኣብ ሐደ እግሪ ዘይኮነስ ፡ ካብ ቅዱስ ኤሲዶር ዝተባህለ ካህን ንነዊሕ እዋን ክሳብ ኣብዚ ደረጃ ብጽዕናን ተጻዋርነትን ንምብጻሕ ዘክእሎም ልምምድ ድሕሪ ምሙሳዶም እዩ።

ጐይታ ንደቂ መላመርቱ ኣብ ኣገልግሎት ውን ከይተረፈ የከማምድ ነይሩ እዩ.....

ጐይታ ንደቂ መላመርቱ ንግብራዊ ምልምላሚድ ይልእኩም፡ሞ ንሳቶም ከ ውድኢት ኣገልግሎቶም ሒዞም ይምለሱ ነበሩ ። እቶም ልኡኽት ኣጋንንቲ ውን ከይተረፈ ብስሙ ስለ እተገዝእዎም ብሓጎስ ምስ ገጽኩ፡ "ስምኡም ኣብ ሰማይ ስለ ዝተጻሕፈ ደኣ ተሓጎሱ እምበር ፡ መናፍስቲ ስለ እተመለኽልኩም ኣይትተሓጎሱ።" (ሉቃ10፡17-20) ብምባል ኣረሞም።

ኣብ ካልእ ዝተፈልየ ነገር ውን ኢየሱስ ንደቂ መላሙርቲ ብዛዕባ ካባታቶም መን ዓቢ መን ንእሽቶ ከም ዝኸውን ክጭነቑ ከም ዘይብሎም ከምዚ ብምባል ኣስተምሃሮም ፡" ኣባኻትኩም ግና ከምዚ ኣይኮነን እቲ ካባኻትኩም ዓብዪ ምኻን ዝደሊ ባርያኹም ይኹን ። ወዲ ሰብ ድማ ኪገልግሉን ህይወቱ ምእንቲ ብዙሓት በጃ ኼሕልፍን እምበር ክገልግሎ ኣሉ ኣይመጸን። (ማቴ 20፡26-28)

ምኽሪ ኣብ እንገብሮ ልምምድ

ሰለዚ ኣብ ሃይማኖታዊ ኣፍልጦ ከይተደረትና ኣብ ግብራዊ ዕዮ ብምትካር ንነብስና ንዝተዋህበና ትእዛዝት ኣብ ምትግባር ግብራዊ ክትከውን ኣለማምድ ።

ጐይታና ኢየሱስ ካብቲ ዘስተምህረሉ ዝነበረ እምባ ሰብከቱ ከምዚ ብምባል ደምደመ ፡" ነዚ ነገረይ ሰሚዑ ዚገበሮ ኹሉ በቱ ኣብ ከውሒ ዝሰረሐ ብልሂ ሰብኣይ ይመስል። . . .ነቲ ነገረይ ሰሚዑ ዘይገብሮ ኹሉ በቱ ኣብ ሐጻ ዝሰርሐ ዓሻ ሰብኣይ ይመስል።" (ማቴ 7፡24-26) ከምኡ'ውን ዝሰማዕናዮ ዘበለ ኣብ ግብሪ ከነውዕሎ ኣጽኒዑ ይምዕድ ። ነዚ ድማ ከምዚ ብምባል የነጽሮ ፡" ፍቃድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዝገብር ደኣ'ምበር ፡ ጐይታይ ! ጐይታይ ! ዝብለኒ ኹሉ ናብ መንግስተ ሰማይ ኣይኣቱን እዩ።" (ማቴ 7 ፡ 21) ሰለዚ ድማ እዮም ካህናት ኣብ ዝገበርዎ ናይ ኪጦን ጸሎተ መንገል ፡" ነቲ ቅዱስ መንገልካ ዝብሎ ከንሰምናን ከነተግብሮንሲ ብጸሎት ቅዱሳንከ ብቑዓት ግበረና፡" ብምባል ዝጽልዩ።

ከም ትእዛዛቱን ቃል መንገል ዝምህሮን ከነተግብር ንነብስና ነለማምድ።

ምልክታት መንፈሳዊ ልምምድ

መንፈሳዊ ምልምማድ ሓደ ሰብ ነፍሱ ንምድሓን ኣብ ሓለዋ ከም ዘሎ ይሕብር ንዘለዎ ጌጋታት ይኹን ድኽማት ብምልካይ ንዕኡም ዘመግደሉ መንገዲ የናዲ ።

ሰለዚ ንጌጋታትካ ወይ ነቶም ካልኦትን ሰባት ዘተንብሁልካ ክትፍትሾም ክትክእል ኣሎካ። ምኽንያቱ ከምቲ ጽሑፍ ዝብሎ ፡"ንሓኪምሲ ሕሙማት እምበር ጥዑያት ኣየድልይዎን እዮም "። (ማቴ 9 ፡12) ነዞም ጌጋታት'ዚኣም ከይመመኦም ብኽመይ ከም እተወገድዎም ውን ሰክ ዘይትፈልጡ ክትካማመዱ ኣይትክእሉን ኢኹም ፡ ካልእ ዝኮነ ሰብ ኣባኹም ዝርከብ መንቅብ እንተገለጸልኩም እውን ኣይትቁጥዑ ብኣንጻሩ ነዚ መንቅብን'ዚ ብኽመይ ከም ትሰዕርዎ ነብስኹም ምልምማድ ተመሃሩ ። ንስኻትኩም ኣጸቢቕኩም እውን እንተኮነ ኣብ ትሕቲ ብርሃን ትእዛዛት እግዚኣብሔር ብምቋም ንነብስኹም ኣጸቢቕኩም ክትፍትሹ ይግባኣኩም እዩ።

ንጌጋታትኩም ካብ ምምኽናይን ነብሰ-ምምስማልን ተጠንቀቑ ።

ሓደ ንነብሱ ወትሩ ዘመካንየካ ሰብ ብዘይ ዝኮነ ምምሕያሽ ኣብ ዘለዎ'ዩ ዝነብር ምኽንያቱ ኣብ ዓይኑ (ኣጠማምታኡ) ነብሱ ከም ሚራኺትን መንቅብ ዘይርከባን ገሩ እዩ ዝመሰዳ ። ነቲ ብልኽዕ ጸብጻብ ነብሱ ዝሀብን ምኽኒት ዘይፈልጥን ሰብ እንተደኣ ሪኢና ግን ንድካማቱ ኣብ ቅድሚ ነብሱ ከስዕሮምን ከናዘዘሎምን እዩ።

ካልኦት ሰባት ጌጋታትኩም ኣበራትኩምን ከይቀልዑልኹም ትሕንኩ እንተደኣ ኬንኩም ፡ብዘይጥርጥር ምስ ነብስኹም`ሙን ዝያድኡ ኣይክትሓፍሩን ኢኹም።

እስኪ ቀኒዕኩም ኮፍ ብምባል ምስ ነብስኹም ነጻ ኹኑ። ንህይወተይ ተንኪፍዎ እዩ ብእትብልዎ መንፈሳዊ ንባባት ይኹን ብፍኩይ ካብ ዘስተንተንኩምዎ ስብከታት ንዝተቀልዓልኩም ድኹም ወገንኩም ክትፍትሹ ፈትኑ።ንሰብነትኩም ኣብ ሰሙን ሓደ ጊዜ ወይ ሙን ወካ ኣብ ወርሒ ንሓደ ሽንሽ ናይ ድኽምኹም ብምቁዋም እንተ ደኣ ኣከማሚድኩም ኣብ ሙሽጢ ሓደ ዓመት ንዓሰርተሙ ክልተ ድኹማት ሽንሽኩም ክትብድሁ ክኢልኩም ኣከኹም ። ዘሕጥኡ ግብርታት ዝተላመዱ ምካኖም ርግጽ እዩ። ሰለዚ ካብ ሓደ ዝተመሰነ ሓጢኣቱ ሓራ ምኻን ካብ ካልኦት ብዙሓት ሓራ ክንብረካ ይኽእል እዩ።

ከምኡ ወን ነብስኹም ንዝተመሰነ ክብሪ ብክመይ ከም እተጥሪ እንተ ኣካማሚድኩማ ካልእ ብዙሕ ክብርታት ንምሙናን ክትመርሑኩም እያ። ክብርታት ከኣ ንሕድሕዶም ከም ሰንሰለት ዝተኸጋገሉ እዮም።

ኣብ ቀጽሊ ኣብነት ናይ ዝተኣሳሰሩ ክብርታት ክህበኩም እዩ።

ንነብስኹም ንሓደ ምኩእ መዓልቲ ዝኣክል በይና ኣብ ሕትውና ከምዘለማመድኩማ ገርኩም ሕሰብዎ ። ምእንቲ ከይስልችመኩም ኣብዚ ናይ ብሕትውና ጊዜ ንነብስኹም ኣብ ዝኾነ ሰራሕ ክትጸምድዋ ኢኹም። ሓንሳብ ተንብቡ ፡ ሓንሳብ ትጽልዩ ፡ ወይ ብማህሌት ትዝምሩ ካብ መዝሙር ዳዊት ወይ ገለ ክፋል ካብ ጸሎት 7 ሰዓታት ተጽንዑ ወይ ጥቅስታት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ትደግሙ ። ምናልባት በዚ ከኣ ኣብ እተንብብዎ ወይ እትጽልይዎ ከተስተንትኑ ትግደዱ . . . በዚ ምኽንያት ከኣ ንብሕትውና ምልምላድ ምስኡ ብዙሕ ጽቡቅ ጠባይ ከምዘስዕብ ክስቀርኩም እዩ . . .

ወይ ሓደ መዓልቲ ንነብስኹም ብዘይ ዘረባ ስቅታ እንተኣለማመድኩማ ፡ ነብስኹም ንኣእምሮኹም ብዝጠቅም ዘበለ ከም እትጸምዶ ትዕዘቡ ፡ሞ ኣብቲ ዘይቅዱው ዘበለ ኣዕሚቅኩም ኣይክትሓስቡን ኢኹም ። በዚ ከኣ ስቅታኩም ናብ ጸሎት ወይ ኣስተንትኖ ወይ ሙን ዝጸምደኩም ንባብ ከመርሓኩም እዩ ። በዚ ፡ዩ ድማ ሓደ ዓይነት ልምምድ ንካልኦት ብዙሓት ምልምላዳት ዝዕድመሉ።

ትዕዝብቲ

መንፈሳዊ ምልምላድ ክትጅምሩ ከለኩም ጸጋ እግዚኣብሔር ከምዝሕልወኩም ተኣማመኑ።

ኣብ እትገብርዎ ልምምድ እግዚኣብሄር በይንኹም ኣይክሓድገኩምን እዩ። ናይዚ ምኽንያት ከኣ ኣብ ህይወት ምስ እግዚኣብሔር ብትውፊት ክትግዝኡ ምኽንኩም ብምምስካርኩም እዩ። መሰኮታዊ ረድኤት ንድልየታትኩም ክምልሶ እዩ ። ሰይጣን ንልምምድኩም ንምኽካፍ ምስ ዝቃለስኩም ከኣ፡ እዚ ጸጋ ንክትዕወቱ ክድግፈኩም እዩ። እቲ ቀንዲ ነገር ፍጹም ዘይምንስሓብ ዘይምዝሕታክ ወይ ዘይምህካይ እዩ።

ንነብስኩም ምውናን ክብርታት እንተ ኣለማመድኩምኩ፡ ዝመነንካዮም ክብርታት ምዕቃብ ካብቲ ምጥራዩ ኣጸቢቑ ክም ዘገድስ ክፈልጡ ይግባኣኩም ።

ሓደ ዝተመሰነ ክብሪ ንሓደ ፡ ክልተ ፡ሰለስተ ወይ ሙን ንሰሙን ክትሰዕቦ ቀኪል እዩ ።እቲ ዘገድስ ግና ክሳብ ፡ዚ ኣካል ናይ ባህሪካ ወይ ጠባይካ ዝከሙን ምቅጻኩ እዩ።እዚ ድማ ንነዊሕ ዝኸይድ ምልምላድ የድልዮ ኣብ ባህርይና ኣዕሚቑ ሱር ክሳብ ዝሰደድ ሚለት ክምቲ ሚር ይስሓቅ ዝበሎ ከኣ ፡ ዝኾነ ነዊሕ እዋን ብጽንዓት ዘይሰዓብናዮ መደብ ፍረ ኣይክህልዎን እዩ።

ናይዚ ምኽንያት ድማ እቶም ኣባኽትኩም ዘለው ዕምቆት ክብሪ ግብራውያንን መዐቀኒታቱ ጊዜን ቀጻልነትን ብምህሳምም እዮም። ጊዜ ነቲ ንልምምድና ዝገትእ ዘበለ ዕንቅፋት ክንፍትኖን ንምብድሁ መንገዲ ክንፈጥርን ከይተረፈ ዕድል ይክፍተልና።

ስለዚ ካብ ሓደ ዓይነት ምልምላድ ናብቲ ኻልእ ቅልጡፍ ከውጢ ምግባር መንፈሳዊ ጥቅሚ ይብሉን።

ብዙሓት ሰባት ንፍጹምነት ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክበጽሕዎ ይደልዩ ። ውጽኢቱ ድማ ኣብ ዋካሓንቲ ፡ኳ ዘይብኩ እዩ!! ወይ ድማ ንነብሶም ኣብ ሓደ እዋን ብዓይነቶም ዝተፈልዩ ልምምዳት የቕርቡካ ፡ሞ ፡ በዚ ድማ ወይ ንገለ ካብኣቶም ይዝንግዕዎም ወይ ድማ ኣብ ብምልኣም ኣድህቦ ይስእኑ ። ንስካትኩም ግና ነዚ ክትጭብጡ ንነብስኩም ብልቦናን ብዘገምታን ኣለማምዱን ኣብዚ ገለ ገለ ትዕዝብትታተይ ኣቕርበልኩም ኣለኹ።

+ ልምምድኩም ብሩህን ንጹርን ግበርዎ

ከምዚ ኣይትበሉ ንኣብነት ፡ ንነብሰይ ኣብ ኩለን እተን ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ 1ይ ቆሮንጦስ 13 ጽሑፍወን ዘሎ ዓሰርተ ኣርባዕተ ነጥብታት ናይ ፍቅሪ ከለማምዳ እየ ብምባል ኣይተስተንትኑ ። ብሓደ ነጥቢ ኣብ ሓደ እዋን ዓጊብኩም ኣብኡ እንተ ኣድሃብኩም ይኣኽለኹም እዩ። ገና እቶም ደቀቅቲ ዝርዝራቱ ከይበርሁልኩም ድማ ንነብሰይ ብኽመይ ትሕትና ዝመልኣ ህይወት ኮነ ሕያውነት ወይ እምነት ከለማምዳ እደሊ ኣለኹ ኣይትበሉ ። ከምዚ ምስ እትገብሩ ኣብ ሓደ ፡ኳ ኣይከተድምዑን ኢኹም ። ብልእጻሩ ንምባሌ ኣነ ንነብሰይ ትሕትና ካብ ዝመልኣ ህይወት ኣብ ሓደ ነገር ጥራይ ከለማምድ ይደልየ ኣለኹ። ንሱ ድማ ንገዛእ ነብሰ ከይምጉስ እዩ ብምባል ተዛረቡ። በዚ ልሙዳት ምስ ኮንኩም ወይ እዚ ምስ መኸኽኩም ንነብሰይ ሰባት ከምጉስዋ ከይትደሊ ከልምዳ እደሊ ኣለኹ ክትብሉ ኢኹም ። እዚ ምስ ከኣልኩም ከኣ ንነብሰይ ካልእ ፡ሙን ከለማምዳ ምደለኹ ንሱ ከኣ ካልኦት ከምጉስዋ ከለው ሓጢኣታን ጉድከታን ክትዝክር ። ቀጺለ ንነብሰይ ከኣ ካብ ሙሽጠይ ከውንጅልን ከለማምዳ ትብሉ

+ ክትገብርዎ ዝመጠንኩም ምልምላድ ብዓቅምኩም ይኹን ፡ብግብሪ ክተተግብርዎ ከኣ ቀኪል ይኽሙን።

ሐደ ሐደ እዋን ሐደ ሰብ ካብ ዓቅሙ ንካዕኪ ዝኾኑን ምስ ኩነታቱ ዘይቃደሙን ዓይነት ልምምዳት ንነብሱ ይእዝዝ ። ወይ ኣብ ዝገብሮ ምልምላድ ናብ ክቕጽከሉን ክዕቅበሉን ዘይክእል ኣልዒኩ ይዘከል እሞ በዚ ድማ ቀስ ብቐስ ከም ዘንሳሕብ ይኽሙን።

ንኣብነት ኩነታት ጥዕናኩም ክጽመሞ ኣብ ዘይክእል ንነብስኹም ኣብ ናይ ጸም ልምምድ ኣይተእትዉ ። ወይ ምስ ኩነታትኩም ወይ ኣኪባታትኩም ኮነ ስድራቤታዊ ህይወትኩም ኣብ ዘይቃዶ ስቅታዊ ምልምላድ ኣይትገብሩን ። ወይ ሙን ጊዜኩም ኣብ ዘየፍቅዶ ናይ ጸሎት ኮነ ኣገልግሎት ልምምድ ኣይትጸመዱ።

+ ሐደ ሱጉሚ ኣብ ሐደ እዋን እንተሰንምኩም ፡ ኣብ ልምምድኩም ገስጋስ ከተርእዩ ኢኩም።

ኣብ ሐደ ግድን ዝርርብ ዘድልዮ ሕብረተሰብ ትቅመጥ እንትድኣኼንካ, ኣብ ሙሽጢ ብምኾኑ ብስቅታ ነብስካ ምልምላድ ከቢድ ይኽሙን።

እንተኮነ ግና ንነብሰይ ሙሑድ ንምዝራብ ከኣሚምድ እየ ቃል ጥራይ ንዘድልዮ ምኩእ ሓሳባት ኣይህበኩን ፡ምኩእ ሓሳብ ጥራይ ንዘድልዮ ኽእ ኣስተምህሮ ኣይክህበኩን እየ። ዝስምዓኒ ዘበለ ሓሳበይ እንተተረዲእዎ ቃላት ምሙላኽ ፋይዳ የብሉን፡ ብምባል ገስጋሰ ከተርእዩ ትክእኩ ።

ነዚ ምስ መለኽኩም ከኣ ምዝራብ ኣብ ዘድልዮ እንተዘይኮነ ኣይክዛረብን እየ ክትብል ትክእኩ። ካብኡ ናብ ካልእ ዓይነት ልምምድ ትሰግሩ ንኣብነት ብዓሙታ ካብ ምዝራብ ምቑጣብ ንነብሰይ "ብህዱእ ደሃይ" (1ነገ 19፡12 ተመልከት) ከመይ ከም እትዛረብ ከኣሚምድ እየ ደማ ትብል። ሸዑ ድማ መልሓስካ ንእትገብሮ ጌጋታት ሐደ ብሐደ ክትቃመም ትጅምር.....

+ ልምምድኩም ካብ መዓሙቕ ግብራዊ ህይወትኹም ከም ዝነቕኩ ግበሩ።

እቲ ንካልኦት ዘምሕረኹም ምልምላድ ኣብካ ዘይክምችእ ይክእል እዩ። እትገብርዎ ልምምዳት ንዘከኩም ሙሕቃዊ ጌጋታት ኮነ መንፈሳዊ ጉድኸት ካብ ምቅዋም ዝመንጨሙ ኮይኖም ምስ መንፈሳዊ ክእሽትኩም ዘይጠዓዓም ልቦናዊ መንገዲ ይኹን። እትገብርዎ ምልምላድ ከኣ ምስ ሙሽጣዊ ኮነ ግዳማዊ ኩነታትኩም ክሳነ ኣለዎ።

ንልምምድኩም ዘሰነ መጽሐፍ

+ ንልምምድኩም ዘሰነ መጽሐፍ ከምዝህልወኩም ግበሩ።

ኣብዚ ደብተር እዚ ዓይነት ናይ እተካይድዎ ምልምላድ ኮነ ኣብ ልምምድኩም ዘነቓቕሓኩምን ዘተባብዓኩምን ጥቅስታት ካብ መጽሐፍ ቅዱስ ከተሰፍሩ ትክእኩ ። ነዞም ጥቅስታት እዚኦም ብምድግጋም ሽምድድዎም. በዚ ከኣ ኣብ ኣእምሮኩም ይጽሐፍ እሞ ኣንጻር እትገብርዎ ልምምድ ዘበለ ነገር ምስ ዝገጥመኩም ንዕኦም ትደግሙ ዛንታ ናይቶም ኣብ መንፈሳዊ ልምምድ ኣርኣያ ዝኾኑና ልቦና ዝመልኦም ቅዱሳን ሙን ንዘክር።

+ ኣብ ልምምድኩም ምስ እትወድቑ ፡ እቲ ምክንያት ብምምላይ ካልኣይ ንክይደገም ግበሩ።

እዚ ብምግባር ኣብ ኩሉ ግብርታትኩም መንፈሳዊ ተመክሮ ብምጥራይ ውግኣት ጸካኢ ብምጽናዕን ብከመይ ትብድህዎ ትፈልጡ። ብከምዚ ብምልምላድ ገለ ገለ ንካልኦት መራሕቲ ኮይኖም እዮም። ልክዕ ከምዛ ሓንቲ ኣደ ኣቀዲማ ዝተመኸረቶ ንጓካ ዝጠቅማ ዘበለ ግብራዊ ማዕዳ እትህባ ማለት እዩ።

+ ኣብ እትገብርዎ ልምምድ ስሕት ኢኩ ካብ ዘጋጥመኩም ሙድቀት ጥቅሚ ክትረክቡ ፈትኑ።

ነዚ ምኽንያት ነብሰ ምትሓትኩም ግበርዎ ብእትገብርዎ ተደጋጋሚ ዓወት ከኣ ኣይክትዕበዩን ኢኩም ።

ኣብ ድኩማት ኮነ ሓጢኣተኛታት ሓልዮት ንክህልዎኩም ከም ምኽንያት ይኹንኩም። ንሙድቀትኩም ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ብስግደት ኣእዳሙኩም እተልዕልኩን ብጥዑስ ልቢ ናብኡ እትቀርብሉን ናብ ጐይታ ጸሎትኩም እተብጹሑኩን ሓይኪ ጸጋን ከዕጥቀኩምን እትልምንኩ እትሓትኩን ጌርኩም ሙሰድም።

ገድኪ

ከምኡ ድማ ምክምማድ ብዘርኢ ምስኪ ንክቢ ክሳብ ክብሪ ኣምላኽ ንምክባስ እትበቅዕ ንምንጻህ ዝግበር ቃልሲ እዩ። ገድኪ ጥራይ'ሙን ዘይኮነ እግዚኣብሔር ንክዳንየካ ናብኡ ዝቀርብ ጥርዓን እዩ ። ግን ብኽመይ፧

ብዙሓት ሰባት ኣብ እግዚኣብሔር ዘለምም ድኴት ብክልሲ ሓሳባዊ መንገዲ ይገልጹ ወይ ብናይ ልቦም ስምዒት ወይ ከኣ ብጸሎት ሚዛት እዩ ። ኣብ መንፈሳዊ ልምምድ ግና ብግብራዊ መልክዕ ዝቐርቡ ድኴታት ይኽኑ።

እግዚኣብሔር ዝሕወሰናን ዓወት ንክሕቑፈናን ዝግበር ጥርዓን ግብረዊ ቃልሲ እዩ። እግዚኣብሔር ጥራይ እዩ ኣብ ክንዲ ጽቡቕ ድኴቱ ተወኪሉ ኣባና ክዓይ ዝክእል ኣብ ቃልስና ኮነ ኣብ ልምምድና ኣብ እንዕወተሉ እዋን ስሙ ኣባና ዝዓብየሉ ጽቡቕ ድኴት እዩ።

ስም እግዚኣብሔር ኩምን ንዘልኣለምን ዝተባረኸ ይኽኑን ። ኣሜን ።





ጸብጸብ ዝአ ነብስኻ ምቕራብ

ምዕራፍ 6፡ ጸብጻብ ነብስኻ ምቅራብ (ምሃብ)

ኣገዳስነት ጸብጻብ ነብስካ ምሃብ

ሐደ ሰብ ምስ ነብሱ ዝዛተየኩ እዋን ብቀጻኪ የድልዮ።

ንሱ እዚ ምስ ዝገብር ጸብጻብ ነብሱ ብምሃብ ንሙሽጢ ነብሱ ይፍትሽ፡ ባህርያዊ ትዕዝብቲ የካይድ፡ ጸብጻባቱ ኣደቃቂሱ ኣብ ቀጻኪ ናይ ምንቅቓሕ እዋን ይነብር ። እዚ ዓይነት ነብሲ ምቁጽጻርን ንዕዝብትን ከሳብ ከንደይ መንፈሳዊ ሂወቱ ክብ ዘበለ ይኽሙን ወይ ልዑል ቦታ ይሃልም ብዘየገድስ ንማንም ሰብ ኣድህይቲ እዮም ። በዚ ምኽንያት'ዚ እዩ ድማ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ መልእክቱ ናብቲ ኢጲስቆጶስ ዝነበረ ረድኡ ጢሞቴዎስ ከምዚ ብምባል ዝጸሓፈ፡" ንገዛእ ርእስካን ንቲ እትሀቦ ትምህርቲን ተጠንቀቕ ፡ኣብሉ ጸኒዕካ ንበር ፡ንቲ እንተ ገበርካስ ንርእስካን ንቶም ዚሰምዑኻን ከተድሕን ኢኻ፣" (1 ጢሞ 4፣16)

ስለዚ ሰይጣን ነቲ መንፈሳዊ ዝበሃል ሰብ ምስ ነብሱ ከይዛተይን ብዝካኣሎ ከስናክሎ ይፍትን ነቲ ሓጥእ ሙን ይኽልክሎ።

ንብዙሓት ዘዘናብሉ ነገራት ምቁጽጻር ፡ ኣገዳስነት ንኩሉ ጊዜኻ ብምሕላእ ስሚዒታትካ ምግዛእ ክንደይ ኮን ቀኪል እዩ። ሐደመንፈሳዊ ዝበሃል ሰብ ሙን ምስ መንግስቲ ኣምላኽ ዝተዛመደ ምስ ዝኾነሙን ሰይጣን ብብዝሒ ኣገልግሎት ብምጽማድ ብኣገልግሎቱ ክሓዝኦ ይክእል'ሞ ነቲ ምስ ነብሱ ብዛዕባ ኣብ ኣገልግሎቱ ዘለዎ መንቅባት ክጸባጸበ ተኽእሎ ዕድል'ኳ ኣይረኽበን ። ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እንረክቦ ዛንታ ናይቲ ምምላስ ዝጠፈለ ሓው ዘየሐጎሶ ንመላዲኡ ከምዚ ብምባል ዝተዛረቡ፡" እንሆ ክንድዚ ዓመት ተገዛእኩኻ ፡ካብ ትእዛዝካ 'ሙን ከኖ ኣይሓከፍኩን ፣እንተኾነ ንዓይ ምስ ኣዕሩኽተይ ዝሕጎሰኩ ሚሕስእ እኳ ኣይሃብኽንን፣" (ኩቃ 15፣29)። ልክዕ'ዩ ብዘይጥርጥር እዚ ንመላዲኡ ንዓመታት ዝተገዝአ ሙኩድ ምስ ነብሱ ኮፍ ብምባል እንተዝጸባጸብ ብዛዕባ እቲ ዘነበሮ ጌጋታት ኣብ ኣቀራርብኡ ኮነ ኣመካክስኡ ወይ ኣብ ሓው ዝነበሮ ፍቅሪ ንመላዲኡ ኣብ ዝሃቦ ክብርን ብዙሕ መንቅባት ምረኽበ ነይሩ።

ስለዚ ዚተባረኽካ/ኪ ወደይ/ኽይ ዘኮካ ኣገልግሎት ምስ ነብስኽ ኮፍ ካብ ምባልን ምጽብጻብን ክኽልክለካ የብሉን።

ገለ ገለ ጊዜ ኣገልግሎት ካብ ጸሎት ኮነ ንባብ ወይ ሙን ኣስተንትኖ ኣይክልከል ድዩ ፧! እንዳ ኣገልጋልካ ከኦኽ'ኪ ሓንሳብ ሓንሳብ ኣብቲ ዝግባኣካ ኣዕዚዝካ ኣይተሓሰብን ዲካ፧ (ሮሜ 12፣3) እንዳኣገልጋልካ'ሙን ስለ ሓቂ ምጥባቅ ከም ምኽንያት መሲድካ ብጨካን ልቢ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ኣይትፈርድን ዲኽ፧! . .... ካልእ'ሙን ብዙሕ ኣሎ .....ምስ ነብስኩም ኮፍ ብምባል ንሙሽጥኩም መርመሩ ከምዚ ንምባል ድማ ኣይትፍርሁን ፡"ንካልኦት እናሰብኽኩ ንርእሰይ ዘይበቕዕ ምእንቲ ከይኽሙን ፡ንሰብነተይ እቐጽዓን እገዝእን ኣኸኑ፣" (1ቆሮ 9፣27) ብዛዕባ እቲ ጐይታና ኢየሱስ ንማርታ ዝበላ ሰሚዕኩም ትኮኑ ፣" . . .ብብዙሕ ነገራት ትጭነቕን ትስሀርን ኣሎኺ ። እቲ ዘድሊ ግና ሓደ ጥራይ እዩ"።(ኩቃ10 ፣41-42)

ኣበራትካ ንኽተኪ ምስ ነብስካ ምዝታይ የድሊ . . .

ንፈጣሪ ኮነ ንሰብ ወይ ሙን ንገዛእ ርእስኽ ካብ ኣፍ ብዝመጽእ ወይ ብሓሳብካ ወይ ብህዋሳትካ ብልባዊ ስሚዒትካ ተደፊእካ ሰብነትካ ዝፍጽሞም ጌጋታት እትብድኩ ክትፈልጥን ከተከልም የለእለካ...

ዋላ'ኳ ነቶም ቀመምቲ ምስ ጊዜ ዘይተቀየሩ ባህርያት ተመርመርካ ብተመሳኺ'ሙን ነቶም ከም ክብርታት መሲድካ ትኾርዓሎም ዝጸናሕካ ዘሕጥኡ ነገራት ምምርማሮም ኣገዳሲ እዩ። ኦ ሓመይ ምስ ገዛእ ነብስካ ኮፍ በል ነዚ ቅዱስ ኣባ መቃርዮስ ዓቢ ዝበሎ ቃል ዘክር፣

" ክቡር ሓሙይ ቅድሚ ካልኦት ኣብ ልዕኺኻ ምፍራዶም ነብስኽ ፍረድ ።"

ናይ ነብስካ ጸብጻብ ብኽመይ ትህብ፧

ጸብጻብ ነብስኩም ምቕራብ ግሩድን ዕቱብን ግበርም።

እዚ ኣብ ምግባርኩም ሰይጣን ብሓደ ካብ ክፍቲኡም ክጸብኣኩም ይክእል ፡

ሓደው " ብናይ ምብዳል ስምዒት ከይትሳቐይ፡ሲ ነብስካ ንምምላን ብዙሕ ኣይትድከዮ " ብምባል

ወይ ውን " ኣብ ጭንቀት ከይትኣቱስ ኣብ ነብስካ ከይትጭክን ተጠንቀቕ " ብምባል ይጸባኣካ ።

ሰይጣን ከምዚ ክበል ከሎ ብቕንዕና ዘይኮነስ ንነብስኻ ካብ ምሙጃል ክዓግቶካ ብምድካይ እዩ። ኣብዚ ቅዱስ ኣባ ኣጦንዮስ ዓቢ ዝበልዎ ምዝካር የድልየካ ፣" ሓጢኣትና እንተ ደኣ ዘኪርና እሞዚኣብሔር ክርስዖም እዩ። ሓጢኣትና እንተ ደኣ ረሲዕና ግና እሞዚኣብሔር ክዝክሮም እዩ።" ነብዪይ ዳዊት ኣብ ናይ ጣዕሳ መዝሙሩ፣" ሓጢኣተይ ሲ ኩኩ ጊዜ ኣብ ቅድመይ እዩ "(መዝ 51) ዝበሎ ውን ክትዝክር ይግባኣካ።

እዚ ዝኮነኩ ምኽንያት እውን ምናልባት ሰይጣን " ብክቡር ደም ንዝተሓጸበ ሓጢኣት ምዝካርሲ እንታይ ኣድህየካ ! " ብምባል ስለ ዝጸባኣኩም ይከውን።

ዝገበርናዮ ኩኩ ሕማቅ ዘበለ ብምጥዓስ ብሕዙን ልቢ ንስሓ ዝመልኦ ህይወት ምምራሕ ኣብ ዝጀመርናኩ ካብ ሓጢኣትና ሕጹባት ኢና። ነብዪይ ዳዊት መላ ውን ሓጢኣቱ ምስ ተሓድገሉ ነብዪይ ናታን ፣" እሞዚኣቢሔር በደልካ ኣርሒቑልካ እዩ፡ሞ ኣይክትሞውትን ኢኻ" (2 ሳሙ 12፣13) ብምባል ምስ ኣረጋገጸሉን ከይተረፈ ብሓጢኣቱ ዝእክል ንትርኣሱ ገና ብንብዓቱ የጠልቂ ነበረ ነቲ ጸውዒት እሞዚኣብሔር ምስ ተቀበል ሓከፍ ኩካቶም ዝጸዓረ ሳውል እንተተመልከትና፡ ውን ከምኡ ። (1ቆሮ 15፡10) ምስ ሚሁይ ልቡ ከምዚ ብምባል እዩ ዝተዛረበ ፡"ኣነ ካብ ኩካቶም ሓዋርያት ዝናኣስኩ እዩ ፡ነታ ቤተ-ክርስትያን ኣምላኽ ዘሳንሽኩዋ ስለ ዝኮንኩ ከኣ ሓዋርያ ክስመ ኣይበቅዕን እዩ።" (1 ቆሮ 15፣9) ሓጢኣቱ ኣይተሓደገሉን በቲ ክቡር ደም፡ክ ኣይተሓጽበን ድዩ! ግና ከኣ ንዕኡ እናዘከረ ንነብሱ ገና ይውንጀል ነበረ ። ናብ ጢሞቴዎስ እቲ ኣብ ተሚሃራዩ ዝጸሓፎ ቀዳማይ መልእክቱ ከኣ ከምዚ ብምባል ፣" ሽሕ፡ክ ቀደም ስም ጐይታ ዝጸርፍን ዘሳድድን ዝጋፍዕን እንተ ነበርኩ ከይፈለጥኩ ብዘይ ምእማን ስለዝገበርኩዎ ምሕረት ረኺብኩ"(1ቆሮ 1፣13) ገና ምስ እዚ ኩኩ ምሕረት ግና ሓጢኣቱ ይዝክርን ንነብሱ ይውንጅልን ነበረ...።

ንገዛእ ነብስኻ ክትምርምር ከኻ ከም ምኽኒት እተቕርቦ መመመኽነይታ ካብ ምድካይ ተጠንቀቕ.. . .

ንነብስኻ ብምፍታሽ ጌጋታትካ ከተለኪ ትኽእል ትኽውን። ክሳብ ሽዑ፡ውን ተኻፋኪ ናይቲ ጸጋ ኢኻ። ብድሕሪኡ ግና ሰይጣን ናባኻ ይመጽእ እሞ ነቲ ጸጋ ኣምላኽ ኣባኻ ዝሰርሐ ከም ዘይትስዕቦ ብምግባር ንሓጢኣትካ ካብ ምጥዓስ ብእኡ ካብ ምጉሃይን ካብ ነብሰ ተግሳጽን የርሕቀካ። ከምቲ ኣብ ኣቦና ኣዳምን ሄዋንን ዝገበሮ ንጌጋታትካ እትፍትሽኩ መመመኽነይታታት ድማ የቕርበልካ። ነዞም ንሓደ ሰብ ንተጽዕኖ ናይ ገበን ንኽቃልል ብሓሶት ካብ ዝምሕርዎ ምኽኒታት ድማ ተጠንቀቕ።!

ነታ እሞዚኣብሔር ዝሃበካ ነብሲ ብሓቂ ተፍቅራ እንተድኣ ኮይንካ፡ ንነብስኻ ብሓጢኣት ከም እትጠዓስ እትሓዝን እትጉህን ካብ ምግባር ምኽልካል ሓንቲ ኣየርብሓካን እዩ። ብኣንጻሩ ንእትገብሮ ጌጋታት ምኽኒት ምቕራብ ገና ክትቅጽል ኢኻ። ኩኩ ጊዜ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ "....በቲ ንኽልእ እትፈርዶ ንርእስኻ ትኹንን ኣለኻ እሞ፡እቲ እትፈርዶ፡ስ ትገብሮ ስለዘለኻ ምኽንያት ይብልካን።" (ሮሜ 2፣1) ዝበሎ ወይ ውን ኣብ መንገል "ኣቱም ቃርማ እተጽርዩ ፡ገመል ከኣ እትሙሕጡ ዕሙራት መራሕቲ!" (ማቴ 23፣24) ንዝብል ቃል ክትዝክር ይግበኣካ።

ንመንገዲ ክብሪ ካብ ምሓዝ ንዝዓግቱኻ ግዳጣውያን ዕንቅፋታት ከም መመመኽነይታ ካብ ምቕራብ "ነዞም ዕንቅፋታት ክብድሆም ነይርኒ" ብምባል ምስ ነብስኻ ተዛረብ።

ነቲ ኣብ መንጎ እቲ ብሰሪ ብልሹው ግብሩ እሞዚኣብሔር ብኣይሂ ዘጥፍኦ ዘይእሩም ህዝቢ ብቅንዕና ዝነብር ዝነበረ ናህ ተመልከት። ምስዚ ኩኩ ግና ናህ ነብሱ ብእምነት ብምግዛእ ብከባቢኡ ኣይተጸልመወንኑ ከምኡ፡ውን ዮሴፍ ምስቲ ኩኩ መዓልታዊ ዝፈታተኖ ዝነበረ ሓጢኣት ቅኑዕ መንገዲ ብምሓዝ ንስበይቲ ጐይትኡ "... ከመይ ገይረ፡ኽ እዚ ዓቢይ ክፍእትን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከኣ ሓጢኣትን ኪገብር እኽእል" (ዘፍ 39፣9) ብምባል ሀያሙ ዘረባ ዝተዛረበ። ንሓጢኣት ስለ ዘይተገዝእ ከኣ ኣብ ሚእሰርትን ውርደትን ወዲቁ...።

ዳንኤልን እቶም ስለስተ መንእሰያትን ዋካ`ኳ ናብ ኣፍ'ቲ ግሁር እቶን ሓዊ ወይ ናብ ኣፍ ኣንበሳ ክድርበዩ ምፍርራህ እንተበጽሐም እዚ ግና ካብ ፍርሃት እግዚኣብሔር ኣየዘንበሎምን። እዚ ተጻዋርነትን እምነትን እቲ ሰማዕታትን ካህናት ንስሓን ኣብቲ ዝገጠሞም ስቅያትን ሞትን ዝመንንም እዩ።

ሙሽጣዊ ድኻሚትና ጥራይ'ዮም ንግዳማዊ ጸቕጢ ከም ንምብርክኽ ዝገብሩና።

ንነብስኹም በዛ ሓረግ'ዚ ኣእምንዋ "ንዝገጥሙኒ ኩሎም ሙግኣት ጽንካሬኣም ብዘየገድስ ምብድሆም ምእንቲ ክኽእልሰ ሙሽጠይ ሓያል ክኸውን ኣለኒ"። ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ናይ ዕብራውያን መልእኽቱ "ምስ ሓጢኣት ክትቃለሱ ከለኹም ገና ደምኩም ክሳዕ ምፍሳስ ኣትበጽሑ ኣይተቓወምኩምን።" (ዕብ 12፣4) ዝበሎ ቃል ከም መተኣማመኒ ውሰዶ። ስለዚ ጸብጻብ ነብስኹም ኣብ እትገብሩኩ፡ድኹም ብምኽንይ እዩ ወይ ሓጢኣት ስለ ዝሓየኪ እዩ ኣይትበሉ። እቲ ቅኑዕ ዝመንገዱ ዮሴፍ ኣብ ክዕኪ ሓጢኣት ብኽመይ ከም ዝተዓወተ ዘክሩ። እቶም ትእዛዛት ከበድቲ ብምኽኖም ኣብ ምትግባሮም ሰኒፉ!! እሙን ኣይትበሉ። በኣንጻሩ ኣብርሃም ነቲ እንኮ እምብዛ ዘፍቅሮ ወዱ ንመስዋእቲ ከም ዘቅረቦ ምዝካር የድልየኩም (ዘፍ 22)።

ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ካብ ዝሰፈረ ዛንታታት ብምዝካር ንመሰናኽላት በድሃዮም፣

ነቶም ነቲ መጻጉዕ ሰብ ካብ ብዝሒ ህዝቢ ዝተላዕከ ናብቲ ክርስቶስ ዝነበሮ ቦታ ከቕርብዎ ብዘይምኽኣሎም ኣላሽ ከይበሉ መንገዲ ዝተጣበቡ ሰባት ዘክር። በቲ ኢየሱስ ዝነበሮ ወገን ነቲ ናሕሲ ኣፍሪሶም ብምኽፋት ነቲ ኽመስ ሰብ ድማ ምስቲ ደቂስኩ ዝነበረ ዓራት ኣውረድዎ (ማር 2፣4)። ዳዊት ነቲ ዝሃድኖ ዝነበረ ንጉስ ሳኦል ንኽቕትሎ ፈተናታት ምስ ቀረበሉ ዝመለሶ'ሙን ዘክር፡"ንሱ ቅቡእ እግዚኣብሔር እዩ'ሞ ንጐይታይ ነቲ ቅቡእ እግዚኣብሔር ክቕትል ኢደይ ካብ ምልኣል እግዚኣብሔር ይሰሙረኒ" (1ይ ሳሙ 24፣6) ብምባል እዩ ዝመለሰ።

ምስ ነብስኻ ኣብ ትጸባጸበሉ እዋን ንምኽኒት፡ነብስኻ ከም ምሕንቃቕ ውሰዶ።

ከምቲ ኣብ መላሙር ሰሚሙን ብዛዕባ ሹካሚይት እንረኽቦ፡ጐይታ ርእሱ ብዛዕዛዕታ ተሸፊኑ ጸጉሩ'ሙን ኣሙኪ ናይቲ ምሽት ወዲቕዎ ክትረድኦ ምስ ኳሕኩሐ "ቀምሽይ ኣሙጺኢ እየ ደጊመ ክምልሶም ኣይክእልን፡ኣእጋረይ'ሙን ተሓጺቢ እየ'ሞ ተመኪሰ ከየርስሐም" ብምባል ንምርሓሙ ምስ ኣመኽነየት፡ጐይታ ንምኽኒታ ኣይተቐበሎን ገጹ ብምምካስ እሙን ከደ። ሰቓይ ምስ ኣጽበበካ ግን "ደከኹም እሞ ኣይረኽብክምን፡ጸዋዕክም እሞ መልሱ ግን ኣይሃበንን" (መኃ 5፣2-6) ብምባል ተስቆርቑር።

እቲ ሓደ መኽኪት ዝተዋህቦ እሞ ንዓኣ ኣብ ምድሪ ብምሕባእ ኣብ ጐይታኡ ብሕሱም ቃል ዝመለሰ እሞ ብጐይታኡ ዝተኸነነ ኣገልጋኪ ኣይትምስል (ማቴ 25፣24-28)።

ብዙሓት ሰባት ከኣ ድሕሪ ምሕጥኦም ንሓጢኣቶም ፍጹም ዘይቕቡል ምኽኒት ይህቡ።

ልክዕ ከምቲ ንጉስ ሳኦል ባዕኩ ናብ እግዚኣብሔር ዝሓርር መስዋእቲ ምስኣቕረበ (1ይሳሙ 13፣11-12) ከምቲ ነብዩ ዮናስ እሙን ብቅኑዕ ፍርዲ እግዚኣብሔር ክሳብ ንሞት ዝሕምን ዝኾረዮ (ዮና 4፣1-3) ወይ'ሙን ኤልያስ ሀይወቱ ንኽድሕን ካብ ገጽ ኤልዛቤል ዝሃደሞ (1ይነገ 19፣1-4) ማለት እዩ።

ልክዕ ከምዚኦም እቲ ንጥዕንኡ ከም ምኽኒት ብምቕራብ ንሕልንኡ ጸም ከም ዘይከእል ዘእምን፡እቲ ቍጠባዊ ኩነታቱ ከም ምኽኒት ቀጺሩ ዕሸር ሃብ ዝብል ሕጊ ዘፍርስ ሙን ኣሎ። ከምኡ`ሙን እቲ ንዝተመባጽዖ ዘይትግብር ሙን ከምኡ፡ዳዊት ኣብ መዓስኡ "ኣንበሳ ወይ ድቢ ካብቲ መዓሰ ሓንቲ በጊዕ ምስ መሰደ" ንነብሱ ምኽኒት ኣይመሃዘን፡ደድሕሪኡ ብምውጻእ ይቕትሎ እሞ ካብ ኣፉ የግድፎ ነበረ (1ይሳሙ 17፣34-35)..... ዳዊት ንምድሓን መዓስኡ ምኽኒት እንተዘቕርብ እሙን ምኽኒቱ ቅቡል ኮይኑ ምተረኽበ!! ሕልና ዳዊት ግና ብርቱዕ ነበረ.....

ብዙሓት እሙን ይሕጥኡ እሞ ንነብሶም ኣብ ክንዲ ምሙንጃል እቲ በደል ኣብ ቤተ ክርስትያን ብምኽጋብ ንነብሶም ምኽኒት የናድዩ።

ከምዚ ክብሉ እሙን ይኽእኩ፡"ቤተ ክርስትያን ኣይናፈቕትንን! ናይ ንስሓ ኣቦይ ኣይግደስኪይን እዩ! መንገዲ ዘርእየኒ መራሒ ኣይረኽብኩን! ኣበይ ኣለሙ ኣቦታት! ስራሕ ካህናት ኣበይ ኣሎ፡ ዋካ ሓደ ካብኣቶም፡እቲ ሓጢኣት ፍኩጥ እዩ ነይሩ፡ ሕልናይ ከስኡ'ኩ ኣነ ግና ኣይትኣዘዝክምን...! ዝብል የለን።

ቅዱስ አባ አንጦኒዮስ ዓቢ አብ ጽምጽም በረኻ ንሙሐሙ ብዘይ መራሒ አብ ዝነበረሉ እዋን ዝመርሐ ዘይምርካቡ ከም ምኽኒት ከየቕረበ አብ መንገዲ ቅንዕና ጸኒዑ ይነብር ነበረ። ከምኡ'ውን ባሕታዊ ቅዱስ አባ ጳውሊን ካልኦት ብዙሓት ቅዱሳንን።

ምስ ነብስኻ አብ እትጸባጸበሉ እዋን ንነብስኻ ክትመዝንን ክትሙንጅልን ዝሓሸ እዩ።

ካብ ንነብስኻ ምኽኒት ምቕራብ ንካልኦት ሙን ምሙንጃልን ከምዚ ምስ እትገብር ኢኻ አዚኻ እትጥቀም... ፖፕ ቴምፍኩስ ብዛዕባ እቶም አብ ህይወት ብሕትዋና ዝመነንምም ዝበሐጹ ክብርታት ነቶም ናይ እምባ ኒትርያ አቦ ምስሓተቶም እቶም አቦ ዝመሐስኩ መልሲ ክንደይ ደስ ዘብል እዩ። ከምዚ ብምባል'ዮም ዝመለሱ፡ "እመኑኒ አቦይ ሐደ ሰብ ንዝኾነ ነገር ንነብሱ ካብ ምሙንጃል ዝዓቢ ክብሪ የለን..."

ንዘጋጠሙኻ መሰናኽላት እሙን ከም ምኽኒት ዘይኮነስ ከም ንነብስኻ ነዚ ንኽትቃወም እትከሚምደኩ ዕድል ተጠቒመሎም ንዕኦም ንኽትብድህ እግዚኣብሔር ጸጋ ክህበካ ከላ ከምን።

ምስ ነብሲ ዝግበር ምጽብጻብ ብነብሰ - ምሙንጃል ድሕሪኡ ከላ ብነብሰ - መኣረምታ ይሰዓብ።

ነዞም ኩሎም ድኻማትካ ከላ ንመንፈሳዊ ልምምድ፡መንፈሳዊ ገድልን ጸሎትን ዕድል ከም ዝኽፍቱ ጌርካ ትመስዶም። አብ ዝግበር ንስሓ ወይ እሙን ምኽሪ አብ እትሓተኩ እዋን እሙን ክጥቀሱ ይኽእኩ። እዞም ድኻማት እዚኦም እሙን ከም ምኽኒት ነብስኻ ንምትሓት ኮነ ካብቲ ድሕሪ እትገብሮ ጽቡቕ ግብሪ ዝስዕብ ከንቱ ሐሳብ ትዕቢት ይጠቕሙኻ።

ከምኡ'ውን ድኻማትካ ንሓጥኣን አብ ክንዲ ብምፍራድ ብመልክዕ ርህራሄ ከም ትጥምቶም ይገብሩኻ። ከምቲ ሐዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ዝበሎ፡"ንእሱራት ከም መተኣሰርቶም ኳንኩም፡መከራ ይጸግቡ ንዘለው ከምኣቶም መከራ ትጸግቡ ከም ዘለኹም ኳንኩም ዘክርምም።" (ዕብ 13፣3)

ብኹሉ ሕማቕ ግብርታትካን ብዘየጥረኻዮም ጽቡቕ ጥበባትን ምስ ነብስኻ ተሐሳሰብ። ምስ ዝኮነ ንመንፈሳዊ ዕቤትካ ዝዕንቅፍ እሙን ከምኡ። አብዚ ሐዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ንዝበሎ አብ ቅድሜኻ ግበሮም "ነዚ ኾኩ ድሮ ረኺበዮ ወይ ድማ ቅድሚ ሕጂ ፍጹም ኮይነ እየ ማለቶይ ኣይኮነን። ግና ክርስቶስ ኢየሱስ ናቱ ስለ ዝገበረኒ ኣነ ድማ ነዚ ኩሉ ናቶይ ክገብሮ እጽዕር ኣሎኹ።" (ፊልጵ 3፣12-14) ንመንፈሳዊ ዕቤትካ ዝገትእ እንታይ ምኻኑ ተመልከት- ካብ ሙሽጥኻ ዝነቕኩ ድዮም ወይስ ግዳማዊ ዕንቅፋት፡

ሐደ ሰብ ጸብጻብ ነብሱ ዝሀብ መዓስ እዋን እዩ፡

ኣብዚ ሐደ ሕቶ ይተርፈና፡ ንሱ ድማ ምስ ነብስና መዓስ ኢና ንጸባጸብ፡

ገለ ሰባት አብ ፍኩይ ኣጋጣሚታት ወይ ምስጢራት አብ ከም ሐድሽ ዓመት ወይ ዕለተ ልደቶም ምስ ነብሶም ይጸባጸቡ። ገለ ከኣ ቅድሚ ዝገብርዎ ነፍሲ ወከፍ ንስሓ ወይ ሙን አብ ቅዱስ ቁርባን ቅድሚ ምክፋሎም ከኾነኹም ይመርጹ። ካብ ክልቲኡ ዝበልጽ ግና ምስ ነብስና አብ ምዝዛም ናይ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ምስ እንጸባጸብ፡ ካብ ኩሉ ዝበለጸ ከኣ ድሕሪ ዘሕጥእ ተግባር ምግባርካ ነብስኻ ብኡ ንብኡ ምሙንጃል እዩ...።

ዝኾነ ኮይኑ እቲ ዝበለጸ ግና እቲ ዝኾነ ግብሪ ቅድሚ ምፍጻምካ ብኡ ንብኡ ምስ እትጸባጸብ እዩ።

ንምሳሌ ሐደ ነገር ቅድሚ ምዝራብካ ንዓይ ቅኑዕ ድዩ ኣይኮነን፡ አብ ካልኦት'ከ ከመይ እዩ፡ ካብ ዝሐሰብኩዎም ብኽልኡ ዝርድኣም ይህልው'ዶ፡ ብምባል ንነብስኻ ሕተት... ዘይቅኑዕ ኮይኑ እንተረኺብካዮ ቅድሚ ነቲ ቃል ምሙላእካ ኣወግዶ... አብ ኩሉ ተግባር ኣእዳሙካ ኮነ ሐሳባትካ እሙን ከምኡ... .

እዚ ምስ እትገብር ናብ ፍጹምነት ገጽካ ትግስግስ እሞ እግዚኣብሔር ከኣ ምሳኻ ይኽሙን...።



ምዕራፍ 7



ንስሓ

ምዕራፍ 7፡ ንስሓ

ንስሓ ሐደ ሰብ ጣዕሳኡ ዝገልጸሉ መንፈሳዊ መንገዲ እዩ።

ኣብ እምነት ቤተ ክርስትያን፡ናይ ሐጢኣትካ ናይ ምንዛዝ ስርዓት "ምስጢረ ንስሓ" ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ። በቲ ግቡእ መንፈሳዊ ስርዓቱ እንተተጠቂምካሉ ከኣ ብጭቡጥ ናብ ጣዕሳ ይመርሓካ። ኑዛዜ ከበሃል እንከሎ እቲ ንኣቦ ንስሓካ ዝኾነ ካህን ትነግሮ ቃላት ጥራይ ኣይኮነን። ነቲ ኣብ ሐጢኣት ዝወደቐ ሰብ ናብ ናይ ሓቂ ጣዕሳ ምስ ዝመርሑ ዝተመሰኑ ስምዒታት ከመሃሃዱ ኣለዎም።

ባእታት ንስሓ

ንንስሓ ምኩእ ዝገብርዎ ባእታታት ንስሓ ኣየኖት እዮም፧

ንስሓ ኣርባዕተ ምኩኣት ክኾኑ ዘለዎም ባእታታት የጠቃልል፣

1. ናብ እግዚኣብሔር ዝቐርብ ንስሓ

ነብዩ ዳዊት ኣብ ናይ ንስሓ መዝሙር ወይ መዝሙር 51 ከም ዝብሎ፡"ኣነ ንዓኺ፡ንዓኺ ንበይንኺ ጥራይ በደልኩ ኣብ ቅድሜኺ ሙን እከይ ገበርኩ" ኣብዚ ዓይነት ንስሓ፡ከም'ቲ ኣብ ኣቡነ ዘበሰሚያት " ንሕና ንዝበደኩና በደሎም ከም እንሓድገሎም በደልና ሕደገልና" ኢልና ንጽልዮ ካብ እግዚኣብሔር ምሕረት ንሓትት። ንእግዚኣብሔር ከኣ ብሓጢኣትካ እኳ ዝግበኣካ ፍርዲ እንተኾነ፡ቁጥዓኡ ካባኺ ከርሕቐ ትምሕጸኑ። ከምቲ ኣብ መዝሙር፡"ኦ እግዚኣብሔር፡ብኹራኺ ኣይትግንሓኒ፡ብሓርቐትካ ድማ ኣይትቕጽዓኒ። ኦ እግዚኣብሔር ደኺመ እየ ምሓረኒ" (መዝ 6፡1-2) ኢልና እንልምኖ እዩ።

2. ናብ እግዚኣብሔር ክንንሳሕ ከለና ናብ ናይ ንስሓ-ካህንና እውን ንናዘዝ ኣለና ሚሕት እዩ።

ከም ኣገልጋሊ ምስጢራት ኣምላኽ መጠን ክንናሳሕ (1ዮሓ 4፣1) ወይ (ሚሕ 2፣6) ናብኡ ንቐርብ። ንስሓና ናብኡ ነቐርብ'ሞ እግዚኣብሔር ይቅረ ይብለሕና ምሕረት ከኣ ይገብረሕና (ዮሓ20፣22-23)ን (ማቴ 18፣18)። ብቐዕ ኢይንላ ምእንቲ ክትቀርብ ኣብ ቅዱስ ቍርባን ተኻፋሊ ንክትኸውን ዘፍቅደልካ እውን ናይ ንስሓ-ካህን እዩ። ሽግራትካ ኣብ ምብዳህ እውን ስለ ዝሕግዘካን ስለ ዝመርሓካን መንፈሳዊ መራሒኻ እዩ። ኣብ ቅድሚ ቀሲስ (ካህን) እትናሳሕ እውን ብግብራዊ ምኽንያት ኢኻ። ንሱ ድማ ሐደ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሐደ መንፈሳዊ ሰብ ብፍላይ ከኣ ካህን ሐጢኣቱ ክዝክር ስለ ዘሕንኾ እዩ። እዚ ሕንከት እዚ ከኣ ኣብ ቀጻሊ ኣይሓጥእ ይሕግዞ። መጽሓፍ ቅዱስ'ውን ይብል፡"ኣብ ሓድሕድኩም ሐጢኣትኩም ተናዘዙ" (ያዕ 5፣16) እዚ ሚሕት ከኣ ካብ ሐደ ሰብ ናብ ሐደ ሰብ ንምባል እዩ።

3. ብኹሉ ኣበሳኻ ንዝበደልካዮ ዘበለ ሰብ እውን ንስሓኻ ኣቕርብ

እዚ ድማ ነቲ እቲ ሰብ ኣባኻ ሒዝዎ ዘሎ ቑጠዓ ወይ ቂም ብምእካይ ብዝነጸሐ ልቢ ካብቲ ቅዱስ ቍርባን ከም ትካፈል ይገብረካ። ነዚ እዩ ድማ ጐይታ ኣብቲ እምባ ከምዚ ብምባል ዘስተምሃረ፡"እምበኣርከ ሞባእካ ናብ መሰውኢ እንተ ኣምጸእካ ሐውኻ ሐዚኡልካ ምህካው ከኣ ኣብኡ እንተሐሰብካ፡ነቲ ሞባእካ ኣብኡ ኣብ ቅድሚ መሰውኢ ሕደጎ ኪድ ቅድም ምስቲ ሐውኻ ተዓረቕ፡ደሓር ድማ ሞባእካ ተመሊስካ ኣቕርብ" (ማቴ 5፣23-24)።

ንስኪዚ ኸኣ ብገለ ዝበደልካዮ ሰብ ምስ ዝህልመካ ናብኡ ብምኻድ ይቅረ ክገብረልካ ብምሕታት ምስኡ ተዓረቕ እሞ ንስሓኻ ኣቕርብ.... ብዘይ ጥርጥር ከኣ እዚ ንካልኦት ንኽይትብድኽ ጥንቁቕ ኪገብረካን ካብ በደል ከርሕቐካን ብእኡ ከኣ ይቅረ እትሓተኩ ምኽንያት ኣይክህልመካን እዩ።

4 . ካልእ ዓይነት ንስሓ እውን ኣሎ።ንሱ ከኣ ብዝሓጥኣካዮ ዘበከ ኣብ ቅድሚ ነብስኻ ምንሳሕ እዩ።

ናይዚ ምኽንያት ከኣ ብውሽጥኻ ብኹሉ ዝሓጣእካዮ ዘበከ ካብ ውሽጢ ልብኻን ብሓሳብካን እንተዘይተሰሕካ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እውን ፈጺምካ ኣይክትንሰሓሉን ኢኻ። ናብ ካህን ብምኽድ ንኽትናዘዝ እውን ዕጥይ ምጥይ ክትብል ኢኻ። ናብ ሐውኻ ኼድካ ንኽትዕረቕ ድማ ኣይክኣክካን።
ስለዚ ንስሓ ካብ ነብስኻ እዩ ዝጅምር፡እዚ ከኣ እቲ ዝሓጥኣ ሰብ ብውሽጣዊ ስምዒቱ ይስቀሮ እሞ ጌጋ ከም ዝሰርሕ ድማ ብሕልንኡ ንነብሱ የእምን። በዚ ኸኣ ምስ ሰብ ኮነ ምስ እግዚኣብሔር ዝዕረቐኩን ይቕረ ዝቕበለኩን መንገዲ ንኽፈጥር ኣድኻይነቱ ይርኣዮ።

ብዙሓት ንዝገበሩዎ ጌጋ ስራሕ ብውሽጦም ኣይርድእምን እሞ በዚ ከኣ ጣዕሳ ኮነ ንስሓ ኣየቕርቡን።

ምናልባት ምኽንያቱ መንፈሳዊ መስክዒታቶም ዘይቕኑዕ ወይ ንግብርታቶም እናሻዕ የመኽንዩ ይኾኑ። ኣንኑቶም፡ሙን ካብ ንስሓ ክዓግቶም ወይ ሙን ጌጋኦም ዘይክእምኖም ይኽእል። ንነብሶም ከም ቅንዕቲ ዘካ ጌሮም ስለ ዝርእይዋ ካብ ምንታይ ወይ በየን እዮም ክናስሑ፧ ብዙሓት ካብ ዝሓጥኡ ንሓጢኣቶም ከም ኣካል ጽቡቕ ጠባይ ጌሮም ብምቕራብ ወይ ብምሸፋን ብዛዕብኡ ከይተረፉ ይጀሃሩ..... ልክዕ ከምቶም ንሕጊ መሱን ስርዓት ኣቦታቶምን ሓከሙቲ ተመሰኹም ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዓይኒ ጽልኢ ዝጠመትዎ ንመገደም ከም ቅኑዕ ዝመስዱ ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን!! ከምቲ ብተሪር ልብን ብሓጢኣቶም እናተጃህሩ "ሳምራዊ ምኺንካን ጋኔን፡ሙን ከም ዘኹሳስ ጽቡቕ፡ዶ ንብል ኣየኰናን፧" (ዮሓ8፧48) ዝበልዎ እዩ። ብኽምዚ ንክርስቶስ የዋርድዎን ይጸርፍዎን ነበሩ።ንነብሶም ከኣ ኣብ መንገዲ ቅንዕና ከም ዘካ ይመስድዋ!

ስምዒታት ናይ ተነሳሒ

እቲ ተነሳሒ ንሱ ከም ዝሓጥኣ ክፍከሮ ኣለዎ። ብሓጢኣት ከኣ ክጠዓስን ሞይ ልቢ ክህልዎን ይግባእ።

ነብዩይ ዳዊት ጣዕስኡ ዓብይ ብምንባሩ ንመዳቕስኡ ብንብዓት ክሳብ ዝጥልቂ ብሓጢኣት ኣምሪሩ በኸየ (መዝ 6፧6)። ካብ ሓጢኣቱ ኣጸቢቑ ክጸሪ ከም ዘለዎ ብምፍካጥ ከኣ ናብ ጐይታ ከምዚ ብምባል ከመነ "ካብ ኣበሳይ ኣጸቢቕካ ሕጸበኒ፡ካብ ሓጢኣተይ፡ሙን ኣጽርየኒ... ምእንቲ ክነጽሕ፡ሲ. ብስምዕላ ሕጸበኒ...." (መዝ 51)

ብዙሓት ካብ ዝናዘዙ ብዘይ ዝኾነ ናይ ጣዕሳ ኮነ ሕንክት ወይ ሙን ናይ ሕፍረትን ሙርደትን ስምዒታት ናብ ንስሓ ይቕርቡ። በዚ ከኣ ንንስሓኦም ረብሓ ኣይረኽብኩን። ብዘይ መንፈስ ዝግበር ዝርርብ ይኸውን!! ንስኻ ግን ብሓጢኣትካ ኣዚኻ ክትጉህን ክትጠዓስን ምስ እትኽእል እትገብሮ ንስሓ፡ሙን ይጠቕመካ።

ኣዚኻ ብምጥዓስ ኩነታትካ ንኽትቅይር ጽኑዕ ሙሳኔ ይሃልኻ።

እዚ ከኣ ንሕኩፍ ናይ ሓጢኣት ህይወትካ ንኽትሓድግ ኮነ ኩሉ ናብኡ ዘምርሕ መገድታት ንክትዓጹ ምጽዓት እዩ። ምኽንያቱ ንስሓ ሓድሽ መዝገብ ብምኽፋት ነቲ ኣረጊት ምዕጻው ሚከት ዘይኮነስ ነቲ ምስ ኣምላኽ ህይወት ንክይትምስርትን መንፈሱ ኣብ ልብኻ ክየጽልፈን ዝጋርደካ ዘበከ ኩሉ ዘሕጥኡ መንገድታት መስመሩ ምዕጻው ሚከት እዩ።

እቲ ዝናዘዝ ተነሳሒ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ በደል ከም ዝፈጸመ ክእምን ክኽእል ኣለዎ።

ሓጢኣት ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ምሙጻእን ንትእዛዛቱ ድማ ከም ምጽራርን እዩ። እዚ ድማ ንጣዕሚ ዓለምን ንንብረት ኮነ ንስጋ እላ ዓለም እዚኣ ካብኡ ኣብኪጵካ ብምርኣይ ኣብ ፈጣሪ ምንባዕ ሚከት እዩ። ሐዋርያ ቅዱስ ያዕቆብ ነዚ ብኽምዚ ገሊጽዎ ኣሎ፡"ፍቅሪ ንዓለምሲ ንኣምላኽ ጽልኢ ምኳኑ፡ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ እምበኣርከስ ፈታው ዓለም ምኳን ዝደሊ ንሱ ጸላኢ ኣምላኽ እዩ" (ያዕ 4፧4)። ሐዋርያ ቅዱስ ዮሓንስ፡ሙን "ሓደ፡ኳ ንዓለም እንተፈተዋ ፍቅሪ ኣቦ የብኩን" ብምባል ይዛርብ። ስለዚ ሓጢኣት ንፍቅሪ ኣምላኽ እዩ ዝጸረር። ከምኡ፡ሙን ነቲ ምስ ቅዱስ መንፈሱ ዝህልወካ ሕብረት ከም ምጽራር እዩ። ምኽንያቱ ጽሑፍ እውን ከም ዝብሎ "ንጽድቅን ንሓጢኣትን እንታይ ኣራኺብ፧" (2ይ ቆሮ6፧14)

ስለዚ ከኣ ሐዋርያ ነብዩ ዳዊት ንጐይታ፡"ኣነ ንዓኺ ጥራይ በደልኩ፡ኣብ ቅድሜኺ እሙን እከይ ገበርኩ" (መዝ 51) ደኣ በሎ እምበር "ኣነ ንዩርያህን ሰበይቱ ባትሲባን በደልኩ" ኣይበሉን... ነቲ ጻድቕ ዮሴፍ እሙን ሓጢኣት ምስ ተፈታተዋ፡"ከመይ ገይረኽ እዚ ዓቢ ክፍኣትን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከኣ ሓጢኣትን

ከገብር እኽእክ፡" ብምባል እዩ ዝመስሰ። እዚ ኣብ ሙሽጥኽ ሓዞ እሞ ኣብ ኣምላኽኽ ከም ዝሓጣእካ ከፍከጠካ እዩ።

ከምኡ'ሙን ንስሓ ኣብ ሞንጐኽን ኣብ ሞንጐ እቲ ዘናስሓካ-ካህንን ዘሎ ርክብ ጥራይ ኣይኮነን፡ ቅድሚ ዝኾነ ካልእ ዝምድና ምስ ኣምላኽ እዩ።

ንእግዚኣብሔር ብመንገዲ እቲ ካህን ኣቢልካ ኢኽ ንስሓኽ እተቕርብ፡ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ኢያሱ ወዲ ነዌ ንኣካን ከምዚ ይብሎ፡"መደይ በጃኽ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽኽ እስራኤል ኣኽብሮ፡ተናዘዙ'ሙን እንታይ ከም ዝገበርካ ንገረኒ ኣይትሕብኣኪይ..." (ኢያ 7፣19) ኣብ ሥርየት ብመንገዲ ኣፍ እቲ ካህን ኣቢልካ ኢኽ ካብ ኣምላኽኽ እትቕበል። ስለዚ ኣብ ንስሓኽ ሀሳመ እግዚኣብሔር ይርኣየካ፡ካብ ንስሓኽ ከኣ ብመንፈስ ትረብሕ። ብዙሓት ነዚ ሀሳመ እዚ ይስሕትዎ እሞ ክብርን መንፈሳዊ ረብሓን ይጠፍእ።

ንስሓን ደም ክርስቶስን

ካልእ ኣብ ንስሓኽ ዝጠቕመካ ኣገዳሲ ነጥቢ ድማ ምርዳእ ኣገዳስነት ምሕረትኡ፡ብኽመይ ይመሃብን እዩ።

እቲ ዝበደለ ሰብ ንመስዋእቲ በደኩ ኣብ መንሰኡ የምጽእ እሞ ብዛዕባ እቲ ዝገበሮ ሓጢኣት ንእግዚኣብሔር የቕርበሉ ኣእዳሙ ኣብ ልዕሊ እቲ ንመስዋእቲ ዘቕረቦ ብምንባር ከኣ ሓጢኣቱ ይንሳሕ ነበረ (ሌዋ 5፣5)። ኣብ ክንድኡ ድማ እቲ ዘቕረቦ መስዋእቲ ከም ዝተሰውኣሉ ይፈልጥ። ብሓጢኣቱ ክመውት'ኳ እንተተገብኦ ኣብ ክንዳኡ ክመውት ብዘቕረቦ መስዋእቲ ይድሕን። እቲ ኣብ ርእሲ እቲ ንመስዋእቲ ዘቕረቦ ገንሸል ብዘንበሮ ኢድ ድማ እቲ ዝሓጥእ ኣብ ክንዲ ሓጢኣቱ እቲ ዘቕረቦ መስዋእቲ ክሓልፉ ይሰማማዕ። ኣብ ጊዜ ንስሓኡ ኢዱ ኣብ ርእዚ እቲ ገንሸል ብምንባር ከኣ እቲ ሓጢኣት ካብኡ ናብቲ ገንሸል ይሓልፍ....

እዚ ኣብ ምስጢረ ንስሓኽ ብክመይ ነተግብሮ፧ እዚ ሚከት ከኣ እቲ ሓጢኣት ብደሙ ምእንቲ ክትጸሪ ካባኽ ናብ ናይ ክርስቶስ ጸብጻብ ሓኺፉ ኣሎ ሚከት እዩ።

ስለዚ ንሓጢኣት ምንሳሕ ንክርስቶስ ኣብ ክንዳኽ ኮይኑ ሓጢኣትካ ክጸርገሕካ ምሕታት እዩ። ካባኽ ናብኡ ይሰግር እሞ ንሱ ንሓጢኣትካ ይጸውር....

ኣብዚ ትርጉም ምሕረት ይስቀረካን ትርዳእን። እዚ ግን እግዚኣብሔር መሰኩ መኒኡ ሚከት ዘይኮነስ እቲ መከኮታዊ ፍትሒ ክፍጸም ስለዘከዎ እዩ። ብኽመይ'ከ፧ እዚ ዝፍጸመኩ ድማ ክርስቶስ ሓጢኣትና ክጸውርን ብደሙ ድማ ክጽርየናን ምጽዋዕ እዩ። ኣብ መጽሐፍ ኢሳይያስ ብዛዕብኡ ከምዚ ይብል፡"ኩኻትና ከም ኣባጊዕ ተባረርና ነፍሲ ወከፍ ነናብ መደቡ ዘንበከ እግዚኣብሔር ከኣ ኣበሳ ኩኻትና ናብኡ ኣውደቖ... ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቐሰኽ፡ብሰሪ ኣበሳና ኸኣ ቐሰኽ" (ኢሳ 53፣5-6)።

ምስዚ ቅኑዕ ርድኢት እዚ ከኣ ስምዒትካ ብዕቱብነት ናብ ንስሓን ፡ምሕረትን ብኽመይ ከም እትቕበሎ ዘተኮረ ክኸውን ኣለዎ።

ኣብዚ ንስሓ ካብ ክርስቶስን ደሙን ዝተነጸለ ኣይኮነን...

ኣብ ቅድሚ ናይ ንስሓ ካህንካ ብምቕራብ ከምዚ ብምባል "ኣቦየ ሓጢኣተይ ንኽንሳሕ መጺእ ኣለኹ እሞ ኩሉ ብኣፈይ ይኹን ብነብሰይ፡ብልበይ ኮነ ብሓሳበይ ዝሓጣእክዎ ሓንቲ እኳ ከይገደፍኩዎ ርስሓተይ ንሱ ከጸረሐይ ናብ ጾር ክርስቶስ ኣውድቕኪይ" ኢልካ ከም እትዛረብ ብዘይ ከምዚ ዓይነት ምግዓዝ ሓጢኣት ምሕረት ኣይትረክን ኢኽ።

ንስለዚ'ዩ ድማ ዳዊት ንኽናሳሕ ናብ ናታን ምስ ቀረበ፡"ጐይታ ሓጢኣትካ ኣርሒቑልካ እዩ እሞ ኣይክትመውትን ኢኽ" (2ይሳሙ 12፣13) ዝበሎ። ናበይ እዩ ኣርሒቕኩ፧ ናብ ጾር ክርስቶስ። ንምንታይ ኢኽ'ኽ ዘይትመውት፧ ኣብ ክንዳኽ ንሱ ስለ ዝመመውት።

እቲ እንኮ ምሕረት እትረኽበሉ መንገዲ እዚ እዩ። ምኽንያቱ ብዘይ ምፍሳስ ደም ሕድገት ሓጢኣት የለን (ዕብ 9፣22)። ኣብ ቅድሚ ካህን ምስ እትንሳሕ እግዚኣብሔር ይሰምዓካ እዩ። ናብ ጾር እቲ ገንሸል መተዓረቒ ክኸውን ዝከኣኽ ዘፍቅር ሓደ ወዱ የሙድቕ። (1ይዮሐ 4፣10 ተመልከት)... ከምኡ ሙን "ደም ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱ ሙን ካብ ኩሉ ሓጢኣት የንጽሓና እዩ" (1ይዮሐ 1፣7)።

ስለዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንስሓ ደም ክርስቶስ ኣብ ቅድሜኻ ኣቑሚ እንተደኣ ሓኒኽካ ክኣ ኣብኡ ሕነኽ።

ነቲ ንጽህ ክነሱ ርስሓትካ ዝጸውር ኣብኡ ይሰማዕካ። ነቲ ዝተቐደሰ ንሕና ብእኡ ጽድቂ ኣምካኽ ምእንቲ ክንከውን ነቲ ሓጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ሓጢኣተ ገበሮ (2ቆሮ 5፣21)። እዚ ናይ ሓቂ ሕንከት'ዚ ብክልሰ ሓሳባዊ ኣረዳድኣ ንሓጢኣት ደጊምካ ከይትፍጽሞ ይኽልክለካ... ኣብ ቅድሚ እቲ በደልካ እተዘንትወሉ ካህን እትሓንኮ ጥራይ ዘይኮነ፡ነቲ ሓጢኣትካ ዘጸውር ቅዱስ መልድ ስለ ዘሕዘንካ ኢኻ እትሓፍር።

እምነትን ጣዕሳን እቶም ክልተ ክርስቶስ ሓጢኣትካ ክጸውር ዘድልዩኻ ኣገደስቲ ነጥብታት እዮም።

እምነት በቲ ዘገርም መንገዱ ናብ ድሕነት የቕርብ። ብዛዕባ እዚ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፡"ኣምካኽ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኩሉ ናይ ዘልኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር ክይጠፍእ. ንመዱ በጃ ክሳብ ዝህብ ክሳብ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ" (ዮሓ 3፣16)። ኩሉ ብእኡ ዝኣመነ ዘበለ ....

ከምቲ ጐይታ፡"እንተዘይተነሳሕኩምሲ. ኩሉኻትኩም ክትጠፍኡ ኢኹም.." (ኩቃ 13፣3-5) ዝብሎ ንምሕረት ብቑዓት ክትኮኑ ብጣዕሳ ተነስሑ።

ብዘይ እምነት ወይ ጣዕሳ ዝግበር ንስሓ ዘድሕነካ'ዶ ይመስለካ፧ ኣይፋል!። ንስሓኻ ስለዚ ብጣዕሳ፡ብጓህን ኣካይዳኻ ንኽትልሙጥ ብትህቅኖም ናይ ሙሽጢ ድሌትን ዝተሰነየ ክኸውን ኣለዎ። በዚ መንገዲ'ዚ ብምኻድ ካብ ሓጢኣትካ ንኽትሕጸብ ናብ ደም ክርስቶስ ብቕዕ ብምኻን ትቕርብ። ካብ ንስሓኻ ድማ ብክቡር ደም ጸሪኻ ትመጽእ ....።

ምኽሪ ናብ ንስሓ ንዝቐርቡ

1. ናይቲ ዘናስሐካ ካህን ጊዜ፡ሓካፍነት ከምኡ ሙን ኩነታት ጥዕና ኣብ ግምት ክተኣትዎ ይግባእ። ነቶም ብተርታ ድሕሪኻ ንስሓኦም ክቕርቡ ተዳልዮም ዘለሙ'ሙን ኣብ ግምትካ ኣእትዎም። ስለዚ ካብቲ ዘድኪ. ንካዕኪ. ጊዜ ኣይትምጠጥ፡ኣብ መእተዊ ኮነ ኣገዳስነት ዘይብኡ ትንታነ ወይ ክትብኡም ኣብ ዘኸካ ንምዝካሮም ጊዜ ኣይትቕተል፡ምስ ምኩእ ኣድህሮኻ ብኣጋ ንንስሓ ተዳኪኻ ቅረብ።

2. ኣብ ንስሓኻ ሜኩጽን ሓቀኛን ብዝኾንካኩ መጠን እትረኽቦ መንፈሳዊ ጥቅሚ. ከም ዝዓቢ. ክትፈልጥ ይግባእ።

3. በቲ ዘናስሐካ ካህን ንዝመሃሩኻ መምርሒታት ከምቲ ንሱ ንኡዛዜኻ ብምስጢር ዝዕቅቦ ብምስጢር ሕዞ። ንስሓኻ ብዛዕባ ሓደ ክትዕንቀፍ ዝገብረካ እሞ ኣቦ ነብስኻ እውን ካብኡ ክትርሕቕ ዝመኽረካ ክኸውን ይኽእል። ከምዚ ብምባሉ ግና ናብ ካልኦት መጺኻ፡"ኣቦ ነብሰይ ካብዚ ሰብ እዚ ክርሕቕ ኣዚዙኒ እዩ" ብምባል ክትዛረብ ኣይኮነን። ከምዚ ብምግባርካ ንኣቦ ነብስኻ ተዋርድ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

4. ንኣቦ ነብስኻ ኣብ ሓደ ሓደኣቕዲ.ምካ ኣብ ውሳነ ዘብበጻሕካዮም ነጥብታት ንኽሰማማዕ ኣይትሕተቶም። ከመይ ምስምማዕ ምስ ዝኣበ. ብክርክር ወይ ብኽያት ወይ ብዘየድኪ. ልመና ጊዜ ኣይተባኽን። እቲ ቅኑዕ መንገዲ. ንዕኡ ብምሙካስ ምኽሪ ክትረክብ'ምበር ኣቐዲ.ምካ ምስኡ ብምኻን ዘይተዛተኽኩም ሙሳኔታት ናብኡ ከተቕርብ ኣይኮነን። ከምኡ'ሙን ምሳኽ ዘይምቅዳው ንዝመሰሉኽ ነገራት ካብኡ ክትሓብኡም ኣይትፈትን።

5. ንኣቦ ነብስኻ ብዛዕባ ንዓኽ ዘይምልከትን ክትፈልጦም ዘይግበኣካ ወይ ደረጃኽ ዘይኮኑ ነገራት ከም ኣመሓዳድራ ቤተክርስትያን ዜናን መረን ዝተሓሓዙ ጉዳያት ኣይትሕተት።

6. ኣብ ኣቦ ነብስኻ ምትእምማን ይሃልኽ። ንዘዝሃበካ ምኽሪ ከእምኑኽ ዝኽእኩ ጭብጥታት ኣይትድከየኩም። እዚ ምብኻን ጸዕርን ጊዜን እዩ።

7. ብዛዕባ ኣቦ ነብስኻ ትጠራጠረኩ ሓሳብ እንተድኣ ሃሊካ፡ብክፉትን ትሕትና ዘከዎ መንገዲ ደኣ እምበር ብጎንጻዊ ኣገባብ ኣይትጥቀሶም።

8. ንኣቦ ነብስኻ ሚዕረ ነብስኻ ኣይትርእዮ ብምረት ድማ ኣይትሙቀሶ። ኣብ ቅድሚኡ ንንስሓ ምስ ቀምካ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተመካኪ ከም ዝቐምካ ዘክር።

9. ምናልባት ኣቦ ነብስኻ ንካልኦት ፍሉይ ጉዳይ ዘለዎም ብዝተፈልየ መልክዕ ምስ ዝሕብሕቦም ቅንኢ ኣይሰማዕካ። ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ንኽትፈልጥ ከኣ ጸቕጢ ኣይትግበረሉ፡እዚ ብምግባርካ ኣብ ምስጢር ካልኦት ኢኻ ትኣቱ ዘለኻ።

10. ካልኦት ሰባት ንኣቦ ነፍስኻ ብኽመይ ሓሓፉኡም ትረኽቦም ኣለኻ ምእንቲ ኣብ ሓሳባት ከይኣትው ንኣቦ ነብስኻ'ውን ኣብ ፈተና ከይተእትዎም፡ብዛዕባ ቀንጠ መንጢ ዝኾኑ ነገራት ንኽትውከስ እናሻዕ ናብኡም ኣይተመካከስ።

11. ምእዙዝ ክትከውን ኣለካ። ምእዝዙነትካ ከኣ ብልቦና ይኹን።

12. ኣቦ ነብስኻ ብሓጢኣትካ ምስ ዝገንሓካ ኣይትቕጣዕ፡ምኽንያቱ ንጥቅምኻ ኢኡ ስለ ዝገበሮ። ንዝኾነ እትናሰሓኩ ነገር ከኣ ኣይተመኽኒ።

13. ካብ ኣቦ ነብስኻ ገለ ምስ እትሓትት እሞ ምስ ዘይምልሰልካ ብምስቃጡ ከም ምስ ሓሳብካ ዝተሰማምዐ ጌርካ ኣይትውሰዶ። እቲ እትሓቶ ዘለኻ ንኣቦ ነብስኻ ዘሕፍር ወይ ናይ ካልኦት ምስጢር ዝቐልዕ ወይ ድማ እቲ መልሱ ካብ ንጽቡቕካ ዝጎድኣካ ብምኻኑ ይኽውን። ወይ ኣቐዲሙ ምካሽ ብዛዕብኡ ሂብካ ነይሩ ክኽውን ይኽእል። ወይ ውን እቲ ሕቶ ዘይግባእ ብምኻኑ ትም ምባል መሪጹ ይኽውን።

14. ኣብ እተቕርቦ ንስሓ ብኽፊኡ ዘይኮነስ ብምኩኡ ዛንታኻ ኣቕርብ።

15. ንንስሓ ንዝመሃበካ ጊዜ ኣብ ካልኦት እተዕዘምዝመሉን ንካልኦት እትውንጅሉን ዕድል ኣይትጠቕመሉ። ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ በደል ጥራይ ኣድህብ።





ቅዱስ ቍርባን

ምዕራፍ 8፡ ቅዱስ ቍርባን

ኣድካይነት ቅዱስ ቍርባንን ጥቕምታቱን

ቅዱስ ቍርባን ሓደ ካብ መንፈሳዊያን ምስጢራት ኮይኑ፡ኣብ መንፈሳዊ መንገዲ ድማ እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ሓደ ሰብ ዘለም ጽልዋ እቲ ዝዓሞቐ፡ ብፍላይ ነቶም ብዝግባእ ተዳልዮም ኣብሉ ዝሳተፉ ከኣ ኣዝዩ ልሙድ ስርዓት እዩ።

1. ኣብ ቅዱስ ቍርባን እቲ ብቀዳምነት ዘገድስ ነጥቢ ኣብ እግዚኣብሔር ምጽዋን (ምጽጋዕ) እዩ።

እዚ ጐይታ ኣብ መንገል ዮሓንስ ንዝተዛረቦ ቃል መሰረት ብምግባር እዩ፡"እቲ ስጋይ ዝበልዐ ደመይ፡ሙን ዝሰቲ ኣባይ ይነብር ኣነ፡ሙን ኣብሉ" (ዮሓ 6፣56)።

2. ቅዱስ ቍርባን እንኪኣይ መንፈሳዊ እንጌራ እዩ።

ጐይታ ኣብ መንገል ቅዱስ ዮሓንስ ከምዚ ብምባል ይዛረብ "እቲ ካብ ሰማይ ዝወረድ ንዓኸም፡ሙን ህይወት ዚህብ ናይ ኣምላኽ እንጌራ እዩ.... እንጌራ ህይወት ኣነ እየ... ካብዚ እንጌራ እዚ ዚበልዕ ዘበለ ንዘልኣለም ክነብር እዩ... እቲ ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ። እዚ ኣነ ምእንቲ ህይወት ዓለም ዝህቦ እንጌራ ከኣ ስጋይ እዩ" (ዮሓ 6፣33,48,50,51)። ስለዚ ከምቲ ኣብ 'ኣቡነ ዘበሰማያት' "ናይ ዕለት እንጌራና ኰሚ ሃበና" ብምባል "እንጌራ" ንልምን፡ከምኡ ድማ እቲ መንፈሳዊ እንጌራ ንዘልኣለም ህይወት ኣድላይ እዩ። ጐይታ ከም ዝበሎ "ስጋይ ዝበልዕ ደመይ፡ሙን ዝሰቲ ናይ ዘልኣለም ህይወት ኣላቶ፡ኣነ፡ሙን በታ ዳሕረወይቲ መዓልቲ ክተንስኦ እየ" (ዮሓ 6፣54)... "እቲ ነዚ እንጌራ እዚ ዝበልዕሰ ብህይወት ንዘልኣለም ክነብር እዩ" (ዮሓ 6፣58)።

እዚ እንጌራ ህይወት እዩ፡ምኽንያቱ ንሰብ መንፈሳዊ ህይወት እዩ ዝህብ።

3. ቅዱስ ቍርባን ልክዕ ከምቲ ኣብ ኣግራብ ዝግበር ምድቃል እዩ።

ከምቲ ሓደ ዓይነት ገረብ ምስ ካልኣ ዝበለጸ ገረብ ምድቓኩ ዝኽኣል፡ኣብ ፍጥረት ወዲ ሰብ፡ሙን ከምኡ እዩ። ቍርባን ከኣ ካብ ጐይታ ስጋን ደምን ተሚቓኪ ምኽንን ሚለት እዩ።

ጐይታ ኣብነት ናይ ምድቓል ፡እታ ናይ ሓድሽ ኪዳን ቤተ-ክርስትያን (ገረብ ኣሙሲዕ መሮር) ምስታ መሰረታዊት ኣሙሲዕ መሮር ዝተመሰለት ብኩይ ኪዳን ተዳቂኻ። " ኣሙሲዕ በረኻ ክነስኻ ኣብ መንጎኡም እንተ ተተኽልካ ካብቲ ሱርን ሚራ ኣሙሲዕን ድማ ተሚቓኪ እንተኾንካ" (ሮሜ 11፣17)... ብምባል ሂቡና ኣሎ።

ከምቶም ጨናፍር ናይታ ተኽሊ ወይኒ (ዮሓ 15፣5) ብቅዱስ ቍርባን ኣቢልና ኣብቲ ተኽሊ ወይኒ ነጽልል፡እቲ ጽማቑ ናይቲ ወይኒ ኣባና ይዝርጋሕ እሞ ገሊኡም ካብኡ እናተመገቡ ይነብሩ "ብዙሕ ፍረ ከኣ ይፈርዩ"።

4. ቅዳሴ ኣብ እንስምዓኩ ይኹን ናይ ንስሓ ምዝዛም ንበረኽት ቅዱስ ቍርባን በዚ መልክዕ ካህናት ክጠቕስም ንስምዕ ኢና።

" ... ንዓና ድሕነት ነቶም ካብኡ ተኻፈልቲ ዝኾኑ ከኣ ሕድገት ሓጢኣትን ዘልኣለማዊ ህይወትን ሃቦም።"

ካባና ብዘይ፡ዞም ሰለስተ ኣካላት ናይ ቅድስና ማለት ድሕነት፡ ሕድገት ሓጢኣት፡ ኮነ ዘልኣለማዊ ህይወት ከስምር ዝኽእልሲ መን ኣሎ፡ እቲ ድሕሪ ምጥዓስና ምንሳሕናን እንረኽቦ ምሕረት ካብ ቅዱስ ቍርባን ተኻፈልቲ ምስ ኮንና ኢና እንረኽቦ፡ምኽንያቱ "ብዘይ ምፍሳስ ደም ይቕሬታ ኣይከውንን እዩ" (ዕብ 9፣22) ቍርባን ከኣ ናይቲ ኣብሉ ብስሙ እንካፈሎ ክቡር ደም ክርስቶስ መቐጸልታ እቲ ምእንታና ዝገበሮ መስዋእቲ እዩ። ከምቲ ሓዋርያ ቅዱስ ዮሓንስ ዝበሎ ከኣ እቲ ክቡር ደሙ "ካብ ኩሉ ሓጢኣት የንጽሓና" (1ዮሓ 1፣7)።

ከምኡ ድማ ከምቲ ኣብ ሓጢኣትና ዘንጽሓና፡ተስፋ ዘልኣለማዊ ህይወት እውን ይህበና።

5. ቅዱስ ቁርባን ምስ ኣምካኽ እንኣትዎ ኪዳን ሙን እዩ፣

ከምዚ እትብል ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዝግበር ቅዳሴ እትደጋገሞ ቃል ጐይታ ንዘክር፡

"እዛ እንጌራ ብእትበልዕዋ እዛ ጽዋእ እዚኣ'ሙን ብእትሰትይዋ መጠን ክሳዕ ዝመጽእ ሞተይ ክትነግሩ ትንሳኤይ'ሙን ከተእምኑ ኢኹም፡እዚ ንመዘክርታይ ግበርዎ" (1ይቆረ 11፣26)። ስለዚ ኣብ ቅዱስ ቁርባን ተኻፈልቲ ኣብ ዝኾንናኩ ነፍሲ ወከፍ ጊዜ ምስ ኣምካኽ ኪዳን ብምእታው ክሳብ ዘመጽእ ንመዘክርትኡ ንገብር'ዶ፧
ካብ ቅዱስ ቁርባን ተኻፋሊ ኣብ እትኮነኩ ነፍሲ ወከፍ እዋን ኣብቲ ንዓና ምስ ኣምካኽ ዝጠምረና ፍኩይ ኪዳን፡ኣብቲ ብጐይታ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ድራር ፋሲካ "ሓሙስ ጽግዒ" ክበልዕ ምስ ተቐመጠ ዝተነግረ መኪኮታዊ ምስጢር ትኣቱ ከም ዘኸኽ ምዝካር የድልየካ።

ምድካዊት ንቅዱስ ቁርባን

ብዛዕባ ኣብ ቅዱስ ቁርባን ተኻፈልቲ ንምኻን ዘድልዩ ምድካዊት እቶም ኣዝዮም ዝበሰጹ ረዘንቲ ቃላት ብቅዱስ ረዊጽ ዝተነግሩ እዮም፣

"እቲ ቅዱስ ቁርባን ብምክፋል ንስጋን ደምን ብምሙላድ ኣብ ውሽጡ ዝካፈል ከምቲ እታ ንጐይታ ኣብ ከርሳ ዝጸረት ድንግል ንጽህቲ ዝነበረት፡ካብ ውሽጢ መታን ክነጽህ ይጠቅሞ"። ከመይ ዝኣመሰከ ዕቱብ ሐረግ እዩ እዚ፧ መን'ከ ከመሰኹ ይኽእል፡ስለዚ ኣብዚ ቅዱስ ቁርባን ተኻፈልቲ ንምኻን ንነብስና ብኽመይ ነዳኩ ብዝቐኸከ መንገዲ ከብርሃልኩም እዩ፣

ሚዕረ'ቲ ካብ ቅዱስ ቁርባን ተኻፈልቲ ኽንከሙን እንገብሮ ብዝሒ ምድካዊት ካብ በረኽቱ'ሙን ሚዕሪኡ ተኻፈልቲ ንኽሙን....

ካብ ቅዱስ ቁርባን ተኻፈልቲ ዝኾኑ ኣዝዮም ብዙሓት እዮም.. ኣሽሓት፡ኣረ ኣሚኢት ኣሽሓት.. ግናኸ ኩሉቶም ሐደ ዓይነት መንፈሳዊ ጥቅሚ ኣይረኽቡን! ነቶም ኣብታ ናይ ኪዳን ሓሙስ ካብ ኢድ ጐይታ ባዕኩ ብምቕባል ተኻፈልቲ ናይቲ እንጌራን መስተን ዝኾኑ ዓሰርተ ሐደ ሐዋርያት ከም ኣብነት ሙሰዶም.... ።

ካብኣቶም ንክርስቶስ ክሳብ ስቕለት ዝሰዓቦ ሐደ ጥራይ እዩ፡ንሱ ከኣ ቅዱስ ዮሐንስ እቲ ዝተፈቕረ። ጐይታ ክዛረቦምን ፡"እንሀት ኣደኻ!" (ዮሐ 19፣27) ብምባል ሐደራ ድንግል ማርያም ክሳብ ዝሀቦ በቲዑ። እዚ ሐዋርያ ንኣደ ጐይታ ምስኡ ንገዛኡ ብምሙላድ ከኣ ዓቢ በረኽት ተቐበለ...።

ካብቲ እንጌራ ካብ ዝተኻፈሉ ደቀ መዛሙርቲ ሐደ ንክርስቶስ ክሳብ'ቲ ቀጽሪ ናይቲ ኪቀ ካህናት ሰዓቦ። ቅድሚ ንክርስቶስ ስለስተ ሳዕ ምኽሓዱ ከኣ ንዕኡ ንምክልካል ብቕልጣፈ ሰይፉ ብምምዛዝ ንሐደ ካብ ገላዩ እቲ ኪቀ ካህናት እዝኡ ቀረጸ (ዮሐ 18፣25-27)!!

እቶም ዝተረፉ ትሸዓተ ደቀ መዛሙርቲ ግና መምህሮምን ጐይትኦምን ኣብ ምትሓዙ ተኽዊኾም ኔሮም!! ግናኸ ብምኩኦም ካብቲ እንጌራ ብሐደ እዮም ዝተኻፈሉ...

ቅዱስ ቁርባን ንምስካ ዘርእን ዘራኣይን የዘኻኽረና (ሚቴ 13)

እቲ ዝዘርእ ሰብኣይ ንሱ ባዕኩ እቲ ዘርኢ'ሙን ካልእ ዘርኢ ኣይነበረን፡ግናኸ ብሰሪ እቲ እተቐበሎም ምድሪ ኣብ ፍሪኦም በበይኖም ኣተሙ፡ገሊኡ ኣብ መሰን ምድሪ ወደቐ ኣዕዋፍ መጺእን ከኣ በልዐኡ። ገሊኡ ኣብ ከሙሒ ወዲቑ ሱር ስለ ዘይነበሮ ግና ሐረረ፡ገሊኡ'ሙን ኣብ ማእከል እሾኽ ወደቐ እቲ እሾኽ ድማ ዓብዩ ሐነቖ... እቲ ኣብ ጽቡቕ ምድሪ ዝመደቐ ከይተረፍ ሐደ ዓይነት ብዝሒ ኣይፈረየን። ገሊኡ ሚእቲ፡ገሊኡ ሰሳ፡ገሊኡ ድማ ሰላሳ (ሚቴ 13፣3-9)...

ቅዱስ ቁርባን ኣብ ንካፈለሉ ጊዜ'ሙን ንዕኡ ይመስል። ኣብ ኩነታት ንጽህና ልቢ ወይ ኣብቲ ክረኽቦ ዝኽእል መንፈሳዊ ጥቅሚ ንዝግበር መንፈሳዊ ምድካዊት እዩ ዝምርኮስ።

ከምኡ ድማ ሐደ ካብቶም መንፈሳውያን ኣገባባት ኩይኑ ጥቕሙ ግና ብመጠን እቲ ንዕኡ እትገብሮ ምድካዊት ካብ ሐደ ሰብ ናብቲ ካልእ ይፈላለ...

ብዙሓት ሰባት ካብ ቅዱስ ቍርባን ኩሉሳዕ ዝካፈሉ መሓ'ውን መዓልቲ መጸት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቅዳሴ ዝቕበሉ እኳ እንተኾኑ ተጠቀምቲ ግና ኣይኮኑን። እዚ ክኾነሉ ዝኽእል ምኽንያት ድማ ምናልባት ኣብ ክንዲ ኣዝዩ ብክብረትን ቅድስናን ብምግባር ዝርእይዎ ብቑጻሒ ምክፋሉ ክፍ ልማድ ብምውሳዶም ይኸውን። እንተኾነ ውሑዳት በቲ ዝግብኦ ክብሪ ብምሓዝ ንነብሶም ቀጻሒ ንዕኡ ዘዳልው'ውን ኣለው... ስለዚ ንነብስኻ ብምምርማር ነዚ ተገንዘብ፡ኣብ ቅዱስ ቍርባን ምክፋል ቀጻሒ ድልው ንምጽናሕ የኽእለካ ድዩ ወይስ ክም ልማድ ኢኻ እትቕበሎ፧

ኣብዚ ተኻፈልቲ ናይ ቅዱስ ቍርባን ንምኻን እንታይ ክነዘጋጅም ዘለና ነገር ኣሎ፧ ብምባል ንሓትት።

1. ብነብሰ ምትሓትን ዝተጣዕሰ ልብን ዝግበር ምድላው

ሓደ ካብቲ ዝበለጸ ንጥዑስ ልቢ ኣምልኪቱ ዝጥቀስ ኣካል ናይ ቅዳሴ፡እቲን እቲ ካህን ቅድሚ ነቲ ቅዳሴ ምጅማሩ ንመንበረ ታቦት እናኸደኑ፡ብዘይስማዕ ድምጺ ክምዚ ብምባል ዝደግሞ "ናይ ምድላው ጸሎት" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ጸሎት እዩ፡"ኣታ ልቢ ኩሉ እትፈልጥ ጐይታ፡ንዝተቕደሰን ኣብ ሚእኪል ሰይጣውንቲ ንዝቕመጥኑ፡ብዘይ ሓጢኣት ዚነብር ሓጢኣትና ክሓድግ ዝከኣሎ ጐይታ፡ኣ ጐይታ ንኣገሪሎትካ ኣብዚ ቅዱስ ነገር ክምዘይበቅዕ ትፈልጥ ኢኻ፡ኣብ ቅድሚ ዝተቕደሰ ክብርኻ ቀሪበ ኣፈይ ክኸፍት'ውን ትብዓት የብሕይኑ፡በቲ ዓቢይ ምሕረትካ ግን ንዓይ ንሓጥእ ይቕረ በለኪ ኣብዛ ሰዓት እዚኣ'ውን ጸጋኻን ምሕረትካን ክግሰኪ...

እዚ ጥዑስ ልቢ ናይቲ ነቲ ሓባራዊ ቅዳሴ ዝጽንብል ካህን ካብ ኮነስ ናይቲ ዝተረፈ እኩ ህዝቢ ድኣ ክመይ ክኸውን ይግባእ፧

2. ንስሓን ንጽህና ልብን ንቅዱስ ቍርባን ኣድኪይቲ እዮም።

ካህን ብዙሓት ነገራት ክገብር ንዕዘብ

† ንሱ ምስቶም ድያቆናት ብምኻን ንቅዳሴ ንምፍጻም ዝተፈልየ ጸዕዳ ልብሲ ይኽደኑ። እዚ ምልክት ንጽህና ውሽጢ እዩ። ልክዕ ክምቲ ንዝተጠመቐ ጸዕዳ ልብሲ እትኽድኖ፡ምልክት ናይቲ ጽሩይን ንጹህን ካብ ምጥማቕ ዝተቐበሎ ህይወት እዩ። ንክርስቶስ ክም ዝከበሶ ሚከት እዩ (ገላ 3፣7)፡ክምቲ ጐይታ ዝበሎ እሙን "እቲ ዝስዕርስ ጸዕዳ ክዳን ክመሃሮ እዩ.." (ራእ 3፣5)። ጸዕዳ ብኽልኦ'ውን ነቲ ኣብ ዘልኣለማዊ መንግስቲ ዝርከብ ዝተቐደሰ ህይወት'ውን የመልክት... ብዛዕባ እቶም ትንሳኤ ክርስቶስ ከበስሩ ዝተካእኩ ክልተ መካእኽቲ ነፍሲ. መከፎም "ነዊሕ ጸዕዳ ክዳውንቲ ዝተኸድኑ" (ዮሓ 20፣12)፡(ማር 16፣5) ክምኡ'ውን (ማቴ 28፣3) ነበሩ....
እዚ ምልክት ቅድስናን ንጽህናን መካእኽቲ እዩ። ክምኡ ክኣ ነቶም ኣብ መንበረ ታቦቱ ዘገልግሉ ኮነ ካብ ቅዱስ ቍርባን ዝካፈሉ...ዝገብርም ጸዕዳ ልብሲ. ነቲ ዝተረፈ ምእመናን እኩብ ህዝቢ. ምሳሌ ኮይኑ ኣሎ...።

† እቲ ካህን ጸዕዳ ልብሲ. ምስ ተኽድኑ፡ቅድሚ. ቅዳሴ ምጅማሩ ኣእዳው ይሕጸብ እሞ ክምዚ ብምባል ይጽሊ፡"ኣጸቢቕ ምእንቲ ክነጽህሲ. ብስምዕዛ ኣጽርየኒ፡ካብ በረድ ምእንቲ ክጽዕዱስ ሕጸበኒ።"

እንደገና ድማ ይብል፡"ኦ ጐይታ ብንጽህና ኣእዳወይ ተሓጺበ ኣብ መንበረ ታቦታካ ይዘሙር ኣለኹ.."። እዚ እቲ ካህን ናብ ምእመናን ቅድሚ. ኣብ ቅዱስ ቍርባን ተኻፈልቲ ምኻኖም ንነፍሶም ብጥዑስ ካብ በረድ ክሳብ ዝጽዕድው መታን ክጽርዩ ዝቕርብ ኣስተምህሮ እዩ...።

† ጣዕሳ ኣብ ቅዱስ ቍርባን ንክትካፈል ኣድኪይ እዩ። ኣብዚ ነስተውዕሎ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንዕኡ ኩኩ ክብሪ ይኹኖ፡ንደቂ መዛሙርቱ ካብቲ እንጌራ ናይ ሓሙስ ኪዳን ቆሪሱ ቅድሚ ምሃቡ ኣእጋር ደቂ መዛሙርቱ ብምሓጸብ ክምዚ በሎም፡"ንስኻትኩም ክኣ ንጹሓት ኢኹም ግና'ኸ ኩሉትኩም ኣይኮንኩምን" (ዮሓ 13፣10)። እዚ ሚከቱ ክኣ ንይሁዳ ነቲ ዘትሓዞ እዩ፡ስለዚ ካብቲ ጽዋእ ስጋኡን ደሙን ኣየካፈሎን።

† ኣብቲ ቅድሚ. ቅዱስ ቍርባን ኣብ ዝካየድ ቅዳሴ ብዛዕባ እዚ ነገር ዝበሃል ሓረግ ንመልከት።

"እቲ ዝተቐደሰ ነቶም ቅዱሳን እዩ" እዚ ሚከት ክኣ እቲ ቅዱስ ንዝተቐደሱ ሰባት ጥራይ እዩ። ስለዚ እቲ ነቶም እመሩናት ካብ ቅዱስ ቍርባን እናተኻፈሉ ዝግበር ቅዳሴ "ቅዳሴ ናይ ቅዱሳን" ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ካብቲ

ናይ ቅድም "ቅዳሴ ትምህርተ-ሃይማኖት" ዝተፈልየ እዩ። ኣብቲ ናይ ቅድም ንባባትን ስብከትን ምስ ሰምዑ ቅድሚ እቶም ቅዱሳን ዝካፈልዎ ቅዱስ ቁርባን "ቅዳሴ ቁዱሳን" ምጅማሩ ይፍነው ነበሩ...

ስለዚ ሓደ ሰብ ካብ ቅዱስ ቁርባን ተኻፋኪ ንክኸውን ብቅድስና ክበቅዕ ኣለዎ። እዚ ነብዩ ሳሙኤል ንእድራ-ቤት እሰይ እቲ ቤተልሔማዊ ናብ ጐይታ መስዋእቲ ክሰውእ ምስ ደለየ ዝተዛረቦም ግሩም ሓረግ የዘክረኒ፣ "ተቐደሱ ምሳይ'ውን ናብቲ መስዋእቲ ንዑናይ" (1ሳሙ 16፣5)። ስለዚ ንሱ "ንእሰይን ንደቁን ቀደሶም እሞ ናብቲ መስዋእቲ ከኣ ዓደሞም"... እዘን ሓረጋት ዘክረን እሞ ቅድሚ ቅዱስ ቁርባን ከኣ ድገመን። ብዛዕባ ቅድስና ናይቶም ተኻፈልቲ ቅዱስ ምስጢራት ዝኾነ ዝገልጽ ሓረግ እዩ... ብዘርብሕ መንፈሳውነት ኣብዚ ደረጃ ቅድስና ምብጻሕ ምስ ንስእነ፡ቅድሚ ምቕባልና፡ካብ ሓጢኣት ክንርሕቐ ናብኡ ካብ ዘምርሑና መገድታት ከኣ ክነልግስ ጽኑዕ ድሕት ሃኪና ንጠዓስን ንነሳሕን። ካብ ሓጢኣትና ክንሳሕ ከሎና ድማ ንስሓና ኣፋዊ ጥራይ ዘይኮነ ብልባዊ ጣዕሳን ግብራዊ መንገዲን ክኸውን ኣለዎ። እዚ ክንገብር ከሎና፡ነፍስና ንጋና ነዚ ቅዱስ ቁርባን ንምቕባል ብቕዕቲ ትኸውን በዚ ከኣ ምስ እግዚኣብሔር ምስ ዝሰመረ ንጹህ ልቢ፡ዝበቕዑ መንፈስን ንቕበሎም...።

ካልእ'ከ እንታይ ኣሎ፧

3. ኣብ ቅዱስ ቁርባን ተኻፋኪ ንክኸውን፡ሓደ ሰብ ብኣካል ክዳሓው ኣለዎ። ብኽመይ፧

ንኣካላትና ብንጽህናን ብጸጋመን ንቀድሶ። ኣብዚ ክም ኣብነት ህዝቢ እስራኤል ኣብ ብሉይ ኪዳን ንቕካት እግዚኣብሔር ሚከተይ ነቶም ዓሰርተ ትእዛዛት ንኽቕበሉ ብኽመይ ንነብሶም ክም ዘዳልዉ ንዘክር፡ሽዑ እግዚኣብሔር ንሙሴ ክምዚ በሎ, "ናብቶም ህዝቢ ኪድ፡ሎምን ጽባሕን ቀድሶም ክዳውንቶም ክኣ ይሕጸቡ፡ነታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ክኣ ይዳሉው" (ዘጽ 19፣10-11)... "ሙሴ ድማ ኽብቲ እምባ ናብቲ ህዝቢ መረደ ነቲ ሕዝቢ ኽኣ ቀደሶ ንሳቶም'ውን ክዳውንቶም ሓጸቡ። ነቶም ህዝቢ ድማ "ነታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ተዳለው፡ናብ ሰበይቲ ኽኣ ኣይትቕረቡ" በሎም (ዘጸ 19፣14-15)።

ስለዚ ጸታዊ ዝምድና፡ምሙጻእ ዘርኢ፡ምፍሳስ ደም ካልኦት ንዐኣም ዝመስሉን ካብ ቅዱስ ቁርባን ካብ ምክፋል ዝኽልክሉና ነገራት እዮም።

እቲ ካብ ቅዱስ ቁርባን ተሳታፊ ዝኸውን ሰብ ብነብሱ ኮነ ብመንፈሱ ክነጽሕ ይግባእ። ንነብስና ብጸጋ'ውን ነዳልዋ ኢና።

ክም ስርዓት ናይ ቤተ ክርስትያንና ብጸጋ ክንጅምር ግቡእ ስለዝኾነ፡ቅድሚ ናብታ ሓዳስ መዓልቲ (ናይ ቁርባን መዓልቲ) ምእታውና ንገዛእ ነብስና ካብ ዝብካዕ ኮነ ዝስተ ንሕረያ።

ምጂም ኣካላዊ ዕዮ ጥራይ ዘይኮነ እንኮላይ መንፈሳዊ እዩ። ብምኽኑይ ዝኾኑ ነገራት ክም ከበድቲ ሕማማት እንተዘይኮይኑ ከኣ ጸጋ ንኹሉ እቲ ጸጋኡ እንቕበለሉ ነፍሲ ወከፍ ምስጢራት ቤተ ክርስትያን የዳልወና። ብመሰረት እቲ ጐይታ "ኣዕራኽ መርዓው እቲ መርዓዊ ምስኣቶም ከሎ ክጾሙ'ዶ ይከኣሎም እዩ፧ መርዓዊ ምስኣቶም ከሎስ ክጾሙ ኣይኮነሎምን እዩ" (ማር 2፣19) ዝበሎ ቃል ግና ኣብ ሕጂ እዋን ቅድሚ ጽንብል ቃል ኪዳን ቅድም ዝግበር ዝነበረ ጾም ካብ ሕጊ ነጻ እዩ። ግናኸ እቲ ጽንብል መርዓ ድሕሪ ናይ ኣጋ ምሸት ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ እዋን እቶም መጻመድቲ ብጸጋ የሰንይዎ ነሮም እዮም.... ንቁርባን ግዳ ክንደይ ካብኡ ኣብኪጹ ዘይግብኡ።

4. ካልእ ንቅዱስ ቁርባን ዘዳልወና ኩነት ከኣ ምፍጻም ዕርቂ እዩ።

ንስከዚ ድማ እዩ ቅድሚ 'ቅዳሴ ቁዱሳን' ምጅማሩን እቲ ንመንበረ ታቦት ዝኸድን ገዚፍ ልብሲ ምእላዩ፡እቲ ካህን ናይ ምትዕራቕ ጸኹት ክምዚ ብምባል የብጽሕ፡"ኦ ጐይታ፡ኣብ ኩነኔ ክይበጻሕና ተኻፈልቲ ናይቲ ዘይሓልፍ ሰማያዊ ልግስኻ መታን ክንኪውንሲ። ኣብ ነሓድሕድና ብቅዱስ ምስዕዓም ሰላም ክንበሃሃል እሞ ኣብ ፍጹምነት ክንበጽሕ እዚ ሃበና"... ኣብዚ ነታ "ኣብ ኩነኔ ክይበጻሕና ተኻፈልቲ መታን..." እትብል ቃል ንተዓዘብ... ብዘይ ምትዕራቕ ኣብ ቅዱስ ቁርባን ምክፋል ከኣ ናብ ኩነኔ ምብጻሕ እዩ።

እቲ ድያቆን ከኣ ጸኒሑ፡"ኣብ ነንሕድሕድኩም ብቅዱስ ምስዕዓም ሰላም ተባሃሃኩ..." ብምባል ይጽውዕ። እዚ ቅዱስ ምስዕዓም ኣብ ሞንጎ ሰባት ፍጹም ፍቅሪ ሚለት እዩ። "ቅዱስ' ሚለት ዘይክም ናይ ይሁዳ ምስዓም፡ብዘይምምጽዳቕ ንጹህ ሚለት እዩ በዚ ምኽንያት እዮም ድማ ሰባት ኣብ እዋን ሕማማት ንሓድሕዶም ብምስዕዓም ሰላምታ ዘይሃዋወጡ።

ኣብ ቅዱስ ቍርባን ተኸፊልቲ ቅድሚ ምኽንና ምስ ኣምላኽ ኮነ ሰባት ዕርቂ ናይ ግድን ክንፍጽም ኣለና፣ እዚ ምስ እግዚኣብሔር ከምቲ መፅኢቲ ሓዋርያ ዝብሎ ብናይ ጣዕሳ ንስሓ ይፍጸም "... ምስ ኣምላኽ ተዓረቐ" (2ይ ቆሮ 5፣20).. ምስ ሰባት ድማ ብመሰረት እቲ ጐይታ ዝበሎ ቃል "እምበኣርከ መባእኻ ናብ መሰውዒ እንተ ኣምጺእካ፡ሓውኻ ከኣ ተቐይመኩልካ ምህላው እንተዘከርካ ነቲ መባእኻ ኣብኡ ኣብ ቅድሚ መሰውዒ ሕደጎ፡ኪድ ቅድም ምስቲ ሓውኻ ተዓረቕ ድሓር ድማ ተመኪስካ መባእኻ ኣቕርብ" (ማቴ 5፣23-24)። እዛ 'ሓውኻ ተቐይምልካ ምህላው' ትብል ሓረግ ንስኻ በደልኛ ምኻንካ ትነግር። ከምቲ ሳኦል ኣብ ዳዊት ዘሕደሮ ጽልኢ ብዘይምኽንያት (ዘይመዓልካዮ) ሰባት ምስ ዝጸልኡኻ ግን፡ከምቲ ዳዊት "ብኽንቱ ዝጸልኡኒ ካብ ጸጉሪ ርእሰይ ይበዝሑ" (መዝ 69፣4) ዝበሎ፡መባእካ ኣብ መሰውዒ ሓዲግካ ምስኣቶም ክትዕረቕ ግዲ የብልካን።

ጐይታና ኢየሱስ እውን ብኽንቱ ተጸኢኡ እዩ (ዮሓ 15፣18,24,25).. ንስኻ ከኣ ናብቶም ዘሳቕዮኻን ዝቑንኡልካን ብኽንቱ ዝብድኩኻን ናብኣቶም ብምኻድ ዕርቂ ክትሓትት ኣይትግደድን። ግናኸ ስርዓት ኣሎ፣ ንስኻ እቲ በዳኪ ምስ እትኸውን ግና ናብ ማንም ዝበደልካዮ ብምኻድ ምስኡ ተዓረቕ። እቲ ተበዳኪ ንስኻ ምስ እትኸውን ከኣ ንልብኻ ካብ ጽልኢ ሓልዎ።

መጽሓፍ ቅዱስ "ሕማቕ ዕርክነት ንጽቡቕ ልማድ የበላሽዎ እዩ" (1ይ ቆሮ 15፣33) ከም ዝብሎ፡ንስኻ'ውን ናብቶም ብመንፈስ ኮነ ብሞራል ወይ ብፍልጠት ከም ትዕንቀፍ ዝገብሩኻ ብምኻድ ዕርቂ ክትፍጽም ኣይሕተትን፡ግን መጽሓፍ ቅዱስ'ውን እንደገና ካብቶም ዝዓግቱና መዐንቀፊታት ከነልግስን ምስቶም ናብ መንገዲ ሓጢኣት ዘምርሑና ድማ ዝኾነ ሕብረት ከይህልወናን ይነግረና...።

ከምኡ'ውን ከምቲ ሓዋርያ ቅዱስ ዮሓንስ ብዛዕብኡም "ዝኾነ ይኹን ትምህርቲ ክርስቶስ ከይሓዘ ናባኻትኩም እንተመጸ ኣብ ቤትኩም ኣይትቀበልዎ። ከመይ እቲ ሰላም ዝብሎ ኣብቲ እከይ ግብሩ ሓቢርዎ እዩ" (2ይ ዮሓ 10፣11) ዝበሎ፡ምስቶም መናፍቕነትን ሓሶትን ዝዘርው ክትዕረቑ ኣይትሕተቱን ኢኹም። ነቲ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕብኡ "ነቲ ነውሪ ዝገብር ሰብ ካባኻትኩም ኣውጽእዎ" (1ይ ቆሮ 5፣13) ዝብሎ'ውን ሰላም ኣይትበልዎ... ብሓፈሻ ኸኣ እቲ ምስ ካልኦት እትፍጽምዎ ዕርቂ ብዋጋ እቲ ምስ ኣምላኽ እትገብርዎ ዕርቂ ክኸውን የብሉን...።

ብዛዕባ ቅዱስ ቍርባንን ምድካሞቱን ተዛሪብና ኣለና፡ሕጂ'ኸ እንታይ ይተርፈና፡

መጽሓፍ ቅዱስ ንሙጽኢት ናይቶም ከይተገብኦም ኣብ ቅዱስ ቍርባን ዝካፈሉ ገሊጾም ኣሎ፣

ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ከም ዝጸሓፎ "ስለዚ ከይተገበኦ እንጌራ ጐይታ ዝበልዕ ወይስ ጽዋዕ ጐይታ ዝሰተ ኣብ ናይ ጐይታ ስጋን ደምን እዩ ዝዕገብ። እምበኣር ሰብ ካብዚ እንጌራ ቅድሚ ምብልዑን ካብዚ ጽዋዕ ቅድሚ ምስታዩን ነብሱ ይመርምር። ከመይ ስጋ ጐይታ ምኽኑ ፈልዩ ከይፈለጠ ዝበልዕን ዝሰቲን ኣብ ገዛእ ርእሱ ፍርዲ እዩ ዘምጽእ። ስለዚ በዚ ምኽንያት እዚ እዮም ኣብ ማእከልኩም ብዙሓት ድኹማትን ሕሙማትን ዘለው ዝሞቱ'ውን ብዙሓት እዮም። ኣብ ገዛእ ርእስና እንተንፈርድሲ ኣይምተኾነንናን ኔርና" (1ይ ቆሮ 11፣27-31) ይብል... ዕቱባትን መነቓቕሕትን ቃላት... ስለዚ ኣነ'ውን ቅድሚ ኣብ ቅዱስ ቍርባን ምክፋልኩም እዚ ምበልኩኹም፣

"ጐይታ ስለ ዘድልየኒ ደኣ እምበር ካብኡ ንኸቕበል ፍጹም ብቕዕ ስለ ዝኾንኩ ኣይኮንኩን ኣብ ቅዱስ ቍርባን ዝካፈል ዘለኹ። ንድሕነትይ ደኣ እምበር ብምብቀዕይ ኣይኮንን።"

ነዚ ዝካፈሎ ዘለኹ ዝተቐደሰ ቍርባን ዘብቅዕ ቅድስና የብሉይ፡ግናኸ እዚ ምግባረይ ካብኡ መንፈሳዊ ሓይሊን ድፍኢት ንቕድሚትን ብምቕባል ዝተባረኸ ህይወት ንምጥራይ እየ።

እቲ ካብዚ ዝካፈል ሰብ ኣኽብሮት ናይዚ ምስጢራዊ ስርዓት ይፍለጥ እሞ ኣብ ሓጢኣት ምእታው ይሓፍር፡እዚ ከኣ ብቕድስና ናይዚ ቍርባን እዩ። ንኣብነት ኣብ ሰመን ሓደ ጊዜ ምስ ዝቕበል ኣብተን ዝተረፋ ሙሉዳት መዓልታት ብእኡ ተቐዲሱ ካብ ሓጢኣት ርሒቑ ይቕንይ.... ኣብተን ቅድሚ ኣብ ዝሰዕብ ቅዱስ ቍርባን ምክፋኩ ዘለዋ ሙሉዳት መዓልታት ከኣ ነብሱ ናብኡ ንምድካሙ ንነብሱ ክሕኩ ይጸንሕ... ብኽንምዚ ከኣ ንነብሱ ቀጻሊ ድልውትን ንቕሕትን ብምግባር የከማምድ።

ካብ ኣገዳስነት ናይዚ ቅዱስ ቍርባን ዝተካዕከ ቤተ-ክርስትያን'ውን እታ ቍርባን መዓልቲ ብብዙሕ መዳይ ከም ማንም ዘይኮነትሲ ፍኩይነታ ከም ዝርደኣካ ይገብራ።


ነቲ ሰብ ብጾም፡ንጽህና ሰውነት፡ንስሓን ጣዕሳን፡ምስ ሰባት ዕርቂ ብምፍጻም፡ብጽጹይ ልቢ ከም ዝኣቱ ብምግባር፡ቅድመ ቍርባንን ድሕሪኡን ብዝግበር ጸሎት ተዳልዎ። እታ ቤተ ክርስትያን እንደገና ነቲ ሰብ ንምሕረት ሓጢኣት ካብ ሓደ ንካዕኪ ኣብ ዝኾኑ ስርየት ተዳልዎ፡ስርየት ኣብ ጊዜ ጸሎት ሠርክ፡ኣብ ጊዜ ጸሎተ ነግህ ፡ናይ ኣገልገልቲ ስርየት ካልኦ'ውን ኣብ ምሙዳኢ ቅዳሴ ብከኖሳስ (ዘይስማዕ ድምጺ) ዝድገም ስርየት ብምፍጻም ኣብ ቅዱስ ቍርባን ተኻፋኪ ንክኾሙን ተዳልዎ። ኣእምሩኡ እሙን ብዝግበር ብዙሕ ንባባት ካብ መጽሐፍ ቅዱስ መንፈሳዊ ወግዒን ኩሎም መንፈሳውነት ናይ ሐባር ቅዳሴን ከም ዝዳሎ ይግበር።


ድሕሪ ምቑራቡ ከኣ እቲ ሰብ ብዘይ ሳእኒ ከይከይድ ወይ ጡፍ ካብ ምባል ነብሱ ብምግታእ ክብሪ ናይቲ ዝተቐበሎ ቅዱስ ቍርባን ክሕሉ ተጠንቀቐ።

ናይ ገዳም ህይወተይ ኣብ ምጅማረይ ኣብ ሓደ እዋን ተኻፋኪ ቅዱስ ቍርባን ዝኾንኩካ መዓልቲ ኣብ መዝገብ ዕለታዊ ህይወተይ ዘስፈርክዎ ይዝክር፡

"እዛ ካብ ዝተቐደሰ ስጋን ደምን ናይ ጐይታ ተኻፋኪት ብምኻን ተቐዲሳ ዘኳ ኣፍ፡ሕንቲ ተመሳኺት ቃል ኣይተውጽእን ሕንቲ ተመሳኺት ኩሳዶ ድማ ኣይተእቱን።"

ಮಗು





ምዕራፍ 9፡ ጸምዕ

ጥቅምታትን ኣገዳስነትን ጸምዕ

ጸምዕ ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ መንገዲ ቅድስና እዩ።

ቅድሚ ኹሉ ነብስና ክንገትእ ስለዝሕግዝና

ከምቲ ሓደ ጸዋማይ ካብ ኩሉ መብልዕን መስተን ኮነ ካብ ምስ ናይ እንስሳታት ቅብኢ ዝተተሓሓዙ መግብን መስተን ዝሕረም ነብሱ'ሙን ካብ ሓጥያት ምፍጻም ይሕረም።

ኣምላኽ ካብ መጀመርያ እዚ ናይ ምሕራም ሕጊ ዘቐመጣ ንኣዳምን ሔዋንን ካብ ሕማቕን ጽቡቕን እተፈልጥ ኦም ከይበልዑ ምስ ነገሮም እዩ። ነዚ መትከል ርእሰ ምግታእ እዚ ካብ መጀመርያ ፍጥረትና ዘቐመጦ፡ ናጽነት ሚለት ካብ ኩሉ ከምድካይካ ዘይምግታእ ሚለት ከም ዘይኮነ ንምፍላጥ እዩ። ዋላኳ ኣምላኽ ኣብ ኣዳምን ሄዋንን ከጋስ እንተነበረን "ካብ ኩሎም ኦም ናይ'ቲ ኣታኽልቲ" ክበልዑ እንተፈቐደ ሕጊ ግን ኣቐሚጡ እዩ። እዚ ድማ ካብታ ፍልይቲ ኦም ከይበልዑ ኣዚዝዎም እዩ።(ዘፍ 2፡16-17,ዘፍ 3፡3)

ኣብ'ዚ ክነስተውዕሎ ዘለና ንጉስ ሰሎሞን ዝበሎ ኣዝዩ ዕቡብ ሓረግ "ዓይነይ ዝበሃጎ ዘበሉ ኩሉ ረኺብኩዎ" (መክ 2፡10) ኣብ መመዳእታ ግን ልቦንኡ ኣጥፊኡ ሓጥያት ፈጺሙ። ከም ኣቡኡ ዳዊት ንእግዚኣብሄር ኣምላኹ ብምኩእ ልቡ ኣይሰዓቦን (ነገ11፡4)። ብዙሕ ድኬታት ድማ ንኽመድቕ ጠንቂ ኮነ።

ጸምዕ መረጋገጺ መይ ምስክር ካብ ኣካላት ሰብነትካ በሪኽካ ምርካብ'ሙን እዩ።

ኣብ ጸምዕ ሰብነትና እትሐቶን እትደልዮን ኩሉ መግቢ ኣይንህባን። ከም'ዚ ብምግባርና ልዕሊ ድኬት ኣካላት ሰብነትና በሪኽና ኣለና። ዋላ'ሙን ልዕሊ ፍቅሪ ንዋይ'ሙን ብሓፈሻ በሪኽና ኣለና ማለት እዩ። ስለ'ዚ መንፈስና ነቲ ኣምላኽ ዝበሎ ክንዝክር ዕድል ትረክብ ኣላ ማለት'ዩ። እምበኣር ምእንቲ እቲ ሓላፊ መግቢ ዘይኮነስ ምእንቲ እቲ ወዲ ሰብ ዘህበኩም ንዘልኣለማዊ ህይወት ዝኸውን መግቢ ጸዓሩ (ዮሃ 6፡27)። ከምኡ'ሙን ሓዋርያ ጳውሎስ ዝበሎ "ናይ ስጋ ነገር ጥራሕ ምሕሳብ ሞት የምጽእ ናይ መንፈስ ነገር ምሕሳብ ግን ሕይወትን ሰላምን የምጽእ (ሮሜ8፡6)

ኣብ ጊዜ ጸምዕ መንፈስና ይሕይል።

ኣብ ጊዜ ጸምዕ ጸሎትና ኣስተንትኖና ይዓሙቕ ርክብና ምስ ኣምላኽ ይሕይል። ሚህሔትና'ሙን ከምኡ።

ኣብ ጊዜ ጸምዕ ንፋሲካ ብስምዒት ዝግበር ሚህሔትን ኣብ ጸምዕ ዘይብሉ ጊዜ ዝግበር ተመሳሳኢ ሚህሔትን እንተተመዝጊቡ ዓቢ ፍልልይ እዩ ዘለዎ። ሙጽኢት ጸምዕ ኣብ ምሕያል መንፈስ ኣብ ክርስትያን ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ሂንዱዚም፡ ዮጋን፡ ቡድሂዝም'ሙን ጸምዕ መንፈሳዊ ምሕያልን ምመላቹን ኣድላዩ ኮይኑ ይርከብ። መንፈሶም ዝያዳ ጽሩይ ኮይኑ ይርከብ።

ስለዝኾነ ጸምዕ ንኣሉታውያን ነገራት ንምቅላስ ጥራሕ ዘይኮነ ንምሕያል መንፈስና'ሙን ብኣመንታ ይጠቅም ስለ ዝኾነ እዩ ድማ መብዛሕትኦም መንፈሳውያን ዕዮታትን ኣጋጣሚታትን ብጸምዕ ዝተደገፈ ኮይኖም ንረኽቦም።

ናይ ቤተ ክርስትያን ሃይማኖታዊ ምስጢራት ከም ጥምቀት፡ ሜሮን፡ቅዱስ ቍርባን፡ ክህነት ብጸምዕ ኣቐዲምካ ክስነዩ ኣለዎም። ቅድሚ በዓላት ልደትን ትንሳኤን ንሓያሎ ሳምንታት ንጸውም። ቅድሚ በዓል ሓዋርያት (ጴጥሮስ ወጳውሎስ) በዓል ድንግል ማርያም (ፍልሰታ)'ሙን ንጸውም። ከምኡ'ሙን ድሮ ጥምቀት ንዘላ መዓልቲ (ጸምዕ ገሃድ) ንጸውም።

ቅድሚ ምንባር ኢድ ኣብ ባርናባስን ሳውልን ኣብ ግብረ ሓዋርያት ዝተባህለ ቃል ክንደይ ጥዑም'ዩ "እዚኣቶም ንእግዚኣብሄር ከገልግሉን ኪጾሙን ከለዉ መንፈስ ቅዱስ ነቲ ኣነ ዝመረጽኩዎ ኣገልግሎት ንባርነባስን ሳውልን ፍለዩለይ" በሎም። ምስ ጾሙን ምስ ጸለዩን ኣእድዎም ኣንበሩሎም እሞ ኣፋነውዎም (ግብ13፡2,3)።

ብዛዕባ ኣገዳስነት ጸምኦ ንመንፈሳዊ ኣሳልጦ ዝተባህሉ ኣዝዮም ጥውሚት ቃላት ፡-

ዝምድና ጸምን ምሙሳእ ርኹስ መንፈስን ጎይታ ብዛዕባ'ቲ ንደቂ መዛምርቱ ምሙጻእ ዝኣበዮም ተሪር ርኹስ መንፈስ ዝተዘርበ ቃል ፡ "እዚ ከምዚ ዝኣመሰከ ዓይነት ግና ብጸምን ጸሎትን እንተዘይኮይኑ ኣይውጽእን እዩ" (ማቴ 17፡21) ምኽንያቱ ጸሎት ናይ'ቲ ዝጸውዎ ሰብ መንፈሳዊ ሓይሉን ሙጽኢትን ሰከዘከዮ፡ ነቲ ዝጸውዎ ዘሎ ካብ ርኹሳት መናፍስቲ ናብ ኣምላኽ ዝቐረበን ካብ ኣጋንንቲ'ውን ዝሓየለ ስለዝኾነ።

ቅዱሳን ንጸምኦ ኣብ ጊዜ ሽግሮም ይጥቀምሉ ነበሩ።

ንጹር ዝኾነ ኣብነት ናይ ጸምኦ ኣስቴርን ኩሎም ይሁዳን ኣለና። ብሙዲት ሃማን ምስተፈተኑ (ኣስ 14፡16) ናይ ጎይታ ግብረ መልሲ ድማ ቅጽበታዊን ኣገራምን ነይሩ። ብዛዕባ ጸምኦ ነህምያ'ውን ኣለና። ነቲ "መካበብያ ኢዮርሳሌም ከኣ ፈሪሱ እዩ፡ ኣፍደገታት'ውን ብሓዊ ነዲዱ እዩ" (ነህ 1፡3.4) ዝብል ዜና ምስ ሰሚዕና ኣዚና ጎሃናን ጸምናን ጸለናን ... መጽሓፍ ነህምያ ከምዝነግረና ናይ ጎይታ መልሲ ቅልጡፍን ኣገራምን ከም ዝነበረ እዩ ...። መጽሓፍ ቅዱስ'ውን ብዛዕባ እዝራን ሆባክን ከመይ ከምዝጸመሙን ሙጽኢቱ ይነግረና። ከምኡ'ውን መጽሓፍ ቅዱስ ጸምኦ ነብዩ ዳንኤል ሙጽኢቱን ይነግረና። (ዳን9፡3,21) ከምኡ'ውን (ዳን 10፡3,12)

ጸምኦ'ውን ኣብ መዳይ ንስሓ'ውን ሙጽኢት ኣለዎ። ህዝቢ ነነዌ ተነሲሑም። ንስሓኦም ግን ካብ እከይ ግብሮም ጥራሕ ምምላስ ኣይነበረን። እንታይ ድኣ ምስ ዓቢ ጸምን ተሪር ፈፈሙ ምባልን ናይ'ቲ ንጉስን ናይ ሞኩእ ህዝብን እዩ ነይሩ። ኣምላኽ ንጸሞምን ንስሓኦምን ተቐቢሉዎ ንሓጥያቶም ይቅረ ኣቢሉዎም (ዮናስ 3)።

ኣዝዩ መሳጢ ኣባሃህላ ብዛዕባ ንስሓን ጸምን ብሓደ ኣሰኒኻ ምትግባር እቲ መንፈሳዊ ምንቅቓሕ ኣብ መጽሓፍ ነብዩ ዮኤል ዝበሎ እዩ። "እምባኣርሲ ሕጂ'ውን ብጸምን ብብኽያትን ብቁዝማን ብመሉእ ልቡኹም ናባይ ተመለሱ በለ እግዚኣብሄር" ከምኡ'ውን ነብዩ ዳዊት ብዛዕባ ጸም ብዕምቐት ዝበሎ "ነብሰይ ብጸም ቀጸዕኩዋ ርእሰይ ኣድኒ'ውን ጸለኹ" (መዝ 35፡13) ከምኡ'ውን "እናበኽኹ ንነብሰይ ኣሕሳእኩዋ (መዝ፡69፡10) ።
ከምኡ'ውን ብዙሕ ካብ ጸሎታት ናይ ኣቦታትን ነብያትን ንንስሓን ሕድገት ሓጥያትን ዝሓተቱ ብጸም እናተደገፉ እዮም ከምኒ ጸሎት ዳንኤል፡ እዝራ ... ንሕድገት ሓጥያት ህዝቦም ዝገበርዎ።

ጸምኦ'ውን ምስ ኣገልግሎት ዝምድና ኣሎዎ

ጎይታ እየሱስ ክርስቶስ ንገዛእ ርእሱ እቲ ዝለዓለ ኣብነት ናይ'ዚ እዩ። ኣገልግሎት ክጅምር እንከሎ ብናይ 40 መዓልታት ጸም እዩ ጀሚርዎ። ኣሰሩ ብምኽንያል ድማ ኩሎም ቅዱሳን ኣቦታትና ከምኡ'ውን ሓደስቲ ዝቕብኡ ካህናት ኣገልገልቶም ብጸም እዮም ዝጅምርዎ። ቅዱሳን ሓዋርያት ንባዕሎም ኣገልገልቶም ብጸም እዮም ጀሚሮም። ኣብኣቶም እቲ ጎይታ ዝበሎ እዩ ተፈጺሙ። "እቲ መርዓዊ ካባቶም ምስ ተመሰደ ሽዑ ክጾሙ እዮም" ዝብል (ማር 2፡10)።

ጸም ኣብ ምጅማር ኣገልግሎት ኣቦታትን ሓዋርያትን ጥራሕ ኣይኮነን ተተማቢሩ እንተካይ ኣገልግሎት ኣብ ዝህቡኩ ጊዜ እዩ። "... ኣብ ጸም መብዝሕትኡ ጊዜ" (2ቆሮ11፡27) ቅዱስ ጳውሎስ ከምዚ ይብል"ብኹኩ ከም ኣገልገልቲ ኣምላኽ ንርእስና ብብዙሕ ትዕግስቲ ብመከራ ብጭንቂ፡ ብጸበባ ብመግረፍቲ ብማእሰርቲ ብጋሮ ብጻዕሪ ብምንቃሕ ብጾም ... (2ቆሮ 6፡4,5)

ሓወይ ኣብ ህይወትካ ጸም ንኣገልግሎትን ሽግራትን ንምፍታሕን ብሓፈሻ ፈቲንካዮ ትፈልጥዶ፡

እቲ ቅቡል መንፈሳዊ ጸም

ግና ገለ ሰባት ንጎይታ ክሓቱ ይኽእሉ ከም'ቲ ኣብ ኢሳያስ ነብዩ ከም ዝኾነ "እግዚኣብሄር ዘይርእየና እንተድኣ ኮይኑስ ስለምንታይ ጸምና ንሱ ግድን ዘይገብር እንተድኣ ኮይኑስ ስለምንታይ ነብስና ኣሕሳእና፡ (ኢሳ 58፡3) እግዚኣብሄር ድማ ከምዚ ይብሎም ኣሎ። "እቲ ኣነ ዝፈትዎ ጸም ከምዚ ድዩ" (ኢሳ 58፡5)

ሓወይ ክትፈልጦ ዘለካ ነፍስ ወከፍ ጸም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅቡል ሚለት ኣይኮነን" እቲ ፈሪሳዊ ኣብ ሰሙን ክልተሳዕ ዝጸውዎ ዝነበረ ከም'ቲ ኣካብ ቀረጽ ኣይሰልጦን ተቐባልነት ኣይረኸበን (ኩቃ 18፡14) ንስሓ ዘይብሉ ጸም'ውን ከምኡ። ብተመሳሳሊ ብዛዕባ ጸም ሓጥያተኛታት ኣብ ጊዜ ነብዩ ኤርምያስ ጎይታ ዝበሎ "እንተጸመሙ ጥርዓናም ኣይክሰምዕን ዝሓርር መስዋእትን መስዋእቲ ብልዕን እኳ እንተኣቕረቡለይ

ኣይኽፈትወኩምን እዩ። (ኤር 14፡16-18)። ተመሳሳኪ ጾም ግቡዛት'ሙን ከምኡ እዩ። . . ግቡዛት ጸወምቲ ምኽኣምን ብሰብ ምእንቲ ክረኣዩ . . (ማቴ 6፡16-18) ።

ጸይመ ግን ብመንፈስ ኣይረባሕኩን ኣይትበሉ

ከምዚ እንተኣጋጢሙ ምናልባሽ ጾምካ ብመንፈሳዊ መንገዲ ወይ ሃዋህው ኣይተገብረን። ወይ'ሙን ጸይምካ ግን ግን ከኣ ኣብ'ቲ እዋን ጾምካ ኣብ ሓጥያት ትነብር ኔርካ! ስለዝኾነ ከመይ ጌርካ ከም እንጸውም ከንመሃር ኣለና። ከምኡ'ሙን ትርጉም ሓቂኛ ጾምን ብኽመይ ብመንፈስ ካብኡ ንረብሕን ክንመሃር ኣለና። ብዙሓት ብዛዕባ ቅጥዕታት ኣጽዋሙማ ይግደሱ። ወይ'ሙን ናይ ምብላዕ መንፈሳዊ ሸነኽ ናይ ጾም ኣየገድሶምን ኣነ ነዚኣቶም ከም'ዚ እብሎም። ትርጉም ጾም ንኣካላትና ብዝምልከት ንሙሱን ጊዜ ካብ መግቢ ምሕራም ካብ ናይ እንስሳታት ስብሒ ነጻ ዝኾነ መግቢ ምስዓብን እዩ።

ምሕራም ካብ መግብን መስተን ትኪማመድም'ዶ፧
ኣብ ደረጃ ጥማት ምስ በጻሕኩም ትጸመርም'ዶ፧

እዚ ናይ መጀመርያ ደረጃ ልምምድ ንተጻዋርነት ጥማት ማለት'ዩ ... ብዛዕባ ጾም ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከም'ዚ ተባሂኩ፡ "ጠምዩ ነበረ" (ማቴ4 4፡2) (ኩቃ 4፡2) ከምኡ'ሙን ቅዱስ ጳውሎስ ሓዋርያ ብዛዕባ ጾም ምስ ደቂ መዛምርቱ ሓዋርያት ዝበሎ ፡ " ብጥማትን ብጽምእን ብዙሕ ጊዜ ብጾም . . ነይረ።" (2 ቆሮ 11፡27) ከምኡ'ሙን ብዛዕባ ጾም ሓዋርያ ቅዱስ ጴጥሮስ ከም'ዚ ተባሂኩ። "ሽዕኡ ጠምዩ ክበልዕ ደከየ "(ግ.ሓ 10፡10) ስለ'ዚ ጥማት ኣብ ጾምኩም ፈቲንኩሞ'ዶ፧

ምስ ጠመኾኩም ድኽመትኩም ይስመዓኩም ሓይልኹም ኣይተርእዩን ግን ኣብ ሓይኪ ኣምካኽ ክድግፈኩም ትምርኮለም። ምስ ጠመኾኩምን ነቲ ጥምየት ምስ ተጻመርኩም መንፈስ ተጻዋርነትን ነብሰ-ስጋ ምግታእን ትረኽቡ። ስለ ዝኾነ ኣብ ጊዜ ጾም ጥማት ኣብ ዝስመዓኩም ኣይትብልዑ እንታይ ደኣ ጽንዓትን ተጻዋርነትን ኣርእዩ። ናይ ጥማት ስምዒትን ጽንዓትን ተጻዋርነት በረኽት ውሰዱ። ከምኡ'ሙን ጥማት ምስ ተመኮርኩም ናይ ድኽታት ዋካ ሓንቲ ዝብላዕ ዘይብሎምን ቃንዛ ክስማዓኩምን በዚ ድማ ናይ ድኽታት ተደናገጽነትን ከሙሃትን ክስማዓኩም እዩ። እዚ'ዩ ትርጉም ምሕራም ንሙሱን እዋን ኣብ ጊዜ ጾም።

ካልኣ ምኽሪ፡ ምሕራም ካብ ዝኾነ ድኴታትካ . .

ኣብሃሀካ ነብዩ ዳንኤል ብዛዕባ ጾም ዘክር። " . .ጥዑም መባልዕ ኣይበላዕኩን ስጋ ይኹን ወይኒ ናብ ኣፈይ ኣየቕረብኩን . . ።" (ዳን 10፡3)። ከም'ዚ ዝበልክኩ ምኽኒያት ብዙሓት ጥዑማት ናይ ኣሕምልቲ መግቢ ይበልዑን ይዓግብኩኑ። ስለ ዝኾነ ዝጾሙ ዘለዉ ኮይኑ ኣይስምዖምን። ብፍላይ ድማ ኣደ ወይ ሰበይቲ ኪኢላ ናይ ምኽሻን ናይ ኣሕምልቲ መግቢ እንተሃልየን'ሞ ነቲ መግቢ ካብ'ቲ ልሙድ መግቢ ብዝበለጸ ዘመቅራኦ እንተኾይነን በዚ ድማ ካብ'ቲ ጾም ኣይረብሑን ዘለዉ። ።

ስለዝኾነ ኣብ ጊዜ ጾምካ ክልተ ነገራት ኣብ ቅድሜኽ ርኣ፡ እቲ ሓደ ንስኽ ትዓግበሉን ባህ ዘብለካን ጥዑም መግቢ ኣይትሕተት እቲ ካልኣይ ኣገዳስን እቲ ዝደለኽዮን ባህ ዝብለካን ጥዑም መግቢ እንተተቕረበካ ድኴታትካ ኣይተዕግብ ካብኡ'ሙን ኣይትውሰድ። ወይ'ሙን ንእሽቶይ መሲድካ ዝተረፈ ግደፎም ነብስኽ ግታኣ። ወይ'ሙን ነቲ ጽቡቅን ዘይጽቡቕን ወይ ጥዑምን ዘይጥዑምን ሓዋሙሶም እቲ ሕሙስዋስ ጽቡቕ ጣዕሚ ኣይክህልዎን'ዩ።

ኣብ ጊዜ ጾምካ ክትበጽሓ ዘለካ ክሳብ ጥማት ኣካላትካ ጥራሕ ዘይኮነ ክሳብ ምጉስቓል ሰብነትካ ዝበጽሕ እዩ። በዚ መንገዲ እዚ ኣካላትካ ንኹኩ ብመግቢ ዝመጽእ ሓጎስ ወይ ዕግበት ይነጽጎ። እቲ ናይ ምሕራም መስርሕ ኣቀዲሙ ዝመጽእ ኣካላትካ ምስ ኣኪማመድካዮን ኣብ ከምኡ ህይወት ምንባር ምስ ጀመርካን ንምግዳፍ መግቢ ሓያል ጻዕሪ ኣየድልየካን ። ምኽንያቱ ነቲ ትናፍቕ ዝነበርካ ንኽትነጽጎ ጸገም ስለ ዘይህልወካ። እዚ ናይ ነብሰ ምግታእ ካብ መግብን መስተን ልምዲ እናማዕበልካዮ ምስ ከድካ ክሳብ ናብ ምንጻግ ንብዙሓት ዘሐጉሱ ናይ ምቑት ነገራት ከም ስምዒታትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ንኣካላትካ ዘድልዩን ባህ ዝብሉን ነገራት ትበጽሕ። ኣብ'ቲ ጊዜ'ቲ መንፈሳዊ ደረጃካ ክብ ክብል እዩ።

እታ ምግታእ ትብል ናብ በይኖም ዓሙድታት ትመጽእ'ያ።

ንገዛእ ርእስኽ ካብ መብልዕን መስተን ምግታእ ምስ ጀመርካ ቀስ ብቐስ መልሓስካ'ሙን ካብ ሕማቕ ዘረባን ዘይሃናጺ ዘረባን ምግታእ'ሙን ክተማዕብል ኢኻ። ኣእምሮኽ'ሙን ካብ ትምኽሕትን ሕማቕ ሓሳባትን ክትገትእ ኢኻ። ልብኽ'ሙን ካብ እኹይ ስምዒታትን ኩሎም ድልየታትን ዘይጽሩይ ስምዒታትን ክትገትእ ኢካ።

ኣካላትካ ጥራሕ ኣይኮነን ዝጸውም እንተኣይ መንፈስካ እዩ።

ጾም ቀንዲ መሚከጺ ናይ'ቲ በጺሕካዮ ዘለኻ ናይ ሙሽጥኻ ጽሬትን ትነብሮ ዘለኻ መንፈሳዊ ህይወትን እዩ...። ኣዚኻ እናተካማመድካዮ ምስ እትኽይድ ኣዚኻ እናነበርካኩን እናፈተኻዮን ትኽይድ ጠቕምታቱን ክብረታቱን ድማ ኣካል ህይወትካ ይኸውን። ኣባሃህላይ ኣብ ጊዜ ጾም ዝረኽብካዮ መንፈሳዊ ህይወት ጾም ምስ ኣብቀዐ'ሙን ኣይተጥፍኦን ኢኻ። እንታይ ዳኣ ምሳኻ ይቕጽል። ብርግጽ መግብኻ ድሕሪ ጾም ምስጋርካ ተቐይሩ እዩ። ግን እቲ ኣብ ጊዜ ጾም ዝረኽብካዮ ንጽህናን መንፈሳዊ ጽሬትን ክብረትን ኣይቅየርን'ዩ።

ኣብ'ዚ ኣብ መንጎ ጾም ምስግርን ነብስኻ ዘይምግታእን ፈኻኺና ንርእዮ።

ብዙሓት ኣብ ጊዜ ጾም ነብሶም ይቕጻጸሩ ግን ጾም ምስ ተሳዕረን በዓል ምስ ኮነን ነብስኻ ዘይምቕጽጻርን ዘይምግታእን ኢዩ ኢኹም ብምሕሳብ ኩኩ እቲ ኣብ ጊዜ ጾም ዘጥረይዎ ነብሰ ምግታእን ምቁጽጻርን የጥፍእዎ። ስለ ዝኾነ እቲ ንጾም ካብቶም መንገዲ ቅድስና ሐደ ኢዩ ኢኩ ዝተቐበሎ ነቶም ኩሎም ኣብ ጊዜ ጾም ዘጥረዮም ኣብ ልቡ ኣብ መንፈሱን ሕልናኡን ይዕቅቦምን ረብሕኡ ድማ ምስኡ ይቅጽል። እንድሕር ጾም ካብ ሕማቕ ልማድ ወይ'ሙን ካብ ፍኩይ ልማድ ክገላገል ሓጊዝዎ ናብ'ቲ ዝገደፎ ልማድ ድሕሪ ጾም ምስዓር ተመኪሱ ኣይኪይድን።

ምሙህሃድ ጾም ምስ ክብርታት ቅድስና

ሐደ ካብ ጾም ክረብሕን ን ኣካላቱን መንፈሱን ኣብ መንፈሳዊ ጾም ዘእቱ ጾሙ ምስ ንዕኡ ዝሰማምዑ ፍኩያት ናይ ክብርታት ንጽህና ክመሃሃዱ ወይ ክዋሰቡ ኣለዎም።

ጾም ብጸሎት ክሰነ ኣለዎ። ስለምንታይ፧ ምኽንያቱ ክንጸውም ከለና ንሰብነትና ምግዛእን ምቕጻዕን ጥራሕ ኣይኮነን (1ቆሮ 9፡27) እንታይ'ዳኣ እንተኣይ ንመንፈስና ዝጠቕም ኩኩ ጽቡቕ መንፈሳዊ መግቢ ንኽምገብ ዕድል ምሃብ እዩ። ጸሎት መንፈሳዊ ንባብን ኣስተንትኖን ፍቕሪ ኣምላኽን እዩ እቲ መንፈሳዊ መግቢ ኣብ ጊዜ ቅዱስ ዓቢ ጾም ኣብ ጊዜ ቅዳሴ ነዛ "ምስ ጾምን ጸሎትን..." ትብል ሐረግ ንደጋግማ ብርግጽ ድማ እቲ መግቡ ዝረኽበት መንፈስ ንኣካላትና ኣብ ጊዜ ጾም ከም ዘይደክም ገይሩ የቀጽኩ። ኣብ ጊዜ ሰሙን ሕማማት ጾር ናይ ጾም ኣይሰምዓናን ምኽንያቱ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ መንፈስና ምንባብ መዛመሩን ቅዱስ ቃላትን ስለ ዝምገብ። ስለ'ዚ ብዛዕባ መንፈሳዊ ጾም እዚ ክንብል ንኽእል።

ጾም ኣካላትና ንመንፈስና ንምዕንጋል ዕድል ዝህብ እዩ።

ምስ ኣምላኽ ሕብረት ዝተሰነዩ ጾም ናብ መንፈሳዊ ደስታ ስለ ዝዓርግ እቲ ጸዋማይ ጾም እንተኣቋሪጹ ይደክም። ነቶም ብብሕትውና ንዝነብሩ ዝነበሩ ኣቦታትን ፈለስትን ጾም ንመንፈሶም ዘዕግቦ መግቢ ኮይኑ የገልግሎም ስለ ዝነበረ ልቦም ብሓጎስ ይምላእን ናብ ኣምላኽ ድማ የቕርቦምን ነይሩ።

❖ **ጾም ድማ ምስ ንስሓ ክተሓሓዝ ኣለዎ።**

ኣብ መንፈሳውነት እቲ ኣገዳሲ ጽሩይ ልቢ'ምበር ጥሙይ ኣካላት ኣይኮነን ጾምና'ሙን ብኣምላኽ ቅቡል ይግበሮ ካብኡ ድማ ከም እንረብሕ ይስምዓና።
እቲ መኪኮታዊ ክስተት ኣብ ትንቢት ዮኤል "ጾም ኣወጁ ቅዱስ ኣኼባ ጸውዑ" (ዮኤ2፡15) ጾም እምበኣር ቅዱስ እዋን እዩ። ከመይ ኢኩም ብዘይ ንስሓ (ጣዕሳ) ቅዱስ ክኸውን ፧ ኣብ ጊዜ ጾም ጣዕሳ ብምስሚዕና እንረኽቦ ስምዒት ምሳና ክተርፍ ኣኹም።

❖ **ጾም ብትሕትና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክሰነ ኣኹም።**

ክም'ቲ ነብዩ ዳዊት ዝበሎ "ነብሰይ ብጾም ኣትሓትኹ" (መዝ 35፡13)። ክምኡ'ሙን ኣብ ጾም ነነዌ ክሻ ተኽደኑ ኣብ ሐሙኹሽቲ'ሙን ተቐመጡ (ዮናስ 3)። ኣካላትና ብጾም ምስ ኣድክምናዮ መንፈስና'ሙን ክምኡ ክጽቀጥ ኣኹም። ስለ'ዚ ጾም ብምድኻም ዝተሰነዮ እዩ። ኣካላትካ ምድናን ጥራሕ እኹል ኣይኮነን መንፈስና'ሙን ክደንን ኣኹም። ክም'ቲ ነብዩ ዳዊት ዝበሎ "መንፈሰይ ምስ ሓመድ ተጣበቐ" (መዝ 119፡25) ክም'ዚ ጥራሕ ኣይበሉን። "ርእሰይ ምስ ሓመድ ተጣበቐ"...
ኣብ'ዚ ትሕትና እዚ መንፈስ ንምሕረት ኣምላኽ ይሓትት። ንነብስን ንካልኦትን ነብስና ብሓጥያታ ትንሳሕን ምሕረት ትሓትትን። ክም'ቲ ነብዩ ዮኤል ዝበሎ "... ክዳንኩም ዘይኮነስ ልብኹም ድኣ ቀደዱ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ተመለሱ" (ዮኤ 2፡13) ።

❖ ጸምʼውን ምስ ምጽዋት ዝተሰነዮ እዩ።

እቲ ኣብ ጊዜ ጾም ኣብ ኣምላኽ ምሕረት ዝሓትት ንሱ ንካልኦት ምሕረት ክገብርን ክምጽውትን ኣሎዎ ከመይ ጥዑም ቃልን ኣባሃህላን ነብዩ ኢሳያስ ብዛዕባ ዝበሎ ኣሎ “እቲ ኣነ ዝፈትዎ ጾምʼሲ እዚ ዝስዕብ እዩ። ንመእሰር እከይ ምፍታሕ ኣርዑት ባርነት ምዝላቕ ንጥቁዓት ምሙጽእ ሓራ ኣርዑት ባርነት ዘሎ ኩሉ ምስባር እንጌራኹም ንጥሙይ ምምሕቃል ነቶም ዝተሰዱ ድኻታት ኣብ ቤትኹም ምቕባል። ዕሩቕ እንተረኢኹም ምኽዳን፡ ንዘመድኹም ካብ ምሕጋዝ ዘይምሕባእ እዩ (ኢሰ 58፡6,7)

ኣርእስቲ ጾምን መንፈሳውነቱን ነዊሕ እዩ

ዝርዝር ብዛዕባ ጾም እንተደኺኹም “መንፈሳውነት ጾም” (The Sprituality of Fasting) ኣብ ዝብል ዘሕተምኩዎ መጽሓፍ ከተንብቡ ትኽእሉ። ኣምላኽ ንመንፈስና ናብኡ ዘቕርብን ብጾም ድማ ሓጎስን ደስታን ክስማዓናን ንኹሉትና ቅዱስ ጾም ይባርኽልና።





ምጽዋት

ምቅኪት አሚኣብሄር ኣብ ዘሎካ ሃብቲ

ምዕራፍ 10፡ ምጽዋት

ሐደ ካብቶም ብዛዕባ'ዚ ኣርእስቲ ዝተባህኩ ሚረኽቲ ሐረጋት ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ነቲ ጐይታና ኢየሱስ ባዕኩ ዝበሎ ብምድጋም ንመራሕቲ ቤተ ክርስትያን ኤፌሶን ዝተዛረቦ ከምዚ ዝብል ሐረግ እዩ፡

"ካብ ዚቕበልሲ እቲ ዝሀብ ኣዝዩ ይባረኽ" (ግብ 20፣35)። ስለምንታይ'ዩ ጐይታ ንምሃብ ዝባርኾ፡ ብዘይጥርጥር ብብዙሕ ምኽንያት እዩ፡

ባርኾት ናይ ምሃብ (ምጽዋት)

ብምሃብ እቲ ዘለካ ምስ ካልኦት ትካፈሎ። ገንዘበይ ምስ እግዚኣብሔር ተኻፊለዮ ምባል ዝያዳ ግቡእ ይመስለኽ። እዚ እቲ ንቤተ ክርስትያን እትምጽውቶ ጥራይ ዘይኮነ ነቶም ዝሰኣኑ እትልግሶ'ውን እዩ ። ጐይታ ኢየሱስ ከምዚ ኣይበሉን ድዩ፡ "…. ጠምየ ኣዐንገኩምኒ፡ጸሚእ ኣስተኹምኒ፡ገይሽ ተቐበልኩምኒ፡ዓሪቕ ከደምኩምኒ፡ሓሚመ በጸሕኩምኒ።" ነዚ ድማ ኣብ ኩሉ ብዛዕባ እቶም ዝተሸገሩ ኣመልኪቱ ከም ዝመሰሎ ገሊጽዎ ኣሎ፣

"… እቲ ንሓደ ካብዚም ዝነኣሱ ኣሕዋተይ ዝገበርኩምሞ ንዓይ ከም ዝገበርኩምሞ ብሓቂ ይብለኩም ኣለኹ" (ማቴ 25፣35-40)።

ስለዚ ንሓደ ካብ ዝተሸገሩ ብእትህብዎ ብሓቂ ንጐይታ ባዕኩ ኢኹም እትህቡ። መግቢ ንዝጠመዩ፡ክዳን ንዝዓርቑ…. ወይ ምብጻሕ ንዝሓመሙ ኮነ ዝተኣሰሩ… እዚ ዓይነት ምብጻሕ ፍቅሪ ብምልጋስን ስምዒት ብምምቃልን እትህቦ ኮይኑ ብነፍሲኻ እትልግሶ እምበር ብሰብነት ኣይኮነን። ብዙሕ ካልእን……

ምሃብ ንነብስኻ ምስ ካልኦት ምክፋል እዩ።

እቲ ኣብ ውሽጢ ነብሱ ዘንሳሕብ ሰብ ካብ ካልኦት ይርሕቕ፡ክቕበል ኮነ ክህብ ኣይደልን። ስሱዕ ሰብ ወትሩ ክመስድ እምበር ክህብ ኣይደልን እዩ። እቲ ሕሙስ ሰብ ይቕበልን ይህብን። እቲ ዘይስስዕ መሃቢ ግና እቲ ብዘይምቕባል ወትሩ ዝህብ እዩ። ቅድሚ ነብሱ ንካልኦት ይሰርዕ….

እዚ እቲ ንካልኦት ንኽህብ ካብ ነብሱ ወትሩ ዝመስድ እዩ።

ብኽምዚ ድማ'ዩ ናይ ምሃብ ጭውነት ኩሉ ጊዜ ምስ ነብሰ-ምግታእ ዝተሓናፈጽ። ኣብ ምሃብ፡ንነብስኻ ድሕሪት ምስራዕ ንካልኦት ቀዳምነት ምሃብ እዩ። ሐደ ሰብ ብዛዕባ ብሙልቂ ዘድልዮን ዝጠልቦምን ነገራት ዘይኮነ ዝሓስብሰ. ንካልኦት ዘድልዮም ከማልኣ ይሓሪ። እዚ'ዩ እታ መበለት ሰበይቲ ሰራጵታ ኣብ ጊዜ ደርቂ ንነብዩ ኤልያስ እተን ዝነበርኣ ሽልገት ሓርጭን ሒደት ዘይትን ነጊፋ ዝሃበቶ። ስለዚ እግዚኣብሔር ንቤታ ኣዕዚዙ ባረኾ (1ዖነገ 17፣11-19)።

እታ ነቲን ዝነበርኣ ክልተ ሰናቲምሞ ነጊፋ ኣብ ሳንዱቕ ሞባእ ዘሙደቕት መበለት ሰበይቲ እሙን ክምኡ እያ ዝገበረት። ጐይታ ክዕኪ ማንምሞ ካልኣ ንዓኣ ባረኾ። ስለምንታይ፡ ምኽንያቱ

"እዚኣ ሰበይቲ'ዚኣ ካብ ስእነታ ዘለዋ ኹሉ ገንዘባ እያ ዘሙደቕት" (ኩቃ 21፣4)።

ካብ ድኽነታ ጥራይ ዘይኮነትሲ፡እንኮኳይ "እቲ ካብ ስእነታ ዝነበራ ኹሉ እያ ዘሙደቕት" ኩሉ ትውንኖ ዘበለ።

ኣብዚ ኣቕዲምና ዝጠቕስናዮ መሰረታዊ ሕጊ ማለት ንካልኦት ቀዳማይ ምርጫ ክትህብ ምምራጽ እዩ… ብሞተይ ካልኦት ይንበሩ። "ከባብ ክንደይ ኣብ ሽግር ኣለኹ ብዘየገድስ ንድሕታት ዝተሸገሩ ክርውይ እየ" ወይ "ንዝደልዮም ክርውይ ክሕግዝ እየ" ዝብል ኣብነት ንረክብ። ኣብ ቅድስና ናይዛ መበለት ብጐይታ ሐደ ኣገዳሲ ስርዓት ንዕዘብ ንሱ ድማ፣

እግዚኣብሔር ጥልቀት ናይቲ ትህቦ ደኣ እምበር ብዝሑ ኣይኮነን ዝርእይ።

ገለ ካብ ጠባያት ናይዚ ጥልቀት ክኣ እቲ እትህቦ ምስ ፍቅሪ ምትሕሓዝ እዩ። ክትህብ ትፈቱ ነቲ እትልግሰሉ ክኣ ተፍቅሮ። ስለዚ እቲ ንመንፈስካ ዝጠቅም ምጽዋታ እቲ ብዘይ ቅሬታ፡ክየዕዘምዘምካ ወይ ክይተገደድካ

እትህቦ ኪይኑ ምስ ምኩእ ስምዒት ዕግበትን ሓጎስን እትህቦ እዩ። ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝብሎ፡"ኣምላኽ ሕጉስ ወሃቢ እዩ ዝፈቱ" (2ይ ቆሮ 9፣7)።

ነቲ ተሸጊሩ ዘሎ ሰብ ተፍቅሮ በዚ ፍቅሪ እዚ ተቐሲብካ ድማ ትህብ። ፍቕርኻ ከኣ ኣብቲ ክትህብ ከሎኻ እትገብሮ ምንኪብኻብ ይግለጽ። እቲ ዝተሸገረ ንፍቕርኻ የስተማቕሮ ካብቲ ዝረኸቦ ዘሎ ከኣ ብዝያዳ እዚ የሐጉሰ። ቅድሚ ካብኻ ገለ ነገራዊ ዝኾነ ዝሕገስ ምቕባኩ ነዞም ስምዒታት እዚኦም ይኸስቦም። ንስኻ ንዕኡ ገለ ምሃብካ ድማ ከም ሓደ መግዓዊ ዘይኮነስ ከም ርህራሄን ኣስተዋጽኦን ብምግባር ይመስዶ። ከምቲ ንሙካዳ ገለ ምስ ሃበት በቲ እቲ ሙካዳ ዝሕጎሶ ሓጎስ ክዕኪ እቲ እትህቦ ብዝያዳ ብሓጎስ ተዓጂባ እትህብን እትድሰትን መካዲት ንስኻ እሙን ንዝተሸገረ ምስ ሃብካ ካብዚ ብዝትሕት ኣይትደሰት።

ናይዚ ኣብነት በቶም ኣብ እዋን ንጉስ ዳዊት ንመስርሒ ቤት ኣምላኽ ዘድኪ ዘበለ ብፍታው እናተሓጎሱ ዝሀቡ ዝነበሩ ህዝቢ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ንረክብ።

መጽሓፍ ቅዱስ ይብል "እቶም መራሕቶም ንእግዚኣሔር ፈትዮም ስለ ዝሃብዎ እቶም ህዝቢ ተሓጎሱ፡ንጉስ ዳዊት ከኣ ኣዝዩ ተሓጎሰ" ዳዊት ብድሕሪኡ ነቶም እኩባት ኣህዛብ ብምእካብ ንእግዚኣብሔር ኣብ ቅድሚኦም ከምዚ ብምባል ኣመስገኖ "ከምዚ ብፍታው ከነቕርብ ዝኽእልናስ ኣነ መን እየ፧ እዞም ህዝበይከ እንታዮት እዮም፧ ኩሉ ካባኻ ዝተቐበልናዮ ከኣ ኢና ዝሃብናካ…. ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽኸና ኩሉ እዚ ንቅዱስ ስምካ ቤት ክንሰርሕሉ ኢልና ኣዳሊናዮ ዘለና ሃብቲ ካብ ኢድካ ዝመጸ እዩ፡ኩሉ ኸኣ ናትካ እዩ።" (1ይ ዜና መዋ 29፣9,14,16)።

"ካባኻ ዝተቐበልናዮ ኢና ዝሃብናካ" ኣዝያ ሚራኺት ሐረግ እያ።

እንሙንኖ ነገር የብልናን። ነፍሲ ወከፍና ከምቲ እቲ ቅኑዕ እዮብ "ጥራየይ እየ ካብ ከርሲ ወላዲተይ ዝወጸእኩ፡ጥራየይ ከኣ ናብ መቓብር ክኣቱ እየ" (እዮ 1፣21) ዝበሎ ክንብል ይግበኣና። በቲ ኣብዚ ሕጂ እዋን እንሙንኖ ዘበለ ድማ ከምቲ እዮብ ዝበሎ "እግዚኣብሔር ሃበ" ወይ ዳዊት ዝበሎ "ኩሉ ናትካ ኩሉ ከኣ ንዓኻ እዩ" ክንብል ይግበኣና። ስለዚ ኣብ እንህበኩ እዋናት ንእግዚኣብሔር "ካባኻ ዝተቐበልናዮ ኢና ዝሃብናካ" ክንብሎ ንዓና ክንደይ ጽቡቕ እዩ።

ብሓቂ ብሓቂ እቲ ኩሉ ዝክኣሎን መመዳእታ ዘይብሉን ኣምላኽ ካባና ምሙሳዱሲ ትሕትናኡ'ዩ ዘርእይ ።

ጐይታ ስምዒትና እንገሕጸሉ ዕድል እዩ ዝህበና ዘሎ። ልክዕ ከምቲ ካብ ሙሉዱ ሀያብ ዝቕበል መካዲ ኣዩ፡እቲ ሙካዱ ዘበርከተሉ ሀያብ ካብ ጅብኡ ብዝተዋህበ ገንዘብ እኳ እንተተዓደገ እቲ ሙካድ ግና ብእኡ ኣቢሉ፡ኣብ መካዲኡ ዘለዎ ፍቅሪ ይገልጽ። ንመካዲኡ ድማ " ካባኻ ዝተቐበልናዮ ኢና ዝሃብናካ" ዝብል ይመስል…. እቲ ምንጪ ኩሉ ሃብቲ ዝኾነ ኣምላኻኸ "ዓለምን ኣብ ውሽጣ ዘለው ኩሎምን ናቱ እዮም" (መዝ 24፣1)። እቲ ብለሙሃቱ ንኹሉ ፍጥረታት ዘርዊ እግዚኣብሔር በቲ ዓቢ ፍቕሩ ገዛእ ቤቱን ሙሉዱን ኣብ ምሕላው ምስኡ ተማቒልቲ ክንከውን ይፈቱ፡ነዚ ድማ ጸጣና ይህብ..

ንሱ ነቲ ዝሃብናዮ ዘበለ ይህበና፡ክንህብ ከሎና ይጸምመና… በዚ ኩሉ ከኣ ንክንህብ የኪማምደና።

ንሱ ህይወትን ምንባርን ይሕግስልና። ቀጺሉ ከኣ ይብለና ካብ ነፍሲ ወከፍ ዝሃብኩኹም ሰሙን ንዓይ ትኽሙን ሓንቲ መዓልቲ ፍከዩለይ "ናይ እግዚኣብሔር መዓልቲ" .. ኣነ እትሙንንም ዘበለ ከህበኩም እየ ካብቲ ዝህበኩም ዘበለ ድማ ዕስራት ንዓይ ፍከዩለይ… ኣብ ኩሉ እዚ ከኣኣ ጐይታ ካባኻ ዝተቐበልናዮ ኢና ዝሃብናካ… ንስኻ ንዓና ኮነ ነቶም እንሕግሰሎም ሃብካና። ፍቅሪ ናይ ምሃብ ዘሕደርካልና እሙን ንስኻ ኢኻ።

ምኩእ ጥዕናን ሕይልን ሃበኒ ኣነ ኽኣ ከገሕሽካ እየ።

ንዓኻ ንኽገሕሽ ኣብ ዝደኽመኩ እዋን ኮነ ንዓኻ ንኽገሕሽ ኣብ ዝህበኩ ገለ ከም ዝሃብኩ ፍጹም ተሰሚዑኒ ኣይፈልጥን… ምኽንያቱ ጥዕና ካብኻ፡ሕይኪ ካባኻ፡ከተገሕሽ ምፍታው እሙን ካባኻ እዩ ዝርከብ። ወካ ኣነ ንባዕሰይ እሙን ካባኻ እየ። ንኽይሙከድ ወይ ንኽይፍጠርሰ ቀኪል ምኾነ ነይሩ። ንስኻ በቲ ብእኡ ዘገሕሽካ ሀልውና ሂብካኒ፡ብእኡ ንኽዛረብ ቃል ፈጢርካ … ኣብ ኩሉ ኣገሕሹተይን ዕዮይን ንዓኻ "ካባኻ ዝተቐበልናዮ ኢና ዝሃብናካ" ይብል።

ብኽመይ ኢኺ እትሀብ፧

ስለዚ ኣብ ኩሉ እዚ ምሃብ ብዘይ ሓበን ክኸውን ኣሎዎ።

ብመልሓስካ ኮነ ብልብኺ፡ብሙሽጣዊ ስምዒትካ ወይ ሓሳብካ... ካብ ገዛእ ናትካ ከም ዝሃብካ... ምሕላን ሚከት እዩ። ኣብዚ ዕምቂት ዘረባ ናይ ሐዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ይዝክር "ካብ ካልኦት ብኩጽ ዝገብረካ መን እዩ፧ ዘይተቐበልካዮስ እንታይ ኣሎካ፡ዝተቐበልካ ካብ ኮንካ'ኺ ስለምንታይ ከም ዘይተቐበልካ ትሕበኝ፧" (1ይ ቆሮ 4፣7)..... እቲ እንሀብ ዘበለ ካብ ኣምልኽኺ ዝተቐበልናዮ ካብ ኮነስ፡ብእንሀቦ ምሕላንከ ክንቱ'ዶ ኣይኮነናን፧!

ስለዚ እግዚኣብሔር ምሃብ ብስቱር ክኸውን ኣዚዙ፣

ከምዚ ይብል "ብሰብ ምእንቲ ክትረኣዩ ኢልኩም ጽድቅኹም ከይትገብሩ ተጠንቀቑ፡እንተዘይኮነ ካብቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ዓስቢ የብልኩምን።" ቀጺሉ "... ንስኺ ግና ምጽዋትካ ብሕቡእ ምእንቲ ክኸውን ክትምጽውት ከለኺ የሚነይትኺ እትገብሮ ጸጋመይትኺ ኣይትፍለጦ፡እቲ ብስውር ዘርኢ ኣቦኺ ድማ ብግልጺ ክህበካ እዩ" (ማቴ 6፣1,4)። ኣምላኽኺ በዚ ሚለቱ ንእትገብሮ ካብ ሰባት ጥራይ ዘይኮነ እንኮላይ ክብ ነብስኺ እዩ። ክንደይ ዝኣኻል ከም ዝሃብካ ክትፈልጦ'ሙን ገንዘብካ ብምቐጻር ኣይተረጋግጽ ግናኺ "የሚነይትኺ እትገብሮ ጸጋመይትኺ ኣይትፍለጦ" (ማቴ 6፣3)።

ክንደይ ዝኣኽል ከም ዝሃብካ ኣይትዛረብ፡ክንደይ ዝኣኽል ከም ዝሃብካ እውን ኣይትዘክር... ሀያባትካ ኣይትጸባጸብ እንታይ ደኣ ሰይጣን ናይ ክንቱ ምሕላን ብእኡ መታን ከይቃለሰካ ጻማኺ ድማ ኣብ ምድሪ ካብቲ ሐበን ከይትረኽቦስ ክትርስዖም ፈትን።

ብዛዕባ ቅድስቲ ሚካንያ ከምዚ ይንገር እዩ። ኣብ መጀመርታ መንፈሳዊ ህይወታን ቅድሚ ፈላሲት ምኽናን ንኣድባራትን ፈለስትን ብዙሕ ይምጽውታ ነይረን እየን.. ሐደ እዋን ሐደ ሐመሽተ ሚእቲ ዝኸውን ቁርጽራጽ ናይ መርቂ ኣብ ማሕፉዳ ሒዘን ብምምጻእ ንኣባ ቢምሞ ነቶም ኣብ ሙሽጢ እቲ ጽምጽም በረኻ ዝቕመጡ ፈለስቲ ክህቡከን ኣረከብኦም። እቶም ቅዱስ ንሐደ ካብ ተማህርኦም ብምጽዋዕ ነቲ ቦርሳ ከይከፈቱ ኣረከብዎ እሞ ንትሕዝትኡ ኣብ መንጎ እቶም ፈለስቲ ከማቕልዎ ብምእላዝ ኣቐበልዎ... ሽዑ ሚካንያ ነቶም ቅዱስ "ግና ክንደይ ከም ዝነበሮ ክትፈልጡስ ኣይከፈትኩሞን" ብምባል ምስ ሐተትኦም እቶም ቅዱስ "እዚ ገንዘብ እዚ ንእግዚኣብሔር እንተድኣ ሂብክንኦስ፡እግዚኣብሔር ክንደይ ምኻኑ ይፈልጥ እዩ"... ኢሎም ብምምላሽ ግሩም ኣስተምህሮ ኣቕሲምወን።

ካልኣ ዓይነት ምሃብ ድማ ልግሲ እዩ፣

መጽሓፍ ቅዱስ ይብል "መሃብቲ እንተኾንና ብልግሲ ንሃብ" (ሮሜ 12፣8)። መኪሱ ከኣ ከምዚ ብምባል ይእዝዘና "ኪጋሳትን መሚቕልትን ክኾኑ ኣዝዝ" (ጢሞ 6፣18) ኣስዒቡ "እቲ ብሙሉድ ዘዘርኦ ብሙሉድ ከም ዚዓጽድ፡እቲ ብብዙሕ ዘዘርኦ ድማ ብብዙሕ ከም ዝዓጽድ ፍለጡ" ይብል እሞ ጐይታ ከኣ ኣብ መንጌል ኩቃስ ኸምዚ ብምባል ቅኑዕነቱ የመስክር "በቲ እትሰፍሩሉ መስፈሪ ክስፈረልኩም እዩ" (ኩቃ 6፣38)።

ስለዚ ምሃብ ንበይኑ እኹል ኣይኮነን፡ንእትሀቦ ብከሙሃት ሃብ።

ነዚ ዘብርህ ጽቡቕ ኣብነት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኣራሙና እቲ ይቡሳዊ ተጻሒፉ ንረክብ። ንጉስ ዳዊት ናብኡ ብምኻድ መስርሒ መሰሙዒ ዝኾኖ ዓውዲ ካብኡ ክሻየጥ ሓተቶ። ኣራሙና በዚ ኣዝዩ ተሓጎሰ እሞ ነቲ ዓውድን ኣብኡ ንዝነበረ ኩሉን ክልግሶ ፈተወ። ስለዚ ንዳዊት ከምዚ በሎ "ጐይታይ ንጉስ እቲ ጽቡቕ ኮይኑ ዝተራእየካ መሰዲካ ኣዕርግ። ንዚሓርር መሰዋእቲ ዝኾኑ ኣብዑር፡ንዕንጨይቲ ሓዊ ዝኸውን ክኣ ሰረገካታትን ናሙቲ ማሕረስን እንሆ" (2ይ ሳሙ 24፣22)። ኣራሙና ዘከዎ ዘበለ ነቲ ንጉስ ከገስኩ፡ዳዊት ግና "ኣይፋልካን ዋጋ ዘይኽፈልኩስ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽኺይ ዝሓርር መስዋእቲ ኣየዕርገሉን እየ እሞ፡ብዋግኡ ደኣ ሽጠለይ" በሎ.. ነፍሲ መከፎም ብደስታ እናተሓጎሱ ብልግሲ ከህቡ ፈተው።

ንዛንታ ኣቦና ኣብርሃም እቶም ሰለስተ ሽማግሌታት ክበጽሕዎ ምስ መጽኡ ዝገበሮ ንዘክር፣

ኣብርሃም ንኣደና ሳራ ከምዚ በላ "ቀልጢፍኪ ሰለስተ መሰፈር ድቕኡም ሓርጭ ኣቕምጢዕኪ ቀጫጩ ሰንኪቲ" ከምኡ'ሙን ናብቲ ኣሓኡ ዘከዋእ ብጉያ ኸይዱ ሰቡሕ ጽቡቕ ብተይ መሲዱ ነቲ ግዚኡ ሃቡ፡ንሱ ኸኣ ኼዳልዎ ተቕካጠፈ። ርግኡን ጻልጣን ነቲ ዘዳለዎ ብተይን መሲዱ ድማ ኣቕረበሎም (ዘፍ 18፣6-8)።
ሰለስተ ሽማግሌታት ሰለስተ መሰፈር ሓርጭ የድልዮም ድዩ፧ ምስ ምኩእ ብተይን ርግኡን ጻልጣን መሲኹ ማለት እዩ፡ወይ እዚ ልግስነት ኣብርሃም እዩ፣በቶም ኣጋይሽ ሰለ ዝተደሰተ ምስ ሰቡን ጓሉን ምስቶም ኣጋይሽ ብምቕራብ ካብቲ ብተይን ሓድሽ ዝተሰንጠተ ቀጫጩን ንኽዕንገል ዝተቕመጠ።

እግዚኣብሔር ብመሰፈር ልግስና እዩ ዝመልሰልና...

በዚ ኸኣ ንሱ ይብለና "ሃቡ ኪወሃበኩም እዩ፡ጽቡቕ ዝተሰንደ ንኽኑኽ ዝተፋረወ መሰፈሪ ኣብ ሕቕፎኹም ኪህብኹም እዮም" (ኩቃ 6፣38)። ካልእ'ሙን "ኣብ ቤተ መቕደሰይ መግቢ ኪኸውንሲ ዕሸር ዘበለ ኩሉ ናብ ቤት መዝገብ ኣምጽእዎ። ሽዑ መሳኹቲ ሰማይ እንተ ዘይከፊተልኩም፡በረኽት ድማ ብዘይ ልክዕ እንተ ዘየፍሲለልኩም በዚ ተዓዘቡኒ ኣነ እግዚኣብሔር ጐይታ ሰራዊት ተዛሪበ ኣለኹ..." (ሚክ 3፣10)። ኣብ መጽሓፍ ምሳሌ ኸኣ ይብለና "ካብ ጥሪትካን ካብ ኩሉ በኹሪ ፍርያትካን ንእግዚኣሔር መባእ ኣቕሪብካ ኣኽብሮ። ሽዑ ቐፎታትካ እኽሊ ክመልእ መጽመቕኻ ከኣ ብኼልዒ ወይኒ ቅጽጽ ክብል ክብል እዩ" (ምሳ 3፣9-10)።

ሐደ ካብቶም ኣብ ምሃብ ክንልግስ ዝጽውዑ ጥቕስታት ጐይታ ከምዚ ዝበሎ እዩ "…. ኪድ ዘሎካ ሃብቲ ሸይጥካ ንድኻታት ሃብ" (ማቴ 19፣21)።

ኣብ ካልእ'ሙን "ጥሪትኩም ሸይጥኩም ምጽዋት ሃቡ" (ኩቃ 12፣33) ይብል። ጐይታ ከኣ ይብል "ንዝለመነካ ዘበለ ሃብ ገንዘብካ'ሙን ምከሰከይ ኣይበሎ" (ኩቃ 6፣30)። መጽሓፍ ቅዱስ ከኣ እንደገና ይብል "ክልተ ክዳን ዘለዎ ነቲ ዘይብሉ ይምቀሎ፡ቀለብ ዘለዎ ድማ ከምኡ ይግበር" (ኩቃ 3፣11)።

ካልኣ ጽቡቕ ባህሪ ናይ ምሃብ

- ክትህብ ከይተሓተትካ ምሃብ። እዚ እዩ እቲ ናይ ሰማይ ኣቦና ዝገብረልና። ኣቦን ኣደን ንሙካዶም ዝገብርዎ እሙን ንሱ እዩ። ናይ ካልኦት ሰባት ሸሪ ክሓቱኽ ከይተጸበኽ ብቕልጡፍ ተገንዘብ።
- ንምሃብ ኰሚ-ጽባሕ ኣይትበል። ምድንጓይካ ነቶም ተሸጊሮም ዘለው ክጎድኣ ይኽእል እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እዚ ከምዚ ይብል፡"ኢድካ ክትገብረሉ ዚኽኣካ እንተኾይኑ፡ነቲ ዝግበኦ ሰብ ሰናይ ኣይትኽልኣዮ። ዚመሃብ ኮኻሳ ንብጻይካ "ኪድ እሞ ተመልስ ጽባሕ ክህበካ እየ ኣይትበሎ" (ምሳ 3፣27-28)።
- **ካብቲ ዘለካ እቲ ዝበለጸ ክትህብሲ ንነብስኻ ኣለ።**

ብዙሓት ካባታትና ብዘይካ እቲ ዝበለየን ዝኣረገን ልብሶምን ብዕቕን ዘይመዓራረዮም ወይ ባህ ዘይበሎም እንተዘይኮይኑ ካካ ኣይህቡን... እዚኣቶም ብግብሪ ንክርስቶስ ባዕኡን ንድኻን እዮም ዝህቡ ዘለው። ካብዚ ኣብ ኩሉ ቃኤልን ኣቤልን ዘቕረብዎ ህያብ ንዝክር'ዶ ከምዚ ከም ዝብል ጽሑፍ "ኣቤል ከኣ ካብ በኵራት ኣባጊኡን ካብ ስብሓንን ኣምጽኤ። እግዚኣብሔር ድማ ናብ ኣቤልን ናብ መስዋእቱን ባህ ኢሉዎ ረኣየ" (ዘፍ 4፣4) "ካብ ቦኽራት ኣባጊኡን ካብ ስብሐንን" ማለቱ ካብቲ ዝነበሮ እቲ ዝበለጸ ማለት እዩ።

ኣብነታት

ታሪኽ ዘገርመሙ ናይ ልግሲ ኣብነታት የቕርበልና።

ካብ ቅዱስ ኣብራሃም ጳጳስ ናይ ፋዮም ከምኡ'ሙን ቅዱስ ሳራባሞን ጳጳስ ናይ ማኖፍያ ብዙሕ ናይ ምልጋስ ኣብነታት ክንመልድ ንኽእል። ሕጂ ግና እንተኾነ ብዛዕባ ህይወቶም ከነዘንቱ ጊዜ'ሙን ኣይፈቕደልናን እዩ.. ካልእ'ሙን ቅዱስ ዮሓንስ እቲ ርህሩህኩሉ ንዋቱ ብምሸጥ ንድኻታት ዝሃበ። ካልኣ ዝሸጦ ንብረት ምስ ሰኣነ'ሙን ንነብሱ ከም ጊላ ብምሸጥ እቲ ዝኽፈሎ ገንዘብ ንድኻታት ይህብ ነበረ። ቅዱስ ሰራጵዮን ከዳኑ ብምቕንጣጥ ጥራይ ሰሙነቱ ንዝነበረ ሰብኣይ ሃቡ፡እንደገና መጽሓፍ ቅዱሱ ብምሸጥ እቲ ሽያጡ ንድኻ ከገሱ።

ተመሃራዩ ብዛዕባ እዚ ምስ ሓተቶ "መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ዘከካ ሸጥካ ንድኻታት ሃብ እዩ ዝብሉ፡ስለዚ ካልእ ዝውንኖ ስለዘይብሉይ ንዕኡ ሸይጠ" ብምባል መለሰሉ።

ኣብ ዘመን ሓዋርያት ውን ከምዚ ተባሂሉ'ዩ " ኩሉቶም መሬት ወይስ ኣባይቲ ዘለዎም ዘበለ ሸይጦም ንዋጋ እቲ ዝተሸጠ የምጽእዎ ነበሩ እሞ ኣብ ጥቓ እግዚሪ ሓዋርያት የንብርዎ፡ ንነፍሲ ወከፍ ከኣ ከከም ዘድልዮ ይመቕልዎ ነበሩ ስለዚ ሓደ ሽጉር እኳ ኣይነበሮምን።" (ግ.ሓ 4፡34-35)

ምስኡም ብምንጽጻር ኣበይ ኣሎ"ቲ ንህቡ፡

ምቅኪት እግዚኣብሄር ኣብ ዘሎካ ሃብቲ

እግዚኣብሄር ካብ ዘሎካ ሃብቲ ይማቀል'ዩ እዚ ከኣ ንኽባርኽልካ ደኣ እምበር ንኽመደይልካ ኣይኮነን። ከመይ ንሱ ምንጪ ኩሉ ሃብቲ እዩ። ነቲ ብገዛእ ነብሱ ክገብሮ ዝኽእል ሰናይ ግብርታት ምእንቲ ክትካፈሉ ኢኹ ኣብ ዘሎካ ሃብቲ ይማቀል። ግን ብዘለዎ ትሕትና ሰናይ ግብርታት ባዕልኻ ክትፍጽሞም ክርእየካ ይደሊ።

እቲ ዝጠንተወ ሰራሕ ምምቃል እግዚኣብሄር ንመዲ ሰብ ዝሃቦ መስዋእትን ዝሓርር ሀያብን እዩ።

እዚ ካብ ቅድም ዝጸነሐ ሰራሕ'ዩ ካብቲ ዝተጻሕፈ ትእዛዛት ዝጠንተወ። ካብ ዘመነ ፍጥረት መዲ ሰብ ኣትሒዙ'ውን ዝነበረ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ መስዋእቲ እቲ ቅኑዕ ኣቤል ክገልጽ እንከሎ፡ " ኣቤል ከኣ ካብ በኵራት ኣባጊዑን ካብ ሰብሐንን ኣምጽኣ።" ይብል። ኣቤል መስዋእቲ ከመይ ገይርካ ከም ተቕርብ ካብ ኣቦኡ ኣዳም ዝተማህሮ፡ ኣዳም'ውን ካብ እግዚኣብሄር ዝተማህሮ እዩ። ኣብዚ መስዋእቲን ዝሓርር ሀያብን ምስ ዘከምም ሰርዓታት ናብ እግዚኣብሄር ምቅራብ ብትውፊት ብኽመይ ከምዝጀመረ ንዕዘብ ኣሎና።

በዚ ከኣ ምቅራብ መስዋእቲን ዝሓርር ሀያብን ኣብ ደቂ-ሰባት ቀጻልነት ነበሮ።

ብዛዕባ እቲ ኖህ ካብ መርከብ ምስ ወጸ ናብ እግዚኣብሄር ዘቕረቦ ዝሓርር መስዋእቲ ሰሚዕና ኢና። ጎይታ ነቲ ተኽኽ ዝብል ዝነበረ ጥዑም መኣዛ ሸተተ።(ዘፍ 8፡21-22)። ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዝሓርር መስዋእቲ ናይ ኣብርሃም (ዘፍ 12) መስዋእቲ ናይ ጻድቅ እዮብ (እዮብ 1፡5). . .ሰሚዕና ኢና ። ኣብ ዘመን ኪቀ-ነብያት መሱሴ መስዋእቲን ዝሓርር ሀያብን ብመልክዕ ሕጊ ምስ ብዙሕ ምሳሌታቱ ኣብ መጽሓፍ ኦሪት ዘሌዋውያን ተጻሒፉ ኣሎ።

ሕጂ ግና ወላ'ኳ እቲ ንማሕረዲ ዝተቀረበ ገንሸል ፋሲካን (ዘጽ 12) ዝሓርር መስዋእቲ ወይ ሓደ ሓጢኣተኛ ዘመፍዮ መስዋእቲ ብናይ ክርስቶስ ተበጃውነት እንተተከኣ፡ ንእግዚኣብሔር ዝቀርብ መርኣያ ሞሳን ምስጋናን ምስ ኣሕዋት ኮይናካ ዝብላዕ ናይ ሰላም መፈያ ገና ይቕርብ እዩ። ብዙሓት ኣብዚ ሕጂ እዋን ካብቲ ናይ ኦሪት ብብዙሕ ደቀኞት ነገራት ብዝፍከ መልክዕ መፈያ የቕርቡ እዮም..።

ዕሸር

ናብ ካልእ ነጥቢ ክንሰግር፡ንሱ ድማ ዕሸር እዩ

ዕሸር ክንዮ'ቲ ኣብ ጽሑፍ ዝሰፈረ ሕጊ ዝነበረ ጥንታዊ ሕጊ እዩ። ብዛዕባ ኣቦና ያዕቆብ ሰሚዕና ኣለና። መላኽኽ ኣብ ምድሪ ደሙ ኢኹ ርእሱ ድማ ሰማይ ጠንቂሩ ብሕልሙ ምስ ረኣየ፡ከምዚ ብምባል ተዛረበ "እግዚኣብሔር ምሳይ እንተኾነ ኣብዛ ዝኸዳ ዘለኹ መገደይ ከኣ እንተሓለወኒ፡ናብ ቤት ኣቦይ'ውን ብደሓን እንተተመለስኩ ሽዑ እግዚኣብሔር ኣምላኸይ ይኸውን... ሽዑ ካብ እትህበኒ ዘበለ ኩሉ ድማ ዕሸር ክህበካ እየ" (ዘፍ 28፣20-22)።

ምናልባት ያዕቆብ እዚ ሓሳብ እዚ ካብ ኣቡኡ ኣብርሃም ዝመረሶ ክኸውን ይኽእል። ኣቦና ኣብርሃብ ንመልክጸድቅ ነቲ ካህን ልዑል ኣምላኸ ዕሸር ኣቕሪቡ ነበረ፡"ኣብርሃም ድማ ካብ ኩሉ ዕሸር ሃቦ" (ዘፍ 14፣20)።

ስለዚ እግዚኣብሔር ኣብ ጊዜ ሕጊ ነብዩ መሱ ዕሸር ክቕርቡ ኣዘዘ።

ንሱ ይብል "ካብቲ በብዓመቱ ካብ ግራትካ ዝመጸ ኹሉ እቶት ዘርእኻ ዕሸር ኣውጽእ" (ዘዳ 14፣22)፡"ኩሉ ዕሸር ምድሪ ድማ ካብ ዘርኢ ምድሪ ኮነ፡ካብ ፍረ ኦም ኮነ፡ንሱ ናይ እግዚኣብሔር እዩ፡ንእግዚኣብሔር ዝተቐደሰ እዩ" (ዘሌ 27፣30)። "ዕሸር ስርናይካን ወይንኻን ዘይትኻን በኹሪ ኣሕኻን ኣባጊዕካን እተመባጸዕካዮ መብጽዓኻን ናይ ፍቓድ ሀያብካን ዘሕዓል መስዋእቲ ኢድካን ኣብ ውሽጢ ደጌታትካ ኽይትበልዖ ተጠንቀቕ" (ዘዳ 12፣17)ን (ዘዳ 14፣23)፡"ዕሸር ኩሉ ኣሕን ጠሐ በጊዕን፡ዕሸር እቲ ብትሕቲ በትሪ ዝሓልፍ ኩሉን ንእግዚኣብሔር ዝተቐደሰ ይኹን"(ዘሌ 27፣32)። እዚ ብሓፈሻ እቲ ተቀባሊ ግብሪ ፈሪሳዊ ክምዚ ብምባል ኣብ ሓንቲ ሓረግ ኣጠቓኪሕዎ ኣሎ "ካብ ኩሉ ገንዘበይ ከኣ ዕሸር የውጽእ ኣኸኹ" (ኩቃ 18፣12) ወይ ናይ ኣቦታት ኣቦ (ፓትርያረክ) ዝኾነ ኣብርሃም መብጽዓኡ እዚ ይብል "ካብ እትህበኒ ዘበለ ኩሉ ድማ ዕሸር ክህበካ እየ" (ዘፍ 28፣22)።

እቲ ካብ ህዝቢ ዕሸር ዝቕበል ዝነበረ ካህን ክይተረፈ ንእግዚኣብሔር ዕሸር የቕርብ ነይሩ እዩ፡ዝኸዓከ መስዋእቲ ናብ እግዚኣብሔር። እቲ ካብ ዕሸራት ዝመሃብ ዕሸር ከኣ ናብ እግዚኣብሔር ዝኸዓከ መስዋእቲ ተባሂኩ ይጽዋዕ ነበረ (ዘሁ 18፣26-28)።

እቲ ዕሸር ዘይህብ ዝነበረ ሰብ ከኣ ካብ እግዚኣብሔር ከም ዝሰርቐ ይቑጸር ነበረ።

እዚ ብግሁድ ኣብ ትንቢት ሚልክያስ ተባሂኩ ኣሎ፡እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል "ሰብዶ ንኣምካኽ ኪሰርቖ ይኾነኩ እዩ ንስኻትኩም ግና ሰረቕኩምኒ። ብምንታይ ኢና እሞ ዝሰረቕናካ፧ ኽኣ ትብኩ። ብዕሸርን ብመባእን ኢኹም... ኣብ ቤተይ መግቢ ክኸውንሲ፡ዕሸር ዘበለ ኩሉ ናብ ቤት መዝገብ ኣምጽእም፡ሽዑ መሳኹቲ ሰማይ እንተ ዘይከፊተልኩም በረኸት ድማ ብዘይ ልክዕ እንተ ዘየፍሲሰልኩም በዚ ተዓዘቡኒ ይብል እግዚኣብሔር ጐይታ ሰራዊት" (ሚል 3፣8-10)።

እቲ ብመልክዕ ዕሸር ዘይከፈልካዮ ገንዘብ ዓመጻ እዩ።

ምኽንያቱ ነዚ ካብቶም ናይ ሓቂ መንገቱ ካብ እግዚኣብሔር ምስራቕካ ንቤተ ክርስትያንን ንድኻታትን ድማ ዓመጽ እዩ... በዚ ምኽንያት ድማ ጐይታ ይብል "ብገንዘብ ዓመጻ ንርእስኹም ኣዕሩኽ ግበሩ" (ኩቃ 16፣9)። እዚኣቶም እቶም ድኻታት ግን ከኣ ምእንታኹም ዝጽልዩ ኣዕሩኽ እዮም ስለዚ "ኣብቲ ዘይሙዳእ ናይ ዘልኣለም ኣባይቶም መታን ክቕበልኩም እዩ"።

መላ'ሙን ንባዕልኹም ሽጉራት እንትኽይንኩም፡ነታ ካብ ድኻታት ዝነበራ ኩሉ ዝሃበት መበለት ሰበይቲ ዘኪርኩም ሃቡ (ኩቃ 21፣4)። ኣብዚ ገሊኦም ምናልባት ክምዚ ብምባል ይሓቱ ይኾኑ፣

ካብ ዕሸር ንቤተ ሰብና ክንህብ ንኽእል'ዶ፧

እወ ኣብ ሽግር እንተኸሙ ሃቡም። ክምቲ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ዝበሎ "ሓደ እኳ ነቶም ናቱ ምናዳ ግዳ ንስድራ-ቤቱ ዘይሓኪ፡እንተሎ፡እምነት ዝኽሓደ ካብቲ ዘይኣምን'ሙን ዝገደደ እዩ" (1ይጢሞ 5፣8)። ምእንቲ ብሓሳብ ሽዑኣካ ስክ ዝኾነ ወይ ብናይ ደም ዝምድና ዝተገደድካ ክይመስልስ ምሃብ ሃብ ግና ንዕኡም ጥራይስ ኣይኹን። እቲ ዘከካ ንዕኡም ጥራይ እንተ ድኣ ኣካፊልካስ ነቲ ዝግበኡ ምናልባት'ሙን ካብኡም ንካዕኪ ሽጉር ክህኩ ዝኽእል ድኻ ብጽሒቱ ዓጺኻ ኣለኻ ሚለት እዩ...።

ክትህብ እንከለኻ፡ንነብስኻ ካብቲ ፈሪሳዊ ኣካቢ ግብሪ ንካዕኪ ክብ ኣብካ።

ክምቲ ጐይታና ኢየሱስ ዝበሎ፡ንዕኡ ክብሪ ይኾኖ፡"ጽድቅኹም ካብ ጽድቂ ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ኣዝዩ እንተ ዘይበዝሐ፡ናብ መንግስተ ሰማያት ክቶ ኣይትኣትውን ኢኹም" (ማቴ 5፣20)። ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ብዘይ ጥርጥር ዕሸር ይህቡ ኔሮም እዮም። ስለዚ ንስኻ ድማ ካባታቶም ኣብኪድካ ሃብ። ነቲ ንሕጊ ቃል ብቓኩ ዝመስድ ጠበቓ ኣይትምሰል። ምሃብካ ግና ብልብኻን ብፍቕርኻን ፈጽሞ። ብንዋትካስ ነቲ ድኻ ሸከክ ኣይትበሎ። ጐይታ ዝበሎ ቃል ዘክር "ፍጹም ክትከውን እንተደኺስ ኪድ ዘሎካ ሸጥካ ንድኻታት ሃብ፡ኣብ ሰማይ ድማ መዝገብ ክትረክብ ኢኻ" (ማቴ 19፣21) ነዞም ቃላት እዚኦም ክትሰምዕ ከኻኻ ከኣ፡ክምቲ መጀመርያ ምስ ስምዖም እናጉሃየ ዝኸደ ጎበዝ ኣይትርሓቕ...።

እግዚኣብሔር ኣብ ንዋትካስ ዕሸር ጥራይ ኣይኮነን ተኻፋኪ

ካልኦት ብዛዕባ ቦኽራት ካብ ንዋትካ ዝእዘዝ ሕጊ'ሙን ኣሎ፣

ቦኽራት

ብዛዕባ ቦኽራት እቲ ቅኑዕ ኣቤል ዘቕረቦ መስዋእቲ ሰሚዕና ኣለና። ኣቤል "ካብ ቦኹራት ኣባጊዑን ካብ ስቡሓንን ኣምጽአ" (ዘፍ 4፣4)፡እዚ ሚለት ከኣ ካብቲ ዝሙንኖ እቲ ዝበለጸ እዩ። እዚ ድማ ብሓቂ ቅድሚ ሕጊ ብጽሑፍ ምስፋሩ እዩ.. ኣብ ሕጊ ሙሴ ግና እግዚኣብሔር ካብ ኩሉ ዓይነት ዝኾነ ቦኽራት ካብ ሰባት ወይ ካብ እንስሳ ወይ ካብ ፍረታት ኣግራብ በብናቶም ሰርዐ። ብዛዕባ ቦኽሪ እግዚኣብሔር ኣምዚ በለ "ማሕጸን ዝኸፍት ኩሉ ሰቡን እንስሳኡን ንሱ ናተይ እዩ፡ሞ ኩሉ ቦኽሪ ንዓይ ቀድሶ" (ዘጽ 13፣2)። ክሳብ ካብ ቤት ኬዊን ካብ ቤት ኣሮንን ዝትክኡ ድማ ካብቲ ህዝቢ ቦኽሪ ዝተመለደ ዘበለ ንኣገልግሎት እግዚኣብሔር ይመሃብ ነበረ። ብምክልኻቶም ኮነ መንፈሳውነቶም ቦኽሪ ዘበኩ ሚለት እዩ... መለ፡ሙን ቤት ኬዊ ንኣገልግሎት ድሕሪ ምምራጹ፡እቲ ቦኽሪ ዘበለ ናይ መጀመርያ ሙኩድ እግዚኣብሔር ይቕድስ ነበረ። ንዕኡ ድማ ኣብ ቤት መቅደስ መስዋእቲ ይቕርብ ነበረ። በዚ ድማ ብዛዕባ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ኣርብዓ መዓልቲ ድሕሪ ልደቱ ከምዚ ይንገር "ከምቲ ሕጊ ሙሴ መዓልታት ምንጻሆም ምስ መልኣ-ከምቲ ኣብ ሕጊ እግዚኣብሔር ሚሕጸን ወካዲቱ ዝኸፈተ ዘበለ ተባዕታይ ንእግዚኣብሔር እተቕደስ ይበሃል፡ኢኩ እተጸሕፈ፡ከምቲ ኣብ ሕጊ እግዚኣብሔር እተባህለ . . .ኽኣ መስዋእቲ ምእንቲ ክህቡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ከቑምዎ ናብ ኢየሩሳሌም ወሰድዎ" (ኩቃ 2፣22-23)።
ስለዚ ንኣምላኽ ካብ ሙኩዳትና እንታይ ነቕርበሉ፧!

ምሃብ እንኮላይ ካብ ደቅና ኣየጠቃልልን ድዩ፧ እቲ መጀመርታ ዝተመልደ እንተዘይኮነ እንተሙሓደ ገለ ካብቶም ካልኦት ደቂ ከምቲ ኣቦና ኣብርሃም እቲ እንኮ ሙላዱ ንመስዋእቲ ከም ዘቕረበ እኳ እንተዘይኮነ እንተሙሓደ ሓደ ካብ ሙኩድካ እግዚኣብሔር ከም ካህን ድዩ ክደልዮ፡ ከም መነኮስ ድዩ ናይ ስልጣን ኣገልግሎት ድዩ ፡ንዝኾነ ካልእን ዘገልግል...

ቦኽሪ ምሙፋይሲ ካብ ዕሸር ምሃብ ይሕይል።

ምኽንያቱ ከምቲ ቅድስቲ ሃና ነቲ እንኮ ሙላዳ ሳሙኤል ንኣገልግሎት እግዚኣብሔር ዘመፈየቶ ወይ ዮሓንስ መጥመቕ ሓደ ሙኩድ ንዘካርያስን ኤልሳቤጥን ዝነበረ፡እንኮ ትሕዝቶ ናይቲ ሰብ ንሱ ብምኽኑ እዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንባዕሉ ቦኽሪን እንኮን ሙኩድ ቅድስት ድንግል ማርያም እዩ። ብዝተመለደሉ ጊዜ ጥራሕ ዘይኮነ ንምኩእ ሂወቱ ቦኽሪ ሙኩድ ናቱ ዓቢ ቦታን ደስታን ኣለዎ። ንዕኡ ንእግዚኣብሔር ምሙፋይ ከኣ ንእግዚኣብሔር ነቲ መሃቢ ብምቕዳም ኣብ ልዕሊ እቲ ካልእ ብቀዳምነት ምስራዕ ሚለት እዩ።

እቲ ቦኽራት ዝእዝዝ ሕጊ ንቦኽሪ ሙኩድ ካብ ኣመዳት ጥራሕ ዘይኮነ ንኹሉ ካብ ፍርያት እዩ ዝእዝዝ። ስለዚ እግዚኣብሔር ቦኽራት ካብዞም ዝስዕቡ ሓቲቱ፣

ካብ ፍርያት ምድርን ካብ ፍረታት ኣግራብን

እግዚኣብሔር ብዛዕባ እዚ ይብል "ቀዳማይ ቦኽሪ ፍረ ምድርኻ ናብ ቤት እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ኣምጽእ፣" (ዘጽ 23፣19)፡እንደገና ይብል "ዓጺድ ክትዓጽዱ ከለኹም ድማ፡ካብቲ ቀዳማይ ዓጺድኩም ሓንቲ እንዳእቲ ናብ ካህን ኣምጽኡ። ምእንቲ ክትፍተወልኩም ከኣ ነታ እንዳእቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ይውዝውዛ" (ዘሌ 23፣10) ቀጺሉ ከኣ "ካብ መጀመርታ እቲ እተኣትዎ ኩሉ ፍረ ምድሪ ኣብ ከፈር ጌርካ... ናብቲ በተን መዓልታት ዘሎ ካህን ኣቲኻ ከኣ ... ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ኣንብሮ" (ዘዳ 26፣2-10)።

እግዚኣብሔር ንቦኽራት ካብ ኩሉ እንስሳ ኣመልኪቱ እውን ትእዛዙ ሂቡ እዩ።

እግዚኣብሔር ይብል "ሚሕጸን ዝኸፈተ ኹሉ ንእግዚኣብሔር ክትፈሊ ኢኻ። ካብ ዘከካ ሚልካ ቅድም እተመለደ ኹሉ ተባዕታይ ንእግዚኣብሔር እዩ። ኹሉ በኹሪ ኣድጊ ድማ ብበጊዕ ተበጀው" (ዘጸ 13፣12-13) "ሚሕጸን ዝኸፈተ ኹሉ፡ተባዕታይ ዘበለ ቦኽሪ ሚልካ ድማ ብዕራይን በጊዕን ናተይ እዩ። በኹሪ ኣድጊ ግና ብበጊዕ ተበጀው" (ዘጸ 34፣19)።

ከምኡ፡ሙን ቦኽሪ ኩሉ ፍርያትኩም..

ወላ'ውን ቀጨጭኦም ንኽስንክቱ ሐርጭ የዘውትርኩ ኣብ ዝገበሩኩ እዋን ኣብ ትንቢት ሀዝቅኤል ብኽምዚ ይግለጽ፡"ንቤትኩም በረኽት ምእንቲ ኽሒድራስ፡ በኹሪ ሐርጭኩም ንካህን ሃቡ" (ሕዝ 44፣30)።
ስለዚ እግዚኣብሔር ካብ እትውንኖ ዘበለ ቦኽሪ ይመስድ። ኣብ ኩሉ ንእግዚኣብሔር ቅድሚት ትሰርዕ። ካብ ኣእዋምካ፡ካብ ምድርኽ፡ካብ ኣባጊዕካን ከብትኽን፡ቦኽሪ'ውን ካብ ደቅኽን እግዚኣብሔር ብቅድሚት ይመስድ። በዚ ከኣ ጐይታ ንኹሉ ይባርኽ። ወላ'ውን ቤት ኬዋ (ኬዋውያን) ንብኹርነት ድሕሪ ምትክኦም እቶም ህዝቢ መስዋእቲ ብምቅራብ ንበኹሪ መደም ከብጅሙ ይሕተቱ ነበሩ፡ስለዚ እግዚኣብሔር ይብል "ካብ ደቅኽ ድማ በኹሪ ንዘበለ ኹሉ ሰብ ተበጀም" (ዘጸ 13፣13-15)።

ኣብዚ ሕጂ እዋን' ከ ንትእዛዝ በኹራት ብኽመይ ነሚልኦ፧

ኣብዚ ሕጂ እዋን ትሕዝቶ ኩሉ ሰብ ፍርያት ናይ ምድሪ፡በጊዕ መይ ከብቲ ኣይኮነን፣

- ሰራሕ ኣብ ዝጀመርካሉ እዋን እቲ ናይ ፈለማ መሃያኽ፡መሃያ ናይታ ፋልመይቲ መርሕኽ ተመራጺ ይኽሙኑ፡ንእግዚኣብሔር ትህብ።

- ንእግዚኣብሔር ናይ መጀመርታ መሰኽ ደሞዝ ዝረኽብካሉኑ፡ናይ ፋልማይ መሰኽ ቦታ ዝረኽብካሉኑ፡ናይ ፋልማይ ንፍሉይ መጻኢ ኣብ ዝተቐበልካዮ ክፍሊትን (allowance) መይ ፋልማይ ሕላፍ ሰዓት (Over-time) ስራሕካ ካብ ዝረኽብካዮ ሃብ። ንሓኪም እንተመሲድና ካብቲ ናይ ፋልማይ ተሓካማ ዝረኽቦ ክፍሊት መይ ካብ ናይ መጀመርታ ዘካየዶ መጥባሕቲ ዝረኽቦ ኣታዊ ይኽሙን። ንመምህር እቲ ናይ መጀመርታ ናይ ሙልቁ ኣስተምህሮ ዝሃበኩ.... ንኹሉ ካልኣ ሞያታት'ውን ከምኡ።
ንዕሸርን በኹራትን መሲኽካ እግዚኣብሔር ኣብ ካልኣ ንዋትካ ዝማቀኰ ካልኣ'ውን ኣኰ። ንሱ ከኣ፡

መሰልክ እግዚኣብሔር ኣብ መብጽዓ

መብጽዓታት

መብጽዓታት ካብ ዕሸርን በኹራትን ዝተፈልዩ እዮም፡መብጽዓ ኣብ ቅድሚ ኣግዚኣብሔር እትኣትም ቃል እዩ፡መይ ገለ ጽቡቕ ነገር ካብ ኣምካኽ ይልገስልካ ይኽሙን መይ ብገለ መልክዕ ሓገዝ ትደሊ መይ ከኣ ካብ መከራ ትድሕን። ሐደ ካብቶም ብዛዕባ መብጽዓ ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ ዝተባህኩ ኣብ ምዕራፍ 5 ናይ መጽሐፍ መክብብ ብኽምዚ ተጻሒፉ ኣኰ....

መብጽዓ ከየደናነኽን ከይቀየርካን ምፍጻም...

"ንኣምካኽ እንተ ተመባጸዕካ፡ንምፍጻሙ ኣይትደንጉ። ብዓያሹ ባህ ኣይብልክን እዩ እሞ፡ነቲ እተማባጸዕካዮ ፈጽሞ። ተመባጺዕካ ካብ ዘይትፍጽሞስ፡ዘይምምብጻዕ ይሓይሽ" (መክ 5፣4-5)። "ብኣፍካ ኣይትተሃወኽ፡ኣብ ቅድሚ ኣምካኽ ንምዝራብ ልብኽ ኣይተቐልጥፍ... ኣብ ቅድሚ ልኡኽ ኣምካኽ'ውን ገጋ እዩ ኣይትበል። ስለምንታይ'ከ ኣምካኽ ብደሃይካ ዝኹርን፡ንግብሪ ኣእዳውካ ኽኣ ዘጥፍኦን" (መክ 5፣2-6)።

ብዛዕብ መብጽዓ ክንዛረብ ከሎና፡ንገንዘብ ዝምልከት መይ ናይ ሀይወት መብጽዓ ሚዜት እዩ...

ክትፍጽሞ መይ ከተተግብሮ ንዘይትኽእል ነገር ብሃታ ሃታ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ንምምብጻዕ ኣይትተሃወኽ። ንኣብነት ብመንፈሳዊ ስምዒት ተደሪኽካ ብድንግልናኽ ኣይትመባጸዕ፡ድሒርካ ክትመጸ ከም ዘይትኽእል ካብ ምግንዛብ። መብጽዓ ካብ ምእታው፡ንድሌትካ ብመልክዕ ጸሎት ኣቕርቦ። ከምዚ በል "ጐይታ እዚ እቲ ናይ ልበይ ድሌት እዩ። ንዓይ ግሩምን ኪኽሙን ዝኽእልን ኮይኑ እንተ ተራእየካ ንዕኡ ከፈጽም ዚኽእል ሓይሊ ክግሰሰይ። ህይወተይ ከም ፍቓድካ ምርሓያ።"

ካልኣ ንምቅኪት እግዚኣብሔር ኣብ ንብረትካ ዝድህሰስ ነጥቢ ኽኣ

መፈያ

ብምሙፋይ ናብ እግዚኣብሔር ትቐርብ፣

ኣብያተ ክርስትያናት ኣብቲ ናይ "ጸሎተ መላእ (ናይ መፈያታት ጸሎት) " ንኹሉ ዝተከፍለ ሀያባት ይጠቕሳ... እቶም ንቤተ ክርስትያን ዘቢብ፡ዘይቲ፡ዕጣን፡መሸፈን መንበረ ታቦት፡ዝንበቡ መጽሓፍቲ፡ንሞየ ቅዱሳት ዘቅረቡ ብብዙሕ ብሙሉድን ንዝሃቡ እግዚኣብሔር ንዚበላሾ ብዘይበላሾ ክትክኣሎም፡ሰሚያዊ ኣብ ክንዲ ምድራዊ፡ዘይሓልፍ ኣብ ክንዲ ግዚያዊ ክህቦም ጸሎት ትገብር። ቤተ ክርስትያን ነቶም "ክህቡ እናደለዩ ግናኽ ምንም ዘይብሎም" ሙን ትጽኪ እያ፡እዚ ሚለት ነቶም ትምኒት ናይ ምሃብ ዘለዎም እዩ።

ስለዚ ካብቲ ነቶም ዘመፈዩ ዝግበር ጸሎት ፡ሲ ተኸፋሊ ዲኻ፣

ገለ ሰባት ንኣብነት "ንሞባእ" ዝኽሙን ድሩይ ሕሩጭ ክቕርቡ ይፈትሙ። ገለ እታ ቤተ ክርስትያን ዘድልያ ኣቐዲሞም ይሓቱ እሞ ሽዑ የመፍዩ፡ሚለት እቶም ሰባት ዓሰርተታት ዝኣክል ክብሲ መንበረ ታቦት ካብ ዝህብ ነቲ እታ ቤተ ክርስትያን ብቐንዲ ዘድልያ ነገር የቕርቡ። መይ ካልኦት ሰባት ድማ ነታ ቤተ ክርስትያን ዘየድልያ ጥበባዊ ምሙህሃድ ዘይብኩ ስእልታት የቕርቡ።

መጽሐፍ ቅዱስ ካልእ ኣብነታት ብዛዕባ ምንክብኻብ ንድኻታት የቕርበልና፣

ኣብነት መጽሐፍ ቅዱስ ይብል "ዓጺድ ምድርኹም ክትዓጽዱ ከለኹም፡ክሳዕ መሰን ግራትካ ኣይትዕጸድ፡ንቅሪም እቲ ዕጹድካ ሙን ኣይትእረዮ፡ንድኻን ንስደተኛን ደኣ ሕደጎ" (ዘሌ 23፣22)። መጽሐፍ ቅዱስ መሲኹ ይብል "ሽድሽተ ዓመት ምድርኻ ዝራእ፡ፍርያት ከኣ ኣእቱ። በታ ሳብዐይቲ ዓምት ግና፡ድኻ ህዝብኻ ምእንቲ ኪበልዓ ትዕረፍ ሕደጋ እቲ ዝተረፈ ድማ እንስሳ መሮር ይብልዎ። ኣብ ኣትኽልቲ መይንኽን ኣብ ኣሙልዕካን ድማ ከምኡ ግበር" (ዘጽ 23፣10-11)። ነዚ መንፈሳዊ ሕጋጋት ምስ ሕርሻ ኣብ ዘይተሓሓዝ ናብራ ፡ኽ ብኽመይ ነተግብሮ....።

ኣብ መጽሐፍ ቅዱስ፡ንምሃብ ኣመልኪቱ ንኹሉ ዘጣምር ቃል እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል፡"ሓደ እኳ ጥራይ ኢዱ ኣብ ቅድመይ ኣይረአ" (ዘጽ 23፣15) ከምኡ ፡ሙን (ዘጽ 34፣20)።

*



ምዕራፍ 11



ኣገልግሎት

ኣቲ ዕሙት ኩነቱን

ምዕራፍ 11፡ ኣገልግሎት

ኣገዳስነት ኣገልግሎትን ሓፈሻውነቱን

ኣገልግሎት ነቶም ኣብ ዓውዲ ትምህርቲ ዝዓዩ ጥራይ ዝተሓዝአ ኣይኮነን፡ንኹሉ ኣድላይ ኮይኑ ጥቕሙ ከኣ ንኹሉ እዩ። ኣገልግሎት ሓደ ካብቶም መንፈሳውያን መገድታት እዩ ዝሙሰድ። ካብ ኩሎም ኣቶም እሙናት ዓበይቲ ይኹን ንኣሽቱ፡ም፡ርዕዋት ይኹኑ መነኮሳት ዝሕተት ሓፈሻዊ መንፈሳዊ መትከል እዩ።

"እምበኣርከስ እቲ ሰናይ ምግባር ዚፍልጥ እሞ ዘይገብሮ፡ንዕኡ ሓጢኣት ይኾኖ እዩ" (ያዕ 4፣17)።

ሓጢኣት ኣብ ግብርታት ሓደ ሰብ ዘይቅኑዕ ምግባር ጥራይ ዘይኮነ እቲ ሰናይ ዘይምግባር ንባዕኩ ሓጢኣት እዩ ዝቑጸር። ስለዚ እቲ መንፈሳዊ ዝበሃል ሰብ ከም ምስኪ ናይቲ ብ"ሰናይ" ዚግለጽ ኣምካኽ ምኾነ ኩሉ ሳዕ ስለናዩ ዝገብርን ከምቲ ብዛዕባ ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተባህለ ንሱ "እንዳዞረ ጽቡቕ ከምዝገበረ" (ግብ 10፣38) እዩ። ንስኻ'ኺ ንዕኡ'ዶ ትመስሉ፧

መንፈሳዊ ሰብ ንገዛእ ነብሱ ጥራይ ኣይኮነን ዝነብር...

"እቲ ንነብሱ ጥራይ ዝነብር ሰብ ዳርጋ ዘይነበረ እዩ" ዝበሃል ፍኩጥ ኣበሃህላ ኣሎ። ስለዚ ኣብ ኣገልግሎት ንካልኦት ምእንቲ ክትረክብ ካብ ገዛእ ድርዕኻ ክትወጽእ ኣለካ። ኣብ ኩሉቶም ፍቕርኻ ምእንቲ ክትነዝሕ ካብቲ "ኣነ" ዝበሃል ዓንኬል ክትከቕቕ ኣለካ። እግዚኣብሔር ኣብ መገድኻ ንዝኸኣኽም ኩሎም ሰሰናዩ ክትገብር ናይ ህይወት መልእኽትኻ ምኾነ ይፈለጥካ። ካብ ህይወት ኣዚኻ ኣብ ዝተሞከርካኩን ልብኻ ብዝሰፍሓኩ፡ብእኡ መጠን ኣገልግሎትካ'ውን ይዓቢ። ኣብ ቤትካ ኮነ ሰድራ-ቤትካ ወይ ቤተ-ሰብካ፡ጎረባብትኻ፡ኣዕሩኽካን መሳርሕትኻን ክይተሓጽረ ኣገልግሎትካ ናብ ዝሰፍሐ ዝርጋሐ ክበጽሕ እዩ።

ኣገልግሎት ፍረ ነገሩ ኣብ ልቢ ዝተኸዘነ ፍቅሪ ኣምካኽ ንሰባት ትገልጸሉ እዩ..

እዚ ካብ ኩሉ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ንኣምካኽ ብምኩእ ልቡን መንፈሱን ብኹሉ ሓይሉን ዘፍቅር ዝሕተቶ እዩ። ካብ ብሉይ ኪዳን ኣትሒዙ ዝጸንሐ ትእዛዝ እዩ (ዘዳ 6፣5)። ኣብ ሐድሽ ኪዳን'ውን እንደገና ተደጊሙ (ማቴ 22፣37-39)። ፍቅሪ ክልሰ ሓሳባዊ ነገር ጥራይ ኣይኮነን፡ም፡ኽንያቱ ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝብሎ "ብግብርን ብሓቅን እምበር ብቃልን ብልሳንን ኣይንፋቕር"(1ዮሐ 3፣18)። ግብራዊ ፍቅሪ ኣብ ኣገልግሎት እዩ ዝርኣ። ንኣምካኽ ስለ እተፍቅሮ ኣብኡ ንዘለካ ፍቅሪ፡ብዛዕባ መንግስቱ እናመሃርካን ንቤተ ክርስትያን ኮነ ንዓለም ብምግልጋል ኢኻ እትገልጽ። ንሰባት ስለ እተፍቅር ድማ ብኹሉ ዝከኣለካ ነገር ንዕኦም ብዝጠቅም ዘበለ ብምግልጋል ኢኻ እትገልጽ።

እቲ ዘገድስ ነገር እቲ ናይ መስዋእትነትን ምሃብን ባእታ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ህይወት ምህላው እዩ፡ናይ ነፍሲ ወከፍ!!!

በዚ'ውን ኣገልግሎት ናብ መንፈሳዊ ልቦና፡ፍቅሪ፡ምልጋስን መስዋእትን ከም ዘብጽሓካ ትግንዘብ። በዚ ካብ ኣገልግሎታትካ ምኽሳብካ.... ንድኻታት ብምግልጋልካ ገለ ካብኣቶም ካብ ሸግራቶምን ዝተካዕከ ክሕሰውን ክሰርቁ ወይ ክታልኩ ብምፍታን ዘድልዮም ክረኽቡ ክፍትኑ ትዕዘብ ትኽውን። ብእኡም ተሰካኺኻ ኢድካ ኣይትሃብ፡ብቑጥዐ ዝእክል ክኣ ብሕማቕ ክትሕዞም ኣይደናደን... ምናልባት ኣምካኽ ነዞም ሰባት ብምርካብካ ካብኣቶም ዓቕልን ነዊሕ ስቅያትን ኣብ ግብርታትካ ክኣ ጥበብ ክትመሃር ስለ ዝደለየካ ይኽውን እዚ ዝፈቕደ፡ወይ ንዓኣቶም ብመንፈሳውነት ብምግልጋል ካብ ግናይ ባህርያቶም ክተካቕቑም ይኽውን። እናገልገልካ ኽኣ ካብኡ መንፈሳዊ ልቦና ትኽስብ...

ዓይነታት ኣገልግሎት

ብዙሓት ዓይነት ኣገልግሎት እዮም ዘለው፡ገለ ሚሕበራውያን ክኾኑ ክለው፡ገለ ክኣ መንፈሳውያን እዮም።
ብዛዕባ መንፈሳዊ ኣገልግሎት መጽሓፍ ቅዱስ ይብል "እቲ ንሓጥእ ካብ መንገዱ ገጋኡ ዚምልሶ፡ንነፍሱ ኽብ ሞት ክም ዘድሕን፡ብዝሒ ሓጢኣት'ውን ክም ዚኽድን ይፍለጥ" (ያዕ 5፣20)። ቀጺሉ "ንርእስኽን ንትምህርትኽን ተጠንቀቕ፡እዚ እንተገርካስ፡ንርእስኽን ነቶም ዝሰምዑኽን ክተድሕን ኢኻ" (1ዮ፡ጢሞ

4፣16) ይብል። ስለዚ እቲ ንድሕነት ነፍሲ ዘገድስ ኣገልግሎት እዩ። ከመይ ክቡር እዩ!! መጽሐፍ ቅዱስ መሲኹ ይብል "... ነቲ መደያምደያምታ እምነትኩም፡ንሱ ድማ ምድሓን ነፍሳትኩም" (1ይጴጥ 1፣9)።

ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብምዕራግ ነገሩ ዚኣክል ኣምካክ ከም መዐቀኒ ንመዓልቲ ፍርዲ ኣንቢርም ኣሎ።

ነቶም ብየማኑ ዝቆሙ ከምዚ ይብሎም፡" ጠምየ ነበርኩ'ሞ ኣብካዕኩምኒ። ጸሚእ ኣስቴኹምኒ። ገይሽ ተቐበልክኩኒ። ዓሪቐ ከደንኩምኒ። . . .(ማቴ 25፡35-40) ቀጺሉ ነዚ ነገር ክብርህ እንከሎ " .እቲ ካብዞም ንኣሽቱ ኣሕዋተይ ንሓደ ዝገበርኩምሉ ንዓይ ከም ዝገበርኩምክይ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።" ንኩሉ ካባን ዝደልዩ ሰባት ከም ክርስቶስ ገርካ ምቑጻር ማለት እዩ።

መጽሐፍ ቅዱስ ቀጺሉ'ሙን " ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣቦን ንጹህን ርኽሰት ዘይብሉን ኣምልኾ እዚ እዩ ርእስኺ ካብ ርኽሰት ዓለም እናሓሎኺ ንዘኽታማትን መበለታትን ኣብ መከራኦምን ጸበባኦምን ምብጻሕ እዩ።" (ያዕ 1፡27)

ገለ መዳያት ኣገልግሎት ንመካእ ሕብረተ ሰብ ኣጠቃሊሎም ክሳብ ዓለምለኻዊ ደረጃታት ዝበጽሑ ከም ዘለዉ'ሙን ርኢና ኣሎና።

ኣህጉራዊያን ሙድባት ከም ቀይሕ-መስቀል፡ ሚሕበር ኣምቡላንስ፡ ኣህጉራዊያን ሙድባት ረድኤትን ንዕኦም ዝመስሉን ነቶም ሓገዛት ዘድልዮም ሰባት ኣብ ዝሃለሙ ይሃልሙ፡ ኣብ ባህርያዊ ሓደጋታት ከም ዕልቅልቅ ብኩናት ዝመጸ ሳዕቤናት፡ ደርቂ፡ ዘጋጠመን ሃገራት ሓገዛት የቅርቡ። ካብ ርሑቕ ሃገራት ዋላ'ሙን ዝኾነ ዝምድና ዘይጸነሐን ዘይፋልጦም ሃገራት ሙን ከይተረፈ ሓገዛት ይመጽኡ። ናብቶም ሓገዝ ዘድልዮም መገናት ብቕልጡፍ ሓገዛት ምቕራብ ሰብኣዊ ስምዒትን ፍቅሪን ዘንቀሎ እዩ።

እዘን ዓለማዉያን ኣህጉራዊያን ሙድባት ነዚ ሰብኣዊ ሓገዛት ክገብራ ምስ ቤተ-ክርስትያን ዝኾነ ርክብ የብሎንን። ስለዚ ናይ ሓገዝ ኣገልግሎት ምግባር ንዓና ክሳብ ክንደይ ልክዕ እዩ፧

ንስኺ ነቲ ሓሙኺ ዝኾነ ወዲ ሰብ ገለ ነገር ክትገብረሉ ተደሊኺ ኣሎኺ። እግዚኣብሄር ብዛዕባ እቲ ነቲ ኣብ መንገዲ ወዲቁ ዝረኸቦ'ሞ ሸሕ'ኻ ኣብ መንጎ ዓሌቶም ጽቡቕ ዝምድና ኣይሃሉ ግን ዝሓዘዎ ሕያዋይ ሳምራዊ ኣብነት ሂቡና እዩ። (ሉቃ 10፡30-37) እዚ መርኣያ ናይታ ኣድልዎ ዘይብላ ፍቅሪ እዩ።

ዝኾነ ሰብ ንነብሱ " ኣነ ንኣገልግሎት ኣይተጸዋዕኩን!" ክይብል። ኣይፋልኩምን ! ንስኺ ከተፍቅርን ብ ኣገልግሎት ክኣ ፍቅርኺ ክትገልጽ ተጸዊዕካ ኢኺ። ኣብ ኣገልግሎት ትምህርቲ ንስኺ ኢኺ ብቤተ-ክርስትያን ትከኣኺ (ሮሜ 10.15) ምኽንያቱ ኩሉ ሰብ ንምምሃርን ሰብከትን . . ዝሰማማዕ ኣይኮነን።

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ቤቲ ካብ እግዚኣብሄር ዝተዋህቦ ጸጋ ከገልግሉሉ ዝኽእል ብዙሕ ዓይነት ኣገልግሎታት ኣሎ።

ዝኾነ ሰብ ዝኾነ ከገልግሉሉ ዝኽእል ክእለት ካብ እግዚኣብሄር ከምዚይተዋህቦ ክዛረብ ኣይክእልን እዩ። ዝኾነ ነገረ ግድን ክገብር ኣለዎ። . .እቲ ኣገልጋሊ ሰብ ሚለተይ እቲ ናይ ኣገልግሎት መንፈስ ዘለዎ ኣብ ኩሉ ዓይነት ዓውድታት ከገልግል ኢኺ ትረኽቦ፡ ኣብ ቤት፡ ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ፡ ኣብ ቤተ-ክርስትያን፡ ኣብ መንገዲ. . .ምስ ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝኾነ ቦታ። ንሱ መሃቢ ኢዩ ከምኡ'ሙን ዝኾነ ንዕኡ ዝረኽበ ካብ ሙህበታቱ ገለ ነገር ይመስድ።

እስኪ ንነብስኺ ሕተታ፡ ኣብ ህይወተይ እቲ ካልኦት ካባይ ዝመስድዎ እንታይ እዩ፧

ንመዓርጋት ክትቅባእ ክትጽዋዕ የድልየካ'ዩ። ነቲ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ግን ፍቅሪን ንካልኦት ናይ ምግልጋል ልባዊ ድሌትን ጥራይ'ዩ ዘድሊ። እዚ ንባዕኡ ሙን ካብ ልቢ ዝብገስ ጸሙዒት እዩ። ሓደ ጊዜ ይዝክረኒ ሓደ ክኢላ መብጣሕቲ ሓኪም (Surgeon) ንካልኦት እንታይ ክገብር ይኽእል ኢኡ ኣብ ዝሓተተኒ፡ ኣነ ክኣ "ካብ ትገብሮ መብጣሕቲታት (Operations)ትመሃቦ ገንዘብ ሓደ ዕስሪት (ዕሸር) ንድኺታትን ንዝሰኣኑን ሃብ'ሞ እግዚኣብሄር ኣብ ተሞኩሮኺን ስራሕካን ክካፈለካ እዩ፡ከምኡ ንድኺታት ክፍሊት ብምጉዳል ዘሎካ ፍቅሪ ክትገልጽ ትኽእል ኢኺ።" በልክዎ።

መንፈሳዊ ረብሓታት ኣገሓግሎት

ኣገሓግሎት መንፈሳውነት ናይ ሓደ ኣገሓጋኪ የሐይል። ከምኡ ውን መንፈሳውነት ናይ ሓደ ኣገሓጋኪ ነቲ ኣገሓግሎት የሐይሎ። ብመንገዲ ኣገሓግሎት ትህብን ትመሃብን።

ስለዚ ኣገሓግሎት ከም ሓደ መንፈሳዊ መንገዲ ይውሰድ። ነቶም ተገሓግሎም ካብ ክብኻ ፍቅሪ ኣብ ትህበኩ ጊዜ ክብኻ በቲ ኣገሓግሎት ይዓግብ። ሓደ ንዘኽታማት፡ ንዝሓመሙ፡ ንስንኩላት፡ ንድኻታት ብሓፈሻ ንኩሉ ሓገዝ ዘድልዮ ዘገሓግሕ ሰብ ክቡ ንመንፈሱ ክብ ብዘብኽ ዓሚቑ ስምዒት ይህብትም። ከንቱ ዝኾነ ዓለማዊ ስምዒታት ዘየድልይም ይኾኑ። እቲ ብትዕዘቦም ቃንዛን መከራ ናብራን ዝሀነጽ ስምዒት ካብቲ ኣብ መዘናግዒ ቦታታት ዳንኪራ ዓለምን ዝርከብ ስምዒት ኣዝዩ ይሕይል። ስለዚ ኣብ ኣገሓግሎት ካብቲ ትህቦ ዝያዳ እቲ ትመስዶ ይዓዝዝ። ዋላ`ሙን እታ ንሰብ ሕጉስ ብምኻኑ ትስመዓካ ንእሽቶይ ስምዒት፡ ወይ ኣብ ሽግራት ብምፍታሕ ክብኻ ዋሕዚ ዓሞቅቲ ስምዒታት ክኸውን እዩ።

ትምህርቲ ዘየድልዮ ካልእ ኣገሓግሎት' ሙን ኣሎ

ሓደ ወዲ ኣርብዓን ሓሙሽተን ዓመት ኣቢሉ ዝኸሙን ኣብ ትምህርቲ ሰንበት ዝተካኸኽም መሳርሕቲ ነይሩ። ዝምህሮ ክፍልታት እኳ እንተዘይነበሮ ኣብ ኣገሓግሎቱ ግና ናብቶም ዝተሸገሩ ሰባት ብምብጻሕ ንሽግራቶም ቅድሚ ምትሕልኻኽም ገለ እዋን' ሙን ዝተሓካኸኹ ሽጋራቶም ኣብ ምፍታሕ ይጽመድ ነበረ። ካብ ኣገሓግሎቱ ከኣ ዓቢ ደስታ ይረክብ ነይሩ። ኣብ ኩሉ እቲ ኣምካኽ ብመገዱ ዝፈትሐ ዝነበረ ሽግራት ኢድ እግዚኣብሔር ይግንዘብ ነበረ። ንዕዮታት ኣምካኽ ከኣ ብዘደስት መንፈሳዊ መግዒ የዘንትወልና ነበረ.....።

ኣገሓግሎት መንፈሳዊ ተመኩሮታት ብምሃብ ንህይወትካ ይጠቅም።

ኣብ ኣገሓግሎት እግዚኣብሔር ተጸሚድካ ምዕያይካ ንዓኻ ዓቢ ክብሪ እዩ። ከምቲ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ ገዛእ ነብሱን እቶም ሓዋርያት ብጾቱን ኣመልኪቱ "ንሕና መተዓይይቲ ኣምካኽ ኢና" (1ይ ቆሮ 3፣9) ዝበሎ እዩ። ኣብ ዕዮኻ ምስ ኣምካኽ ኢኻ ትሰርሕ፡ኣምካኽ ከኣ ምሳኻ፡ኣባኻ ይዓይ፡ብኣኻ ኣቢሉ ድማ ይዓይ። ኣብ ኩሉ እዚ ካብ ዕዮኡ ትእምርቲ ትግንዘብ፡ኢድ እግዚኣብሔር ክትዳንን ዝተሓካኽኻ ጉዳያት ክትፈትሕን ትዕዘብ ወይ ዝተረገጡ መዓጹ ክርሕወልካን ወይ መፍትሒታት ክቕርበልካን ብምዕዛብ ንእግዚኣብሔር ኣብ ኩሉ ዕዮታቱ ክተወድሶ ኢኻ። እቶም ኣብዚ ኣገሓግሎታት ዘይሳተፉ ግና ንገዛእ ነብሶም እዚ ኩሉ ተመኩሮታት እግዚኣብሔር ድማ ከም መዓይይቲ ኣገሓግሎቶም ካብ ምኾን ይነፍግዎ።

ኣገሓግሎትካ እንኪሳይ ንጸሎትካ ቤት ትምህርቲ ብምኾን ይጠቕመካ።

ኣገሓግሎትካ እናዛየደ ምስ ኪደ፡ብኡ መጠን መንፈሳዊ ረድኤት ዘድልዮም ነገራት ይገጥሙኻ፤
ስለዚ ንነብስኻ ንዐኣም ተኪማምድ። ኣብ ጸሎትካ ድማ እግዚኣብሔር ንዕዮኻ ክባርኽን ኣብ ዕዮኻ ክኣቱን ንበይንኻ ክይሓድገካን ትልምን። ኣገሓግሎትካ መንፈሳዊ ድኣ እምበር ሓደ ንጥፈት ወይ ተደጋጋሚ ኣሰራርሓ ወይ ማሕበራዊ ዕዮ ጥራይ ኮይኑ ክይተርፍ ትጽኪ። ምስቲ እተገሓግሎ ዘለኻ ሰብ ብምኾን በዚ ኽኣ ኣብ ናይ ጸሎት ዕዮ ንነብስኻ ተኪማምድ።

ኣገሓግሎት ብሓፈሻ ንሓደ ሰብ ናብ ሓደ መንፈሳዊ ሃዋህው ክብ የብሎ።

ሓደ ሰብ ንገዛእ ነብሱ ኣብ መንፈሳዊ ሃዋህው ምስ መንፈሳዊ መትከላትን ክብርታትን ዝግዝኡ መንፈሳውያን ሰባት ክረኽባ ክሎ ካብ ኣገሓግሎት ዝረኽቦ መንፈሳዊ ጥቅሚ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብ ኣገሓግሎቱ ሓደ ሰብ ንነብሱ ኣብ ኣኼባታትን ኣብ ሓፋሽን ይረኽባ። ንነብሱ እንደገና ንቶም ዘገሓግሎም ሰባት ኣርኣያ ብምኾን ካልእ ይትረፍ' ሙን ዓንቃፊ እምኒ ንኽይከውን ንፍኩይ መንፈሳዊ ህይወት ተገዚኣ ይረኽባ። መጽሓፍ ቅዱስ ዝብሎ ከኣ ይደግም፡

"ንሳቶም ብሓቂ ምእንቲ ክቕደሱ፡ኣነ ርእሰይ ስኢኦም እቕድስ ኣለኹ" (ዮሓ 17፣19)።

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነዛ ሓረግ እዚኣ ብፍኩይ ትርጉም ይዛረባ፡ንሕና ኽኣ ነቶም እነገሓግሎም ሰባት ብኹሉ ግብርታትና ኣብነት ምእንቲ ክንከውን ህይወትና ድማ ኣብቲ ኣገሓግሎት ምእንቲ ክቕደስ ብሚከት ነዛ ሓረግ ይደግማ።

ኣብ ጸኲትኩም ንእግዚኣብሔር ከምዚ ኢልኩም ትልምኑ ትኾኑ፡"ኦ ጐይታ፡እዞም ሰባት ኩሉ ምእንትኦም ክብል ንዓይ ኩሉ ጊዜ ምሳኽ ክራኸብ ይደልዩኒ እዮም። እዚ ዝምድና እዚ ምሳኽ ክሕልወኒ ፍቓድካ ይኹን... ሓልዮትካ ሃብኒ፡ከምኡ'ሙን ንዐኦም፡ንዓይ ሓልወኒ ንዕኦም'ሙን ሓልዎም፡ንዓይ ድማ ብመገዱ ናባኻ ዝበጽሕኩ ኣብ ሙሻጠ ልበይ ጌረ ናባኻ ክቕርቦም መታን ግሩም ድንድል ግበረኒ..."

በዚ መንገዲ እዚ ኣገልግሎትካ ምስ እግዚኣብሔር ፍኩይ ዝምድና ከምዝኽፈተልካ ክትግንዘብ ኢኻ፡እዚ ዝምድና እዚ ኽእ ኣብ ኣገልግሎትካ ግድነት ክኽሙን እዩ። ቀስ ብቐስ፡እቲ ኣገልግሎት ሙን ምስ እግዚኣብሔር ዘራኽበካ ግድነታዊ መንገዲ ክኽሙን እዩ። ስለዚ እዚ ክብል ይኽእል።

ዝበዝሑ ካብቶም ኣገልግሎቶም ዝሓድጉ ሰባት ኣይሙዑያት ኣይዝሑካት (ልቡጣት) እዮም ዝኾኑ።

ነቲ ኣብ ኣገልግሎቶም ዝጥቀምኩ ዝነበሩ መቐት ይስእንም፡ጸኲት የኽን፡ዕምቆት ወይ ምሙፋይ ኣብ ዕዮኦም የኽን.... እንኮላይ እቲ ዝነበርም ሙዕሙዕ ቅዱስ ስምዒት ኮነ ንዕዮኦም ዘሰኒ ሚሕበራዊ ጭሙነት ይስእንም። እቲ ኣገልግሎት'ሙን ኩሉ ጊዜ መጽሓፍ ቅዱስ ንምንባብ ዕድል ይኽፍት፡መንፈሳዊ ፍልጠት ብሓፈሽኡ ምስ ናይ ኩሉ ንዕኡ ዘሰኒ ከም ኣስተንትኖ ወይ ዝርዝር ርእይቶታት (ሓተታ) ብፍላይ ነቶም መንፈሳሙን ትምህርታሙን ኣገልግሎታት ብምሃብ ዝንዩ ይህቦም።

በዚ ክኣ ዕቤት ናይ መንፈሳዊ ፍልጠትን ምናልባት'ሙን ሃይማኖታዊ ፍልጠት ብብዙሕ መልክዑን ካብቶም ጥቕምታት ናይ ኣገልግሎት ይኾኑ።

እዚ ፍልጠት እዚ ካብ ብዙሕ ምንጭታት እን ከም ምንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ይኹን ህይወት ቅዱሳን ወይ መንፈሳዊ መጽሓፍቲ ይርከብ። ኣብ ኣገልግሎት ዘተኩሩ ሃይማኖታዊ ኣኼባታት ካብ ምስታፍ'ሙን ይርከቡ... ኣብ ቅዳሴ ካብ እትሰምዮም ምዕራፋት እንኮላይ ሙን ካብ ስብከታት ሙን ትቕስሞም።

እዚ ፍልጠት እዚ ንናይ ሓደ ሰብ ግብራሙን መንፈሳሙን ልምምድ የበርክት። እቲ ኣገልግሎት ምስ ዝሓድጎ ድማ ነዞም ኩሎም በረኽትታት ይገድፎም....

የግዳስ ሓደ ሰብ ካልኣ ዓይነት ፍልጠት'ሙን ክረክብ ይኽእል እዩ።

ናይ ሰባት ጸገም እናተረድኣን ብዛዕባ ባህርያት ሰባትን ስምዒታቱን ኣዳቒቑ የጽንዕ፡ብዛዕባ ናይ ሰይጣን ሙግኣትን ፈተነታትን ድማ ይፈልጥ።

ግብራሙያን መፍትሒታት የጽንዕ ብፍላይ ኣገልግሎቱ ንሙሽጣሙን ግዳማሙን ሽግር ደቂ ሰባት ዘተኩሩ ምስ ዝኾኑ።

ነዚ ክኣኪ ምስ ዘይክእል እንተመሓደ መንፈሳሙያን መራሕቲ ኮኑ ካህናት ኣብዞም ጉዳያት ዝተዋስኣም ኣስተዋጽኦታትን ብኽመይ ከም ዝፈትሑዎምን ክምልከት እዩ። ተመኩሮኡ ኣብ ህይወት ክኣ ብኡ መጠን ይዛይድ።

ዘይርኢ ኣገልግሎት

ገለ ሙን ከም ኣገልገልቲ እንዳኣገልገሉ፡መሳለጥያታት ኣገልግሎት ሙን ዝቕርቡ ኣለሙ።

ብዙሓት ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝስዕባ ዝነበራ ኣንስቲ ኔረን እየን፡"ብገንዘበን ዘገልግለኡ ካልኦት ብዙሓት ኣንስቲ ሙን ነበራ" (ኩቃ 8፣3)። ናይ መጀመርታ ቤተ ክርስትያን ዝቕመትሉ፡ሚርያም ኣደ ማርቆስ እቲ ወዲ መዝሙር ንገዝኣ ናይ ፈለማ ቤተ ክርስትያን ብምኻንኣ ኣመንቲ ተራኺቦም ክጽልዩካን ምእንቲ ቤታ ሓደገት። ሓዋርያት ቅዱስ ጳውሎስ'ሙን ብዛዕባ ጵርስኪካን ኣኪላስን ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡"ነታ ኣብ ቤቶም ዘካ ሚሕበር እሙን ሰላም በሉ" (ሮሜ 16፣5)፡ካልኣ'ሙን ኣብ ቤት ኒምፋስ ዝነበረት ቤተ ክርስትያን (ቆካ 4፣15)። ታሪኽ'ሙን በቶም ክልተ ኣዝዮም ዝተፈልጡ ገበርቲ ሰናያት ኢብራሂም ኤል ጎሃሪን ሓሙ ገርጊስን ንቤተ ክርስትያናትን ኣድባራትን ዝተፈጸሙ ሓያለ ኣገልግሎታት ይገልጸልና።...

ገለ ሰባት ክኣ ነተን ዓድታት ኣየገልግሉመንን ይኾኑ፡ነቶም ኣገልገልቲ ናብተን ዓድታት ንምሙሳድ ግና መጎዓዝያ ይልግሱ።

ወይ ንጥቅሚ ኣገልግሎት ዝሙዕክ ቦታ የዳልው፡መጽሓፍ ቅዱስ፡መንገልክ ፡መጽሓፍ ሽሙዓተ ሰዓታት ጸሎት፡ስእኪ ኣድህኖ፡ሽልሚት ወይ ሙን ዝኾነ እቲ ካህን ዝዕድሎ ካብ መስቀልን ስእኪ ቅዱሳንን ወይ ኣብ ምምሕደራዊ ዕዮ ናይ ኣኼባታት ናይ ዝተሳተፉ ኣባላት ስም ምጽሓፍ፡ዳሕራይ ምእንቲ ክብጽሑ'ሙን ኣስማት ናይቶም ዝበኾሩ የቕርቡ። ካልእ ቀኪል ዝመስል ግን ከኣ ኣድካይን ጠቕምን ኣገልግሎት ይህቡ።

ኣኼባታቶም ኣብ ፍረ መታን ክበጽሕ፡ንሽግርን ኣፈታትሕኦምን ብጸሎት ዘገልግሉ እሙን ኣለዉ።

እቲ ብስቱር ዘብጽሕዎ ጸሎት ልዕኪ እቲ ብዓሙታ ዝግበር ጸሎት ዝያዳ ጠቕሚ ይኸሙን። ሓመየ እቲ ኣገዳሲ ነገር ግን ምግልጋል እዩ...

ኩነታት ዕሙት ኣገልግሎት

ንሳቶም ኣብ ኣገልግሎት እዮም ጠፊኦም

ነፍሲ ወከፍ ኣገልግሎት መንፈሳዊ መንገዲ ሚለት ኣይኮነን። ኣብ ዓሙዲ ኣገልግሎት ዝጠፍኡን ዝመደቑንዝተጸበዮምን ኣለዉ...

ንኣብነት እቲ ምምካስ ጠፊኡ ዝነበረ ንእሽቶ ሓሙ ዘየሐጎሶ ዓቢ ሙኩድ፡ናብ ቤት ክኣቱ ምስ ኣበየ መካዲኡ እሙን ክልምኖ ምስ መጽአ ንመካዲኡ ክምዚ ብምባል እዩ ዝመስሰ፡"እንሆ ክንድዚ ዓመታት ተገዛእኩኺ ካብ ትእዛዝካ'ሙን ከኖ ኣይሐከፍኩኑ፡ንዓይሲ ምስ ኣዕሩኽተይ ዝሕጎሰኩ ሚሕስእ እኳ ኣይሃብካንን" (ኩቃ 15፣28-30)።

ንብዙሕ ዓመታት ብኣገልግሎት እኳ እንተተገዝእ ድኴታቱ ካብ ናይ መካዲኡ ድኴት ዝተፈልዩ፡ልቡ'ሙን ኣብ ገዛእ ሓሙ ንጽሀቲ ኣይነበረትን።

ንመካእክቲ ናይተን ሽሙዓተ ቤተ ክርስትያናት ዝተባህለ እሙን ካልእ ኣብነት እዩ።

መካ እሙን ነተን ኣብያተ ክርስትያናት ዝጎሰዩ እንተነበሩ፡እግዚኣብሔር ንሓደ ካብኣቶም ከምዚ ይብሎ፡"ከምዚ ልብዋ ዝበልካ ብምኽንካ ኣይ ሙዑይ ኣይ ዝሑል ኢኾ እሞ፡ካብ ኣፈይ ጡፍ ክብለካ እየ" (ራእ 3፣16)። ነቲ ሳልሳይ ከኣ እግዚኣብሔር ይብሎ፡"ግናኸ ነታ ቀዳመይቲ ፍቕርካ ሓዲግካያ ኢኾ እሞ እዚ ረኺበልካ ኣለኹ። እምበኣርሲ ካበይ ከም ዝወደቕካ ዘክር እሞ ተነሳሕ" (ራእ 2፣4-5)።

ካልኦት ንሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ካብ ዚሕግዙ እሙን ጠቕላላ ዝጠፍኡ ኣለዉ።

ብሳዕባ እዚኦም ከምዚ ይብል፡"ከምቲ ብሳዕብኦም ብዙሕ ሳዕ ዝበልኩኹዎም ሕጂ'ሙን እናበኸኩ ይብል ኣለኹ፡ብዙሓትሲ ጸላእቲ መስቀል ክርስቶስ ኮይኖም ይመላለሱ እዮም። መመዳእታኦም ጥፍኣት እዩ። ኣምላኾኦም ክብዶም እዩ፡ክብረቶም እሙን ኣብ ነውሮም እዩ፡ሓሳቦም ከኣ ናይ ምድሪ እዩ" (ፊልጵ 3፣18-19)። ምናልባት ሓደ ካብዚኣቶም እቲ ንሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ዝሓደገ ደማስ ክኸሙን ይኸእል። "ነዛ ዓለም እዚኣ ፈትዩዋ እዩ" (2ይጢሞ 4፣10)። ኩሎም እዚኣቶም ጠፍኡ፡ገኢኦም ድማ ወደቐ እሞ ተጣዕሱ።

ንጥፍኣቶም ጠንቂ ዝኾነ እቲ ኣገልግሎቶም ዘይኮነስ ኣብ ዓሙደ ኣገልግሎቶም መንፈሳሙንት ስለ ዘጥፍኡ እዮም። ስለዚ ወደቐ ገኢኦም ከኣ ንሓዋሩ ጠፍኡ...

ስለዚ እቶም ንመንፈሳዊ ኣገልግሎት ዘድልዩ ኩነት ኣየኖት እዮም፣

ፍቕሪ

ንኣምላኽ ተፍቕር፡ንመንግስቱ ተፍቕር፡ንሰባት'ሙን ተፍቕር

ፍቕሪ ፍቕሪ እዩ ዝዕድም። ኣገልግሎትካ ብቕጠዐን ምስልካይን ምስ ዝኾሙን ወይ ንክትህብን ከተገልግልን ከም ሓደ ግዴታ ብዘይ ዝኾነ ደስታ እንተመሲድካዮ ብመንፈሳሙንት ትረብሕ'ዶ ይመስለካ፧!

ሐደ ሐደ ጊዜ ገከ ሰባት ኣገሓግሎቶም ብዘይ ዝኾነ ልክዕ ሸቶ ክጅምርዎ ይኽእሉ። እንተኾነ ድሒሮም ንድኼታት ናይቶም ዘገሓገሐዎም ዘለው ሰባት ምስ ተገንዘቡ ልቦም ብሕያውነትን ድንጋጸን ይትንክፍ እሞ ብፈቃር ልቢ ድማ የገሓግሐዎም። እዚ ፍቅሪ ውጽኢት ኣገሓግሎቶም እዩ። ፍቅሪ ኣብ ኣገሓግሎቶም ስለ ዝተሓዋወሰ ብስምዒት ክገሓግሉ ይምህሮም።

ገከ ንድኺታት የገሓግሉ እሞ፡ካብ ሽግሮም ዝተካዕከ ክሕስሙን ክቑጥፉን ይረኽብዎም። እዞም ሰባት ኣብ ምሕጽንታኦም ብድኹም ትእዛዝን ዓሙ ዝበለ ድምጽን ይምሕጸኑ ይኾኑ... ኣማሰይኡ እቶም ኣገሓገሑቲ ብኣእቶም ይሰካቸው። ከኣብ ከኣጉጉዎምን ብጭካነ ክሕዝዎምን ይኽእሉ...።

እቲ ፈቃር ልቢ ግን ንጸበብኦም ይጸውር።

ምኽንያቱ ፍቅሪ ንኹሉ እያ ትጸውር (1ይ ቆሮ 13፣7)።

ስለዚ ኣብ ኣገሓግሎትካ ድኺም እንተተሰሚዑካ ምስቶም ናዕቢ ዘካዕኩ'ሙን ክትሓርቕን ዓቕኪ ተጽብብን እንተኾንካ ኣብ ሙሽጥኽ ጽገና ዘድልዮ ገከ ነገር ክምዘሎ ክትርዳእ ይግባእ፡በዚ'ሙን ኣገሓግሎትካ ገከ ምትዕርራይ ዝግበኦ ኢንታ ኣብ ሙሽጥኽ ክም ዘሎ ቀኪዑልካ ኣሎ።

እቲ ጌጋ ካብ ኣገሓግሎት እዩ ኣይትበል፡ኣባኽ እዩ ዘሎ።

ንነብስኽ ዓቃል፡ጸዋር ብምኽ፣ን ከኣብ ክንደይ ይበድኩ እሙን ብዘየገድስ ንካልኦት ጌጋኦም ክጸውር ኣለኒ በል። ብተጸዋርነተይ ከኣ ዝኽተልዎ ኣብነት ክኾኖም እየ።

ወይ'ሙን ክምዚ ትብል፡ኣገሓግሎተይ ድኺታት ሰባት ገንዘብ ጥራይ ዘይኮነ ዘድልዮም ናብ ንስሓን ዘምርሐም ምፍካጥ ኣምካኽን ብእሩም ጠባይ ክዋስኡ ዘድልዮም መንፈሳዊ ዕዮን ክም ዘድልዮን ቀኪዑልይ ኣሎ በል። በዚ ከኣ ምስኣቶም መንፈሳዊ ኣገሓግሎት ምስ እትጅምር ካባኽ ብነገራሙን መንፈሳሙን ነገር ክጥቀሙ እዮም።

ምስቶም መታዕብይቲ ዝኾኑ ተመሃሮን ኣብ ኣኼባ ስርዓቶም ዘይሕዙን ሙን ክምኡ ግበር።

ምእንቲዚ መንፈሳዊ ኣገሓግሎት ትዕግስቲ ይሓትት፣

ትዕግስቲ

ነፍሲ ወከፍ ኣገሓግሎቱ ነናቱ ጸገም ኣለዎ፡ክምቲ ሐዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ዝበሎ ኸኣ ነፍሲ ወከፍ ኣገሓጋሒ ከኣ ከክም ጸዕሩ ዓስቡ ኪቕበል እዩ (1ይ ቆሮ 3፣8)። ሐዋርያት ኣቦታትና ኣብ ኣገሓግሎቶም ብዙሕ እዮም ትጪቦም። ሐዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ ኣገሓግሎቱን ብዛዕባ እቶም ምስኡ ዝዓየዩን ክምዚ ይብል፡"ብኹሉ ክም ኣገሓገሑቲ ኣምካኽ ርእስና ነርኢ ኣሎና እምበር ብብዙሕ ትዕግስቲ፡ ብመከራ፡ ብጸበባ፡ ብመውቃዕቲ፡ ብማእሰርቲ፡ ብጋሮ፡ ብጻዕሪ፡ ብምንቃሕ፡ ብጾም፡ ብንጽህና፡ ብፍልጠት፡ ብዓቕኪ፡ ብከሙሃት፡ ብቅዱስ መንፈስ፡ ተጉካባ ብዘይብላ ፍቅሪ፡ ብቃል ሐቂ፡ ብስልጣን ኣምካኽ፡ በጽዋር ጽድቂ፡ብየማነ ጸጋም ብኽብርን ብሕስራንን፡ ብኽፉእ መረን ጽቡቕ መረን፡ ከም መስሓትቲ፡ ግናኽ ሰብ ሐቂ ኢና...." (2ይ ቆረ 6፣4-8)።

ብምቕጻል ከኣ ይብል፡"ብኹሉ መገን ንጽቀጥ ግናኽ ኣይጸበበናን፡እንገብሮ ይጠፍኣና ግናኽ ተስፋ ኣይነቀብጽን ኢና፡ንስጎግ ድርቡያት ግና ኣይኮንናን። ይደፍኡና ግናኽ ኣይነጠፍእን ኢና" (2ይ ቆረ 8፣9)። እዚ ሐዋርያ እዚ ብዙሕ ጸበባ እዩ ተዓጊሱ፡"ብሕፍፊ ብምጽዓር..." ግናኽ ንኹሉ ብምዕጋስ፡ብትዕግስቱ ዝኣክል ከኣ ዓቢይ ዘሙዲ ደፊኡ።

ንሐዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ክንምልከት ከለና ንካልኦት ብዙሓት ኣብ ቅዱስ መጽሐፍ ዘለው ኣብነታት'ሙን ንምልከት ኣለና ማለት እዩ።

ከም ኣብነት ንቅዱስ ዮሓንስ እቲ መንፈሳዊ ኣብታ መጽሐፍ ራእይ ዝጸሓፈላ ናይ ፍጥሞ ስደቱ ዘሕከፎ ናይ ስቅያት ትዕግስቲ፡"ኣነ ዮሓንስ ሐሙኹምን ኣብ ኢየሱስ ዘሎ ጸበባን መንግስትን መማኽሕትኹምን" (ራእ 1፣9) ክንምልከት ንኽእል ወይ ነቲ ናብ ላፍ ኣናብስ ዝተደርበየ ነብዩ ዳንኤል (ዳን 6)ን ነቶም ሰለስተ ናብ ጉሁር እቶን ሐዊ ዝተደርበዩ መንእሰያት (ዳን 3 ተመልከት) ክንርኢ ንኽእል። ኣብዚ ጐይታና ኢየሱስ

ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ከምዚ ብምባል ዝተዛረቦ ቃል ክንርስዕ የብሕናን፡"እንሆ ከም ኣባጊዕ ናብ ማእከል ተኵኩ እሰደኩም ኣኪኹ።. . ናብ ዋዕካ ኪመስድኹም፡ኣብ ቤት ጸሎቶም ከኣ ክገርፍኹም እዮም፣... ምእንታይ ናብ መኳንንትን ናብ ነገስታትን ክትሙሰዱ ኢኹም... ስክ ስመይ ኣኣ ኩሉ ሰብ ኪጸልኣኩም እዩ" (ማቴ 10፣16-22)። እቶም ሓዋርያት ነዚ ኩሉ ነገራት ብዓቕኪ እዮም ዝተዓገሱ።

ጽንዓት ነቲ ኣገልጋኪ ካብ እግዚኣብሔር መንፈሳዊ ሓይኪ ይህቦ፣

ጽንዓት ነቲ ሰብ ሓይኪ ናይ ተስፋ ይህቦ እሞ በዚ ክኣ ተስፋኡ ኣይቀብጽን። እግዚኣብሔር ኢዱ ብምእታው ንዝኾነ ነገር ከም ዝፈትሕ ብተስፋ ስክ ዝኣምን ክኣ ብተስፋ ይሕይል። ከምቲ ኣብ መዝሙር ዳዊት "ብእግዚኣብሔር ተተስፎ፡ በርትዕ፡ ልብኻ ቀጥ ይበል። ኣጆኻ! እመ ብእግዚኣብሔር ተስፋ ግበር!" (መዝ 27፣14) ብምባል ዝተጻሕፈ፡እዚ ሰብ እዚ ካልእ ዓይነት ጥበብ እውን የጥርይ ንሱ ኾኣ "ብእግዚኣብሔር ምትስፋው" እዩ። ንጉስ ዳዊት ንዓሚቕ መንፈሳዊ ተሞኩርኡ ከምዚ ብምባል እውን ገሊጽዎ ኣሎ "ሓከፋ እቶም መጋሕታ ዝጽበዩ ሓከውቲ ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ትጽበዮ ኣካ" (መዝ 130)፡ካልእ ንዕውት ኣገልግሎት ዝገልጽ ነጥቢ ከኣ፣

መንፈሳውነትን ዕምቆቱን

መንፈሳውነት ናይ ኣገልግሎት

ንሓያኪ ሰባት መንፈሳዊ ኣገልግሎት ሓደ ንዘሎ ጉልበቶም ዘህልኽ ንጥፈት እዩ፡ንሳቶም ከም ሓደ ተንቀሳቓሲ ሃልሃልታ ናይ እቶትን ስራሕን ኮይኖም ግናኽ ብዘይ ዝኾነ መንፈስ ዝዓዩ እዮም። እዚ ዓይነት ኣገልግሎት ንዓኽ ዝኾነ ጥቅሚ የብሉን ምኽንያቱ ኣምካኽ ኣብኡ ምቕኪት ስክ ዘይብሉ እዩ... ብትኽክል ሓይኪ ዘከም ንጥፈት ንመንፈሳዊ ዕዮ ክዕንቀጽ ንቡር እዩ።

ንኣብነት ንሓደ ንትምህርቲ ሰንበት ዝቆጻጸር ኣገልጋኪ መደባት ኣብ ምስንዳእን መጻሕፍቲ፡ ኣኼባ ናይ ኣገልገልቲ ኣብ ምስራዕ፡ ኣኼባ ጉጅለ መንእሰያት ኣብ ምሙህሃር፡ ንቤት መጻሕፍትን ክከብን ኣብ ምክትታል፡ክረምታዊ ንጥፈታት ኣብ ምቁጽጻር ዓቢ ዓቕሚ ዘለዎ ኮይኑ ክትረኽቦ ኢኹ... ብዛዕባ መንፈሳዊ ህይወቱ ምስ እትሓቶ ግና ንዕኡ ዝኾሙን ጊዜ ክም ዘይረኽበ ክመልሰልካ እዩ! መንፈሳዊ ህይወቱ ኣይሙዑይ ኣይዝሑል እዩ እሞ ክም ሳዕቤኑ ክኣ እቲ ዝህቦ ኣገልግሎት ልቡጥ ይኾሙን። መንፈስ ዘይብሉ ዓብይ ምትእኽኻብ ሙድባት ድጣ ይኾሙን። ንዕኡ ንህይወቱ ኣይጠቅም ንካልኦት' ሙን ኣየርብሕን።

እቲ ኣገልግሎት ናብ ሓደ ሙጹእ ምምሕዳራዊ ጉዳያት ይልመጥ

እቲ ኣብ ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ጽካት ክም ኣገልግሎት መዕበዩ ዘኽታማት፡ ኣባይቲ ኣረጋውያን ሰባት፡ ኣጋይሽን ኮሚቲ ኣብያተ ክርስትያናት' ሙን ክጋጥም ይኽእል እዩ... . ኣብዚ ምምሕዳራዊ ዕዮ ኾኣ ብዙሕ ዘተ፡ ዘይምርድዳእ፡ ቀይቂን ዓሙዓሙታን ኣለሙ። ሙድርን ወገናውነት' ሙን ክህልሙ ይኽእኩ። እቲ ናይቲ ኣገልጋኪ መንፈስ ክኣ ኣብዚ ይጠፍእ። ምኽንያቱ እቲ ኣገልግሎት ዝኾነ መንፈሳዊ ባህርይ ኣየጠቓልልን እዩ። ኣምካኽ ኣብኡ መሻርኽቱ ኣይነበረን። ጸሎት ኮነ ግብራውነት ቃል ኣምካኽን ኣይተኽየደን።

ኣብ ዝኾነ ዝተሳተፍካኩ ኣገልግሎት ካብ ልመድ ኣሰራርሓን ወግዓውነትን ክትርሕቕ ብምፍታን ንእግዚኣብሔር ኣብኡ ኣሳትፎ። መንፈሳዊ ጠባያት ክም ዝሕዝ ግበሮ... መካ' ሙን ኣብ ምምሕዳራዊ ዕሚማት "ናይ ምምሕዳር መንፈሳውነት" ክሕዙ ሕደጎም። እዛ ሓረግ እዚኣ ብፍኩይ ኣርእስቲ ክትዳቕቕ የድልያ...

ኣብ መንጐ እቲ ናይ ኣምካኽ ሰብን ዓኪሚሙያንን ኣብ ናይ ኣመሓዳድራ ኣሰራርሐኦም ዓቢ ፍልልይ እዩ ዘሎ።

ስዘዚ ኣብ ኣገልግሎትካ ካብ መንፈሳዊ ጉድኪታት ርሓቕ።

ካብ ምእዛዝ ኮነ ምዕጋት ርሓቕ። ነቶም መንእሰያት ክትዛረቦም ከኽኽ በቲ ነቶም ዝዓበዩ ኣተርእዮ ጽቡቕ ኣገባብን ትሕትናን ቅረቦም። ኣብ ኣገልግሎትካ ክሳብ ክንደይ ዓቢ ስልጣን ይወሃበካ ብዘየገድስ ንሰባት ልዕልና ብዘርኢ ኣገባብ ኣይትዛረቦም ወይ እውን ኣይትታዕነን። ነቲ ናይ ምቁጽጻርን ዕብለካን መንፈስ ኣብ ልብኽ ኣይተእትዎ። ከምዚ ዝብል ዘረባ ጐይታ ዘክር፡"እቲ ካባኽትኩም ዘበለጽሲ ግዙእኩም ይኹን። ርእሱ ዘልዓለ ክሓስር፡ ርእሱ ዘትሓተ ክኣ ልዕል ኪብል እዩ" (ማቴ 23፣11-12)። እንደገና' ሙን "... መዲ ሰብ ድጣ፡

ከገሓገሕን ህይወቱ ምእንቲ ብዙሓት በጃ ከሕልፋን እምበር፡ ከገሓገሕም ኢኡ ኣይመጸን" (ማቴ 20፣28) ይብሕ።

እምበኣርከስ ኣገሓግሎትካ ንሙርዝይነትካን ነብሰ ትሕትናኻን ከግድፈካ ኣይትሕደጉ፣

ኣብ ኣገሓግሎትካ ቃና ድምጽኻ ዓው ኢኡን በኪሑን እንተድኣ ረኺብካዮ ተጠንቀቕ ንነብሰኻ ከኣ መርምር። ብዛዕባ ነብሰኻን ዝዓመምካዮ ዓበይቲ ዕዮታትን ክትዛረብ እተጀመርካ'ሙን ተጠንቀቕ፡ነቲ ኩሉ ኣብ ኣገሓግሎትካ ዝዘራእካዮ እቲ ናይ ከንቱ ትዕቢት ሰይጣን ምእንቲ ከይሓፍስ። ንኻልእ ሰብ ምስ ገዛእ ነብሰኻ ብምንጽጻር ንደረጅኡ ብምስትንፋቕ ምስ እትርኢ ትዕቢት ኣባኻ ኣትያ ከም ዘካ ኣቕሕብ... ኣብ ቅድሚኻ ከምዚ ይብሕ ጽሑፍ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣቕምጥ፡"ንርእስኻን ንትምህርትኻን ተጠንቀቕ፡ በዚ ንገር እዚ ጽናዕ። እዚ እንተ ገበርካስ፡ንርእስኻን ነቶም ዝሰምዑኻን ክትድሕን ኢኻ" (1ጢሞ 4፣16)። ንነብሰኻ ብቕጻኒ ናብዚ ዓለም ኣገሓግሎት ምእታወይሲ ብመንፈስ ክዓቢ እምበር ሓጢኣት ክሙስኻ ኣይኮንኩን፡ ብምባሕ ንገራ።

ኣብ ኣገሓግሎት ካብ ኣንነት እሙን ተጠንቀቕ።

ነቲ ኣገሓግሎት ንኣንነትካን ክብርኻን እትጀሃረሉ መንገዲ ኣይትጠቕመሉ። ከም ኣገሓጋኪ እግዚኣብሔር መጠን ምስ ዮሓንስ መጥመቕ ብምሕባር ክምዚ በል " ንሱ ኪዓቢ፡ኣነ ግና ክንእስ ይግባእ" (ዮሓ 3፣30)። ከምኡ እሙን ኣብ መዝሙር ከም ዝተጻሕፈ "ንዓና ኣይኮነን፡ ኦ እግዚኣብሔር 'ንዓና ኣይኮነን' ግናኻ ስለ ምሕረትካን ሓቅኻን ኢልካ ንስምካ ክብሪ ሃብ" (መዝ 115፣1)።

ካብቲ እግዚኣብሔር ነቶም ንርእሶም ጥራይ ዝጎስዩ ዘይሓካፍነታሙያን ጎሶት ዝጠሐቕሎም (ህዝ 34፣8-10) ነገር ተጠንቀቕ፡ ዕላማኻ ኣብቲ ኣገሓግሎት ክኣ መንግስቲ ኣምላኽን ድሕነት ኣህዛብን ድኣ እምበር... ሙዳሴን ኣንነትካን ነብሰ ክብርኻን ኣይኹን።

እቲ ብመንፈስ እትረብሑሉ ኣገሓግሎትሲ እቲ "ኣነ" እትብሕ ቃል እትርስዓሉ ኣገሓግሎት እዩ...

እቲ "ኣነ" እትብሕ ቃል ዝርስዕ ኣገሓጋኪስ እንኮላይ ናይ ገዛእ ርእሱ ምቕትን ጊዜን ሙን ይርስዕ። ሙዳሴን ክብርን ኣይደሕይን ንዕኡም ብዘይምርካቡ'ሙን ኣይጉህይን። ከምቲ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ዝበሎ "... ንሓድሕድኩም ብምክብባር እናተቀዳደምኩም" (ሮሜ 12፣10) እዚ ሰብ እዚ'ሙን ኣብ ኩሉ ኣገሓግሎት ዝምልከት ጉዳያት ካብ ነብሱ ንካልኦት ይሓሪ። ኣገሓጋኪ እዚ ምስ ዚገብር ብኩላቶም ይፍቀር፡ምስኡ'ሙን ኣብቲ ኣገሓግሎት ነብሰ ትሕትንኡ ኣየጥፍኣ።

ካልኣ ንመንፈስካ ዘርብሕ ኣገሓግሎት ከኣ እቲ ካብ ንድፊ ዕዮ (policy) ዝረሓቐ እዩ።

ብዙሓት ኣብ ኣገሓግሎት ይኣትው እሞ ድሕሪ ገለ ጊዜ ንነብሶምን መንፈሳውነቶምን ዕሽሽ ብምባሕ ነቲ ኣገሓግሎት ኣብ ምክያድ ይኣትው። ከም ሙጽኢቱ ምስቲ ቤተ ክርስትያን ይራጸሙ፡ ምስ ካህናት፡ ምስ ኮሚቲ፡ ካልኦት ኣብኡ ዝሳተፉን ይጋጨሙ። ብዛዕባ ዕዮ ካልኦትን ባህርያቶምን፡ ቅኑዕን ግጉይን ከዛረቡ ይጅምሩ እሞ ኣብቲ ግጉይ ነገራት ብምዝንባል የተኩሩ! እዚ ድማ ኣብ ቀጻሊ ንካልኦት ምሕሚይን ምፍራድን ምጽካምን ሰባት ኮነ መፈጸምትኡ'ሙን ንካልኦት ኣብ ምዕናው የሙድቕም።

እዚ ዘገርም ነገር እንተኸ ግን ብምልኡም ነዚ ነገር እዚ ንስኻ ሓቂ ይጣበቐ ከም ዘለሙ ብምምላክ እዮም ዝፍጽምም፣

ንስኻ ሓቂ ንምጥባቕ ድማ መቕጸሪ ኣብ ዘይብኩ ሓጢኣት ይመድቁ። ከም ሙጽኢቱ ቀይቅን ምምኽቃልን የጋጥም እሞ ኣብቲ ዘካይድዎ ሙግእ ንምዕዋት ብዝተኽእለ መጠን ኣብ ፍርዶምን ጸለመኣምን ዝሕግዝምም ብርኩታት ሰባት ኣብ ጕኖም ብምስላፍ ይጋደኩ። እቲ ናይቲ ኣገሓግሎት ሃዋህው ይርከሽ፡ መንፈሳውነቱ የጥፍእ፡ መንፈስ ፍቅሪ ኮነ ናይ ሙርዝናን ቅንዕናን መንፈስ ይጠፍእ! እዚ ኩሉ ግና ምእንቲ ምጥባቕ ስለ ሓቂ ድዩ፡ ከሳብ ሕጂ'ኸ ኣብዚ ኩሉ፡ ዝኾነ ሓደ ሰብ ሓንሳብ ደሙ ብምባሕ፡ እዚ ኢከ ከዛረብሲ መሰከ ኣከኒ'ዶ፡ ወይ ንስኻ ሓቂ ምጥባቕሲ መንፈሳዊ ሃዋህው'ዶ ይፈጥር ኣሎኹ፡ ብምባሕ ንነብሱ ዝሓትት ኣሎዶ፡ ከንደይ ካብኣቶም እዮም'ከ ካብ ሸከሕትነቶም ዝተካዕከ ኣብቲ "ኣገሓግሎት" ንባዕሎም ጠፊኦም ንካልኦት ናብ መንገዲ ምጥፋእ ዝመርሑ!!


ብመንፈስ ንኽትጥቀም ኣብ ኣመንታውነት ናይ ኣገልግሎትካ ድኣ እምበር ኣብ ኣሉታውነቱ ኣይተኽፈብ።

ኣብ ቅድሜኻ "ንጸልማት ካብ ትረግም ጥዋፍ መሐሪ" እትብል ምስካ ኣቕምጥ። ንኹሉ ኣብነት ብምኻን እዚ ንገዛእ ርእሱ መልእኽትን ኣገልግሎትን ምኻኑ ርጉጽ ኩን... ኣመንታዊ ዕዮ ዘበለ ሃናጺን ንቑጺ፡ውን ብኽምኡ ዝነብርን ምኻኑ ክትፈልጥ ይግበኣካ። ነዚ ሚንም ሰብ ኣይነቕፈካን እዩ፡ንሚንም እውን ኣይክትጐድእን ኢኻ። ኣብ ኣገልግሎትካ ብኣሉታውያን ሓሳባት ምስ እትጽመድ ግና፡እዚኦም ንሓሳባትካ ኮነ ንመንፈስካ ብምርባሽ ናብ መንገዲ ጥፍኣት ብምምራሕ ኣብ እልቢ ዘይብሉ ሓጢኣት ክም ትመድቕ ክገብሩኻ ይኽእሉ።

ስለዚ ብናብ ሓጢኣት ዘሙድቕካ ኣገባብ ካብ እተገልግልሲ፡ ብጠቕካካኡ ዘይምግልጋል ይሕሸካ!

ምኽንያቱ እዚ ብምግባርካ ንካልኦት መዐንቀፊ ትኸውን ስለ ዘኸኻ እዩ። ጐይታ ከኣ ብዛዕባ እዚ ክምዚ ይብል "ነቲ ብሱሩ መዐንቀፊ ዝመጽእ ግና ወይልኡ" (ኩቃ 17፣1)።





ላብ'ዚ መጽሐፍ'ዚ

በስመ ላብ መመሐሪ መመንፈስ ቅዱስ
አሐዱ ላምላኽ ላሜን!!!

እዚ መጽሐፍ ብዛዕባ ዓለረቱ ሐደ መንፈሳዊ መንገድታት ዝዝትዩ 11 ምዕራፋት ሒዙ ይርከብ። ንኣቶም ከለ

1. ጸኩት
2. መጽሐፍ ቅዱስ
3. ምንባብ ሀይወት ቅዱሳን
4. ኣስተንትኖ
5. መንፈሳዊ ኪምምድ
6. ጸብጻብ ገዛእ ነብስኻ ምቅራብ
7. ንስሓ
8. ቅዱስ ቍርባን
9. ጸም
10. ምጽዋት፡ ምቅኒት ኣግዚኣብሄር
ላብ ዘኩካ ሃብቲ
11. ላገልግሎት፡ እቲ ዕሙት ኩንቱን

ነፍሲ ወከፍ ላርእስቲ ናይ ገዛእ ርእሱ መጽሐፍ የድልዮ ስለዚ ብዝከኣለና ላብቶም ላገደስቲ ነጥብታት ኣተኩርና ኣሎና።

እዛ መጽሐፍ ነቲ ላወንታዊ ጎድኒ ናይ መንፈሳዊ ሀይወትካ ትውከል። እቶም ሰይጣናዊን መንፈሳዊ ቃልስታትን ነቲ ኣሉታዊ ጎድኒ ዝውከሉ እዮም።